# አርጋኖን ውዳሴሃ ማርያም



## ማርያም ብሂል መዐዛ ለመንግሥተ ሰማያት በግዕ

[illegible]
[illegible]
[illegible]
[illegible]
[illegible]

## በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ፩ዱ ኣምላክ።

እዛ መጽሓፍ'ዚኣ ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ክቡር ጻድቅ ኣባ ጊዮርጊስ ዘጋስጫ ብናይ ኣዴና ቅድስት ማርያም ስእለት ብናይ እግዚኣብሔር ፍቓድ ብናይ መንስ ቅዱስ ገላጽነት ዝደረስዋ ክም'ቲ ኣብ መጽሓፈ ገድሎም ካብ ኵሉ ድርሳናት ዝደርስክዎ ዝጠዓመ ኦርጋኖን እዩ ዝበልዎ ጥዑምን መሳጥን ምሥጢራዊ ዕምቈት ዘለዎ ናይ ምስጋናን ጸሎትን እያ። ስለዚ ጸሎት ዝገብር ሀብተ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ይረክብ። ንድንግል ማርያም ዘመስግን ድማ ዘንተ ቅዳሴ ዘይቄድስ ካህን ኣኮ ማርያምሃ ዘይቄድስ ኣላ ውእቱ ይትቄደስ እስመ እግዝእትነሰ ማርያም ቅድስት ይእቲ ወትረ በሰማይ ወበምድር ክም ዝበለ ኣባ ሕርያቆስ ኣብ ቅዳሴ ማርያም እቲ ዝቐድስ ንርእሱ እዩ ዝቐደስ'ሞ ኢ.ታጕጕዒ ኣንብቦ ዛቲ ጸሎት እስመ ትኤድመኒ እምኵሉ ጸሎት'ውን ክም ዝበለ ደራሲ ኣብ ማኅሌተ ጽጌ ብህድኣትን ትግሃትን ኅሊናና ሰብሲብና ብንጹሕ ልቢ ብዘይ ጥርጥር እንደልዩ ኵሉ ብጸሎት ከምዝወሃበና ኣሚና እስመ ኵሉ ዘጸውዐ ስመ እግዚኣብሔር የሃዩ ሮሜ. 10:11 ብእኡ ዝኣምን ኣይከኃፍርን እዩ። ካብ ኵሉ ሽግር

መከራን መቕዘፍትን'ውን ከምእንድኅን ኣሚና ወትሩ ክንጽሊ ይግብኣና። ናይ ጸሎት ትግሃት የዓድለና።

በረኸታን ረድኤታን ኣማላድነታን ናይ ኣዴና ቅድስት ድንግል ማርያም ድማ ምስ ኵልና ይኹን ኣሜን።



## ኣርጋኖን፡ ዘሰኑይ።

ኦ እግዝእትየ ማርያም ንኣኺ እሰግድን እውድስን ኣሎኹ። ዋዕየ መለኮት መፍርህ ዝኾነ ንዝኸኣለ ማኅፀንኪ'ውን ንጉሆን ምሸትን እውድስ ኣሎኹ። ኦ እግዝእትየ ማርያም ንጹሕ ልብን ለዋህ መንፈስን ዘጥሬኺ ውዳሴ ስምኪ ንምውዳስ ካብ ናይ ትህኪት ድቃስ ኣንቅሕኒ። ንምስጋናኺ ድማ ንቁሕን ትጉሁን ግበርኒ። ካብ ፀዳል መልክዕኺ'ውን ኣልጊሰን ተገፊፈን ከይነብር ብሩህ ፀዳል መልክዕኺ ኣብ ልዕለይ ዘርግሒ። ንዘለዓለም ኣሜን።

## ምዕራፍ፡ ፩።

ብዘይ ምፍልላይ ሠለስተ ብተዋህዶ ብህላዌ ሓደ ብመለኮት ትኽክል ካብ ሰብን ካብ መላእኽትን ውን ሓደ ስግደት ዝስገደሉ እግዚኣብሔር ብስሙ ኣሚንና እዚ ኣርጋኖን ዝበሃል ናይ ምስጋና መጽሓፍ ንጽሕፍ። እዚ ድማ ናይ ምስጋና መሰንቆ ናይ ቅዳሴ እንዚራ ኣምላኽ ንዝወለደት ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተባህለት መርገመ ሥጋ መርገመ ነፍስ ዘይብላ በረኸት ሥጋ በረኸት ነፍስ እተውህብ ናይ እግዝእትነ ማርያም ድንግልናኣ ንምድናቕ መጽሓፍ ንጽሕፍ። ስለ ኽብራን ዝና ልዕልናኣን ምዝራብ ንስማ ምኽባር ንቅድስናኣ

ምምስጋን ንንግሥነታ ምግልጋል ከም ዝግባእ
ዝነግር መጽሓፍ ንጽሕፍ። ንኣምላኽ ዝወለደት
እግዝእትነ ማርያም ንሳ'ውን ኣብ ባሕሪ ዘጦሕል
ማዕበል እንተ ተለዓለ ዘይትነቓነቕ ናይ ወርቂ
መሳልል እያ። መልሕቅታታ'ውን ብሠለስተ
ሥላሴ ዘኸረሩ ኣግማድ እዮም። ንሳቶም ድማ
ኣይብተኹን። ንሳ'ውን ኃያል ንፋስ እንተ
ተለዓለ ኣብ ልዕሊ ከውሒ ዘላ ዘይትነቓነቕ
ናይ ዕንቊ ባሕርይ ዓንዲ እያ። ኣብኣ ዝተጸግዐ
ድማ ምውዳቕ ምስንኻል ኣይረኸቦን። ጐይታይ
መንፈሳዊ ርግብ መንፈስ ቅዱስ ብለዋህነታ ናይ
ዝተመሰለት እግዝእትነ ማርያም ምስጋና ስለ
ኃይለ ቃሉ ከዘኻኽረኒ ንኽኣቱ ናይ ልበይ ኣፍ
ደገ ከፈት። ጐይታይ ካብ ልሳን መንፈስ ቅዱስ
ዝስማዕ ናይ ድንግል ናይ ምስጋናኣ ጽንጽንታ
ከድምፅ መስኮት እዝነይ ከፈት። ጐይታይ ኣደ
ብርሃን ናይ ዝኾነት እግዝእትነ ማርያም ምስጋና
ምሥጢሩ ንኽምልከት ጐልባብ ዓይነይ ግለጽ።
ዳግም'ውን ናይ እግዝእትነ ኣደ እግዚኣብሔር
ፀባዖት ድንግልናኣ ንምምስጋን ልሳነይ ፍታሕ።
ናይ ባቢሎን ንጉሥ ናቡከደነፆር ዘቃጸሎ ናይ
ኦሪትን ነቢያትን መጻሕፍቲ ቃል ኣጽሒፉ ክሳብ
ዝውድእ ዓርብዓ መዓልቲ ምሉእ ከይተሰወሮ ልሳን
ዕዝራ ዝገለጽካ ኦ ጐይታይ ነኣይ ድማ ከምኡ



ንኣብ መርዓት ናይ ዝኾነት እግዝእትነ ምስጋና
ንምጽሓፍ ክጅምር ሓግዘኒ። (ዕዝ. 7፡6) ጀሚርካ
ካብ ምግዳፍ ኣድኅነኒ። ጐይታይ ንእኡ ንምፍጻም
ኣሰልጥነኒ። ንኸናፍረይ'ውን ከም በገና ግበረን።
ንምስምዑ ዝጠዓመን ዝተፈትወን ምሥጢር ከም
ዝዛረባ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኃይሊ ይቓንየን።
ንልሳነይ ከም መሰንቆ ግበሮ። ጽቡቕን ዝጠዓመን
ዝተፈትወን መዝሙር ክቀናብር ናይ መንፈስ
ቅዱስ ድኅንፃ ይቓንዮ። ንእኡ ዝሰምዑን ዘድምፁን
ፈጺሞም ደስ ይበሎም። ሓሳቦም ንታሕቲ ዘይከነ
ንላዕሊ ይመስጥ ንጽድቂ ክሓስቡ። ኃጢኣት ዘይከነ
ጽድቂ ክሓስቡ። ርኽሰት ዘይከነ ንጽሕና ክሓስቡ።
ጥበራ ዘይከነ ለዋህነት ክሓስቡ። ትዕቢት ዘይከነ
ትሕትና ክሓስቡ። ቅንኣት ዘይከነ ፍቕሪ ክሓስቡ።
ስንፍና ዘይከነ ለባምነት ክሓስቡ። ኀሥረት ዘይከነ
ክብሪ ክሓስቡ። ናይ ምድራዊ ዘይከነ ናይ ሰምያዊ
ክሓስቡ። በላዪ ዘይከነ ዘይበሊ ክሓስቡ። ጠፋኢ
ዘይከነ ዘይጠፍእ ክሓስቡ። ነዚ መጽሓፍ'ዚ
ዘንብብ ኵሉ ልሳኑ ብናይ መንፈስ ቅዱስ ጨውነት
ዝመቀረ ካብ ወለላ መዓር ካብ ሸኮር ኣዝዩ ዝጠዓመ
ይኹን። በዚኣ ጸሎት'ዚኣ ዝጸሊ ኵሉ ብበረኸት
ኢድኪ ናይ ሕይወት እሳት ዝድህሰስ ዝተባረኸ
ይኹን። ናይ መንፈስ ቅዱስ መዓዛ ብዝተዋሃሃዶ
ልሳንኪ'ውን ዝተመረቐ ይኹን። ብኢድ ሥላሴ

Scanned with CamScanner

ንኹሉ ዓለም ዝኸውን ዝተባረኸ ይኹን። ጸሎቱ'ውን ከም ጸሓፍቲ ፈሪሳውያን ንባብ ብምብዛሕ ዝሰምዖም ከም ዝመስሎም ኣይኹን። (ማቴ 6፥7፣23-14) ከም ሓደ ዝተፈትወ ሕፃን ኣብ እገሪ ኣብኡ ቀሪቡ ብትሑት ድምጺ (ብለኻሳስ) ዝዛረብ'ሞ ኣቦኡ ድማ ናይ ወዱ ዘረባ ብሓጉስ ንምቕባል ጽን ኢሉ ዝሰምዖን ዘድምዖን ከምኡ ድማ ናይ ኩሉ ጐይታ እግዚአብሔር በዛ ጸሎት'ዚኣ ንዝጽሊ ሰብ ቃል ልመናኡ ይሰማዓዮ።

## ምስራፍ፡ 2።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተብሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ንስኺ ድማ ኣነ ዓመፀኛን በደለኛን ኃጥእን ዝኾንኩ በዛ ጸሎት'ዛ ብዝጽልየሉ ጊዜ ናብ ቃለይ እዝንኺ ኣዝብል ኣቢልኪ ጽን ኢልኪ ስምዒ። ሰሚዕኺ'ውን ብብሩህ ልቢ ብንጹሕ ሓሳብ ንቓለይ ተቐበሊ እምበር ሸለል ኣይትበሊ። ብሰንኪ ብዝኂ ኃጢኣተይን ድኻም ከንፈረይን ከም ዝተነዓቐ ማንም ነገር ኣይትግበርዮ። ኦ እግዝእትየ ንኸብርኺ ዝቐርብ ዝጠዓመን ዝተፈትወን ምስጋና ንጹሕ ውዳሴ እዩ እምበር ወርቅን ብሩርን ዘቕርበልኪ ኣይኮነን። ዝበርሀ ዕንቍ'ውን ዘቕርበልኪ ኣይኮነን። ኦ ንግሥት ብወርቅን ብዕንቍን ስለ ዝተሠርሐ



ክቡር ልብስኪ ነፍሰይን ሥጋይን ኣብ ቅድሜኺ እዝርግሕ እምበር ዝኸበረ ልብሲ ፍታል ጸዕዳ ሃሪ ብወርቂ ብዕንቍ ዘጌጸ ዘፌርፌር ዘለዎ ብሩህ ልብሲ ዘቕርበልኪ ኣይኮነን። ኦ ኣደ ዓቢይ ሲተ ዝዘናት ኃጢኣተይ ናባኺ እናዘዝ ኣሎኹ። ካብዚ ናይ ዓለም መቕዘፍትን ካብ ምድራዊ ጥፍኣትን ምህደሚ (ምዕቚቢ) ንኣኺ ረኺበኩ። ብኃይሊ ካብ ዝጥሕሉ ብስርቂ ካብ ዝምንጥሉ ናይ ዓረብ ኣናብስ ምህደሚ ንኣኺ ረኺበኩ። ንኣራዊት ይምንጥሉ (ይጥሕሉ) ንጥቦት ኣይርጎርጉን ንኣረግቶት ኣይምሕሩን ኩሉ ጊዜ ንምውሓጥ አፎም ዝተኸፍተ እዩ። ንጽባሕ ካብ ዘይጎድሩ ናይ ዓረብ ተኾሉ ምህደሚ ንኣኺ ረኺበኩ። ንኣርሓ ይምጥሉ ንንኣሽቱ ጥቦት ኣይንሕፉን ነዲኦም ኣይርጎርጉን ንዝጠቡ'ውን ኣይኃዝኑን። ካብ ስሕለት ሰይፊ ካብ ኲናት በራሪ ካብ ከርከር ጽልኢ ካብ ኩሉ ናይ ጽልኢ ኣጽዋር ምህደሚ ንኣኺ ረኺበኩ። ካብ ኢድ ጸላእተይ ምህደሚ ንሰብኑተይ ካብ ኢድ ዝጸብእዋ ምህደሚ ንኣኺ ረኺበኩ። ብስምኪ ዝኣመነ መን የፍርሆ ብወድኺ ዝኣመነስ መን የፍርሆ ድምጺ ኣንበሳ ከም ድምጺ ከልቢ ይመስሎ። ኃይሊ ነብርውን ከም ድኻም ድሙ እዩ። ፈረስ እንተ ጐየየ ኣየርክቦን። ኲናት እንተ ተወርወረ ኣይረኽቦን። ናይ ኲናት ፍላፃ

Scanned with CamScanner

ንግር ኣይሽርጥጠን ናይ እምኒ መውቃዕቲ ውን ንፋስ ከም ዝብትኖ ደርና ሓመድ ይመስሎ። ብጊዜ ሽግር ጠቕላ ወድኺ ከጥቃዕ ሰቕ ኢሉ ኣይርእዮን እዩ'ሞ ማዕበል ማይ ኣይብርትዖን። ኃይሊ ንፋስ ኣየናውጾን። ሰብ ብእፉ ከክፍእ ኣይኽእልን። ናይ ዓመፀኛ ከንፈርውን ኣይጕድኦን። ነዚ ኵሉ ፈሊጠ ከትረድእኒ ንኣኺ ደሊኹ። ብናትክን ብናይ ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስን ምስጋና ድማ ፈጺሙ ባህ በለኒ። ፍቕርኺ ውን ብኣደራሽ ሰብነተይ ፈጺሙ ተዘርጊሑ። እገዚዩውን ልዕል በለ። በዝን ውን፣ ከም ወኃዚ ሩባ መልኣኒ። ብጊዜ ክረምቲ ከም ሩባ ግዮን ብጊዜ ኣዝመራ ከም ሩባ ጤግሮስ ብጊዜ ሰዊት ከም ሩባ ኤፍራጥስ ብጊዜ ቀውዒ (ማዕረር) ከም ሩባ ኤፈሶን። ግመ ውን ኣብ ልዕሊ ምድሪ ለመም ከም ዝብል ደመና'ውን ኣብ ልዕሊ ኣየር ከም ዝዝርጋሕ ከምኡ ብኣይ ኮነ።

<u>ምዕራፍ፡ 3።</u>

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ብጊዜ ሓጐሰይ ሽልማተይ ኮይንክኒ። ብጊዜ ኃዝተይውን ከበብ ዘውደይ ካትም እምባር ቀለቤተይ ኢኺ። ብኵሉ ሓሳበይ ድማ እግዚኣብሔር ንወዲ ሰብ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ጸጋ ከብሪ ዓደለ እናበልኩ ንኣኺ



እድንቕ። እግዚኣብሔር ካብ ኅል ሰብ ምስ ወዲ ሰብ ዘይሰማምዑ ሠለስተ ልደታት ተወልደ። እነውን ነዚ ፈሊጠ ተደንቒኑ። ኣዳም ካብ ኅቱም ምድሪ ዝተወልደ ብተፈጥሮ እዩ። ነኣይ ግን ዝጠቕመኒ የለን። ሔዋን ውን ካብ ጸጋማይ ጐኒ ኣዳም ተወልደት ንሳ ውን ብተፈጥሮ ኢያ ነኣይ ግን ዝጠቕመኒ የለን። ቃኤል ውን ከም ኵሉ ሰብ ብዘርኢ ብሩካቢ ተወልደ ነኣይ ግን ዝጠቕመኒ ዘርብሓኒ የለን። እንኳን ነኣይ ንርእሱ እኳ ኣይጠቐመን። እዞም ሠለስተ ልደታት ንማንም ኣየርብሑን ኣይጠቐሙን። ክርስቶስ ግን ብዘይ ዘርኢ ብዘይ ሩካቤ ካብ ድንግል ተወልደ ንኵሉ ዝጠቅምን ዘርብሕን ድማ ኮነ። ነዚ ልደት'ዚ ምስጋድ ምግልጋል ይግባእ። ክብሪ ምስጋና ነዚ ልደት'ዚ ይግባእ። ጐይትነት ዝና ኃያልነት ተኣዛዝነት እልልታ ዝማሬ ነዚ ልደት'ዚ ይግባእ። እዚ ጥበብ ፍልስፍና ዕዉብ ድንቂ ኢዩ። ነዚ ኣንክሮ ይግባእ። እዚውን ናይ ሥጋዊ ምሥጢር ክንዲ ምንታይ ይረቅቕ ክንዲ ምንታይ ይዓሙቕ ነዚ ኣንክሮ ይግባእ። እዚ ውን ሰብ ምኳን ሥጋ ምልባስ ብጣዕሚ ዕዉብ ድንቂ እዩ። ናይ ሔዋን መድኃኒት ኦ እግዝእትነ ማርያም ናይ ድንግልናኺ ኃይሊ ብጣዕሚ ዘደንቕ ዕዉብ እዩ ንኣዳም መርገመ ሥጋ መርገመ ነፍስ ዘጥፋኸሉ ኦ እግዝእትነ ማርያም

ዘይምርመር ረቂቕ ምሥጢር በእኺ ተገብረ። እሳትን ማይን ብሓድነት ተሰማሚዖም ምንባሮም ብማዕሚ ዕፁብ እዩ። ንዘፍርሕ ሽደን ኣንበሳ ዓሰዎ ንገሸል ብጥዕና ኢ.ና ምሕቋፉ ብማዕሚ ዕፁብ እዩ። ካብ ኣጥባት ድንግል ሕፃን ጸባ ምጡንኩ ብማዕሚ ዕፁብ እዩ። ኣብ ደምበ ንጓል ድኻታት ናይ ሰማይ ሠራዊት ምስጋድ ዕፁብ ድንቂ እዩ። ንኹሉ ዓለም ዝመልእ ኣምላኽ ውን ኣብ ደምበ ወዲቑ ብጨርቂ ተጠቕሊሉ ምርካቡ ዕፁብ ድንቂ እዩ። ደምበ ካብ ቁመት ኣርያም ነውን። ካብ ሰፍሓት ሰማይውን ሰፊሑ። ሕዝቅኤል ካብ ዝረኣዮ ሠረገላ ዳንኤል ካብ ዝረኣዮ ኪሩባዊ ዝፋን ደምበ በሊጹ። እዚ ድማ ነውሪ ኣበር ኢንታ ብዘይብሉ ንጽሕት ዝወለደቶ ንጹሕ ገንሸል እዩ። ደምበ ንመዓዛ ንጹሕ መሥዋዕቲ ምእካሊ ኮነ። ሰማይን ምድርን ዘይውስንዎ ደምበ ከኣሉን ወሰኖን። ጐይታ ኃይላን ኣብ ውሽጡ ስለ ዝተረኽበ ደምበ ተመስገነ።

## ምዕራፍ፡ 4።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተባህለት ዝተኃረየት ኣ እግዝእትነ ድንግል ማርያም ናይ ዓለም ጌጽ ሽልማት ኣቦ ኵሉ ዝኾነ ንመላእኽቲ ዝፈጠረ ጐይታ ካብኣ ስለ ዝተወልደ። ንሠራዊት ሰማይ ኣስገደቶም። ንምድሪ ኣብ ልዕሊ ማይ ዘጽንዓ



ንሱ ስለ ዝተጸግን ደምበ ተመስገነ። ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ዝነብር ንሱ ኣብ ማንበሩ ስለ ዝኃደረ። ድንግል'ውን ንሹማምንቲ መላእኽቲ ንዘኣቶም። ደምበ ኪሩቤል ከም ዝሰከምዎ ዝፋን ኮነ። እቲ ቦታ ኸኣ ከም ጽርሓ ኣርያም ድንግል ከም ኣብ ኮነት። ሓደ ሕፃን ውን ኣብ ደምበ ተደርብዩ ብጨርቂ ተጠቕሊሉ ተረኽበ። ዮሴፍን ሰሎሜን በዝን በትን ላምን ኣድግን በዝን በትን ጐኒ ጐኒ ደምበ ብዓርባዕተ ማዕዝን ኣብ ዝፋን ብየማንን ብጸጋምን ጐኒ ጐኒ ኣርባዕቲ እንስሳ ልክዕ ከም ዘለዉ። ናይ ሰማይ ሥርዓት ኣብ ልዕሊ ምድሪ ተሠርዐ። ቤተ ልሔም ንሰማይ መሰለት። ኣብ ከንዲ ፀሓይ ኣብ ልዕሊ ቅዱሳን ዘብርህ ወትሩ ጸልማት ዘይቃወሞ ኀልፈትን ጥፍኣትን ዘይብሉ ሓቀኛ ፀሓይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ውሽጣ ተረኽበ። ክዘብ ብርሃን ምምላእን ምጕዳልን ስለ ዘፈራርቕ መተካእታ ወርኂ ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተባህለት ናይ ድንግልናኣ ምስጋናውን ወትሩ ዘይጕድል ኣብ ኵሉ ምሉእ ዝተኃረት እግዝእትነ ድንግል ማርያም ተረኽበት። ኣብ ከንዲ ከዋኽብቲ'ውን ናይ ብርሃን መላእኽቲ ተረኣዩ። ምስ እዚም ማኅበር ሓድነት ክነብር መን ኮን ምዓደለኒ፡ ምስ መላእኽቲ ከመስግን ምስ መወለዲት ከድንቕ ምስ ኄሰት ከገልግል መን ኮን ምዓደለኒ።

ናይ ምውታት ሕይወት ናይ ኃጥኣን ንጽሕና ናይ ቅቡጻን ተስፋ ንዝተጨቈ ውን ዘድኅን ጕይታ ናብ ዝተቐመጠሉ ደምበ ገጻ በረኽት ከውድቕ መን ክንምዓደለኒ። ናይ ኵሉ ዓለም መድኃኒት ዝኾነት ሕፃን እግራ ዝተመላለሶ ምድሪ ከስዕም መን ምዓደለኒ። ይቕረታ ንእተውህብ ሕፃን ጽላሎታ ክትንከየኒ መን ምዓደለኒ። ናይ ብርሃን ሕፃን ናብ ዝኸደቶ ኣሠር ኣሠራ ክኽተል መን ምዓደለኒ። ሳእኒ እግራውን ከስከም መን ምዓደለኒ። ሕጂ'ውን በቲ እዋን'ቲ ሓሳበይ ኣብኡ ከም ዘሎኹ ገይረ ኣሎኹ'ሞ ምስ ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተባህለት ዝተኃርየት ድንግል ማርያም በቲ ጊዜ'ቲ ካብ ዝነበሩ ኣይንእስን። ብሥጋ ኣይነበርኩን ብመንፈስ ግን ኣሎኹ። ብህላዌ ኣይነበርኩን ብሃይማኖት ግን ኣሎኹ። ብኣካል ኣይነበርኩን ብእምነት ግን ኣሎኹ። ከየሎኹ ንርእሰይ ከም ዘሎኹ ምግባረይ ኣነ ዕድለኛ እየ። ጐይታና ኣብ ወንጌል ከምዝበለ ከይረኣዩኒ ዘኣመኑኒ ግን ብፁዓን እዮም። ኣነ ባርያኺ ስለ ሃይማኖተይ ዕድለኛ እየ፣ ስለ ሓቅነተይ ግን ኣይኮነን። ስለ ረድኤተይ ዕድለኛ እየ። ስለ ንጽሕናይ'ውን ኣይኮነን። ብስም እግዚኣብሔር ብምእማየይ ዕድለኛ እየ። ብናይ ኣዲኡ ጸሎት ስለ ዝኣመንኩ ውን ንኡድ ክቡር እየ።



## ምዕራፍ፥ 5።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ድንግል ማርያም ናይ ጸሎትኪ ረድኤት ዋልታ ኵናት ክኾነኒ ናባኺ እማልድ ኣሎኹ። ናይ ልዑል ወድኺ ቅልጽም ኃይሉ ንድኅነተይ ይውረድ። ጸላእተይ ንምግልባጥ ንኅቦታት ዘፍርስ ኃይሊ ብረድኤት ናባይ ይምጻእ። ንሰማይ ከም ክርታስ ዝጥቕልል ኃይሊ ንዝጸረረኒ ንምጭፍናቕ ብረድኤት ናባይ ይምጻእ። ንምድሪ ዘንቀወጽ ንባሕሪ ዝድህሰሰ ኃይሊ ንጸላእተይ ንምውጋእ ይምጻእ። ንነፍሰይ ንዝከራኸሩዋ ንኽጥሕሎም ብኣጋንንት ሌጌዎን ንመንሰ ሓሰማታት ዘጥሓለ ኃይሊ ይምጻእ።ናተይ ንግመ ጽልኢ ክርክር ንዝፈትዉ ንኽብትኖም። እቶም ከም ሓመድ ዝብትን ኃይሊ ይምጻእ። እቶም ዝረግሙኒ ዝምርቑኒ ዝተመረቑ ይኹኑ። ብልሳን ወድኺ ሰይፎም ናብ ልቦም ግን ይረገሙ። ቀስቶም ይሰበር ይሰባበር። ድኻሞም ናብ ይመለስ። ዓመፃኦም ኣብ ልዕሊ ርእሶም ርእሶም ይመለስ። ንዝኸበቡኒ ንርእሶም ናይ ከንፈሮም ይውረድ። ናይ እሳት ፍሕሚ ኣብ ድኻም ይድፈኖም። ከይትንሥኡን ደው ምባል ልዕሊኦም ይውደቆም። (መዝ. 140፡9-10) ክስእኑን ብመከራ ይደርብዮም። ንሲሳራን ኢያቢስን ኣብ ከምቲ ንምድያምን ማለት ንሲሳራን ኢያቢስን ኣብ ጥቓ ሩባ ቂሶን ዝገበርካዮም ግበሮም። ንኣኣቶም

ኣብ እንዶር ኣጥፊኣኻዮም ንምድሪ ኸኣ ድኹዒ ኾንዎ። ንታ ኣምላኽ ምንደሪኡ ዝገበራ ምድሪ ንውረሳ ስለ ዝበሉ ንዝኸበራቶም ከም ሄሬብን ዜብን ንዝበለጹ መሳፍንቶም ከአ ከም ዛብሄልን ስልማናን ግበሮም። ኦ ኣምላኽይ ብዙብዙብ ከም ዝተበተኑ ሓሰር ግበሮም። ከምቲ ሓዊ ንዱር ዘንድዶ ሃልሃልታውን ንእምባ ዜቃጽሎ ከምኡ ብዙብዙብኻ ስጐጎም። ብዘራጊቶኻ ድማ ኣሸብሮም ኦ እግዚኣብሔር ኃይልኻ መታን ክፈልጡስ ንገጾም ነውሪ ከድኖ። ንዘለዓለም ይነውሩን ይሸበሩን ይኃፈሩን ይጥፍኡን። (መዝ. 83፡9-17) እቲ ኣብ ቅድሚኦም ዝተቐረበ ማዕዴ መፈጠራ ይኹኖም። እቲ ብበዓል ዘዳለውዎ ምሳሕውን መጻወድያ ይኹኖም። ንሳቶም ከይርእዩ ኣዕይንቶም ይዑራ። ሓቘቖኦም ውን ኵሉ ጊዜ ድኹም ይኹን። መዓትካ ኣፍስሰሎም፡ ረስኒ ቁጥዓኻውን ይርኸቦም፡ ምኃደሪኦም ይዕኖ፡ ኣብ ድንኳናቶም ዝነብር ሓደ እኳ ኣይረኸብ፡ ኣብ ልዕሊ በደሎም በደል ወስኸሎም። ንቶም ንስኻ ዘቕጽዕካዮም ይሰጐዎም ብዛዕባ ቃንዛ እቶም ንስኻ ዘወጋእካዮም የዘንትዉ ኣለዉ ብዅሉ ዝገበርዎ ኃጢኣት ፍረዶም ናብ ጽድቅኻ ኣይእተዉ። ካብ መጽሓፍ ሕይወት ይደምሰሱ ምስ ጻድቃን ድማ ኣይጽሓፉ። (መዝ. 69፡22-28) ግፍዒ ንዝገብሩ ኣይትምሓሮም። ምሸት ይመለሱ ከም ኣኽላባት



እንዳንብሑ ኣብ ሃገር ይዞሩ። ኣምላኸይ ብጸላኢተይ ደስ ዘበልካኒ ሕግኻ ከይርስዑ ኣይትቕተሎም። ብኃይልኻ በትኖም ኣዋርዶምን። ኦ እግዚኣብሔር ዋልታና ብኃይልኻ ኣኸብልሎም'ሞ ኣውድቆም። ብኸናፍሮም ኃጢኣት ይዛረቡ ዘረባኦም ኵሉ ኸኣ ኃጢኣት እዩ። ስለ'ቲ ዝዛረብዎ መርገምን ሓሶትን ብትዕቢቶም ይትሓንከሉ፡ ብኹራኻ ኣጥፍኣዮም (መዝ. 59፡5-13) ኃጢኣተኛ ውን ኣብ ልዕሊኦም ኣቑም ሰይጣን ድማ ብየማኖም ይቑም። (መዝ. 109፡6) ክማጐቱ ከሎዉ ተረቲዖም ይውፅኡ፡ ጸሎቶምውን ኃጢኣት ትኹኖም። መዋዕሎም ሓጺር ይኹን፡ ንሽመቱ ውን ካልእ ይውሰዶ። ውሉዶም ኣቦን ኣደን ዘይብሎም ዘኽታማት ይኹኑ፡ ኣንስቶምውን መበለታት ይኹና። ውሉዶም ተሸጊሮም እናዘሩ ይለምኑ። ካብ ኣባይቶም ተሰዲዶም እንጀራ ይድለዩ። በዓል ዕዳውን ንዘለዎ ኵሉ ይበርብሮ። ጓኖት ከአ ፍረ ፃማኦም ይዝመትዎ። ካብ ሕጂ ምሕረት ዝገብረሎም ሰብ እኳ ኣይርከቡ። ንዝተባእሱ ደቆም ዝርኅርኃሎም ከኣ ሓደ እኳ ኣይሃሉ። ኃድጎም ይጽንቱ። ስሞም ኣብ ካልኣይ ወለዶ ይደምሰስ። በደል ኣቦታቶም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ይዘከር። ኃጢኣት ኣዴታቶም ኸኣ ኣይደምሰስ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኵሉ ጊዜ ትንበር። ዝኸሮም ኸኣ ካብ ምድሪ

Scanned with CamScanner

ትምጽኣዮ፣ ይጥፋእ። ንመርገም ፈቲዋ እዩ'ሞ ካብኡ ትርሓቕ። ንበረኸትውን ስለ ዘይፈተዋ ካብኡ ትርሓቕ። ክማይ ውን ናብ መርገም ከም ልብሲ ይልበሶ፡ ክም ቅብኢ'ውን ኣብ ዓዕፅምቶም ውሽጦም ትእቶ። ከም ዝሽፈኖ ልብስን ከም ዝዕጠቖ ዕጣቕን ውትሩ ከም ዝገድና ልብስን ከም ዝዕጠቖ ዕጣቕን ትኹኖ። እዚ ንጸላእተይ ኣብ ልዕሊ ንፍሰይ ክፉእ ዝዛረቡ ካብ እግዚኣብሔር ዋጋኦም ይኹን። እ ጉይታ ኣምላኸይ ኣብ ልዕሊ ጸላእተይ ብቑጥዓ መዓት ተለዓል። እ ጉይታ ንዝጸልኡኒ ጽልኣዮም ንዝዋግኡኒ ውግኣዮም። ዋልታን ኲናትን ኃዝ። ነኣይ ንምርዳእ ድማ ተለዓል። ኲናት እምበጥብጥ። መገዲ ሰጐግተይ ውን ዕጾ። ንነፍሰይ ኸኣ ኣነ መድኃኒትኪ በላ። እቶም ንነፍሰይ ዝደልዩ ኵሎም ይኃፈሩን ይነወሩን። እቶም ንጥፍኣተይ ዝሓሰቡውን (ዝኣልሙ) ንድኅሪት ይመለሱን ይኃፈሩን። ንፋስ ከም ዘብትኖ ሓሰር ይኹኑ። መልኣኽ እግዚኣብሔር የባርሮም። መገዶም ጸልማትን መደልህጸን ትኹን። መልኣኽ እግዚኣብሔር ድማ ይስጐጎም። ሃንደበት ሞት ትምጽኣዮም። ብገዛእ ርእሶም ዘሥርሕዋ መፈንጠራ ትኃዞም። ንጥፍኣቶም ኣብ ልዕሊኣ ይውደቑ። ነፍሰይ ግን ብእግዚኣብሔር ደስ ይብላ። ብድኅነቱ ኃሤት ትገብር። ብኃበኣ ዘርግሑለይ ክኀዙኒ ድማ ጉድጓድ ኲዓቱለይ ግናኸ ብሃንደበት ጥፍኣት ክመጽኦም እዩ። ቡቲ ዘጻወድዎ



መፈንጠራ ክተኃዙ እዮም፣ ኣብ ጉድጓድ ወዲቖም ክኣ ክጠፍኡ እዮም። ኣነ ግን ብእግዚኣብሔር ባህ ክብለኒ እዩ፡ ስለ ዘድኃነኒ ድማ ክሕጐስ እየ።

## ምስራፍ 6፡ ክፍሊ 4።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ እ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ንስኺ ድማ ንጸላእተይ ኣብ ክሳዶም ሰንሰለት ሓጺን ሞቑሕ ፈሮ ግበርሎም። ድምጺ መለኸቶም ኣኸብዲ ጸማም ድማ ይኹን። ነኢታቶምውን ኣብ እግረ ቆፎ ብመቑሕ ሓጺን እሰርዮም። ንእግሮም መፈንጠራ ንኸንፈሮም ልጓም ንኣፍንጫኦም ጉንፋዕ ለኣኸሎም። ክኸድዎ ናብ ዘይደለይዎ መገዲ ምለሰዮም። ኣብ ልቦም ፍርሃትን ረዓድን ኣኅድሪ። ምሸባር ምንቅጥቃጥን ወሰኺዮም። ከም ኣንስቲ ይኹኑ። ካብ ኃይል ንፋስ ዝተለዓለ ገረብ ክንቃሳቐስ ከሎ ቈጽሉ ረጊፉ ከም ዝብተን ከምኡ ይኹኑ። ብደርቂ ብሕማም ብስእነት እኸሊ ቅዘፊዮም። ኣብ ሜዳ ሰይፊ ንደቆም የጥፍኣዮም፣ ኣብ ውሽጢ ቤቶም ፍርሃት የጨንቆም። (ዘዳ.32፤25) ሓዊ በረድ ረሀብ ብድብድ ይጨርሶም። እዚ ኵሉ ናይ እግዚኣብሔር ጽዋዕ መዓቱ ኣብ ልዕሊ ጸላእተይ ይውረድ። ፍዳ ውህብቶኦም ይኹን። ናተይ ናይ ባርያኺ ክፍሊ ዕድለይ ግን ካብ እግዚኣብሔር

Scanned with CamScanner

ፍቕርን ፍጹም ይቕረታን ካብ ኣምላኽ እስራኤል ንወድኺ ሰላምን ይኹን። ኵሉ ሻዕ ኪሕልወኒ ኵሉ ሻዕ ሓደራ በልለይ። በብ ሰዓቱ በብ ጊዜኡ ኵሉ ሻዕ ምሳይ ይኹን። ከመይእ ከኣቱ ክቕመጥ ክድቅስ ክትንሥእ ዘይድቅሳ ኣዕይንቱ ዘይታኽሳ ሽፋሽፍቱ ብረድኤት ይሓልዋኒ። ጽንዕቲ የማኑ ልዕልቲ ቅልጽሙ ምስ ኃይሊ ካብ መሳናኽል ትሓልወኒ። ብዕብራይስጥ ማርሃም ዝተበሃልኪ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ንሕሙማን ምዕረፊት እም ፈጺሙ እግዚኣብሔር ከም ዝባረኸ መዓዛ እም ምድረ በዳ መዓዛ ፍቕርኺ ሽቲቱኒ፡ ንልበይ ውን መሲጥዎ። ኦ ዝተባረኽኪ ዕፀ ሕይወት መዓዛ ፍቕርኺ ካብ ዕንባባ ሃይማኖት ዝተረኽበ መዓዛ ፍረ ከም ዝተመልአ መዓዛ ዕፀ ገነት ሽቲቱኒ። ብዕብራይስጥ ማርሃም ዝተበሃልኪ ኣንቲ ብርኽቲ ዕፀ መድኃኒት ናይ ፍቕርኺ መዓዛ ከም ኣብ ቤት መቕደስ ዝዕጠን መዓዛ ዕጣን ንእፍንጫ ባህ ዘብል ንዘሽተቶ ጥዑም ዝኾነ ሽቲቱኒ።

## ምዕራፍ 7፥ ክፍሊ 5።

ብዕብራይስጥ ማርሃም ዝተበሃልኪ ኦ እግዝእትነ ድንግል ማርያም እንሆ ብኣእዋም ክምስለኪ ናይ ፍቕርኺ መንፈስ ኣለዓዕሉኒ። ደስ ኢሉኒ ኣብ ትሕቲ ጽላልኪ እዕረፊ ኣሎኹ'ሞ ብዕፀ



ኩመል እምስለኪ ኣሎኹ። ናይ ኅቱም ድንግልናኺ ዕንባባ ንኣፍንጫይ ሽቱቶ። ናይ ንጽሕናኺ ፍረ ውን ንጕሮረይ ጠዓሞ። ሮቤል ካብ ናይ ኣዲኢልያ ሕርሻ ዋጋ ኩመል ከም ዝኣተወ (ዘፍ. 34) ወዲ ያዕቆብ ይሳኮር ተፀንሰ ናይ ይሳኮር ስሙ ግን ትርጓሜኡ ናይ ኩሞል ዋጋ ማለት እዩ። ከምኡውን ሊቶስጥሮስ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኣይሁድ ብዝጸሞቖም ብናይ ማኅፀንኪ ፍረ ደም ዋጋ ጐይታን መድኃኒናን ወድኺ ኣብ ዝተመርዓዋ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ምእመናን ተፀንሱ። ሕጂ ድማ ናይ ዘይቲ ዕንጨይቲ እብለኪ ኣሎኹ። ቆምናኺ ደስ በለኒ ካባኺ ዝፈሰሰ ቅብኣ በለሳን'ውን ቅብዓት ገጸይ ኮነ። ናይ በለስ ዕንጨይቲ ኢለ እጽውዓኪ ኣሎኹ ኣዳም ሰፊዩ ናይ ዕርቃኑ መሸፈኒ ገይሩ ስለ ዝተኸድኖ። ንቈጽሊ በለስ ከምኡ ድማ ኣነ ካብ ጕኒ ወድኺ ብዝፈሰሰ ማየ ጥምቀት መርዓ ተኸድንኩ። (ዘፍ. 3፡7) ናይ ነቢይ ኤርምያስ ወዲ መገሙር ኢትዮጵያዊ ኣቤሜሌክ ስለ ዝኣረዮ ናይ በለስ ቅንጣብ። ኣብ ውሽጢ መሶብ ኣቐመጦ። ቈሩብ ፍንትት ኢሉ ኣብ ትሕቲ ጽላል ዕንጨይቲ ሱሳን ሽድሽተን ዓመት ደቀሰ እንተንቕሐ ድማ ሎሚ ደቂሱ ሎሚ ከም ዝነቐሐ መሰሎ። ኑቲ ሙዳይ እንተ ክፈቶ ናይ በለስ ቅንጣብ ድማ ረኣየ። ደሙ ውን እናጠብጠበ ረኸቦ። ናብ ባሮክ ምስ በጽሐ

ድማ ብፕሎኒድ ንስራ ገይሩ ምስ ናይ መልእኽቲ መጽሓፍ ኣብ ባቢሎን ተማሪኾም ንዝነበሩ ሕሙማን **ፈውሲ መድኃኒት** ንዝኾውን ናብ **ነቢይ ኤርምያስ** ለኣኾ። ከምኡ ድማ ብናይ **ድንግልናኺ** ጸባ ዝጓበየ ናይ ክርሶኺ ፍሪ ደም ከንጠብጥብ ተረኺበ። ኣብ ሲኦል ንዝነበሩ ናይ **ጽዮን** ምሩኻት ቍሱላት **ፈውሲ መድኃኒት** ክኾውን ተወሂበ። **ናይ ለሚን ዕንጩይቲ** ኢለ እጽውዓኪ ኣሎኹ። ለሚን ዝጸበቐን ዝተፈትወን ዕንባባ ይዕንብብ። ጽቡቕ ፍረ ውን የፍሪ ጥዑም ጨና ይሸትት። **ናይ ክህነት** ዕፃ ከም ዝበጽሖ ንቑጽ በትሪ ክይተተኸለ ኣብ **ቤት መቕደስ** ጠጢዑ ቆጽሊ ኣውፂኡ ዓንቢቡ ተረኺበ። መዓዛኡ ዝጸበቐን ዝተፈትወን ለሚን ኣፍረየ። (ዘኁ.17፡8) ከምኡ ድማ ንስኺ ኣብ **ቤት መቕደስ** ዓሠርተ ክልተ ዓመት ተቐሚጥኪ። በዚይ ዘርእን ብዘይ ሩካቤን **ንጉይታን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ** ፀኒስኪዮ። (ማቴ. 1፡18) **ብናይ ሱፍ ዕንጩይቲ** እምስለኪ ኣሎኹ። ናይ ሱፍ ዕንባባ ብእሾኽ ዝተኸበ እዩ። ንስኺውን **ካብ ሓረግ ዳዊት** ዝተረኸብኪ ንጽሕት ዕንባባ ናይ ዳዊት ጉንዲ ጠጥዒ(እጽቅ) እንክሎኺ ኣብ ማእከል ግዙፋን ክሳድ ኣዋልድ እስራኤል ነበርኪ። ንሳተን **ነቢይ ኢሳይያስ** ከምዚ ክብል ትንቢት ተነቢዩለን ነይሩ። ብነውሪ ጎሥረተን ዝምከሓ ክሳደን ዝግትራ ማንትእ



እናበላ ብዕይንተን ቅምጽ ዝብላ (ዝጠቓቕሳ) ዘፈር ልብሰን ዝንትታ ናይ ደረፍቲ ኣዋልድ ደቂ ጽዮን መርሓቲ ዋናታት ዝኾና **እግዚኣብሔር** ከዋርደን ከጎሥረን እዩ በለ። (ኢሳ. 3፡16-17) ሕጂ ድማ **ናይ ወይኒ ሓረግ ኢለ** እጽውዓኪ ኣሎኹ። ናይ **ክርሶኺ ፍረ** ዝጸበቐን ዝተፈትወን እዩ'ሞ ናይ **ክርሶኺ ፍረ** ጹማቕ ደሙ ዝጸበቐን ዝተፈትወን ኮነ። **ብዕፀ ጳጦስ** እምስለኪ ኣሎኹ። **እምላኽ ኣብርሃምን ይስሓቅን ያዕቆብን** ኣብኣ ኾይኑ **ንሙሴ** ተራእዮ እዩ'ሞ ካብ ባርነት ፈርዖን ናፅነት ሓራ ምውፃእ ንኸምህሮም ናብ ደቂ እስራኤል ለኣኾ። (ዘፀ. 3፡2) ካባኺ ዝተረኸበ ናይ **ልዑል እግዚኣብሔር** ኣካላዊ ቃል ግን **ንሓዋርያት** ናብ ኵሉ ወሰን ዓለም ካብ ባርነት ሰይጣን ምውፃእ ናፅነት ንኸምህሩ ለኣኾም።

## ምዕራፍ ፰፡ ክፍሊ 4።

**ብዕብራይስጥ ማርሃም ዝተበሃልኪ ድንግል ኦ እግዝእትየ ቅድስት ማርያም** ብኸቡራን ኣዕባን ድማ ንኸምስለኪ ንጎሊናይ ኣለዓዓሎ። መረግድ ዝተባህለ ዕብኒ ዕንቊ ኢኺ። ጎብሮም ካብ በረድ እምባ ብዝዕዕዱ **ብጳዴሬን ብኤሞናን** እምስለኪ ኣሎኹ። እዚ ምሳሌ'ዚ ኾኣ ንንጽሕናኺ እዩ። **ናይ ጳዝዮን ዕብኒ** ኢኺ ናይ ሰንፔር ናይ ሶም ናይ ክርስቲሎቢ ዕብኒ ኢኺ። እዚ ምሳሌ'ዚ ውን

Scanned with CamScanner

ንዓይኒ ጥዑ ንዘብል ውቁብ መለክዕኺ መጸውዒ እዩ። ዕብኢ እምቲቲሰጢናስ ንስኺ ኢኺ። ዕብኢ ኢያስጲድ ሰርዲናን ኢኺ። እዚ ምሳሌ'ዚ ውን ንውሪ እበር ንዘይብሉ ንቱም ድንግልናኺ እዩ። ዕብኢ ዕንቋ ባሕርይ ንስኺ ኢኺ፡ ብወርቂ ዝተሸለመ ዕብኢ ያክንት ንስኺ ኢኺ። እዚ ምሳሌ'ዚውን ጥፍኣት ክፍኣት ንዘይርኽቦ ቅድስናኺ ገጽ እዩ። ናይ ዓለም ርኽሰት በኣኺ ስለ ዝነጽሐ መሬቱውን ብኣኺ ስለ ዝተሓደሰ። ዕብኢ እልመቅሊጦስ ንስኺ ኢኺ፡ ንሱ ድማ ካብ ርኽሰት ዘንጽሕ እዩ። ደጠል እምኒ ተጥሎል ቤት መቅደስ ንስኺ ኢኺ ንሱ ድማ ከውታዕ ከሎ ንዝሰምዮ ዝጠዓመን ዝተፈትወን እዩ። ኣብ ጊዜ ሕማም ከውቃዕ ከሎ ዓዐሬ ሥእድ ንዝተተኃዘት ሰበይቲ ልባ ናብኡ ይምሰጥ። ውላዳ ነ፦ነ? እትወልድ ድማ ሕማም ኣይስምዓን ሕማማ'ውን ኣይትፈልጦን። ከምኡ ድማ ሰማዕታት ናይ ድንግልናኺ ዜና ብምስማዕ ናይ ወድ'ኺ'ውን ወረ ስለ በጃ ዓለም ምስቃሉ ካብ ምስማዕ ዝተለዓለ ብሰማእትነት ንዝረኽቦም መኸራ ንበልባል ሓዊ ስሕለት ናይ ሰማእትነት ዋጋኦም ክሳብ ዝቕበሉ ኣይፈልጡን። ብወሊድ ዘይተለወጠ ማኅተመ ድንግልናኺ ኃያል ከም ዕብኢ ኣድማስ ጽኑዕ እዩ'ሞ ብናይ ወድ'ኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ኃይሊ ናይ ኃጢኣተይ ሰንሰለት ናይ እግረይ ሞቅሕ ሓዊን



እምኒ'ኸ ስለ ዘጥፋእኩዎም ንኹሉ ሓጊን ዘፍልሕ ናይ ኣድማስ ዕብኢ ንስኺ ኢኺ። ብልሳን ፍቁር ወድ'ኺ ናይ ሃይማኖት ከውሒ ተባሂሉ ጴጥሮስ ዝተጸውዓሉ ከውሒ ዕብኢ ንስኺ ኢኺ። ንብኣ ሓዋርያት ዝኾነት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ብኣኺ ተመሥረተት። ናይ ንጉሥ መርዓት'ውን ብኣኺ ተሸለመት። ናይ በኩሪ ወድ'ኺ ሕጽይቲ ብኣኺ ተኸለለት። ብኣኺ ብወርቂ ዕብኢ ተሠረተት። ብኣኺ ብዘንፀባርቕ ዕንቊ ዕብኢ ተሠርሐት። ብኣኺ ዓንድታታ ቆሙ። ሕንጻኣ ብኣኺ ጸንዐ፡ ግድግድኣ ብኣኺ ተሠርሐ፡ ሠርወኣ ብኣኺ ተረበ። ዋልታኣ ብኣኪ ተወቕረ፡ ቀጽቀጻ ብኣኪ ተቐጽቀጸ። ደጌታታ ብኣኺ ተኸፍቱ (መቃን) ልዳት መድረኻ ብደም ወድ'ኺ ተነጽገ። ብመስቀል ሓደ ወድ'ኺ ዘፍረዮቶ ቦታ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ተመስግንኺ ካብ ርኽሰታ'ውን ብፍሪ ደም ክርሥኺ ዝነጽሐቶ ዝኃዘነት እንተ ኾነት ብትንሣኤ ፍቁር ወድ'ኺ ዝተጸናንዓቶ ዝተዋረደት እንተ ኾነት ብልምላሜ ድንግልናኺ ምውዓእ ልዕል ዝበለቶ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ተመስግንኺ። ብዕለት ዓርቢ ካብ የማናይ ጐኒ ወድ'ኺ ብዝፈሰሰ ማይ ተጠሚቃ ናይ ዝተወግኣሉ ደም ተቐቢላ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ተመስግነኪ። ግንሸል ልዑል እግዚኣብሔር ዝተበሃለ ወድ'ኺ ኣማኑኤል ዝተመርዓወላ መርዓዊ ሰማያዊ

Scanned with CamScanner

ዝተባህለላ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ተመስግንኒ።
(ዮሓ.1፡29) (ኢሳ 53፡7) ምስ ዝጠፈርነሎ ሓደ እምሳል
ምስ ዝሰበኾ ሓደ ኣካል ዝኾነት ዝተባህለት
ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ብልሳና ኣቀንቂና
ብዘንፈራ እልል ኢላ ተመስግነኪ። ብኢዳ ኣጣቒዓ
ብእግራ ኣሸብሺባ ተመስግነኪ። ብኣኺውን ደስ
ይብላ። ኣብ ትሕቲ እግርኺ ንኽሰግዱ ድማ
ንደቃ ትጽውዕ። ብልግሲ ወድኺ ብብዝኒ ሃብቱ
እስራኤላዊት ተባሂላ እያ ንሱ ልዕልናኡ ኣብ
ትሕትናኣ ስለ ዝጸምበረ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን
ተመስግነኪ። ጓል ኣሕዛብ ጓል እስራኤል ንኣኺ
ትሰግድ። ትሕትናኣ ኣብ ልዕልናኡ ጸምበረ።
ናታ ሞት ወሲዱ ናቱ ሕይወት ሃባ። ስለ ናታ
ፍቕሪ'ውን ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ወረደ። ብጅካ
ንኃጢኣት ከማና ሰብ ምኻን ኣይኃፈረን። ደኽመ
ረሃጸ ጠመየ ጸምአ ተሰቕለ ሓመመ ምራቕ ርኹሳን
ኣይሁድውን ተቐበለ። እዚ ኵሉ ምእንቲኣ ገበረ
ብትንሣኤኡ ድማ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ከፈላ
ብዕርገቱውን ልዕል ኣበላ። ናብኡ ሓደ ኣካል
ሓደ እምሳል ገይሩ ናብ ልዑል እግዚኣብሔር
ድማ ኣምኃ ኣቕረባ። ስለዚ ድማ ቅድስት ቤተ
ክርስቲያን ተመስግነኪ ኣብ ልባ ስለ ዝኃደረ።
ፍቁር ወድኺ ብፍቕሪ እናደነነት ትሰግደልኪ።
ናይ ስሙ መጸውዓታ ኵሉ ሻዕ ካብ ልሳና



ኣይቋረጽን። ኦ ድንግል ርኽስት ነውሪ ዘይብልኪ
ኦ ንጽሕት ኦ ድንግል ዝተመስገንኪ ኦ ብርኽት፡ ኦ
ድንግል ዝተኃረኺ ኦ ቅድስት ናይ ድንግልናኺ
ምስጋና ኣብ ኵሉ መልእ። ውዳሴኺ ውን ከሳብ
ኵሉ ወሰን ዓለም ጸምብለል በለ። ባሕሪ ውቅያኖስ
ብመደቡ ዝተወሰነ እዩ። ባሕሪ ሓኖስ ውን ከም
መጠኑ ልክዕ ኣለዎ። ናትኪ ምስጋና ግን ልክዕ
ወሰን ስፍሪ ቍጽሪ መወዳእታ የብሉን። ኣእምሮ
ክውስኖ ልሳን'ውን ተዛሪቡ ክውድኦ ኣይክእልን።

## ምዕራፍ 9፡ ክፍሊ 7።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ኦ
እግዝእትየ ድንግል ማርያም ኵሉ ንኣኺ ኮነ
ኵሉ'ውን ምእንታኺ ተፈጥረ። ኣዳም ንኣኺ ክፈሪ
ካብ ኈቱም ምድሪ ተፈጥረ። ሔዋን'ውን ንኣኺ
ክትወልድ ካብ ጸጋማይ ጐኒ ኣዳም ተፈጥረት።
(ዘፍ.1፡27) ምድሪ'ውን ተፈጥረት። ነቦኺ ኣዳም
ክትረክብ ንመግቡ'ውን ዘርኢ ከተብቍል ሰማይ
ውን ምእንቱኡ ተሰቕለ። (ዘፍ.1፡1-11) ፀሓይን
ወርኅን ከዋኽብትን ንኽብርሃሉ ብምውዓእን
ብምእታዎም ናይ ዘመን ቍጽሪ ንኽፍለጥ
ተፈጥሩ። (ዘፍ.1፡14-15) ደመናትውን ኣታኽልቲ
ንምዕባይ ዝናም ንኽዘንሙ ተዘርግሑ ዕፀዋትውን
ንዝደለዮ ከኸኑ ነፋሳት ሰዊት ንምብሳል ከም

Scanned with CamScanner

ንኽገልግሉ ተፈጥሩ። ዝነፍሱ መላእኽቲ ውን ጸሎትና ከም ዝበለ ናይዚ (መዝ. 104፡4 ዘፍ. 2፡5-7) ንመላእኽቲ እዩ ከም እንገዝእ ዓለምሲ ግደፍዎም ንመላእኽቲ እዩ ከም እንገዝእ ዓለምሲ ግደፍዎም ንመላእኽቲ ... ደጊሙ ውን ከምዚ ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ደጊሙ ውን ከምዚ ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ዝወርሱ ጻድቃን በለ። እንተኾነ ግን ስለ ሕይወት ዝወርሱ ጻድቃን በለ። እንተኾነ ግን ስለ ክብርኽን ህቡብነትክን ተፈጥሩ። ኦ ድንግል ስለ ክብርኽን ህቡብነትክን ተፈጥሩ። ምስጋናኺስ ንምዛራብ ክዛረብ ዝኽእል መን እዩ። ምስጋናኺስ ንምዛራብ ክዛረብ ዝኽእል መን እዩ። ካብ ኵሉ ወገን ፍጡራን ድማ መን ይኽእል። ካብ ኵሉ ወገን ፍጡራን ድማ ንኣኺ ዝመስል የሎን። ኣብ ልዕሊ ኵሉ ኃላፊት ኮንኪ። ንኵሉውን ገዛኺ፡ ልዕሊ ሰማይ ልዕል በልኪ፡ ንኢዮር ሰንጣቒት በራሪት ኮንኪ። ሰማያት ናይ ሰማያት ሰማይ ኣደ ፈጣሪኦም ስለ ዝኾንኪ የመስጉንኺ። መላእኽቲ ሊቃነ መላእኽቲ ንዝፈጠሮም ስለ ዝወለድኪ የመስጉንኺ። ሰብን እንስሳን ሥጋ ዝለበሰ ኵሉ ፍጥረት ብዝናም ኣብቊሉ ብፀሓይ ኣብሲሉ ንዝምግቦም ንኢኡ ብናይ ድንግናኺ ጸባ ኣዕቢኽዮ ኢኺ'ሞ የድንቑኺ የመስግኑኺ። ምድርን እምባታትን ኣብ ልዕሊኣ ዝተፍጥሩ ኵሎም ኩርባታት ንዘጽንዖም ንኢኡ ኣብ ልዕሊ ኣብራኪ ሓቝፍኪ ኂዝኪዮ ኢኺ'ሞ ንኣኺ ይግዝኡ። ወኃይዝን ባሕርን ኣፍላግን ማያትን ኵሎም ቁመቶም ዓሚቕ ንዝገበረ ስፍሓቶም ንዘስፈሐ ንኢኡ ብጸባብ ከርሥኺ ወሲንኪዮ ኢኺ እሞ ስለ ህቡብነትኪ ይዛረቡ። ሓዊ ነበልባል እሳት



ሳህቡቱን መባርቕትን ተፈጥሮኦም ካብ ሓዊ ዝኾነ መላእኽቲ ካብ ግርማኡ ዝተለዓለ ዘንቀጥቅጡ መባርቕትውን ካብ ምውጋእ ቃሉ ዝገለባበጡ ንኢኡ ብኢእዳውኪ ስለ ዝዳህሰስክዮ ብክብርኺ ይዛረቡ ኪሩቤልን ሱራፌልን ኣብ ልዕሊኦም ንዝቕመጥ ንኢኡ ብዝባንኪ ስለ ዝኃዘልክዮ ይሰግዱልኪ። (መዝ. 18፡10) ኦ ኣደ ሓቀኛ ፀሓይ ኵሉ ፍጥረት ንኣኺ ስለ ዝግዛእ ናይ ወድኺ ስም ኣብ ኵሉ ዝተዘርበሉ'ውን ናትኪ ስም ምስኡ ኣብኡ ስለ ዝዝረብ። ንኣኺ እግዛእ። ናይ ወድኺ መለኮትነት ኣብ ኵሉ ግዝኣቱ፡ ዝኾነ ክብርኽን ዝናኽን ብኢኡ ይንገር (መዝ.103፡22) ሓደ ወድኺ ናብ ሰማይ ምስ ዓረገን ምስ ናይ ባሕርይ ኣቦኡ ብየማኑ ምስ ተቐመጠ ካባኺ ዝወሰዶ ትስብእት ምስ መለኮት ሓደ ኾይኑ ኣብኡ ኣሎ። (ማር. 16፡19)(ግብ. 1፡2) እግዚኣብሔር ዕፁብ ድንቂ ገበረ። ንኣዳም ክፈጥሮ ከሎ ካብ ኣርባዕተ ባሕርያት ኣከናዊኑ ብዝሠርሖ ጊዜ ኣርባዕተ ባሕርያት ሓደ ምስ ካልኣይ ሳልሳይ ምስ ራብዓይ ክይተጻጋገሙ ኑሓድሕዶም እምቢ ከይበሃሃሉ ንባሕርያት ኣሰማምዐ። ንጥሉል ምስ ደረቕ ጸምቢሩ ሙቐት ንዘለዎ ባሕርይ ምስ ዝሑል ቈሪር ባሕርይ ንዝረአ ምስ ዘይረአ ንዝድህሰስ ምስ ዘይድህሰስ ኣሰማምዐ። ካብ ዝድህሰስ ሠለስተ ካብ ዘይድህሰስ ክልተ ገበረ። ካብ ደረቕ ሠለስተ ካብ

ጥሉል ሓር ካብ ዝሓል (ቍሪር) ሠለስተ ዋዕይ። ካብ ዝለም ሓር ዝኸረ። ሓናጽ ውን ቤቱ ጸኒዑ ዝነብረሉ ምኽንያት ፈለጠ። ናይቲ ቤት ማሰገን ድማ ብኣርካኑ ብኣርያት መሥረተ። ዳግም ውን ናይ ርእሱ ትንፋስ ናይ ሕይወቱ መንፈስ ምስ ዘይውሃቦ ሕዝባ ምንቅስቓስን ምዝራብን ከም ዘይህልል ምስ ፈለጠ ናይ ሕይወቱ መንፈስ ኡፍ ኢሉ ብንፋሓት ኣኅደረሉ። ዝንቀሳቐስን ዝዛረብን ቅድስት ኣሪት ከም ዝበለት ንኣዳም ዝኸረ። (ዘፍ 2:7) ኣብ ኣፍንጫኡ ናይ ሕይወት ትንፋስ ኡፍ በለሉ። ሰብ ሕይወት ዘለዎ ነብሲ ድማ ኮነ (ዘፍ. 2:7) ስለዚ ኸኣ ነፍሲ ካብ ልሳን እግዚኣብሔር ወፂኣ ምስ ሥጋ ተዋሃሂዳ እያ ምስ ሥጋ ኣይትመወትን። ጐይታ ኣብ ቅዱስ ወንጌል ከም ዝበለ እቶም ንሥጋኹም ዝቐትሉ ንነፍስኹም ክቐትሉ ዘይክእሉ እዮም'ሞ ኣይትፍርህዎም። (ማቴ. 10:28) ነፍሲ ኣይትቕተል ዝበሎ ግን ስለ ደመ ነፍስ እዩ። ኣብ ሰብ ክልተ ነፍሳት ስለ ዘለዋ። እታ ሓንቲ ናይ ሕይወት መንፈስ እያ። ንሳ ድማ ካብ ልሳን እግዚኣብሔር ዝወፅአት ምስ ናይ ባሕርይ ሥጋ ኣይትቕጸርን ኣይትመውትን። እታ ሓንቲ ድማ ደመ ነፍሲ እያ። ንሳ ግን ምስ ናይ ባሕርይ ሥጋ ስለ ዝኾነት ትመውት እያ። ስለዚ ድማ እዩ እግዚኣብሔር። ካብ ደመ ነፍስ ዘይትፈላለዩ ኣይትብልዑ ዝበለ።



ናይ እግዚኣብሔር ቤት ዓንዱ ግን ናይ ሕይወት መንፈስ እዩ። እምበኣር ናይ ሕይወት መንፈስ እንተ ተፈልዮዎ ሥጋ ቀልጢፉ በድኒ ይኸውን። ስለዚ እያ ኣሪት ናይ ሕይወት መንፈስ ካብኡ ስለ ዝተፈልየ ንበድኒ ዘርክሰት። ብኣና ግን እቲ ሥጋ ምስ መለኮት ሥጋን ደምን ዝተዋሃሃደ ስለ ዝኾነ ናይ ክርስቶስ በድኒ ንጹሕ እዩ። ብትምህርቲ ዝረኸቦ ጸጋ ውን ካብኡ ኣይፍለን። ስለ ሥጋ ወዲ ድንግል ድማ ዳዊት ከምዚ በለ ንኹምኳ ከም ርኹስ በድኒ ደርበዩ። (ወገደፉ እንጥሆሙ ከመ በድን ርኩስ) (መዝ. 38:21) ከምዚ ማለት ዓሌት ኣይሁድ ብወገን ኣዲኡ ወገንናም ስለ ዝኾነ ንበድኒ ምርኻስ ብናቶም ሕጊ ልማዶም ውን ስለ ዝኾነ ቅዱስ ምዃኑ ኣይፈለጥዎን ማለት እዩ። ናይ እግዚኣብሔር ጥበብ ዕዑብ ድንቂ እዩ። ንኣዳምን ንሔዋንን ብመልክዑን ብኣምሳሉን ፈጠሮም። (ዘፍ. 1:27) ብዝደለዮ ጊዜ ድማ ብናይ ዘርኦም ኃል ማንበን ተሰወረ። ኣብ ዝሠርሖ ቤት ኃደረ። ሓኒጹ'ውን ኣተወ። ንሥጋዊ ደማዊ ባሕርይ ባሕርይ ገበረ። ሥጋዊ ደማዊ ፍቓድ ኣይረኸበን። ጠመየ ኣይሠረቐን ጸምአ ሸለል ኣይበለን (ወኢተእንተለ) ደኺመ ካብ ማንም ሰብ ሓገዝ ኣይደለየን ብፈረስን ብሠረገላን ከረድእ ዝኽእል ኣይደለየን ተጸርፈ ኣይተቀየመን ተሰቕለ ሓመመ ንዝሰቐልዎ ሥርየት ለመነ። ከምዚ ክብል

Scanned with CamScanner

ክ ዝሠርሖም ዕዳ በደል እ ኣቦይ ብዘይ ፍልጠት ስለ ዝሠርሕዎ ሰይጣን ኣብ ኣይትቕጽረሎም። (ሉቃ. 23:34) ስለዚ ዳዊት ልዕሊኡ ምንም ምኽንያት ኣይረኸበን። ስለዚ ዳዊት ከምዚ በለ። ካብ ቀርኒ ዘለዎ ሰኰናኡ ዝተሰንጠቐ ብዕራይን ዝራብዕን ኣዝዩ ንእግዚኣብሔር ባህ ከብሎ እዩ። (መዝ. 69:31) ንወዲ እግዚኣብሔር ላም ኢሉ ጸውዩ። ንዝተጋረየት ድንግል ድማ ጣዕዋ በላ። ቀርንን ዕፍርን ዘየብቄለ ማለት ግን ብኣእዳዉ ስርቂ ኣብ ርእሱ ናይ ኃጢኣት ብርቱዕ ዖር ስለ ዘይነበሮ እዩ። (ዮሓ. 18:29) ናይ ንጽሕት ውላድ ጣዕዋ ናይ ኢየሱስ ናዝራዊ ብኣማን ንጹሕ ዝተፈትወ መሥዋዕቲ እዩ። ንምሕራድ ዘየቋርጽ ሕርዱ ዘይውዳእ ንጹሕ ላም ሓቀኛ መሥዋእቲ እዩ። ንዝበልዕዎ ዝቕድሶም ንዝተቐበልዎ ዝተመስገኑ ዝገብሮም ንሱ ሓቀኛ ንጹሕ መሥዋዕቲ እዩ። ብኢድ እስራኤል ዝተሠወዐ ንሱ ሓቀኛ ንጹሕ መሥዋዕቲ እዩ። ብኢድ ኣይሁዳዊ ዝተሠውዐ ንሱ ሓቀኛ ንጹሕ መሥዋዕቲ እዩ። ኣብ ቅድሚ ዝወግእዎ ብቀርኑ ዘይበርትዐ ላም ኣብ ቅድሚ ዝቐረጽዎ ኣፉ ዘይከፈተ በጊዕ ሓቀኛ ንጹሕ መሥዋዕቲ እዩ። (ኢሳ. 53:7) ሥጋኡ ዝበለዐ ኣይመውትን። ደሙ ውን ዝሰተየ ኣይጉዳእን ብሓቂ ንጹሕ መሥዋዕቲ እዩ። (ዮሓ. 6:53-54) ብፍቓዱ ዝሓመመ ወይ ዝሞተ ንሱ ንጹሕ መሥዋዕቲ እዩ። ኵሉ ሻዕ ዝሥዋዕ ወትሩ



ውን ሕያው ኮይኑ ዝነብር ናይ ጉኑ ምድህሳስ ዘይውዳእ ንሱ ናይ ሓቂ መሥዋዕቲ እዩ። ነዚ እሳት ብዘይ ጕጠት ከይፈርሐ ዝድህስስ ካህን ከመይ ዝበለ እዩ ነዚ ምድህሳሱ ኣንከሮ ይግባእ። ኣብ ልዕሊ መሠውዒ ነዚ ኅብስት ዝፍትት ካህን ከመይ ዝበለ እዩ ነዚ ምፍታቱ ኣንከሮ ይግባእ። ንሕፃን ኣብ ቅድሚ ኣቦኡ ኣብ ልዕሊ ርእሲ ኣዲኡ ኣቐሚጡ ዝሥውዕ ይመስል። ናይ ምሥጢሩ ወይኒ ኣብ ጽዋዕ ዘዳልዎ ካህን ከመይ ዝበለ እዩ ነቲ ምድላዉ ኣንከሮ ይግባእ። ናይ ሕፃን ደም ኣብ ቅድሚ ኣቦኡ ንደሙውን ኣብ ልዕሊ ርእሲ ኣዲኡ ከንጠብጥብ ከሎ ዝቐድሕ ይመስል። መርዓዊ ብዘይ መጥባሕቲ ዝሠውዕ ንመርዓት ናይ መርዓዊ ሥጋ ንክትበልዕ ዝጸውዓ ንደቃውን ብሥጋ ኣቦኦም ዝዕብዮም እዚ ካህን ከመይ ዝበለ እዩ ነዚ ኣንከሮ ይግባእ። ናይ እግዚኣብሔር በጊዕ ንምሥዋዕ ኣፃብዕቱ ጠባሕቲ (ወቅለምት) ዝኾናሉ እዚ ካህን ከመይ ዝበለ እዩ ነዚ ኣንከሮ ይግባእ። ልሳኑ ውን ንመናፍቓን ካብ ምእመናን ንምፍላይ ሰይፊ ኮነሉ። ንምእመናን ምስ ደም ኣምላኽም ሓደ ዝገብሮም እዚ ካህን'ዚ ከመይ ዝበለ እዩ። ንዘይድህሰስ ዝድህሰስ ንዘይትንከ ዝትንኪ እዚ ካህን'ዚ ከመይ ዝበለ እዩ ነዚ ኣንከሮ ይግባእ።

## ምዕራፍ 10፡ (ነፍሲ 7፡)

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ እንጀራ እ እግዝእትየ ማርያም ኣምላካዊ እንጀራ ስለ ዘረከብክና ነኣኺ ምግልጋል ይግባእ። እ ድንግል ንርኽስታትና ዘንጽሕ ናይ ወይኒ ጽዋዕ ዘፈልፈክልና ነኣኺ ምግልጋል ይግባእ። ሰማያዊ በጊዕ ነዛ መሥዋዕት ንዝወለድክልና ንኣኺ ምግልጋል ይግባእ። እ ድንግል ንበረኸት ዝኾውን ረቂቅ ምሥጢር ስለ ዘረከብክና ነኣኺ ምግልጋል ይግባእ። እ ድንግል ዝሕረድ ብዕራይ ሕርዱውን ንመርዓ ደቂ ሰባት ዝኾውን ንዝወለድክልና ነኣኺ ምግልጋል ይግባእ። ንሰብ ምስ መላእኽቲ ዘሰማማዕኺ እ ድንግል ነኣኺ ምግልጋል ይግባእ። ንኹሎም ደቂ ሰብ ብናይ ኪሩቤል ምስጋና ከመስግኑ ዝገበርክዮም እ ድንግል ንኣኺ ብተስፋ ምጽባይ ይግባእ።

## ምዕራፍ 11

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዘተጋረኺ እ እግዝእትና ድንግል ማርያም ብሕማም ፍቁር ወድኺ መከራ ብምቕባሉ ናይ ጽልእን ክርክርን ግድጊዳ ኣፍረስኪ ናይ ሃይማኖት መሠረት ንዘጽናዕክልና ንኣኺ ምግልጋል ይግባእ። እ ድንግል ብመስቀል ሓዶ ወድኺ ንሰብ ካብ ባርነት መግዛእቲ ኃጢኣት



ሓራ ንዘውፃእኺዮ ንኣኺ ምግልጋል ይግባእ። እ ድንግል ሰማይን ምድርን ዘሰማማዕኺ ንኣኺ ምዕጣቕ ይግባእ። እ ናይ ሕይወት መድኃኒት ፈልፋሊት ናይ ፈውሲ መድኃኒት ማይ ካባኺ ዝቕድሑ ቍስለ ሥጋ ቍስለ ነፍስ የብሎምን። እ ፈለገ ሰላም ናይ ምሕረት ማይ ካባኺ ዝረውዩን ዝሰትዩን ንዘዓለም ኣይጸምኡን። ናይ ለይቲ ቍሪ ናይ መዓልቲ ሓሩር ኣይረኽቦምን። (ዮሓ. 4፡14) እ ናይ ድኅነት ምንጪ ካባኺ ዝሰትዩ ሓዲሳን ኣትክልቲ ዋዕየ ፀሓይ ኣየድርቖምን ጽድቂ ዕንባባኦምውን ኣይጽምሉን። እ ናይ ሕይወት ምንጪ ካባኺ ዝንጸጉ ርኹሰተ ሥጋ ርኹሰተ ነፍስ የብሎምን። ወትሩ ዘይትደርቕ ረብሓ ጥቕሚ ዝርከባ ናይ ሕይወት ወኃዚት ንስኺ ኢኺ። ዝቘሰሉ ዝፍወሱሉ ናይ ሕይወት ማይ ነቅዕ ንስኺ ኢኺ። ንዘኃዘኑ ዘረጋግእ ፍጹም ሓጐስ ንስኺ ኢኺ። ንዝዘንግዑ ፍልጡት ዝገልጽ ናይ ጥበብን ኣእምሮን ፈልፋሊት ነቅዕ ንስኺ ኢኺ። ናይ ቅዱሳን መዓዛ ናይ ንጹሕ ዕጣን ፈልፋሊት ንስኺ ኢኺ። ንዓለም ሃብቲ እተውህቢ ናይ ደናግል ገንዘብ ንስኺ ኢኺ። ኣቤኔዘር ዝተበሃልኺ ናይ ረድኤት ዕብኒ ንስኺ ኢኺ። እዚኣ ድማ ናይ የብሳዊን ጐርናን ኦርናን ዓውዲ ካብ እግዚኣብሔር ዝተኣዘዘ መቕዘፍቲ ምስ ረሓቐ እግዚኣብሔር ኣብ ውሽጣ ናይ ወዲ እሴይ ዳዊት መሥዋዕቱ ዝተቐበለላ። (2ኛ ሳሙ. 24፡18-25)

ናይ እስራኤል አምላኽ ናይ ኤልያስ ናይ መሥዋዕቲ መንዛ ዘቓተተላ ናይ ቀርሜሎስ መሠውዒ ንስኺ ኢኺ። ሓዊ ካብ ሰማይ ወሪዱ ነቲ መሥዋዕቲ ድማ በልዖቶ። ዕንጨይቲን እብኑን መሬቱን ነቲ ኣብ ጉድጓድ ዝነበረ ማይን'ውን ለሓሰቶ። (1ኛ ነገ. 1:38)

## ምዕራፍ፡ 12።

ኦ ድንግል በዚ ኩሉ ነገር ዝጸበቐን ዝተፈትወን መሰልኩኺ። ምስጋናኺ ግን ምፍጻም ኣይከኣልኩን። ምእንታኺ ዝተዘርበ ፍጹም ምስጋና ድማ ኣብ ዕምቈት ባሕሪ ምሲጋናኺ ከም ጥብታ መቕድሒ እዩ። ምሕረት ብወገን የማንኪ እዩ። ይቕረታ ውን ብሸነኺ ጸጋምኪ። ብርሃንን ጸዳልን ኣብ ቅድሜኺ እዩ። ረድኤትን መድኃኒትን ብወገን ድኅሬኺ እዩ። ናይ ኩሉ ዓለም ክብሪ ንነገሥታት ሃብቶም ዝኾንኪ ኦ ድንግል ነገሥታትን መኳንንትን ዓለምን ኩሉ ኣብ ትሕቲ እግርኺ ኣብ ጫማኺ ወዲቖም ይግዝኡ። ናይ ምስጋና ዘውዲ ኣብ ልዕሊ ርእስኺ እዩ። ናይ ጽድቂ ዋልታውን ንኣኺ ይኸብብ። ናይ ሃይማኖት ሓፁርን ቀጽርን'ውን ይኸቡኺ። ናይ መንፈስ ቅዱስ ክንፊ ይጋርደኪ ኣዳም ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈርደ መርገመ ሥጋ ብኣኺ ጠፊኡ እዩ'ሞ ሔዋን'ውን እቲ ኣምላኽ ዝረገማ መርገም ብኣኺ ተሳዒሩ እዩ'ሞ ምስ ደቁ የመስግነኺ። እቲ



መርገም ከምዚ ዝብል እዩ። ፃዕርኽን ሕማምክን ከብዝሕን እየ። ደቅኺ ብፃዕሪ ክትወልዲ ኢኺ። ድኅሪ ምውላድኪ ድሌትኪ ካብ ሰብኣይኪ ይኸውን ንሱ ድማ ይመልክኪ። (ዘፍ. 3:16) ንስኺ ግን ብዘይ ሕማም ወለድኪ። እምብኣር ኣብ ትሕቲ ፆር ኃጢኣት ኣይተጸመድክን'ሞ ዝገዝኣኪ የሎን። ኖኅ እቲ እግዚኣብሔር ኣብ ድንኳን ሴም ኅደር ዝበሎ ናይ በረኸት ቃሉ ብኣኺ ተፈጺሙ እዩ እሞ ምስ ደቁ የመስግነኪ። (ዘፍ. 9:27) ኣብርሃም እቲ እግዚኣብሔር ካብ ይስሓቅ ንኣኻ ብዙን ዘሪኢ ክጸውዓልካ እየ ክብል ዝሃቦ ተስፋ ብኣኺ ተፈጺሙ እዩ'ሞ ምስ ሣራ የመስግነኪ። (ዘፍ.17:19-21) እቲ ኣብ ልዕሊ ያዕቆብ ዝኾነ በረኸት ብኣኺ ተፈጺሙ እዩ'ሞ ይስሓቅ ምስ ርብቃ የመስግነኪ። እቲ ምርቓኡ ከምዚ ዝብል እዩ። ኣሕዛብ ይግዝኡኻ ሕዝብታት ድማ ይሰግዱልካ ጐይታ ኣኅዋትካ ኩን። (ዘፍ. 27:29) እዚ ናይ ትንቢት በረኸት ድማ ብዘይ ወድኺ ኣይተፈጸመን ዕብራዊ ያዕቆብ ውን ናቱ በረኸት ብወድኺ ስለ ዝተፈጸመ ምስ ወዱ ይሁዳ የመስግነኪ። እግዚኣብሔር ንይሁዳ ዝባረኾ ከምዚ ዝብል እዩ። ይሁዳ ኣኅዋትካ ክመስግኑኻ እዮም። ኢድካ ኣብ ክሳድ ጸላእትኻ ክትኸውን እያ። ደቂ ቦኽ ክሰግዱልካ እዮም። (ዘፍ. 49:8) ኦ ይሁዳ ወደይ ሽደን ኣንበሳ ካብ ምርኮ ከም

Scanned with CamScanner

እንስሳቲ እንበሳ ወግእኹ፡ እንበሳ ድማ ተንበርከኽኹ። በጥውን በለ፡ ከንተሥእ ዝደፍር መን እዩ። እቲ ዝገዝእ ንጉሥ ሰላም ከሳዕ ዝመጽእ ሕዝብታት ውን ከሳዕ ዝግዝእም በትረ መንግሥቲ ካብ ይሁዳ ዘንጊ ግዛኢ ኸኣ ካብ ማይ ቤቱ ኣይከልግስን እዩ። ንእድጉ ኣብ ጉንዲ ወይኒ ንዒሉሉ ድማ ኣብ ብሉጽ ጨንፈር ወይኒ ከእሥር እዩ። ክዳውንቱ ብወይኒ ነጸላኡ ኸኣ ብደም ዘቢብ ክሓፅብ እዩ። ኣዕይንቱ ካብ ወይኒ ክቒሓ ኣስናኑ ድማ ካብ ጻባ ክጽዕድዋ እየን። ሙሴ ምስ ኵሎም ደቂ እስራኤል የመስግነኪ እግዚኣብሔር ብእሪተ ሙሴ ምእንታኺ ከምዚ ስለ ዝበለ። ሰማይ ጽን በል ክነግረካ ኸኣ እየ። ምድሪ ከኣ ቃል ኣፈይ ስምዒ። (ዘዳ. 32፡1) ትምህርተይ ከም ዝናም ይኹፉ፡ ዘረባይ ከኣ ከም ዛዕዛዕታ ይወረድ፡ ከም ጥሚቕ ኣብ ልዕሊ ለምለም ከም ብርቱዕ ዝናም ኣብ ልዕሊ ሣዕሪ ይወረድ። እምበኣር ንኣኺ ሕርሻ ኢሉ ጸውዓኪ ንወድኺ ድማ ጠሊ በሎ ዳዊት ምስ መዘምራን ከምዚ ክብል የመስግነኪ። መሠረታታ ኣብ ቅዱሳን እምባታት እዮም። (መዝ. 87) እግዚኣብሔር ካብ ኵሉ ምድሪ እስራኤል ኣዝዩ ንደጌታት ጽዮን ይኃርየን። ኣንቲ ከተማ ኣምላኽ እቲ እግዚኣብሔር ብዛዕባኺ ዝበሎ ዘደንቕ ነገር ስምዒ። ማኅበር መላእኽቲ ኵሎም ብሥርዓት ንጽሕና ንኣታቶም ስለ ዝመሰልኪ



የመስግኑኺ። ማኅበር ነቢያት ትንቢቶም ብኣኺ ተፈጺሙ እዩ'ሞ የመስግኑኺ። ማኅበር ሓዋርያት ዝተፈተወ ወድኺ ኃው ስለ ዝኾኖምን ወረስቲ መንግሥቲ ስለ ዝገበሮምን የመስግኑኺ። ብሠናይ ምግባር ዓበይቲ ዝኾኑ ሰማዕታት ናይ ወድኺ መከራ ኃቢሮም ብሥጋእም ስለ ዝተቐበሉ የመስግኑኺ። ደናግል መነኮሳት ናብራእም ንንጽሕናኺ ኣርኣያ መብፅዓ ጌሮም እዮም'ሞ የመስግኑኺ። ሊቃነ ጳጳሳትን ኤጲስቆጶሳትን ሥልጣን ልሳን ወድኺ ምስ ልሳኖም ተዋሃሂዱ እዩ'ሞ የመስግኑኺ። ቀሳውስት ናይ መዓርግ ክህነቶም ሓለቓ ወድኺ እዩ'ሞ የመስግኑኺ። ስለ ሠናይ መልእኽቲ ፈጣናት ዝኾኑ ዲያቆናት ብናይ ወድኺ ግዝኣት ምሥጢር ኣገልገልቲ ልኡኻት ኾይኖም እዮም እሞ የመስግኑኺ። ኣናጉንስጢስ መዘምራን ንምስጋና ወድኺ ኣብ ቤት መቅደስ ድምፆም ከም ጻናጽል ወርቂ ስለ ዝስማዕ የመስግኑኺ። ማኅበር ክርስቲያን ኵሎም ካብ ጐኒ የማን ወድኺ ዝተረኽበ ናይ ጥምቀት ድርብ ኃቢ ተጐምጕሞም እዮም'ሞ የመስግኑኺ።

## ምዕራፍ፡ 13።

ኦ ንጽሕት ነውሪ ኣበር ዘይብልኪ ብዘይ ኃጢኣት ጽርይቲ ብዘይ ርኽሰት ኦ ቅድስት ናይ

Scanned with CamScanner

ድንግልናኺ ምስጋና ዕዑብ ድንቂ እዩ። ናይ ድንግልናኺ ውዳሴ መስተንክር እዩ። ስለዚ ስለ ክብርኽን ዝና ዕብየትክን ክንነግር ይግብኣና ኣብ ልዕሊኺ ስለ ዝዕረፈ ጸጋ ክብሪ ንኹንዛረብ ፍልጠትን ልቡናን ዘለዎ ኵሉ ንንግሥነትኪ ይግዛእ። ብዥሎም ቅዱሳን ቅድስት እኺ'ሞ ኵሉ ኣፍ ልሳን ዘለዎ ንኃይሊ ቅድስናኺ የመስግን። ብንፍሮን ዝተኃረኺ ኣብ ልዕሊ ዝተመስገኑ ዝተመስገንኪ ስምኪ ብኵሉ ዝሰልጠነ ግዛኢ እዩ። ናባኺ ዝግሥግስ ደገ ቤትኪ ዝኵሕኵሕ ብፁዕ እዩ። ናይ ፍቕርኺ ኃይሊ ዝዓረፎ ብፁዕ እዩ። ምስጋና ክብርኽን ዝና ዕብየትክን ወትሩ ዘንብብ ብፁዕ እዩ። ጻውዒት ስምኪ ካብ ኣፉ ዘይፈሊ ናይ ነገር ዕብየትኪ ካብ ልሳኑ ዘየቋርጽ ዝተመስገነ እዩ። ብፍጹም ልቡ ዝኸተለኪ ብኵሉ ሓሳቡ ውን ንኣኺ ዝደሊ ዝተመስገነ እዩ። ናባኺ ዝተጸግዐ እምነቱውን ብወድኺ ዝገበረ ዝተመስገነ እዩ። መሠረት ፍቕርኺ ካብ ልቡ ዘይነዋወጽ ንኣኺ ውን ብምሕሳብ ልቡ ዘይወላወል ብፁዕ እዩ። ኵሉ ጊዜ ንምስጋናኺ ዝተግህ ጸሎቱ ውን ኣብ እዝንኺ ዝዘርእ ዝተመስገነ እዩ። መስቀል ሞት ወድኺ ንምዓር ወትሩ ልቡ ዘጨከነ ይቕረታ'ውን ካብ ፈለግ ድንግልናኺ ዝቀድሐ ብፁዕ እዩ። ጨና ዕንባባ ካብ መዓዛ ንጽሕናኺ ዝቐሰም ብፁዕ እዩ። ኣብ ትሕቲ



ግዝኣት ኣርዑት ወድኺ ርእሱ ዘድንን ኣሠር ወንጌል ሓደ ወድኺ ዝተኸተለ ዝተመስገነ እዩ። እቲ ንእግዚኣብሔር ዝፈርሆ ትእዛዛቱ ብምፍጻም ኣዝዩ ባህ ዝብሎ ሰብ ብፁዕ እዩ። (መዝ.112፡1) ደቂ ኣብ ምድሪ ክስልጠኑ እዮም ዘርኡ ድማ ክባረኹ እዮም። ቤቱ ሃብትን በረኸትን ምሉእ እዩ። ጽድቁ'ውን ንዘለዓለም ይነብር። ኣምላኽ ያዕቆብ ረዳኢኡ ዝኾነ ተስፋኡን ትውክልቱን'ውን ብእግዚኣብሔር ኣምላኹ ዝገበረ ብፁዕ እዩ። (መዝ.146፡5) ንኣምላኽ ዝፈርሐ ብመገዱ ዝኸዱ ዝተመስገኑ እዮም። (መዝ.128፡1) ኦ ድንግል ብናይ ጸሎትኪ ረድኤት ዝኣመነ ብፁዕ እዩ። ስለዚ ኸኣ ኣነ ፍቕርኺ ንምኽታል ተጋህኹ። ኣብ ልዕሌኺ ዝኃደረ ናይ ሃይማኖት ኃይሊ ንልበይ ኣሰልጠኖ። ሥጋኺ ናይ ዝለበሰ ሕያው እግዚኣብሔር ቃል ናብ ዘለዎ ናብ ላዕሊ ብምሕሳብ ልበይ መሰጠኒ። እምበኣር ካብ ኵሉ ዓሌት ፍጥረት ካባኺ ዝኸብር ከም ዘይልቦ ፈለጥኹ። ካብ ሕይወት ሓዊ ዝተረኽበ ናይ ሕይወት ሓዊ ተለኣኸ። ካብ ምስጋና መብረቕ ዝተረኽበ መብረቕ ወረደ። ካብ ሕቑፊ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ወረደ። ካብ ባሕርይ ኣምላኽ ዝተረኽበ ናይ ባሕርይ ኣምላኽ መጺኡ ኣብ ልዕሌኺ ኃደረ። ካብ ምልኣት ሀላዌኡ ከይ ተኸፍለ ብየማን ወላዲኡ ከሎ ኣብ ማኅፀንኪ

Scanned with CamScanner

ተወሰነ። ክይተወሰነ ምልኣቱን ስፍሓቱን ርቀቱን ክይኃደገ ኣብ ማኅፀንኪ ፆርኪዮ ወሪስኪዮ። ንህላዌኡ ኣ ሕዋን ሥጋዊት ደማዊት ናይ መለኮት ኣብ ክርሥኺ ምዕናሱ ከመይ እዩ እስኪ ንገርኒ። ካብ ኃይሊ ዝተረኸበ ኃይሊ ከመይ ኣብ ልዕሌኺ ኃደረ። ብምውራዱ ኃይሊ ሰማይት ኣይተነቓነቕንዶ? ብምምጽኡስ መሠረት እምባኹ ኣይተነዋወጸንዶ ናይ ሰማይ ስፍሓት ናይ ምድሪ ገርጋሕ ክውስኑዎ ዘይክእሉ ንእኡ ብኸመይ ኣብ ማእከል ኢድኺ ሒዝኪዮ። ኦ ጓል ክልተ ሽማግሌታት ናይ ዳዊት ኣቦኺ ናይ ቤተ መንግሥቱ ሃብቲ ኣይጠቕመክን። ናይ ሰሎሞን ብዙኅ መዛግብቲ ዝተደለበ ውን ኣይጠቐመክን። ካብ ናቶም ገንዘብ ዝበጽሓኪ ወላ ሓንቲ የሎን እንተ ኾነ ግን ናይ ነዳያን ሃብቲ ናይ ንጹሓን ኣኸሊል ናይ ቅዱሳን ሽልማት ዝኾነ ናይ መለኮት ባሕርይ ኣብ ልዕሌኺ ኃደረ። ካብ ሥጋኺ ሥጋ ካብ ነፍስኺ ነፍስ ወሲዱ ተዋሃሃደ። ሓደ ኣካል ሓደ ባሕርይ ኮነ። ኣብ መጽሓፍቲ ነቢያት ግን ካብ ዘርኢ ዳዊት ካብ ነገድ ዓሌቱ ክርስቶስ ከም ዝውለድ ተጻሒፉ እዩ። የግዳስ ኣብ ጓል ሄሮድስ ኣይኃደረን። ወላ ውን ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ጓል ሹማምንቲ ይሁዳውን ኣይኃደረን። እንተ ኾነ ግን ካብ ደቂ ገሊላ ነደንት እትበቅዕ ኣይረኸበን።



ምዕራፍ 15።

ስለዚ ድማ ንኣኺ ብትሕትና ብድንግልና ተዓቂብኪ እትነብሪ ሕግን ፈተወ። ንመንፈስ ቅዱስ ምንደሪ ዝኾውን ኣደራሽ ንጹሕ ሥጋኺ ረኸበ። ኣካላዊ ቃልውን ካባኺ ምስ ተወለደ ሰብኣ ሰገል ካብ ርሑቕ ሃገር መጹ። (ማቴ. 2፡1) ክምዚ እናበሉ እቲ ዝተወልደ ናይ ይሁዳ ንጉሥ ኣበይ ኣሎ ብምብራቕ ኮኾብ ስለ ዝረኣና ክንሰግደሉ ኢና መጺእና። ሄሮዶስ ድማ ነዚ ሰሚዑ ደንገፀን ተሸበረን ሕዝብውን ምስኡ ደንገፁን ተሸበሩን። ንሱ ከኣ ንኹሎም ሊቃነ ካህናትን ናይ ሕዝቢ መምህራንን ጸሓፍትን ኣኪቡ ክርስቶስ ኣበይ ኢዩ ዝውለድ ኢሉ ሓተቶም። ንሳቶም ድማ ከምዚ በሉ። ኣብ ቤተ ልሔም ኣብ ይሁዳ ከምኡ ተጻሒፉ እዩ'ሞ (ሚኪ. 5፡1) ኣንቲ ቤተ ልሔም ምድሪ ኤፍራታ ንሕዝበይ ዝጓስዮም ሹም ካባኺ ክወፅእ እዩ'ሞ ካብ ሹማምንቲ ይሁዳ ከቶ ኣይክትንእስን ኢኺ ዝብል ብነቢይ ጽሑፍ ስለ ዘሎ ኣብ ቤተ ልሔም ናይ ይሁዳ እዩ በልዎ። (ማቴ. 2፡7)

ካብ ቃል ነቢይ ንዘወፀ ብመንፈስ ትንቢት ንዝተነግረ ብኣፍ ጸሓፍትን ሊቃነ ካህናትን ኣብ እዝኒ ሄሮድስ ንዝተሰብከ ነዚ ምስክርነት ኣንክሮ ይግባእ። ልቢ ንጉሥ ተሸበረ። ሰብነቱ'ውን ብቕንኣት መኸኸ ተቓጸለ ውን። (ማቴ. 2፡3) ብዝተወለደሉ ዘመን

Scanned with CamScanner

ብዝተረኣዮም ኮኾብ ካብ ሰብኣ ሰገል መረድኢታ ድኅረ ምርካቡ ድማ ናይ ገሊላ ሕፃናት ቅተሉ ኢሉ ኣዘዘ። ካብ ጡብ ኣደታቶም ዝተፃለ ምድሪ ክሳብ ትሰዕዱ ካብ ደም ሕፃናት ዝተሳዕለ ምድሪ ክሳብ ትቕይሕ። ናይ ዝተሓርዱ ሕፃናት ደም ወሕጅን ናይ ኣንስቲ ገሊላ ናይ ጡብን ጸባ ውሕጅን ብሓደ ቦታ ፈሰሰ። ሄሮድስ ንዘይረኸበ ደለየ። ጐይታ ግን ናብ ምድሪ ግብጺ ብቅልጡፍ ደመና ተጻዒኑ ከደ። ነቢዩ ኢሳይያስ ከምዝበሎ። እንሆ እግዚኣብሔር ኣብ ቅልጡፍ ደመና ተወጢሑ ናብ ምድሪ ግብጺ ይመጽእ ኣሎ። (ኢሳ.19፡1) ኦ እግዝእትየ ደመና ግን ንስኺ ኢኺ። ሄሮድስ ኣብ ቤቱ ንንፋስ ክዓፁ ደለየ ንንፋስ ምዕፃው ብኸመይ ይኽእል። ሄሮድስ ናይ ፀሓይ ብርሃን ብኢዱ ኸዂብጥ ደለየ። ናይ ፀሓይ ብርሃን ምጒባጥ ብኸመይ ይከኣል። እግዚኣብሔር ኣብ ምድሪ ግብጺ ኣብ ዝባንኪ ተሓዚሉ ጋሻ ኾነ። ኦ ቅድስት ድንግል ማርያም ንኣይ ትሑት ኣገልጋሊኺ ዝኾንኩ ካብ መከራ ሥጋን ካብ መከራ ነፍስን ኣድኅንኒ። ናብ ፍቁር ወድኺ ርኀራኄ ኣብ ልዕሊ ኵላትና ይኅደር ኣሜን።

ኦ እግዝእትየ ዝተኃረኺ ድንግል ማርያም ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ወላዲተ ኣምላኽ በረኸት ሚካኤልን ገብርኤልን በረኸት ሩፋኤልን ኡራኤልን በረኸት ሳቁኤልን ፋኑኤልን በረኸት



ሱራፌልን ኪሩቤልን በረኸት ኵሎም ሊቃነ መላእክት ኣብ ልዕለይ ክኅድር ለምንለይ። በረኸት ኣፍቂ ደስታን ኃዜትን ዝተመልኣ በረኸት ቅዱሳት ኢሕፃውኪን ንጹሓት ኣፃብዕትኺን በረኸት ዝተባረኸት ማኅፀንኪ በረኸት ናይ ሕይወት ተስፋ ዝኾነ ስምኪ በረኸት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ገባኢ ሓዋርያት በረኸት ቅድስት ሥላሴ። ኣብ ልዕለይ ይኅደር ብዅሉ ጊዜ ብዅሉ ሰዓት ንዘለዓለም ይኹን ኣሜን።

Scanned with CamScanner

## ኣርጋኖን ዘሠሉስ።

በስም እግዚኣኣብሔር ኣብ ሥነ ጽባቕኺ ዘፍቀረ። በስም እግዚኣብሔር ወልድ ምኅደሪኡ ኮትኮኒ ዝኃረየኪ። በስም እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ብርሃን ምስጋናኡን ምዕዛኑን ኣብ ልዕሌኺ ዝኸደነ። ኦ እግዝእትየ ማርያም ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃሊ ወላዲተ ኣምላክ ብኣርጋኖን ስብሓትን ዝማሬን ንልብኺ ዘሕጉስ ንንሊናኺ ዘሥምር እልምነኪ ኣሎኹ። ንዘለዓለም ኣሜን።

### ምዕራፍ 1 ክፍሊ 1።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ኣምላኽ ምሳኺ ብምስዳዱን ኣብ ምድሪ ግብጺ ብዘረኸበኪ መከራን እምነፀኒኪ። ስለ ኃጢኣተይ መማለዲ ንክኸውን መገዲ ብምኽያድ ናይ ድኻምኪ ሓሳብ ኣብ ቅድሚ ወድኺ ይቑም። ኣብ ምድሪ ግብጺ ዝረኸበኪ ናይ ጥሜትን ጽምእን ሓሳብ ስለ ኅድገት ኃጢኣተይ ንክኸውን ኣብ ቅድሚ በዅሪ ወድኺ ይቑም። ካብ ዓይንኺ ዝፈሰሰ ናይ ንብዓት ውሕጅ ኣብ ገጽኪ ዝነጠበ ኣብ ገጽ ፍቁር ወድኺ ውን ዝወረደ ሕጂ ድማ ስለ መዘኻኸሪ ኅድገት ኃጢኣተይ ንክኸውን ኣብ ቅድሚ ፍቁር ወድኺ ይቑም። ዝሠራሕክዎ ኃጢኣት ከገዘር ከሎኹ ብጣዕሚ ልበይ ይድንግፅ።



ኣእምሮ ከሎኒ ኮለል መሰል(ዘዘው) እና በልኑ ብብኸነት ምንባረይ ከገዘር ከሎኹ ልበይ ብጣዕሚ ይድንግፅ። ናይ ኃጢኣተይ ብዝኂ ብዝፎጸርክዎ ጊዜ ልበይ ብጣዕሚ ይድንግፅ። ከመይ ሓንቲ ሰዓት እኳ ኃጢኣት ካብ ምሥራሕ ኣየቋረጽኩን። ኣብ ማዕኸል ጉባኤ ሰብን መላእኽትን ጥራይ ዝባነይ ደው ምባለይ ሓሰብኩ። ምናልባት ዝረድኣኒ እንተ ረኸብኹ ብዓይኒ ልበይ ንከረኢ ናብዝን ናብትን ተመላለስኩ። ካብዚ ብጣዕሚ ዘፍርህ ዝሠረሕክዎ ፍዳ ኃጢኣት ዝተላዕለ ዝወሓሰኒ እንተ ረኸብኩ ኢለ። እንተኾነ ግን ብምምላድ ንኣይ ንምድኃን እትኽእሊ ንኣኺ ኣማላዲት ረኺብኩ። ወትሩ ውን ካባይ ከም ዘይትርሕቂ ፈለጥኩ። እምበኣር ዝኃዝኩኺ ብፍቕሪ እምበር ብኣፃብዕተይ ኣይኮነን ዝኃዝኩኺ ብሃይማኖት እምበር ብምድህሳስ ኣይኮነን። ዝኃዝኩኺ ብኢድ ኅሊናይ እምበር ብሥጋዊ ኢደይ ኣይኮነን። ንኢድ ኅልናይ ግን ኃይሊ ሰብ ክትርፎ ኣይክእልን እዩ'ሞ ስሕለት ሰይፈውን ክቖርጾ ኣይክእልን። ዝኃዝኩኺ ክትድግፍኒ እምበር ክትኃድግኒ ግን ኣይኮነን። ዝኃዝኩኺ ናብ ላዕሊ ልዕል ክተብልኒ እምበር ናብ ታሕቲ ክተውርድኒ ግን ኣይኮነን። ዝኃዝኩኺ ንዘልዓለም እምበር ንልክዕ ዕድመይ ጥራይ ኣይኮነን። ኦ ኣደይ ነፍሰይ ብኣኺ ትኸበር።

ስለ ርንሩ-ኀኺ ኣደይ ኢኺ። ስለ ንግሥነትኪ እመ ቤተይ ኢኺ። ስለ ፍቕርኺ ዝተኣመንኪ ስለ ወድኺውን እ ቀርነ መድኃኒት ዘክርኒ። ብዝወደቕክዎ ከይተርፍ ኣይትረስዕኒ።

ምዕራፍ 2፡ ክፋል 2።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ እ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ኣደ ንወዳ ትርስዕ ድያ? ንዝወለደቶስ ኣይትምሕርን ዶ። ምንም እኳ ኣደ ንወዳ ምንም ፍረ ከርሣ እንተ ዘይዘከረት ንስኺ ግን ዘክርኒ። ኣይትረስዕኒ። ኵሉ ጊዜ ድማ ብኣፍኪ ዝተጸዋዕኹ ኣብ ቅድሚ ገጽኪ ዝተቐረጽኩ ከኸውን ኣብ ልብኺ ኣንብርኒ። ኃጢኣተይ ውን ከም መጋረጃ ከይኑ ኣብ መንጎይን መንጎ እግዚኣብሔር እንተ ተጋረደ ንጸሎተይ ውን ምዕራግ እንተ ኸልከለ። ነቢይ ኢሳይያስ ከምዝበለ። እግዚኣብሔር ጕይታ ሠራዊት ከመይ ኣዕንተይ ኣይርእያን'ዶ ኣእዛነይስ ኣይሰምዓንዶ እንተኾነ ግን ኃጢኣትኩም ኣብ መንጎኹምን መንጎይን ደው ይብል። ንስኺ ግን እ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ዝተኃሬኺ ብዕብራይስጥ ማርያም ዝተበሃልኪ ናይ ኃጢኣተይ መጋረጃ ቀንጢጥኪ ኣርሕቅዮ። እ እግዝእትየ ጸሎተይ ንኽዓርግ ኃጢኣተይ ንምፍኻስ ናብ እዝኒ ወድኺ ንኸኣቱ



ኣባይ ዘሎ ጸሎት ናብ እዝኒ ወድኺ ይለኣኽ። ካብ ርኽሰት ሥጋ ንኽንጽሓኒ ካብ ፍዳ (ዕዳ) ሥራሐይ ንኸድኅነኒ ውን ካብኡ ይቕረታ ናባይ ይምጻእ። እ ድንግል ዋልታ ጽድቂ ንምእመናን እትከላኸሊ ንመናፍቓን እተሽብሪ ብጸላኢ ከይሰዓር ኣድኅንኒ ብጸላኢ ምስናፍስ ከም ነበልባል ሓዊ ንልቢ የቃጽል እዩ'ሞ ንገጽውን ከም ጸልማት በዓቲ የጸልም። ልቡ ባህ ዝበሎ ሰብ ምልክቱ ገጹ ቡሩህ እዩ። ብጊዜ ተጋድሎ ፈራሕ ብጊዜ ፍጥነት ድኹም ኣይትግበርኒ። እ ድንግል ናይ ፍቕርኺ ብርሃን ከም ብርሃን ፀሓይ ንዓይኒ ልቡናይ የብርሆ። ከም ብርሃን ፀሓይ ክወግሕ ከሎ ንጉሆ ከም ዝወዕእ ከምኡ'ውን ናይ ፍቕርኺ ብርሃን ካብ ርእሰይ ጀሚሩ ክሳብ እግረይ ተዘርጊሑ። ዕፁብ ሥነ ጽባቐኺ ብኣይ ኣዝዩ ዝተደነቐ ኾነ። ላህይኪ ውን ከም ሚላት ግምጃ ዝተፈትወ እዩ። ናይ ዘውድኺ ብርሃንውን ጽሬቱ ብሠለስተ ኅብሪ ከም ዝተቀርጸ ቀስተ ደመና ንምርኣዩ ኣዝዩ ጽቡቕ ዝተፈትወ እዩ። ግዕዳ ዕንባባ ከም ዝዕንብብ ናርዶስ ከም ኣብ ገነት ዝቅይሕ ዕንባባ ሮማን ከም ኣብ ጫፍ ዘፍሪ ፍረ ወይኒውን እዩ። ናይ ሽልማትኪ ጌጽ ብጣዕሚ ዝጸበቐን ዘተፈትወን ብሰብን መላእኽትንውን ዕፁብ እዩ።

## ምዕራፍ 3፡ ክፍሊ 3።

ብዕብራይስጥ ማርሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ርእሰይ ንስምኪ ዘማሪ ማህሌተይ ገበርኩ። ልበይ ውን ንምስጋና ድንግልናኺ ብማኅሌት ከገልግል ይፈቱ። ሙሴን ኵሎም ደቂ እስራኤልን ባሕሪ ኤርትራ ምስ ተሳገሩ ንሙስጉን እግዚአብሔር ክነመስግን ኢና እናበሉ ንምስጋና እግዚአብሔር ዘመሩ ኣገልገሉ። (ዘፀ.15፡1) ኃብቲ ኣሮን ማርያም'ውን ምስ ኣዋልድ እስራኤል ስለ ምጥሓል ፈርዖንን ሠራዊቱን ደቂ ዓሌታ ከኣ ካብ ባሕሪ ብደኃን ስለ ዝወፁ ዘመረት ከምዚ እናበለት። ናይ እግዚአብሔር ሥራሕ ዕፁብ እዩ። ፈረሱን ዝተወጥሖን ናብ ባሕሪ ደርበዮ። ዳዊትውን ካብ ሳኦልን ካብ ወዱ ኣቤሴሎምን ራኅራኁ ካብ ኵናት ኣድኂኑዎ እዩ'ሞ ስለ ምስጋና እምላኹ ዘመረ። ኣሳፍን ደቂ ቆሬን ንእግዚአብሔር ምግልጋል ዘመሩ። ኢሳይያስ'ውን ስለ ርእሰም ትኽዜ ስብሓተ ፍቁር ናይ ፈታዊኡ ዝማሬ ዘመረ። ዲቦራውን ስለ ሞት ሲሳራ ዘመረት። ሰሎሞን ውን ስለ ክርስቶስን ስለ ቤተ ክርስቲያኑን ዘመረ። ኣነ ድማ ስለ ውዳሴኺ ንርእሰይ ዘማሪ ማኅሌታይ ገበርኩ። ንእምላኽ ከመስግኖ ክሎኹ ብኣኺ ንሰሙ ምስጋና ኣቕርብ ብስምኪ ውን ጸሎት ክጽሊ ክሎኹ ጸሎተይ ንወድኺ ኣቕርብ። ንኣኺ ውን



ክዘምር ክሎኹ በገናይ መሰንቆይ ንስኺ እኺ'ሞ ንወድኺ ዝማሬ ምስጋና ኣቕርብ። ደስ እንተበለኒ ብኣኺ ደስ ኢብለኒ። እንተ ኃዘንኩ ውን ብኣኺ እየ ዝጸናናዕ። መከራን ሽግርንውን እንተረኸበኒ ናባኺ እእዊ። ልሳን ዓመጸኛ እንተ መረረኒ ኣብ ቅድሚ ገጽኪ እምህለል። ስብኡተይውን ዝደለዮ ነገር እንተኣልዩ ንኣኺ እልምን። ብእምነት ዝደለኹዎን ዝተመነኹዎን ውን ብኣኺ እረኽቦ። ምእማን የድኅን ሃይማኖት ከኣ የቕንዕ፡ ምእማን የንጽሕ ሃይማኖት ድማ የራቕቕ፡ ምእማን ተስፋ የግብር ሃይማኖት ከኣ ይህብ። ምእማን ይጅምር ሃይማኖት ከኣ ይፍጽም። ምእማን የጋድል ሃይማኖት ይጋርድ። ሃይማኖት ናብ ዝተዘርገ ባሕሪ እምባ የፍልስ። ጐይታ ኣብ ወንጌል ከም ዝበለ። ከንዲ ፍረ ኣድሪ እተኣክል ከንዲ ቍልዒ ሓዊ እትኽውን እምነት እንተኣሊኩም ነዚ እምባ ካብዚ ተልዒልካ ናብቲ ኪድ እንተ ኢልኩምዎ ይኸይድ። (ማቴ.17፡20) ነዛ ሳግላውን ካብ ሠርኪ ተማሒኺ ናብ ባሕሪ ውደቒ እንተ ኢልኩማ ከም ዝተዛረብኩምዎ ይኸውን። ዝስኣነኩም የሎን። ጳውሎስውን ከምዚ በለ፡ ንዝኣምን ኵሉ ይኽነሉ። ስለ ዝጠራጠሩ ውን ሓዋርያ ከምዚ በለ። ክልተ ልቢ ዘለዎ ኵሉ ኣብ መገዱ ጽንዕ ኣይኮነን። (ያዕ.1፡8) ደጊሙ ከምዚ በለ፡ ብጥርጥር ዝለምን

Scanned with CamScanner

ንፋስ ከም ዘናውጾን ከም ዝገላባብጠን ማዕበል ባሕሪ ይመስል። ደጊሙ ዝጠራጠር ልቡ ውን ዝወላወል ብኣፉ እንጀራ ጊዙ ዝኸይድ ከልቢ ይመስል። ካልኣይ ከልቢ ድማ ተኸታቲሉ። ኣብ ወሰን ዓቢይ ባሕሪ ክበጽሑ ክለዉ ከኣ ተራኺቦ። ጽላሎቱ ውን ኣብ ወሰን ማይ ረአየ። እንጀራ ጊዙ ኣብ ውሽጢ ማይ ካልእ ከልቢ ዘሎ መሲልዎ ነቲ ኣብ ኣፉ ዘሎ እንጀራ ኃዲጉ ኣብ ውሽጢ ማይ ኣተወ። እቲ ዝተኸተሎ ካልኣይ ከልቢ ከኣ እንጀራ ጊዙ ከደ። ንሱ ግን ካብ ባሕሪ ምስ ወፀ እቲ ኸኣ እቲ ካብ ከልቲኡ ሓደ ኣይረኸበን። ከምኡ ድማ ዋጋ ጸሎት ከይተጠራጠሩ ንዝጽልዩ ሥሙር ይኸውን እምበር እናተጠራጠረ ዝጽልስ ዋግኡ ኣይረክብን። ስለዚ ድማ ኣነ ብጸሎትኪ ንምእማን ተጋህኹ። ኦ ድንግል እምነት ወድኺ ካብ ልበይ ኣይወፅእን ፍቕርኺውን ካብ ልበይ ኣይነዋወጽን። ዕዳን ሽግርን እንተ ረኺበኒ ንስኺ ብጸሎትኪ ከም ትፍጽምለይ ብኣኺ እተኣማመን።

## ምዕራፍ 4።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ኣብ ልዕሊ ግድጊዳ ብወርቂ ዝተሠራሕኪ ናይ ዕንቍ ጉልላት ንስኺ ኢኺ። ንርእሰይ ሽልማት ኣኽሊል ኩንኒ። ፍጻሜ



ምስጋናኺ ናብ ዘለዎ ንኸበጽሖ ብኸንፊ ኀልናይ ናብ ኣየር ተመስጥኩ። (ነፊርኩ) ኣብ ፍርቂ ርብዓ ምስጋናኺ ከይበጽሖት ድማ ሓሳበይ ድኸምቲ ኃይሊ ኮይና ተመልሰት። ዳግም ውን ኣብ ባሕሪ ፍልጠት ውዳሴኺ ክሕንብስ ደሊኹ። ናብ ወደብ ክብሪ ልዕልናኺ ንምብጻሕ ደኸምኩ። ናይ ሓንቲ ማዕበል መገዲ ዝኣክል እኳ ኣይኃለፍኩን። ናብ ጠፈር ጽርሓ ኣርያም ንምብጻሕ ዝከኣሎ መን እዩ። ኣብ ትሕቲ ምድሪ ዘሎ ባሕሪ መሠረትኪ ክሕንብስ ዝኽእል መን እዩ። ኦ ድንግል ክብርኸን ዝና ልዕልናኽን ኣጠናቒቑ ክዛረብ ዝኽእል መን እዩ ብእምነት ምስ ውዳሴኺ ብዝጸውዑኺ ጊዜ ስምኪ ጥዑም እዩ። ብኣፍ ኵሎም ምእመናን ሃይማኖቶም ቅንዕቲ ዝኾነት ምስ ውዳሴኺ ክጽውዑኺ ክለዉ ስምኪ ጥዑም እዩ። ብኣፍ ኵሉ ቤተ ክርስቲያን ስምኪ ጥዑም እዩ። ምስ ምስጋና ክጽውዑኺ ክለዉ ካብ ጸባን ወለላ መዓርን ዝጠዓመ እዩ። ንኃይሊ ድንግልናኺ ዝጸርፍ ብዘይ ዘርኢ ብዘይ ሩካቤ ፀኒስኪ ብዘይ ዘርኢ ብዘይ ሩካቤ ከም ዝወለድኪ ዘይኣምን ርጉም እዩ። ካብ ኵሉ ርኽሰት ንጽሕቲ ካብ ኵሉ ኃጢኣት ውን ጽርይቲ ከምዝኾንኪ ዘይኣምን ርጉም እዩ። ካባኺ ዝተወልደ እግዚኣብሔር ከምዝኾነ ዘይኣምን ንእኡ ድኅሪ ምውላድኪ ውን ብድንግልና ከም ዝነበርኪ

ዘይእምን ርጉም እዩ። ዘይኽብረኪ ንልዕልናኺ'ውን ዘይሰግድ ወትሩ ርጉም እዩ። ብፍጹም ልቡ ዘይውድሰኪ ካብ ማዕሙቕ ጎሊናኡ ዘይኽብረኪ ርጉም እዩ። ብኸናፍሩ ዘየመስግነኪ ብልሳኑ ዘይምርቓኺ ርጉም እዩ። ንኽብርኺ ዘይሰግድ ንልዕልናኺ ዘይግዛእ ክፍሊ ዕድሉ ገሃነመ እሳት እዩ። **ኦ ድንግል** ዝፈትወኺ ዝተፈትወ እዮም። **ኦ ንግሥት** ዘኽብሩኺ ክብራን እዮም፡ **ኦ ንጽሕት** ዝቕድሱኺ ቅዱሳን እዮም። **ኦ ፍሥሕት** ዝምርቑኺ ምሩቓት እዮም። **ኦ ልዕልት** ዘድንቑኺ ዝተደነቑ እዮም። **ኦ ውድስት ንንግሥትትኪ** ዝግዝኡ ኵሎም ዝተባረኹ እዮም ሕጂ ውን ካብ ናይ ትህኪት ድቃስ ንንቃሕ። **ናይ ፍቑር ወድኺ** ምስጋና ብዘብኵር ብኸቢድ ድቃስ ከም በድኒ ኣይንኹን ጽምኣት ደም ሰብ ዘለዎ ጻላኢ ንጸሎት ክንቅሑ ብዝደለዩ ጊዜ ኣብ ልዕሊ ቅንድብ ዓይኒ ድቃስ የብዝሖ እዩ'ሞ ንስኺ ግን ንኣይ ካብ ድቃሰይ ንምትንሣእ **የማናይ ኢድኪ** ዘርግሒ። ብትኽስ ውን ሽፋሽፍቲ ይሰብር። ምስጋና ውን ንምብኳር ነዚ ኵሉ ይተናኾል። (ይጽዕር) እንተነቒሑን ድቃስ ካብ ዓይኒ እንተ ረሓቐውን ናይዚ ዓለም ንብረትን ውዳሴ ከንቱን ከም ዝሓስቡ ብምግባር ድማ ይተናኾል (ይጽዕር።) ሰይጣን ከም ጸሎት ምብኳር ጌሩ ከቶ ዘፈትዎ የለን። ጸሎት ፍላፃ



እዩ'ሞ ዓይኑ ይወግእ። ካብ ልሳን ዝጽልዩ ሰባት ሓዊ መጺኡ ስለ ዘቃጽሎ ሰይጣን ካብ ኵሉ ጽቡቕ ሥራሕ ጸሎትን ትግሃትን ይጸልእ። ምናዳ ናትኪ ዜና ውዳሴ ክስምዕ ከሎ ብሕርቀት ስኑ ይሕርቕም። ናይ ምስጋናኺ ዜና ንእኡ ሓራዲኡ ስለ ዝኾነ ሕቘኡ ይሰብሮ። ሴፍ ስለ ዝኾነ ርእሱ ይቘርጾ። ስምኪ ክጽዋዕ ከሎ ድምጺ መብረቕ ክነጕድ ከሎ ከም ዝሰምዐ ይድንግፅ። ንስኺ ካብ ዝተወለድክሉ ጀሚሩ ፍጺሙ ዕረፍቲ ኣይረኸበን። ብኣኺ ሓመመ ብወድኺ'ውን ተጨነቐ **ብመስቀል ሓደ ወድኺ** ተሳቐየ። ካብ ኵሉ ዓሌት ፍጡር ኣዝዩ ሰይጣን ንኣኺ ይጸልእ። ብግብረ ኣምላካዊ **ኣምላኽ** ንምውላድ ምስ ፀነስኪ ንሱ ምዕንቀፊ ኣብ ልቢ ኣይሁድ ኣንበረ። ከምዚ ክብል ብዘርኢ ብሩካቢ ከም ዝተወልደ ካብ **ዮሴፍ** ከም ዝኾነ ኣብ ልቢ ኣይሁድ ቅንኣት ኣኅደረ። ኣብ ልዕሊ **ወድኺ ውን** ንኽትኃባበሩ ግድን በሎም። ንኽሰቕልዎ ድማ ሕራይ ጽቡቕ ኣበሎም። ሰቒሎም'ውን ርኹሳን ኣይሁድ ምራቖም ኣብ ገጹ ጡፍ ከም ዝብሉሉ ክሳብ ዝመውትውን ዕግርግር ንኽብሎ መጺጽ ምስ ሕሞት ሓዊሶም ከም ዘስቲዮዎ ገበሮም። ሞይቱ ድኅሪ ምቕባሩ'ውን ኣብ መቓብሩ ሓለውቲ ከም ዝሾሙ ንኣይሁድ ጠበሮም። እቶም ሓልውቲ ከም ዝተንሥአ ብዝነገሮም ጊዜ ካልኣይ'ውን ጠበሮም።

Scanned with CamScanner

ኑቶም ሓለውቲ ወርቂ ከም ዝዘበዎም ናይ ትንሣኤ ምስክርነት ብሓሶት ክምስክሩ ለይቲ ንሕና ደቂስና ከሎና ደቂ መዛሙርቱ መጺኦም ሰሪቖም ወሲዶምዎ ንኽብሉ መሃሮም። (ማቴ. 28:12-13) ብገዚኡ ዕረፍትኺ'ውን ካብ ኩሎም ቅዱሳን ኣዝዩ ስደማን ነኣኺ ስለ ዝጸልእ ንሬሳኺ ኃዲጎምዎ ክሳብ ዝሃድሙ ንሓርበኛታት ኣይሁድ ኣብ ልዕሊ ደቂ መዛሙርቲ ወድኺ ብጽልኢ ኣለዓዓሎም።

## ምዕራፍ 5፡ ክፍሊ 15።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም እምበኣር ንርእሱ ክረግጾ ኣብ ልዕሊኡ ኣሰልጥንኒ። ብመስቀል ፍላፃ በኸሪ ወድኺ ክወግኦ ኣሰልጥንኒ። ነዚ ዘኣልቦ እልገት ኀሠር ነውራም ክቐትሎ ኦ ንግሥት ኣሰልጥንኒ። ኦ ንግሥት ብሰይፊ መለኮት ርእሱ ክቖርጾ፡ ኦ ንግሥት ነዚ ዕቡይ ትዕቢተኛ ክሳለቐሉ ኀደግኒ። ናይ ወድኺ ኢድ ጽኑዕ ቅልጽሙ ብናተይ ኢድ ኂዙ ድማ ይደርብዮ። መንፈሳዊ ረቂቕ ኃይሉውን ዕምቆቱ ናብ ዘይፍለጥ ንውኃቱ ናብ ዘይርከብ ናብ ጸድፊ ገሃነም ይደርብዮ። ንግዕያ ሲኦል ውን እዚ ሓሳውን መንቀኛን ካብ ውሽጣ ምእንቲ ክይወፅእ ይሸጉሮ። ኣብ ልዕሊ ድንግልናኺ ናይ ጸርፊ ነገር ስለ ዝተዛረበ



ቀናእኹ። መንፈሳዊ ፅንስኺ ውን ስለዝሓሰወ ቀናእኹ፡ ብድንግልና ምውላድኪ ውን ስለ ዝጸረፈ ቀናእኹ ኣብ ልዕሊ ናዝራዊ ወድኺ ልቢ ኣይሁድ ስለ ዘትረረ ቀናእኹ። ናይ ዓለም መድኃኒት ንእኡ ንክቐትልዎ ስለ ዘጨከኖም ቀናእኹ። ስለ ናትክን ናይ ወድኽን ጸርፊ ቀናእኹ። ኣብ መዝሙር ክምዝበ፡ ናይ ቤትካ ቅንኣት በሊዓትኒ እዮ'ሞ ናይቶም ዝጸረፉኻ ጸርፊ ኣብ ልዕለይ ወደቐ። (መዝ. 69:9) ነቢይ እምበኣር ንኣኺ ቤተ እግዚኣብሔር በለኪ። ናይ ዝጸረፉኻ ጸርፊ ኣብ ልዕለይ ወደቐ ዝበሎ ውን ንዘረባ ኣይሁድ እዩ። ሰይጣን ካብ ዝምሃሮም ቅንኣት ዝተላዕለ ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሔር ወድኺ ወዲ ዮሴፍ ክብሉ ዝተዛረቡዎ ጸርፊ እዩ። (ማቴ.13:55) ኦ ሃገረ እግዚኣብሔር ብኣኺ ባህ እብለኒ። ነቢያት ፀሓይ ንምውላድ ከም ዝተዳለወት ወጋሕታ (ጎሕ) ዝረኣዩኺ ኦ ነባቢት ኢዶም ብኣኺ ኃሤት እገብር ኣሎኹ። ሰሎሞን ኃውኺ ከም ዝበለ እዚኣ መን እያ ከም ብርሃን ንጉሆ እትረአ። (መኃ. 6:10) ዳግም ውን ንሱ መዖር ኢሉ ጸዊዑኪ እዩ'ሞ ሰሎሞን ንርእሱ መዖሪ ኣሠረሐ ክብል ተዛረበ። (መኃ. 3:9) ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰሎሞን ይበሃል። ሰሎሞን ማለት ፍቕሪ ሰላም ማለት እዩ። ጳውሎስ ከም ዝበለ ብመስቀሉ ሰላም ገበረ፡ ንጸላኢ ውን ቀተሎ። ብዙኃት ነቢያትን ጻድቃንን ንኣኺ ክርእዩ

ኣየረኣይኹን። ናይ ወድ'ኺ. ደለዩ ምኅሊኺ እምበር ግን ኣብ ቅድስት ምሥጢረ መለኮት ዝረአና ንሕና ሓደ ኣካል ጠረጴዛ ሥጋኡን ደሙን ተቐቢልና። ናይ ወዲ ሓደ ኣምሳል ብምዃና ተመስጊና ኢና። ናይ ወዲ እግዚኣብሔር ትሕትናኡ ዕቡብ እዩ። እዚ ዕቡብ ትሕትና ከመይ ዝበለ እዩ። ነዚ እንክር ይግባእ። ከምዚ ዝበለ ትሕትና ዝርኣየ መን እዩ፡ ንጹሕ ሥጋኡ ብምውሃድ ሥጋና ንምንጻሕ ሥጋኡ ቆሪሱ ሃበና። ብኽቡር ደሙ ደምና ንምኽባር ናይ መድኃኒቱ ጽዋዕ ደሙ ሃበና። ኣብ ልዕሊ ደቂ መዛሙርቱ መንፈስ ቅዱስ ብእስትንፋስ ብምኅዳሩ መንፈስ ቅዱስ ብምሃብ ነፍስና ንምቕዳስ ምስኡ ከመዓራርየናን ወረስቲ ክገብረናን ንኣና መንፈስ ቅዱስ ሃበና።

## ምዕራፍ 6።

ንሱ እምበኣር ነዚኣ ንጽሕት በጊዕ ናይ ድኅነት መሥዋእቲ ዝኾውን በጊዕ ወሊዳትልና እያ'ሞ፡ ነኽብራ ልዕል ነብላ። ንጹሕ ማይ ዝናም ንዝተሰከመትልና ደመና ብርሃን ንኣኣ ልዕል ነብላ። ኣደኑት ምስ ድንግልና ኣተኃባቢራ ንዝኃዘት ንኣኣ ንሱ ነመስግና። ንዘልዓለም ንደቂ ኣብርሃም ሓበን ዝኾነት ንኣኣ ንሱ ክብራን ዝና ዕቤታን ንገር። ቅድስተ ቅዱሳን ንዝተባህለት ካልኣይ ክፍሊ ንኣኣ



ንሱ ነመስግና በዚ ሕጊ በዚ'ውን ኪዳን ኣለዋ። ሙሴ'ውን ኣብ ኦሪት ዝተጻሕፈ ንሕዝቡ ምስ ነገረ ድንኳኑን ናይ ሥራሓም ንብረት ኩሉ ንዋየ ቅድሳት ሸው ንሸው ይነጽግ። (ዘፀ. 24፡8) ከምኡ ድማ ወድ'ኺ ንደቂ መዛምርቱ ሕገ ወንጌል ምስ መሃሮም ኣብ ልዕሊ ዕፀ መስቀል ርእሱ ሠወዐ። ብምፍሳስ ኣምላኻዊ ደሙ ድማ ንምእመናን ዝተቐብዑ ገበሮም። መለኮት ዝተዋሃሃዶ ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ብሓቂ እዩ። እዚ ደም'ዚ ከም ደም ኣቤል ስለ'ቲ ዘፍሰሶ ንኃጢ ዝኸሰስ ኣይኮነን። እግዚኣብሔር ንቃኤል ከምዚ ክብል ተዛረቦ። ቃል ደም ኃውኻ ናባይ ይጠርዕ ኣሎ። (ዘፍ. 4፡10) ኃጢኣት ሕዝብን ኣሕዛብን ዘርሕቕ እዩ እምበር ጕይታ ንደቂ መዛሙርቱ ከም ዝበሎም ንኅድገት ኃጢኣት ምእንታኹም ዝፈስስ ደመይ እዚ እዩ ተቐበሉ ስተዩ። (ማቴ. 26፡27-28) ስለ ቤዛ ኣባጊዑ ናይ ዝተሰቕለ ኢየሱስ ናዝራዊ ኣምላኻዊ ደም ደኣ እዩ እምበር (1ይ ነገ. 21፡13) እዚ ደም'ዚ ከም ደም ኢይዝራኤላዊ ናቡቴ ስለ ዓፀድ ወይኑ ዝሞተ ኣይኮነን። (ዮሐ. 10፡11) ኃጢኣት ዓለም ናይ ዝተሰከመ እግዚኣብሔር በጊዕ ንጹሕ ደም እዩ እምበር ኃጢኣት ንምርሓቕ ዘይክእሉ ደቂ ኣሮን ከም ዝሠውዕዎ ደም ላም ኣይኮነን። (ዕብ. 10፡4-5) እዚ ደምዚ ኣብ ቀራንዮ ዝፈሰሰ እዩ። ብዓሠርተ

ሓደ ሰዓት ጊዜ ፋሲካ ኣይሁድ ኣብረ። እዚ ደምዚ ደማ ንዘለዓለም ዝቅዳሕ ዘይደርቕ ፈልፋሊ ድማ እዩ። እዚ ደምዚ ናተይ ዋጋ መኸፈሊ ዕዳይ እዩ። ዕድል ክፍለይ ፍረ ምስ ዘይብሎም ክይከውን በዚ ደምዚ እምነቦን ኣሎኹ። እዚ ኸኣ ካባኺ ሰብ ናይ ዝኾነ ደም ኣምላኽ ዘርብሓንን ዝጠቕመንን ይኹን። ኦ ቅድስት ድንግል ብክርስቶስ ክም ዝድኅን ብክርስቶስ ክም ዝነብር ብክርስቶስ ነፍሳት ካብ ዝውሕጡ ኣትማን ክም ዝድኅን ግበርኒ።

## ምስራፍ 7።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ንኹሉ ፍጡር ካብ ዝጐድእ ደዌን መከራን ኣድኅንኒ። ብጉንጓ ብሰገን ተመሲሎም ካብ ዘስሕቱ ኣጋንንቲ ኣድኅንኒ። ኣስማት ካብ ዝጽሕፉ ጠልሰም ካብ ዝጥልሰሙ ብዑፍ ካብ ዘምልኹ ብሓዊ ካብ ዘማርቱ ጸጸር ካብ ዝድርብዩ ጠንቆልቲ ዕንጨይቲ ጸሪቦም እምኒ ወቒሮም ካብ ዘምልኹ ኣድኅንኒ። ኣብ ትሕቲ ኦምን ኅቦታትን ንጣዖት ንኣጋንንቲ ካብ ዝሠውዑ ብፀሓይ ብወርኂ ብከዋኽብቲ ካብ ዘምልኹ ብምልክት መጽሓፍ ካብ ዝጥንቍሉ ኣድኅንኒ።



## ምስራፍ 8።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ንዚ ኵሉ ካብ ምሥራሕ ንዚ ኵሉ ካብ ዘሥርሕ ኣድኅንኒ። ኣነ ግን ብወድኺ ክነብር ብናይ ባሕርይ ኣቦኡ ውን ክድኅን ብኢድ መንፈስ ቅዱስ ክሕሎ እፈቱ። ብናይ ሃይማኖት ፈትሊ ሠለስትኑቱ ተኣሲረ ክነብር እደሊ። ዝኸረረ ፈትሊ ቀልጢፉ ኣይብተኽን እዩ'ሞ ኣብ ልዕሊ እምነት ሠለስተ ሥላሴ መሠረት ከውሒ ዝተሓንጸ ውን ናይ ሲኦል ኣጋንንቲ ኣይኽእለዎን ኣይብርትዖን። (ማቴ. 16፡18) እዚ ድማ ክምዝመጽኣሎም ዝጐስዑ፡ ክም ዝረኸብዎ ዝጠቕሱ መናፍቓን እዮም። ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ትንቢት ዝተናገረትሎም ክምዚ ክትብል። ወይንና ዓንበቡ እዩ'ሞ ብመጻወድያ ንወኻሩ ጋዙልና ናይ ወይንና ቦታ ዘጥፍኡ ንእሽቱ ወኻሩ'ውን ጋዙልና። (መኃ. 2፡15) ኦ ድንግል ካብ ጐጻጉጽ መገዲ ተኣልየ ብቕኑዕ ጐደና ክም ዝኸይድ ግበርኒ። ኦ ድንግል ደርሆ ንጫቓውታ ኣብ ትሕቲ ክንፉ ክም እትሰውር ብኽንፊ ጽላል ረድኤትኪ ሰውርኒ። ኦ ድንግል ዝጥዓመን ዝተፈትወን ነገረ ነቢያት ተነጊሩልኪ እዩ። ዝጠዓመን ዝተፈትወን ምስጋና ውን ምእንታኺ ተጌሩ እዩ። ሓደ ወዱ ካባኺ ሰብ ብዝኾነ ጊዜ ቅልጽም ኣብ ልዑል ከደነኪ። ክንፊ

Scanned with CamScanner

ገብርኤል መልኣኽ ውን መንፈስ ቅዱስ ከለለኪ። ምስ ብሥራት ብዘብሠረኪ ጊዜ እዚ ኣካላዊ ቃል ንሱ ብጽፍሒ ኢዱ ገብርኤል ኣብ ከርሥኺ ኃደረ። ከይተሰምዐ ናባኺ ዝስኸም ከነሉ ተሰኪምኪዮ። ከይተፈልጠ ተፀንሰ። መጸ። ከይተራእየ ወረደ። ወንጌላዊ ከምዝበሎ፦ በኵራ ወዳ ክሳብ ትወልድ ዮሴፍ ንድንግል ማርያም ኣይፈለጣን። (ማቴ.1፡25) (ሉቃ. 27) በዚ ነገር'ዚ ዝስሓቱን ዝተሳናኸሉን ብዙሓት እዮም። ድኅሪ ምውላዳ ዮሴፍ ብግብሪ ፈለጣ ብምባል። ነዞም ከምዚ ዝብሉ መናፍቃን ከኣ ናይ ኤጲፋንዮስ መጽሓፍ ፀረ ማርያም ይብሎም። ንሳቶም ውን ንርእሶም ናይ ሓሶት ምክንያት ገበሩ። ቃል መጽሓፍ ከምዚ ይብል፡ ኣዳም ንሔዋን ፈለጣ ቃኤል'ውን ዳግም ንሰበይቱ ፈለጣ። (ዘፍ. 4፡1-17) ኣብ መጽሓፍ ነገሥት'ውን ከምዚ ይብል። ንኣቢሳ ዳዊት ኣይፈለጣን። (1ኛ ነገ. 1፡4) በዚ ነገር'ዚ ምኽንያት ጌሮም ናብ ድንግል ቀየርዎ። ድኅሪ ምውላዳ ምስ ዮሴፍ ተራኺበት ብምባሎም ፈለጣ ማለት ግን ናብ ክልተ ነገር ይትርጎም። ካብ ምፍላጥ ናብ ዘይምፍላጥ ካብ ምርኻብ ናብ ዘይምርኻብ ወንጌላዊ ግን ናይ ባሕርይ ወዳ ክሳብ ትወልድ ዮሴፍ ንድንግል ኣይፈለጣን ማለቱ፡ ኣምላኽ ኣብ ከርሣ ስለ ዘሎ ናይ ድንግል መልክዓ ስለ ዝቀያየር እዩ። መልክዑ ኣብ ከርሣ ብዝተለዋወጠ ጊዜ ምስኡ



ከምኡ መልክዓ ይለዋወጥ። ከም መልክዕ ንጹሕ ብርሊ ኣብ ውሽጡ ብዝቕመጥሉ ጊዜ ማይ መሲሉ ከም ዝርኢ። ናይ ወይኒ ሜስ ብዝቕመጥሉ ጊዜ ናይ ወይኒ ሜስ መሲሉ ከም ዝረኢ። ኣብ ውሽጡ ዘሎ ቀይሕ ነገር እንተኾይኑ ከም ዝቕይሕ። ቆጽላይ እንተኾይኑ ውን ከም ዝቖጽል። ድንግል ውን ከምኡ ናይ ወዳ መልክዕ ኣብ ከርሣ ብዝተለወጠ ጊዜ ናታ መልክዕ ምስኡ ከምኡ ይልወጥ። ከም ዕንባባ ሮማን ቀይሕ እትኾነሉ ጊዜ ኣሎ። ከም ዕንባባ ናርዶስ እትነጽሓሉ ጊዜ ኣሎ። ከም ጽጌረዳ እተንጸባርቐሉ ጊዜ ኣሎ። ከም ተኽሊ ጎነት እትልምልመሉ ጊዜ ኣሎ። ድኅሪ ምውላዳ ግን መልክዑ ብምልዋጥ ንመልክዓ ዝልውጥ ወዳ መለኮት ካብኣ ምስ ዝወሰዶ ትስብእቲ ካብ ከርሣ ስለ ዝወጸ መልክዓ ኣይተለወጠን። ናይ ልዑል እግዚኣብሔር ጥበብ ከመይ ዝበለ እዩ። ክንዲ ምንታይ ይረቅቕ፡ ክንዲ ምንታይ ይዓሙቕ፡ ነዚ ኣንክሮ ይግባእ። ናይ ልዑል ኃይሉን ሥርሑን ፍጹም ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ። ፍርዱ ውን ቅኑዕ ሓቂ እዩ። ናይ ስሙ ምስጋና'ውን ቡሩኽ ልዑል እዩ።

## ምዕራፍ 9 ክፍሊ.18

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃለት ዝተኃረት ንድንግል ማርያም ፈተዋ ኣኽብራ ልዕል ኣበላ።

Scanned with CamScanner

ኣብ ልዕሊ ኵሉ ኣሰልጠና። ንኹሉ ውን ከም ዝግዝኣ ገበረ። ንእምኣኺ ብድንግልና ዝወለደት ንሳውን ናይ ንጽሕና ናይ ቅድስና መሠረት ኮነት። ኦ ጐይታይ ክዛረብ ልዕልናኣን ብምርዳእ ከመስግና ንልበይ ድርብ ፍልጠት ሃብ። ኦ ጐይታይ ናይ ማንነስ ምኽባር ናይ ድንግልናኣ ነገር ክዝንቱ ንልሳነይ ኃይለ ቃሉ ሃብ። ንሳ ድማ ንኣይ ንምድኃን እምንቲ እያ። ንድንቁርናይ ልቡና፡ ንዓይነይ ብርሃን፡ ንእዝነይ ናይ ጽቡቕ ብሥራት ዜና እያ። ንእዳወይ ኣምባር ቅድስና፡ ንእጋረይ ቅኑዕ ጕደና፡ ንኽሳደይ ሃሪ ማዕተብ ባዝግና፡ ንርእሰይ ኣኽሊል ዘውዲ ባና፡ ንእፈይ ዝጠዓመ መና፡ ንእፍንጫይ ጥዑም ጨና፡ ንትሕትናይ ልዕልና ንሕማመይ ጥዕና እያ። ኦ ድንግል ንጽሕና ከም መላእኽቲ ዝለበስኪ ከም ነቢያት መንፈስ ቅዱስ ዝተመላእኺ ብኢድ ፀባዖት ልዑል እግዚኣብሔር ዝተሓንጽኪ ናይ መለኮት ምኅደሪ ኢኺ። ናይ ኣሕዛብ ብርሃን ናይ ነገሥታት ኃይሊ ናይ ምድሪ መሠረት ናይ ሰማይ ጽንዓት ናይ ኣየራት ርቀት ናይ ባሕሪ ዕምቆት ናይ ደመና ክብደት ናይ ዝናማት ምእዛዝ ናይ ፀሓይን ወርሕን ከዋኽብትን ፀዳል ብርሃን ንስኺ ኢኺ።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተባሃልኪ ዝተጸውዓኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ብኹሉ ተመሲልኪ



ብኹሉ ውን መሲሎምኺ ነኣኺ ዝመስል ግን የሎን። ሰማይ ኣይስተንኽለክን። ምድሪ ውን ዘይትኽእሎ ክኢልኪ ኢኺ እሞ ዘይትስከሞ ውን ተሰኪምኪ ኢኺ እሞ ናይ ክርሥኺ ስፍሓት ዝኣክል ኣይትኸውንን። ኪሩቤል ሠረገላ ወድኺ እዮም። ሱራፌል ኣብ ትሕቲ መንበር ብኹራ ወድኺ ወዲቖም ይማዝኡ። ክብሪ ንዕቤትኺ እዩ። ልዕልናውን ንንግሥትኺ እዩ። ኦ ቅድስት ድንግል ጽንዓትና ኃይልና ሞገስ ግርማና ክብርና ተድላ ሓጐስና ንስኺ ኢኺ። ንእዝማድና ውን ሓበን ኮንኪ። ናይ ኵሉ ዓለም መድኃኒት ብኣኺ ተገብረ። ናይ ኣምላኽ ይቕረታ ውን ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ ብኣኺ ጸንዐ። ናይ ፍጡር ባሕርይ ምስ ፈጣሪ ብኣኺ ሓደ ኣካል ሓደ ባሕርይ ሓደ ግዝኣት ኮነ። እዚ ሥራሕኺ ዕዑብ እዩ። ሠራሒ ንሥራሑ ምልባስ ብጣዕሚ መንከር እዩ። ሠራሒ ውን ሥራሑ ንዝለበሶ ሥርዓት ዕዑብ እዩ። ፈጣሪ ንፍጡሩ ምልባስ እዚ ትሕትና ብጣዕሚ ዘገርም እዩ። ኦ ድንግል ሕጂ ውን ናብ ወድኺ ለእዊ ኣሎኹ። ከምዚ እናበልኩ፡ ኦ ጐይታ ካብ ልዕልና መላእኽቲ ናይ ሰብ ውርደት እዚኹ ዝፈተኻ ስለ ዝሠራሕኩዎ ኃጢኣት ኣይትንዓቐኒ ኣይትንቀፈኒ። ኦ ጐይታ ካብ ንሓድነት መላእኽቲ ንምድራውያን ፍጥረታት ምስታፍ ዝፈተኻ

ነውረ ነቐፈታ ኣብ ዘይብሉ ምሥጢረ መለኮትካ ኣትትፈጊ። እ ጐይታየ ካብ መልክዕ ኢሳው ንሥጋ ጽጉዕ ያዕቆብ እዚ'ኺ ዝፈተኹ ስለ ዝሠራሕክዎ ኃጢኣት ንኣይ ኣይተርሕቅ። ኣነ ንኣኺ ንበይንኺ በደልኩኺ። ንርእሰይ ውን ኃጢኣት ኣብዝሒ መራሕኩ። ንስኺ ንጹሕ ጌርካ ፈጠርካኒ ኣነ ግን ብምግባረ ጸላእየይ በደልኩኺ ንስኺ ብሃይማኖት ብሠናይ ምግባር ሸለምካኒ፡ ኣነ ግን ንኃጢኣት ብምፍታው ሸልማተይ ኃደግኩ። እ ጐይታየ መንደረ መንፈስ ቅዱስ ንክኸውን ንኣይ ብምግባር ብሃይማኖት ንምሕናጽ ትኃህ። ምንቅስቓስ ኣብ ዘይብሉ ኃጢኣት ብምውዳቐ ዝተጐዳእኹ ውን ከይከውን እ ጐይታየ ይቕረታ ካባኺ እዩ'ሞ ንኣይ ይቕረ ንምባል ትኃህ። እ ጐይታ ንቀ'ስለይ ዝፍውስ መድኃኒት ንስኺ ትፈልጥ። እ ጐይታየ ንድኽመይ ዘበርትዕ ሓጋዚ ንስኺ ትፈልጥ። እ ጐይታየ ሠራሕተኛ ሥራሑ ዘከናውንሉ ነገር ይፈልጥ እዩ'ሞ ሕይወተይ ዝኸና ምኽንያት ጥበብ ንስኺ ትፈልጥ። ሥራሕ ንሠራሒኡ ጥበብ ንመሃዚኡ ይእዘዝ ይከናወን እ ጐይታየ ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ሥርሓት ጥበብካ (ልህኩትኺ) ሓድስ። እ ጐይታየ ሥራሕ ኣእዳውካ ከም ዘይጠፍእ ግበር። እ ጐይታየ ኪዳን ፈታዊኺ ኣብርሃምን ይስሓቅን ዘክር። ኪዳን ዝኃረኽዎ



ያዕቆብ እስራኤል ሕግኺ ንምሕላው ካብ ኣሕዛብ ዝፈለኻዮ ብሕግኺ ዘጽንዓኻዮ ብስምኺ ዘጸውዓኻዮ ዕድል ከፍሉ በዓል ቤት ርስቲ ዝገበርካዮ ዘክር። እ ጐይታየ ካብ ልሳንኺ ብዝወፅአ ቃል መብራሕቲ ንሕዝብኺ ከብርሆ መራሒ ናይ ዝገበርካዮ እሙን ናይ ዝኾነ ሙሴ ኪዳን ዘክር። ኣብ ልዕሊ ደቂ እስራኤል መሢሕ ክኸውን ናይ ዝቐባዕካዮ ኣብ ቅድሜኺ ሞገስ ናይ ዝረኸበ ዳዊት ባርያኺ ቃል ኪዳን ዘክር። እ ጐይታየ ንኣዳም ኣቦኡ ንስኺ እንክለኺ ኣደ ናይ ዝኾነትካ ዝተባርኸት ንጽሕት ቅድስት መርዓት ናይ ዝወለዱኺ ናይዚኣም ኩሎም ቅዱሳን ኪዳን ዘክር። እ ጐታየ ካብ ሰማየ ሰማያት ወሪድካ ኣብ ማኅፀን ቅድስት ድንግል ምንዳርካ ዘክር። እ ጐይታየ ኣብ ማኅፀና ንትሽዓተ ወርኂ ምውሳንካ ዘክር። ናይ መዓልቱ ቍጽሪ ግን ክልተ ሚእትን ሰብዓን ኃሙሽተን መዓልቲ እዩ እ ጐይታየ ድንግል ከላ ካብኣ ምውላድካ ንጽሕት ከላ ብጡባ ምዕባይካ ዘክር ጐይታየ ኣብ መብልዕ ማል ምድርባይካን ብጨርቂ ምጥቕላልካን ዘክር። እ ጐይታየ ነዚ ኵሉ ዘኪርካ ንኣይ ንባርያኺ ስለ ኃጢኣተይ ኣይትንዓቐኒ ኣይትንቐፈኒ ብምድኃንካ ርድኣኒ። በወልታ መድኃኒትካ ከልለኒ። ጐይታየ ስለ ዝወለደትካ ማርያም ኣማላድነት ስለ ዘዕበዩኺ ኣጥባታ ስለ ዝሰዓማኺ ከናፍራ ስለ ዝሓቘፋኺ

አለኝም ስለ ተቀኝበሉኝ አቀሬሉኝን አባል ገበገብኝ
ስለ ተመለኮቸው ትዛዛን መሪነዋት ርኩሳኒ ሐሌሞኒ።
ኦ ቅድስት ስለ ርግማናዊ ንጽሕት ኢየሩኝ ንጹሕ
ትብ ርግበት እንጽሕ። ቅድስት ስለ ናዩ ኢየሩኝ
ከተሰበረትን ዝና ለሰለናን ወይ ንትሕትናዩ ምሬጽ።
ኦ ቅድስት ንጽሕተ ሐዋርያት ከምዝሑትርኝን
ከምዚኤንከምም ንጹሕ ርግ ቁጥወኒ። ለብ
ስጋዩ ማኅበርም ወይ ምስሌዎም ከምዚኣብር
ማዕርጊ። ናብ መርግለም ርግ ዝተጻየዓኹ እኹን።
አብዛ ዓለም ወይ ንጹሕ ንዛሬኝ ካብ ዝሉ
ዝዜረነ አርባኒ። ካብ መንፈስኒ ናበር ከበረ
እዩ። ካብ ገጽካ ናበር ከዮርም እዩ። (መዝ 138፡7)
ንስማዩ እንተ ወዳለኹ ንስኝ አሉሉ ለሉማኙ።
ለብ ዓዩ ምውጉት እንተደፍስኩ ወይ ለብኣ
ለሉማኙ። ምንጸፊዩ ለብ ሲኦል እንተ ንጸፍኩም
እብኡውን እንተ ንስኝ ለሉኝ ከም ወጋሕታ
ንስሬ ክንፊ እንተ ወሰድኩ ለብ ክምኩም ባሕሪ
እንተተቐመጥኩ አሉሉ ርግ ኢዩኝ ከትመርሐኒ
እዩ። የማንካውን ክትሐዘኒ እዩ። ቅድስት
ካብ እንግልጋዪ ንእኝ ዝመጽእ የሎን። ከም
መሰሓኝ ወይ መሰሓ የሎን። (መዝ 86፡8) ዘፈጸኝ
ዝተገበረ እዩ። ለብ ዝሉ ዓለም ምስለ እንዘሎኝ
ንዘፈተኸም እምበር ንዝሉ እርእዮን ሰማይ
ዝተን እዩ። ምድሪ ወይ መርገጺ እግሩኝ

ኢዩ። ሰሌሬ ባርያኝ ኢዩ። ጎሉት ወይ ንእዮ
የለዘዘ። ሰሌዩ ለሉት ኢዩ። መንበሩ ወርቁ ወይ
ብርሃኑ ዝተመርጸ እዩ። ከምኒሑን ወይ ብርሃኑ
ዝተተኙሉ እዮም። ሰራዊት ዝሉ ዓለም ለብ
ኢርኑ ትንኩ እዩ። (መዝ 85፡4-5) (ዘጸ 3፡11) እንተ
ንስ ግን እትቀመጠሉም ኢዩነንን። ለብ ወለኻም
ኢዩትመለሰን። ንግዚኣትኻ ወለን ደራት ንምዕራኝ
ስሬ ቀንደሬ የለኑን። ብርሃናኝ ደንዓ ብርሃኑ
እንዘሎኝ ጓል ክሉተ ኢርግመሪያ ተለመንኒ።
ብሓጻኝ ወይ እትፍሬሓ ቁጸረ ከበኝ ንእሽተይ
ሕፃን ከለለትኒ። ለብ የማን ለብኒ ዝተቐመጥኒ
እንዘሎኝ ብርሃኢተዩት ዓለም ለብ ሐለዩ ዝሃ
ጸራ ሐጺረትኒ። ካብ ሰውነ ንሓዲ ለዐለ
ናዩ ባለርዩ እምላኝ እንዘሎኝ ለብ ዝሉ ዓለም
ምስ ትሕቲኑ ተመሓለሰኒ። ለብ ዝሉ ንዚሬኝ
እንዘሎኝ ለብ ማሕለ ሰብ ተሐጸኒ። ቁሙን ኢርጋን
ቅድስትም ከምዝሕኝ ፈለጡኝ። ብለለትንቀሰም
እማማኝ ለሰሌለ ግን ኢዩሬለውሳን። ካብ
ለሰም ኢርሳቁኝ እምነ: እምላኽም ከም ዝሕኝ
ተመሓሪሮም ኢዩሬርዩን። ዘሬ ኢሪዩ
ዝተዋረሰ ነገር: ለብ ለለሌም ንሕዝም ከምዝ
በለ። ብሓሌዩ ዘገርም ፈለጡ። ኢርኝ ወይ ቤቱ
ቅርኑኩ ፈለጡ። ለሰሌለ ግን ኢዩሬለውንን።
ወገናም ወይ ኢዩተመሓሩን። (ኢሳ 1፡3) ለብ



Scanned with CamScanner

ሃገርም ትንቢት ዘተነግረሎም ብልሳን ዕብራይስጥ ኣብ መስገዲኦም ዘተጸሕፈሎም እስራኤል ምንም እንተ ዘይፈለጡኻ ቅድሚ ዓለም ወዲ ልዑል እግዚኣብሔር ከም ዝኾንካ ኣነ ፈለጥኩኻ። እ ጐይታ ኣነ ብኣኻ ኣመንኩ። ካብ ዘርኢ ዳዊት ካብ ዝኾነት ቅድስት ድንግል ምውላድካ ይገመ ፈለጥኩኻ። እ ጐይታየ ብከሳዊኻ ወዲ ኣብ ብሰብኣትካ ወዲ ድንግል ከም ዝኾንካ ኣሚንልካ። እ ጐይታየ ብመለኮትካ ወዲ ኣብ ብትስብእትኻ ወዲ ሰብ ከም ዝኾንካ ኣሚንልካ። እ ጐይታ ካብ ፈልፋሊ ሕይወት ዝተረኽበ ናይ ሕይወት ፈልፋሊ ከም ዝኾንካ ኣሚንልካ። ካብ ባሕርይ ኣምላኽ ዝተረኽብካ ናይ ባሕርይ ኣምላኽ ካብ ሕይወት ዝተረኽብካ ሕይወት ከም ዝኾንካ ኣሚንልካ። ካብ ወላዲ ባሕርይ ዝተረኽብካ ወዲ ባሕርይ ካብ ብርሃን ዝተረኽብካ ፀዳል ካብ ባሕሪ ፍልጠት ዝተረኽብካ ጥበብ ከም ዝኾንካ ኣሚንልካ። እ ጐይታየ ንዘወለደካ ንዘወደይትካ ሓደ ውሉድ ከም ዝኾንካ ኣሚንልካ ናይ ላዕላዋይ ልደትካ ክልእ እዩ። ክልኣይ ልደትካ ውን ክልእ፣ ሰማያዊ ልደትካ ክልእ እዩ። ምድራዊ ልደትካ ክልእ እዩ ቀዳማይ ልደትካ ካብ ሕይወት እሳት ዝተረኽበ ናይ ሕይወት ሓዊ እዩ። ዳግማይ ልደትካ ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ ኣካላዊ ቃል፣ ቀዳማይ ልደትካ



ካብ ኃይሊ ዝተረኽበ ኃይሊ እዩ። ዳግማይ ልደትካ ኃይሊ መለኮት እዩ። ንቀዳማይ ደሊኻዮ ኣይረኸብናዮን፡ ንዳግማይ ሓሰብኩ ኣይንኽእሎ። ንቀዳማይ ከየርኸብናዮ ኣመስጊንናዮ፡ ንዳግማይ ብእብራኽ ልበይ ሰጊደ ገጽ በረኸት ሃብኩ። ቀዳማይ ልደት ብዳግማይ ልደት ተፈልጠ። ናይ መለኮት ወግን ብወግን ድንግልና ተመስገነ። ካብ ድንግል ካብ ተወለድካሉ ንንጀው ካብ ኣብ ናይ ምውላድካ ሃይማኖት ተገልጸልና። ስለዚ ከኣ ዳዊት ከምዚ በለ። እግዚኣብሔር ኣብ ይሁዳ ተፈልጠ። ስሙ ውን ኣብ እስራኤል ዓቢይ እዩ። (መዝ. 76፥1) እዚ እምበኣር ካብ ወዲ እስራኤል ካብ ወገን ይሁዳ ኣካላዊ ቃል ስለ ምውላዱ ይዛረብ። ካብ ድንግል ምውላድካ ብዝንገር ትንቢት ካብ ኣብ ምውላድካ ተፈልጠ። ሕጂ ውን ብዘይ ጥርጥር ካብ ኣብ ምውላድካ ኣመስግን። ካብ ድንግል ምውላድካ ውን ኣመስግን። ከርሠ ድንግል ኣብ ሰማይ ካብ ዘሎ ናይ ብርሃን ሠረገላ ሰፊሑ። ከርሠ ድንግል ካብ ኣየር በለጸ ልዕል በለ። ብኪሩቤል ከኣ ተመስገነ። ከርሠ ድንግል ናይ ሰማይ ደገ ኮነ። ከይተኸፍተ ውን ናይ ዑሉይ መውዕእን ምእተውን እዩ። ከርሠ ድንግል ብሓቂ ናይ ጽድቂ ግንዘብ መዝገብ ኮነ። ከርሠ ድንግል ናይ ልዑል እግዚኣብሔር ምንደሪ ኮነ ሕጂ ውን

Scanned with CamScanner

ንእግዚኣብሔር ንመስግን። ከምዚ እናበልና። ንኣኻ ምስጋና ይግባእ። ንኣብ ናይ ባሕርይ ኣቦኻን ንኣብ ናይ ባሕርይ ሕይወትካ ንመንፈስ ቅዱስን ምስጋና ይግባእ። ንዝተሰከመትካ ዝና ልዕልና ንዝወለደትካ ምግሊጋል ነዴኻ ውዳሴ ንስግደትካ ቅድስና ይግባእ። ሕጂውን ንጸሎተይ ከም ንጹሕ ዕጣን ኣብ ቅድሜኻ ተቐበለኒ። ናባኻ ዝእወኽም ቃል ልመናይ ውን ኣድምፅ። ጐይታይ ናይ ኃያላን ኣምላኽ ስምዓኒ። ኣምላኽ ያዕቆብ ኣድምፀኒ። ጐይታይ ሃይማኖተይ ርእ። እ ጐይታይ ዋልታና ተመልከት። ቀቢዕኻ ናብ ዘንገሥካዮ ውን ርእ። (መዝ 84:6-9) ጐይታይ ናባኻ ዝለመንክዎ ልመናይ ስምዓኒ። ካብ ፍርሓት ጸላእተይውን ንሰብነተይ ሓሉ። (መዝ. 64:1) ካብ ጥበራ ሕሱማት ካብ ህኩት ዝበርቲ እከይ ሰውረኒ። ከም ሰይፊ ልሳኖም ካብ ዘብልሑ መሪር እፎም ከም ቀስቲ ካብ ዝገተሩ። እ ኣምላኸይ ኣውያተይ ስማዕ። ጸሎተይ ውን ኣድምዕ ናብ ጸሎተይ ኣቕልብ ኣውያተይ ናባኻ ይብጻሕ። (መዝ.102:1 ም. 61:1) ብመዓልቲ ጸበባይ ውን ገጽካ ካባይ ኣይትኅባእ። እዝንኻውን ናባይ ጽሎ። ብዝጸዋዕኩኻ ጊዜ ቀልጢፍካ መልሰለይ ንኣኻ ኣሚነ ኣሎኹ'ሞ ንጉሆ ንጉሆ ምሕረትካ ኣስምዓኒ። ንነፍሰይ ናባኻ እገድፋ ኣሎኹ እሞ እታ ዝኸደላ መንገዲ ኣፍጠኒ። (መዝ. 143:8)



ጐይታይ ብኣኻ እምንየን ኣሎኹ'ሞ ካብ ኢድ ጸላእተይ ኣድኅነኒ። ጽቡቕ ፍቓድካ ንምስራሕ መሃረኒ ንስኻ ኣምላኸይ ኢኻ'ሞ ቅዱስ መንፈስካ ውን መገዲ ጽድቂ ይምርሓኒ። ጐይታይ ምእንቲ ስምካ ኣድኅነኒ። ብጽድቅኻ ውን ንነፍሰይ ካብ መከራ ኣውፅኣያ። ኣነ ናትካ ባርያ እየ እሞ ብጸጋኻ ንጸላእተይ ኣጥፍኣዮም። ንነፍሰይ ዘጨንቅዋ ንኩሎም ደምስሶም። ጐይታይ ንቓላተይ ጽን በሎ። ንእህህታይ ውን ኣስተብህለሉ። እ ንጉሠይን ኣምላኸይን ናባኻ እጽሊ ኣሎኹ'ሞ ንድምጺ ኣውያተይ ኣድህበሉ፡ እ ጐይታይ ኣንጊሀኻ ንድምፀይ ትሰምዖ ኢኻ። (መዝ. 5:2)

## ምዕራፍ 10።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ እ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ንስኺ ድማ ልመናይ ብኣኺ ናብ ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ከቕርብ ናይ ወርቂ ጽንሐሕ ምዕረጊ ጸሎተይ ኩኒ። ካህን ንዕጣኑ ኣብ ማዕጠንቲ ወርቂ ከም ዝእቱ ከምኡ ውን ጸሎተይ ኣብ እዝንኺ እእቱ ኣሎኹ። ካብ ኣፈይ ዝወፅእ ቃል ተቐበሊ። ኣብ ልብኺ ውን ዝኃደረ ይኹን። ትግሃት ልብኺ ትግሃት ልበይ ይኹን። ሓሳብ ልብኺ ሓሳብ ልበይ ይኹን። ወድኺ ከየኅፍረኒ ተስፋ ከይክልኣኒ ድሌት ልበይ

Scanned with CamScanner

ከፍጽመለይ ኵሉ ሽሕ ትምኒተይ ከዘበኒ ለምንለይ። ብናይ መንፈስ ቅዱስ በረኸት ይባርኸኒ። ንኵሉ ተግባር ኢደይ የቕንዓለይ። ኣብ ልበይ ድማ ፍቕሪ ሰብ የንድረለይ። ናተይ ፍቕሪውን ኣብ ልቢ ሰብ የንድር። ናቱ ርንራኒ ኣብ ልበይ ይብዛሕ። ብናይ መለኮት ጨው ዝመቀርኩ ይግበረኒ። ናይ ጥበብ መብራህቲ ውን ኣብ ልበይ የብርህ። መንፈስ ፍልጠትውን ካባይ ኣይርሓቕ። ነዚ ነገር ዚ ካብ ፍቁር ወድኺ ድለይለይ። ምስ ኵሉም ማኅበር ክርስቲያን ኣሰማምዕኒ። ንወድኺ ምስ ዘፍቅሩ ብፍቕሪ ብሓድነት ኣንብርኒ። ካብ ኵሉ ክፉእ ነገር ሓልውኒ። ካብ መጻወድያ ጸላእተይ ኣድኅንኒ። ንግዘኣት ጽድቂ ውን ዘገልግል ግበርኒ። ኃጢኣት ዝሠርሕ ኵሉ ግዙእ ኃጢኣት እዩ'ሞ ካብ ፆር ኃጢኣት ነፃ ግበርኒ። (ሮሜ 6:16:20) ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ኣብ ልዕለይ ምእንቲ ከይሰልጥንሲ ንሰይጣን ኣይትፈንዊዮ። ካብ ኵናት ጸላኢ ምእንቲ ከድኅንኒ ኣብ ዝውዓልክዎ ኣብ ዝኃደርክዎ ናይ ወድኺ ሠራዊት ዝኾኑ መላእኽቲ ይሓልዉኒ። ኣነ ኣብ ዘለኹሉ ቦታ ርኹሳን መናፍስቲ ከይኣትዉ ብሓፁር መስቀል ወድኺ ሕፀርኒ። ብመዓዛ ልብስኺ ምእንቲ ከምዕዛ ብቅድስና መጐናጸፊ ውን ሰውርኒ። ካብ ድቃሰይ ክነቅሕ ከሎኹ ብዘይ



ትህኪት ምእንቲ ክመስግንኺ ጸሎት ንምብኣር ድቃስ ብዘመጽኣኒ ጊዜ ኃይሊ መለኮት ወድኺ ካብ ቅንድብ ዓይነይ ካብ ሽፋሽፍተይ የርሕቖ። ልሳነይ ድማ ንኣኺ ንምምስጋን ትጉህን ንቁሕን ይኹን። ካባኺ ድሌተይ ከሳብ ዝፍጸም ኣእጋረይ ድማ ኣብ ቅድሜኺ ከይተናወጻ ይቑማ። ካብ ጐይታኦ ዓሰቡ ከም ዝቕበል ሰብ። ኣእዳወይ'ውን ንጸሎት ዝተዘርግሓ ይኹና። ንጸላእየይ ምእንቲ ክወግኦ ዓሠርተ ኣፃብዕተይ ከም መብራህቲ ፋና ይኹና ንዝፃረረን ምእንቲ ክቖርጾ ናይ ሓዊ ሰይፊ ካብ ልሳነይ ይውፃእ። ኣብ ጸሎት ከሎኹ ሓሳብ ምብዛን ካብ ሕጂ ንነው ኣይድገም። ዝወላወል ልቡና ኣየምጽኣለይ። ኣበው ቅዱሳን መነኮሳት ከምዚ ይብሉ፣ ኵሉ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዝጽሊ ሓሳብ ልቡ ካብ ቤተ ክርስቲያን ወፃኢ እንተ ኾይኑ ወይ ከኣ ናብ ሥራሑ ሓደ ወዲ ዘለዎ ምስኡ ድማ ካልእ ዘይብሉ ሰብ ይመስል ንሱ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር እቲ ዝሠውዖ ስለ ሥጋዊ ነገር ዝደክም ናይ ነብሱ ነገር ሸለል ዝብል ይመስል።

## ምዕራፍ፡ 11።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ንልበይ ብፍቕሪ መንፈስ ቅዱስ እሳትነት ዝተቓጸለን ዝሞቐን

ግበርዮ። ካብ ወገን ሰይጣን ዝርከብ ናይ ልበይ ምዝሓል ቍሪ ስንፍና ድማ ኣርሕቕዮ። ሓሳበይ ውን ብዋዕይ ፍቕረ መንፈስ ዝሞቔ ይኹን። ጣቓ ጸልማት ካባይ ይርሓቕ። ልበይ ድማ ከም ብርሃን መብረቕ ይብራህ። ከም ፀሓይ ማያዝያ ውን ብኃይሊ ከም ዝረአ ይኹን። ብዝኾነ ነገር ዝተሸገርኩ ኣይትግበረኒ። ኣደ ንደቃ ከም እትተግህ ንኹሉ ድሌተይ ትግሂ። ኣዕይንተይ ናባኺ ይጥምታ ኣለዋ። ከም ግዝእቲ ናብ ኢድ ኣደይ። ግዙኣት ናብ ኢድ ጐይቶቶም ከም ዘንቃዕርሩ ኣዕይንተይ ናባኺ የንቃዕርራ ኣለዋ። ሕፃናት ናብ ኢድ ኣቦታቶም ከም ዘንቃዕርሩ ኣዕይንተይ ናባኺ የንቃዕርራ ኣለዋ። ሕፃናት ናብ ኢድ ኣዴታቶም ከም ዘንቃዕርሩ ኣዕይንተይ ናባኺ የንቃዕርራ ኣለዋ። ሠራዊት ናብ ኢድ ንጉሥ ከም ዘንቃዕርሩ ኣዕይንተይ ናባኺ የንቃዕርራ ኣለዋ። ሕዝቢ ናብ ኢድ መኰንን ከም ዘንቃዕርሩ ኣዕይንተይ ናባኺ የንቃዕርራ ኣለዋ። ኣብ ቦታ ደቂ እስራኤል መና ከም ዝወረደ ስለ ናትኪ ልመና ምሕረት ወድ'ኺ ምእንቲ ክወርደለይ ኣዕይንተይ ናባኺ የቃዕርራ ኣለዋ። ናይ መና ትርኢቱ ከም ደቂቅ ድምባል ከም ፃዕዳ ኣሳሕይታ እዩ። ጣዕሙ ውን ከም ወለላ መዓር ምስ ቅብዓ እዩ። (ዘፀ. 16:31) ካብ ምሕረት ወድ'ኺ ንላዕሊ መን እዩ ዝጥዕም። ካብ



ንጹሕ ይቕረታ ወድ'ኺ ንላዕሊ መን እዩ ዝነጽሕ። ንዝበደለ ከም ዘይበደለ ንዝረስሐ ከም ዘይረስሐ ንኃጥእ ከም ጻድ'ቕ ንዘማዊ ከም ድንግል ይገብሮ። ሕጂ ድማ እዚ ዘንጽሕ ይቕረታኡ ርኽሰተይ ንኸንጽሕ ኣብ ልዕለይ ይውረድ። ዝናም ምሕረት ወድ'ኺ ናይ ሰብነተይ ርኽሰት ንኸሓፅብ። ኣብ ልዕለይ ይውረድ።

## ምዕራፍ፡ 12።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ኦ እግዝእትየ ንጽሕት ድንግል ማርያም ኣንቃዕሪረ ከም ዘይኃፍር ኣሚነ ተስፋ ከም ዘይቆርጽ ዝተመኔኽዎ ውን ከም ዘይስእን ግበርኒ። ኦ ድንግል ናይ ንጽሕና መንፈስ መኅደሪ ናይ በረኸት ኣደራሽ ግበርኒ። ናይ ጸሎት ሠረገላ ናይ ምስጋና መሳልል ውን ግበርኒ። ኦ ድንግል መዝገበ ቃል መጽሓፍቲ ናይ ሃይማኖት መዓዛ ሙዳይ ግበርኒ። ኦ ድንግል ብለዋህነት ዝተሸለምኩ ብትዕግሥቲ'ውን ዝተኸለልኩ ግበርኒ ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረ'ኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ናባኺ ዝቐረብኩ ብወድ'ኺ'ውን ዝሠመርኩ ግበርኒ። ሕጂ ውን ዝፈተ'ኽዎ ነገር ምእንቲ ክተቕንዕለይ ዝደሊ'ኽዎን ዝሓሰብክዎ ኵሉ ምእንቲ ክተሥምርለይ ናባኺ እእዊ ኣሎ'ኹ። ብወገን ኢያቄም ኣቦኺ ጓል ዳዊት

ኢኺ'ሞ ኦ ጓል ንጉሥ ኣመስግነኪ ኣሎኹ። ብወገን ኣዴኺ ጓል ኣሮን ኢኺ'ሞ ኦ ጓል ሊቀ ካህናት ውዳሴኺ እቕርብ ኣሎኹ። ካብ ቤተ መንግሥትን ቤተ ክህነትን ተረኺብኪ ኢኺ'ሞ ንዝና ዕቤትኪ'ውን ኣድንቕ ኣሎኹ። ንወገን ነገድኪ'ውን ኣመስግን ኣሎኹ። ስለዚ ድማ ጓል ነጐድጋድ እኺ እብለኪ ኣሎኹ። ንያዕቆብን ዮሓንስን ኣኤሬጌስ ኢሉ ከም ዝጸውዖም እዚ ድማ ደቂ ነጐድጋድ ማለት እዩ። ካብ ቤተ መንግሥትን ቤተ ክህነትን እዮም እሞ። ስልዚ ድማ ናይ ደቂ ነጐድጓድ ተባህሉ። ኣነውን ናይ ምውላድኪ ዜና ድምፂ ከም ነጐድጓድ ተሰሚዑ እዩ'ሞ ጓል ነጐድጓድ ኢኺ እብለኪ ኣሎኹ። ካብ ክልተ ዝተቐብዑ ነገድ ዓሌት። ብኢድ ሊቀ ነቢያት ሙሴ ንክህነት ካብ ዝተቐብዐ ኣሮን ዓሌት። ብኢድ ሳሙኤል ንመንግሥቲ ካብ ዝተቐብዐ ዳዊት ዘርኢ። (1ይ ሳሙ. 16:13። ዘሌ. 8:12) ደጊመውን ጓል ኣናብስ ኢኺ እብለኪ ኣሎኹ። ከም ድምፂ ሽደን ኣንበሳን ከም ድምፂ ኣንበሳይቲ ኣንበሳን ዜና ልደትኪ ስለ ዝስማዕ። ኣቦኡ ያዕቆብ ንይሁዳ ሽደን ኣንበሳ ስለ ዝበሎ። (ዘፍ. 40:9) ስለዚ ከኣ ጓል ኣናብስ በልኩኺ። ሰሎሞን ከም ዝበሎ ኣንቲ መርዓት ንዒ ካብ ሊባኖስ ንዒ፤ ካብ ሊባኖስ። ካብ ጕድጓድ ኣናብስ ውን ወፂኺ ንዒ። (መኃ. 3:8) ካብ ኈሬት ነገዱ ዝተለዓለ ካብ ዝሕበን ወገን



ዜና ልደትኪ ብጣዕሚ ግሩም እዩ። ኦ ድንግል ብሥነ ጽባቐኺ ብውቁብ መልክዕኺ ዝጸበቕኪ ዝተፈተኺ ዝተሸለምኪ ኢኺ። ካብ እግርኺ ክሳብ ርእስኺ ሕማቕ የብልክን። ብወገን ነገድ ውን ዝተኃረኺ ኢኺ። ብመልክዕን ሥነ ጽባቐን ካብ ኩሉ ኣዚኺ ጸበቕኪ ተፈተኺ። ብንጽሕና ተሸለምኪ። ብቅድስና ተኸልልኪ። ብኹሉ ውን ፍጽምቲ ኢኺ። ንኣኺ ንምምስጋን ቓለይ ዓው ኣብል ኣሎኹ። ንውዳሴኺ ውን ብኃይሊ ዓው ኢለ እጭድር ኣሎኹ። ንማኅሌትኪ ብኣእዳወይ ኣጣቕዕ ኣሎኹ። ንእልታኺ ብኣእጋረይ ኣሸብሽብ ኣሎኹ። ንኽብርኺ ኣገልግሎት እህብ ኣሎኹ። ንዝና ልዕልናኺ እሰግድ ኣሎኹ ካብ ፍረ ከርሥኺ ውን ናብ ኣፈይ ኣእቱ ኣሎኹ። ደም ፍረኺ ውን ንእዝነይ ጥዑም እዩ። ጨና መዓዛኺ ንኣፍንጫይ ጥዑም ዝተፈትወ እዩ። ናይ ድንግልናኺ ፈታዊተይ ብደስታኺ እዚ ቁመትኪ ከም እም ሆማዕና ይመስል። (መኃ. 7:7) ጨና ልብስኺ ከም ጨና መዓዛ ርኔ ከም ጨና ኣፈው እዩ። መዓዛ ኣፍንጫኺ ውን ከም ዕንባባ ወይኒ ዝጨልቀዐ እዩ። መኸፍቲ ኣፍኪ ውን ከም ዕንባባ ቀናንሞስ ምስ ኩሉ ዕንጨይቲ ሊባኖስ ምዑዝ እዩ። (መኃ. 4:14) ኵለንታኺ ዝጸበቕን ዝተፈትወን ብመንፈሳዊ ሽልማት ዝተሸለመ እዩ። ናይ ምስጋና ብርሃን

Scanned with CamScanner

ይኸበኪ። ምስ መለኮታዊ ብርሃን ኦ ኣደ ብርሃን ኣደ መሢሕ ኣደ ኣምላኽ ኣደ መድኃኒት ዓለም ኦ ኣደ ኢየሱስ ናዝራዊ ንወድኺ ለምንለይ። ንሥጋይ ጽንዓት ንነፍሰይ ዕረፍቲ ንልበይ ባህታ ሎምን ንዘለዓለም ካብ ፍቁር ወድኺ ሕይወት ኣውህብኒ።

ኦ እግዝእትየ ካብ ሞት ንዘለዓለም ምእንቲ ክተድኅንኒ ኣድኅንኒ ኣይብልን። ከምዚ ክብል እንተኾይነ እሞ፡ ሞት ከይረኣየ ብሕይወት ዝነብር ንነፍሱ ካብ መቓብር ዘናግፍ ሰብ መን እዩ። (መዝ. 89፡48) ኣነስ ዝብሎ ከምዚ እዩ። ንስሓ ክሳብ ዝኣቱ ወድኺ ክጽበየኒ (ዕድመ ክህበኒ) ናይ ንስሓ ፍረ'ውን ክሳብ ዘቕርበሉ ቌጸራ ክህበኒ፡ ርኅራኄኡ'ውን ባህ ክሳብ ዘብለኒ ክሕልወኒ እዩ። ኦ እግዝእትየ ንስኺ ሓልውኒ። ኵሉ ሻዕ ካባይ ከይትርሕቂ። ነብሰይን ሥጋይን ንኣኺ ሓደራ እህብ ኣሎኹ። ብኹሉ ዕድመይ ወትሩ'ውን ኣይትኅደግኒ። በዚ ዓለም በቲ ዝመጽእ ዓለም ንኣይ ንባርያኺ ካብ ዝመጽኣኒ ኵሉ ኃሣረ መከራ ሓልውኒ ኣሜን። ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃሬኺ ኦ እግዝእትየ ማርያም ወላዲተ ኣምላክ ንእግዚኣብሔር ብዝለመንኩዎ ኵሉ ነገር ዋጋ ዘይብለይ ተስፋ ዝቘረጽኩ ከይከውን ለምንለይ። ብውዑይ ፍቕሪ ከም ዝጸዋዕኩኺ ንስኺ ድማ ብውዑይ ሓሳብ ስለ ሓሳብ ልበይ ለምንለይ። ሓሳብ ልበይውን ኣቕንዕለይ ኣሥምርለይ። በረኸት



ኣዳምን ኣቤልን ሴትን ሄኖስን ቅዱሳን ኣብ ልዕለይ ክዓስል ለምንለይ። በረኸት ሄኖክን ኖኅን ሤምን በረኸት ኵሎም ኅሩያን በረኸት ኣብርሃምን ይስሓቅን ያዕቆብን እስራኤል ዝተባህለ በረኸት ሙሴን ኣሮንን ሌዊን ዳዊትን ሳሙኤልን በረኸት ኤልያስን ኤልሳዕን ኤርምያስን ዳንኤልን። በረኸት ሰሎሞንን ዕዝራን ኢዮብን ሕዝቅኤልን ኢሳይያስ ልዑለ ቃልን ስምዖን ድንግልን በረኸት ኣናንያን ኣዛርያን ሚሳኤልን በረኸት ሆሴዕን ኣሞፅን ሚክያስን በረኸት ኢዮኤልን ኣብድዩን ዮናስን በረኸት ዕንባቆምን ሓጌን ዘካርያስን ሚልክያስን በረኸት ኵሎም ነቢያት ክርስቶስ በረኸት ሕዝቅኤልን ኢዮስያስን በረኸት ኵሎም ርቱዓን ሃይማኖት ነገሥት ኣብ ልዕለይ ክዓስል ለምንለይ። በረኸት ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ ኣገልጋሊኺ እገሌ ብኹሉ መዋዕል ሕይወተይ ይኹን። ምስ ኵሎም ቅዱሳን ኣገልገልትኺ ምስ መላእኽትን ምስ ፍንዋን ነቢያትን ሰባኪያን ሓዋርያትን መስተጋድላን ሰማዕታትን ኅሩያን ጻድቃንን ብዕለተ ሰንበት ብጊዜ ክብካቡ ንወድኺ ምስ ዘሥመርአ ቅዱሳት ኣንስትን ሠራዊት ሰማይን ምድርን ብሓደ ቃል ኃቢሮም ኣብ ዘመግኑሉ ጊዜ ምስኣቶም ቍጸርኒ ለዘለዓለም ኣሜን።

## ኣርጋኖን ዘረቡዕ።

ብስም እግዚኣብሔር ኣብ ንጽሕናን ጽድቅን ዘሰለመኒ። ብስም እግዚኣብሔር ወልድ ዝተወልደ ካብ ከርሥኺ። ብስም እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ምርፋቕ ዝገበረኒ። ኦ እግዝእትየ ቅድስት ድንግል በ፪ ማርያም ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ወድኺ ካብ ኢድ መበለት ሳናቲም ከም ዝተቐበለ ፍረ ከናፍረይ ክትቕበሊ ፈጺመ እልምነኪ። ንዘለዓለም ኣሜን።

### ምዕራፍ፡ 1።

ስለ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቐዲመ ንእግዚኣብሔር ኣመስግኖ ኣሎኹ። ምእንታኺ ውን (ሮሜ. 1:8) ዜና ውዳሴኺ ብዅሉ ዓለም ተሰሚዑ እዩ'ሞ ብመንፈስ ቅዱስ ከም ዝተዛረብክዮ ክምዚ ክትብሊ እንሆ ካብ ሎሚ ጀሚሩ ኵሎም ወለዶ ብፅዕት ክብሉኒ እዮም። (ሉቃ. 1:48) ኣደ እግዚኣብሔር ኮይንኺ ኢኺ'ሞ ብሓቂ ምስጋና ይግብኣኺ። ንዅሉ ዓለም ኣብ ማዕከል ኢዱ ንዝኃዘ ንእኡ ወሊድክዮ ኢኺ'ሞ ብሓቂ ኣድንቖት ይግብኣኺ። ንሓቀኛ ፀሓይ መውጽኢ ስለ ዝኾንኪ ብሓቂ ብፅዓን ይግብኣኺ። ንኾኾብ ጽባሕ ምሥራቕ ኮይንኪ ኢኺ'ሞ ብሓቂ ኣድንቖት ይግብኣኪ። ንውሉደ ጥምቀት ክርስቲያን ሓበን ኮንኪ ኢኺ'ሞ ብዕውነት ብዕዕና ይግብኣኪ። ንመሠረት ሃይማኖት ጽንዓት ስለ ዝኮንኪ። ብሓቂ ምስጋና ይግብኣኺ። ካብ ኪሩቤል ክብሪ ልዕልና ንኣኺ ይግባእ። ካብ ሱራፌል ውዳሴ ካብ መላእኽቲ እልልታ ካብ ሊቃነ መላእክት ዝማሬ ንኣኺ ይግባእ። ካብ ነቢያት ትንቢት ካብ ሓዋርያት ስብከት ንኣኺ ይግባእ። ካብ ቅዱሳን ሰማዕታት ኣዴና ምባል ካብ ምእመናን እግዝእትነ ምባል ካብ ኣፍ ኵሉ ክርስቲያን ቀርነ መድኃኒትና ምባል ንኣኪ ይግባእ። ካብ ኣፍ መሢሓውያን ነገሥታት ንግሥት ምባል ካብ ልዑላን መላእ... ንላዕሊ ልዕልቲ ማለት ካብ ታሕተዎት ፍጡራን ንኣኺ ምግዛእ ይግባእ። እምበኣር ንስኺ ካብ ሰማይ ትበልጺ፥ ካብ እምባታት ልዕል ትብሊ፥ ምእንታኺ ድማ ከምዚ እብል ካብ ብርሃን ፀሓይ ካብ ድምቀት ወርሒውን ትበልጺ ኢኺ። ምእንታኺውን ከምዚ እብል ካብ መልክዕ ኣርዮብ ካብ ብርሃን መብረቕ ንስኺ ተብርሂ። ምእንታኺ ድማ ከምዚ እብል ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ ትጉሃን መላእኽቲ ትኸብሪ። ካብ መናብርት ካብ ሥልጣናት ትቕደሲ። ምእንታኺ እምበኣር ከምዚ እብል መልክዑ ትርኢቱ ፍሉይ ካብ ዝኾነ ዕንባባ ፍረ ሽታኺ ይምዕዝ። ሕጂ ድማ ናብ ወድኺ ኣእዊ ከምዚ እናበልኩ። ጐይታይ መስቀል ኣብ ልዕሊ ብምሕረትካ ዘክረኒ።

ብመስማር ተቸንከርካ ክሎኻ ንየማናዊ ሽፍታ ከም ዝዘከርካዮ ብምሕረትካ ዘክረኒ ጐይታየ ስለ ንጹሕ ደም ኣቤል ኣማላድነት ስለ ሰብ ምዃንካ ምእንቲ ኣማላድነት ሰማዕታት ስለ ምስክርነት ትንቢት ዝሞቱ ብምሕረትካ ዘክረኒ። ጐይታየ ብጽሩይ ወርቂ ወኃዚ ወንጌልካ ንምምሃር ስለ ኣማላድነት ጴጥሮስን ጳውሎስን ደሞም ዘፍሰሱ ዘክረኒ። ጐይታየ ብኣኻ ዝተፈትወ መዓዛ ድንግልናኡ ከም ጥዑም ሽታ ኣብ ርእሲ ካህናት ስለ ዝተወሃሃደ ኣማላድነት ዮሓንስ ወልደ ነጐድጓድ ብምሕረትካ ዘክረኒ። ጐይታየ ስለ ኣማላድነት ደም ሓዋርያትካ ምእንቲ ምስክር ሥጋዊኻ ዝፈሰሰ ብምሕረትካ ዘክረኒ። ጐይታየ ስለ ኣማላድነት ደም መዋዕያን ሰማዕታት ምእንቲ ምስክር ስምካ ከም ብዝኑ ማህልኻ ዘክረኒ። ጐይታየ ስለ ኣማላድነት ገድሊ ቡሩካን ጻድቃን ዝፃመዉልካ ብሕረትካ ዘክረኒ። ጐይታየ ስለ ንጽሕና ኅሩያን ደናግል ናይ ድንግልናኦም ባሕርይ ገጸ በረኸት ጌሮም ስለ ዝቐረቡልካ ኣማላድነት ብምሕረትካ ዘክረኒ። ጐይታየ ስለ ኪሩቤልን ስለ ሱራፌኤልን ስለ ማኅበር ትጉሃን መላእኽትን ንሳቶም ብዘይርኽሰት ንጹሓን ብዘይ ትህኪት ውን መዘምራን ዝኾኑ ብምሕረትካ ዘክረኒ። ጐይታየ ስለ ወላዲትካ ማርያም ስለ ቡሩክት ክብርት ልዕልት ዝተኃሬት



ንጽሕት ድንግል ኣማላድነታ ብምሕረትካ ዘክርኒ። ስለ መዓዛ ቅድስናኣን ስለ ድንግልናኣን ካብ ኵሎም ፍጡራን ኣዚኻ ሥን ጽባቐ መልክዓ ስለ ምፍታውካ ብምሕረትካ ዘክረኒ። ናይ ሕይወት መድኃኒት ጀማሪት እያ'ሞ መሠረት ንጽሕናን ቅድስናን ናይ ኵሉ ዓለም ሽልማት ጌጽ ናይ ኵሉ ፍጥረት ሓበን ዘውዲ ካብዚ ክሳብ ሰማይ እተብጽሕ መሳልል እያ። ካብዚ ጥፍኣት ጸድራ ዓለም ኵሎም ሰባት ዝሳገሩላ ድልድል መንግሥተ ሰማያት እንኣትወላ ኣፍ ደገ ካብ ኵናት ዓመፅትን ወንጌለኞታትን ካብ ጽልኢ ክርክር ክፉኣት ዓሌታት ካብ ዘሳድዱና እንድኅነላ እምባ መጸጊዕና እያ። ካብ ፍላፃ ሰይጣን ካብ በሊሓቲ ኣጽዋር ካብ መጻወድያ እንድኅነላ ዕርዲ ሃይማኖት ብዕንባባኣ እንምዕዘላ ካብ ፍሬኣ እንምግበላ ኣብ ትሕቲ ጨናፍራ እነጽልለላ ናይ ገነት ዕንጨይቲ እያ። ብኽብራን ብዝና ዕቢታን እንሕበነላ ንግሥት ብዕቤታ እንሕጐሰላ ቅዱስ ምስጢር ዝፈረላ ንእግዚኣብሔር መሠውዒ ሠናይ መዓዛ ሃነን ዝብለላ ንቅዱስ እስራኤል ንጹሕ ምሥጢር ዝሥርዓላ ቅድስት ጠረጴዛ ኣብ ውሽጣን ደጌኣን ብወርቂ ዝተለበጠ ናይ ሙሴ ታቦት ኪሩቤል ብልዕሊኣ ዝጋርድዋ። (ዘፀ. 25:18) ክይተተኽለት ማይ ክይስተየት ኣብ ማዕከል ኣባትር እስራኤል ለምሊማ ዓንቢባ ፈርያ ዝተረኽበት

ናይ ኣርጋ በትሪ። (ዘኍ. 17:8) ካብ ሲና ምድሪ በዳ ክኸይድ ቃዴስ በርኔ ደቂ እስራኤል ንዝበልዕዎ መና መሥፈሪ ካብ ዝኾነ ናይ ወርቂ ጎመር ማይ ተኣምር ዝተቐድሓላ ናይ ወርቂ መቅድሒት። ብርርብ ካብ ዝኸረረ ካብ ፈትሊ ጡጥ ዝተሠርሐት ድንኳን ናይ ክዙት ኣርጋ ልብሲ ሰማያዊ ቀይሕ ቀለም ካብ ዝተቐንጦ ቀይሕ ቀለም ካብ ዝጠምዐ ግምጃ ብዙርያኣ'ውን ክም ፍረ ሮማን ዝበለ ናይ ወርቂ ሽዋሕዋሕ ዘለዋ። (ዘፀ. 25:34-35) ኣብ ውሽጣ ዕማን ዝተሓወሰ ፍሕሚ ዝኣተዋ ዘንፀባርቕ ሰኒን ቀንዓት ማየ ልብን ኣብ ውሽጣ ዘለዋ ናይ ወርቂ ማዕጠንቲ ንስኺ ኢኺ። ሽውዓተ መባርህቲ ዘለዋ ብብሠለስተ መትጎዚ ሽውዓተ መፍሰሲ ኣብ ልዕሊ ርእሳ ንዝነብሩ መባርህቲ ዝነበሩዋ ናይ ወርቂ ቀንዴል ንስኺ ኢኺ። (ዘካ. 4:20) ብናይ እግዚኣብሔር ኣፃብዕ ዝተጻሕፉ ዓሠርተ ቃላት ኣብ ውሽጣ ዘለዋ ናይ መሓላ ጽላት ንስኺ ኢኺ። (ዘፀ. 31:18) ኣብ ልዕሊኣ ናይ በረኸት ጠሊ ዝወረዳ ናይ ጌዴዎን ፀምሪ ግምጃ ንስኺ ኢኺ። (መሳ. 6:37-38) ናይ እግዚኣብሔር ምስጋና ዝማሬ ዝዝመረላ ናይ ዳዊት መሰንቆ ንስኺ ኢኺ። (2ይ ሳሙ. 6:14) ኣንቲ ምስ ንጽሕና መርዓት ምስ ድንግልና ኣደ ዝኾንኪ ናይዚ ዓለም ዘመናት ማዕበላት ዘጥሕሉ ስለ ዝኾኑ ካብ ጥፋኣት ምእንቲ ክድኅን ለምንለይ።



ኦ ክንፈ መንፈስ ቅዱስ ዝጋረደኪ ብዘይ ርኽሰት ኣደ ምምልላሰይ ብዘይ ቅንዕ መገዲ ብጕድጓድ ጕደና ክይክውን ንፍቱር ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ለምንለይ።

ምዕራፍ፡ 2።

ብዕብራይስጥ ማርያም ዝተብሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ብዘይ ዘርኢ ብዘይ ሩካቤ ኣካላዊ ቃል ዝወለድኪ ንእሳት ውን ብሥጋ ዝወሰንኪ ድንግል ንኣይ ንኃጢኣትኛ ኣማልድኒ። ንሥጋና'ውን ክም ስምዒ ካብ ዘምክኽ ሥጋዊ ፍቓድ ቀዕይ ኣድኅንኒ። ኦ እግዝእትየ ናይ መልክዕ ቀጸላ ናይ ምእመናን ኣኽሊል ናይ መርዓት ጌጽ ናይ ቅዱሳን ሽልማት ካብ ማዕበል ዘመናት ኣድኅንኒ። ብጸሎትኪ ድማ ክም ዝሃድእ ግበርዮ። ኦ ድንግል ኣደ ናይ ኵሉ ዓለም ሓበን ካብ ዝውሕጥ ኣፍ ዓመፀኛ ብደም ካብ ዝሰኸረት ልሳን ኣድኅንኒ። ኦ መንፈሳዊት መርከብ ኦ ድንግልናዊት መዖር ካብ ክፉእ መከራ ዘመን ኣድኅንኒ። ኦ ቀርነ መድኃኒት ናይ ኵሉ ሓበን ብዘይ ርኽሰት መርዓት ካብ ናይ መዓልቲ ወራሪ ካብ ናይ ለይቲ ሰባሪ ኣድኅንኒ። ኦ ናይ ሕይወት ናይ መድኃኒት ድልድል መሳገሪት ናይ ድኅነት መሳልል ካብዚ ማዕበል ባሕሪ ዓለም ኣድኅንኒ። ኣብ ባሕሪ ጥሒልካ ኣብ

ጸድፊ ወዲቐካ ካብ ምማት ኣድሒነኒ። ሕጂ ውን ዓለም ናብ ዘበጽሖቶ ኣብጺሕኒ። ድኅሪ'ዚ ድማ ብየማን ፍቁር ወድኺ ከም ዝቐውም ግበርኒ። ኦ ናይ ድናግል ሓበን ኣኽሊል ቅድስናእም ንኣይ ካብ ኵሎም ኃጥኣን ዘናሽጢኺ ብጀካ ንኣኺ ካብ ምፍቃርን ብፍቁር ወድኺ ብኣብ ናይ ባሕርዩ ኣቦኡ ብመንፈስ ቅዱስ ናይ ባሕርዩ ሕይወቱ፡ ካብ ምእማን ኃሊፈ ካልእ ምግባረ ሠናይ ንዘይብለይ ይቕረ በልለይ። ይቕረ ክብሉለይ ለምንለይ። ካብ ናተይ ኃጢኣት ዕዳ ዝበዝሐ ናይ ሰብ ኃጢኣት ጸርፊ ኣሸሙር የሎን። ናይ መሳእኽትን ሰብን ውን እንተ ኾነ ካብ ምስጋና ንጽሕናኺ ዝበዝሐን ዝበልጽን ናይ ንጽሕና ምስጋና የሎን።

## ምዕራፍ፡ 3።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ኣብ ልዕለይ ንዝመጽእ ዕዳ ብንጽሕናኺ ክፈልለይ። ኣምላኽ ዝወለድኪ ኦ ቅድስት ድንግል ንወልደ እግዚኣብሔር ዝወለድኪ ኦ ንእድን ክብርትን ሓቀኛ ፀሓይ ብኣኺ ዝተረኽበ ኦ ኅሪይት ድንግል እንታይ ኢለ ክጽውዓኪ እየ ብምንታይ ምሳሌኽ ክምስለኪ እየ። ኪሩብ ዝኃየ ዝፋን ድኺ እንተ ኾነ ግን ካብኡ ንስኺ ትበልጺ፡ ኪሩብ ካብ ዝኃየ



ዝረባሕክም የሎን ካብ ግንት ምውዓእ ኣየድኃነንን። ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኣርዑት ሰይጣን ካብ ምግዛእ ኣይተበጀወንን። እንተ ኾነ ግን ኣብ ልዕለይ ንዝቐመጥ ናይ እግዚኣብሔር ስሙ ይኽበር፡ ነውሪ ኣበር ዘይብልኪ ኦ ንእድን ክብርትን ኣደ ብርሃን። ርኽሰት ዘይብልኪ ሰብሒት ኣደ ጉይታ ኵሉ ዓለም እምበኣር እንታይ ክብለኪ እየ ሰማይዶ ክብለኪ። እንተ ኾነ ግን ብወገን ምሥራቕ ኣቑጺሙ እግዚኣብሔር ካብ ዝተኽላ ኤዶም ግንት ከይወፅእ ሰማያት ምእንታይ ስለ ዘይለመኑ ካብኡ ንስኺ ትበልጺ። ካብ ሰማየ ሰማያት ትሕቲ ኢሉ ናባኺ ወሪዱ ካባኺ ሰብ ኮይኑ ንማኅተመ ድንግልናኺ ከይለወጠ ንዝተወልደ ክርስቶስ ክብርን ምስጋናን ይኹን። ስሙ'ውን ዝኽበረን ዝተመስገነን ይኩን። ድኅሪ ምውላዱ ከኣ ብኅቱም ድንግልና ነበርኪ። ሥርዓትኪ'ውን ካብ ሥርዓት ሰብ ፍሉይ እዩ። ቅድሚ ሕጂ ዘይኮነ ድኅሪ ሕጂ'ውን ዘይከውን እዩ። ናይ ድንግልናኺ ምስጋና ምዝራብ ዝኽእል ኣየናይ ኣፍ ኣየናይ ልሳን ኣየናይ ኣዘራርባ እዩ። ምስጋናኺስ ንምስማዕ ዝከኣሎ ኣየናይ እዝኒ እዩ። ኣብ መፈጸምታ ወደብ ምስጋናኺ ዝበጽሕ ኣየናይ ልቡና ኣየናይ ሓሳብ እዩ። ሓደ ሰዓት እኳ ናይ ድንግልናኣ መዕፀዊ ዘይተኸፍተ። ንዘለዓለም ተዓፅያ እትነብር ደገ። ሕዝቅኤል ዝረኣያ ናይ

ምሥራቕ ደገ በጃካ ናይ ኃያላን ጕይታ ኣብ ውሽጣ ዝኣተወ የሎን። ብምእታዉ ብምውግኡ ኣይተኸፍተትን። (ሕዝ 42:1:2) ፍረ ንጽሕና እተፍረ ድንግልና ዕንባባ እተዕንብበ ኦ ነባቢት ግንት ንኣኣ ንምትካል ማይ'ውን ንምስታይ ዝደኸመ የሎን። ምንጻፍ መለኮት ዝተንጽፈላ ኦ ንጽሕት ኣደራሽ ናይ ንጽሕና ቤት መርዓት ርኽሰት ዘይብላ ናይ መንፈስ ቅዱስ ቤተ ከብከብ። ካብ ሥርወ ዕሴይ ዝተረኽበት ናይ ወይኒ ሓረግ ካብ ጉንደ ዳዊት ዝበቖለት በትረ ካብኣ ዕንባባ ዝወፀ ንሱ ድማ ናይ ቅዱሳን መዓዛ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። (ኢሳ 11:1) ርኽሰት ንምንጻሕ ኃጢኣት'ውን ንምሕፃብ ዝፍልፍል ናይ ሕይወት ማይ መቅድሒት ኦ ኣዘቅተ ክብር ንሥላሴ ምስጋድ ንምእመናን እትምህር ናይ ሃይማኖት መሠረት ናይ እምነት መጀመርታ። ካብ ዘይርኣዩ ረቂቃን መላእኽቲ ካብ ነፍሳት ኣዝዩ ረቂቅ ዝኾነ ዘይረአ ብባሕርይ ዝተሰወረ ኣካላዊ ቃል ብኣኣ ዝተገልጸ ንጽሕት ሰፊሕ ናይ ደስታ ተድላ መጋረጃ ሥጋኣ እንተ ዘይጋረድ ኣይምተራእየን ኔሩ። ካብኣ'ውን ናይ ትስብእት ድርብ ዓለባ እንተ ዘይጕናጸፍ ኣይምተገልጸን ኔሩ። ንዘልዓለም ዘይትፈርስን ዘይትወድቕን ጸኒዓ ትንብር ኣደራሽ ወትሩ ሓውራ ቀጽራ ዘይፈርስ ጋዊ ነገር ማዕበል ዘይነቓንቓ ናይ ሥጋዊ



ፍቓድ ኃይሊ ንፋስ ዘየዘናበላ መርከብ ንደቂን ቤዛ ዝኾነውን ናይ ሕይወት መድኃኒት ንኣዳምን መሥዋዕት እትስከም መሠውዒ። ኦ እግዝእትየ ድንግል ብመንበድበድ ብብዝኒ ካብ ዘንበድብድዎ ጕሁር ሓዊ ኣዝዩ ናይ እሳታዊ ፍቕርኺ ኣብ ኣደራሽ ሰብነተይ ቱሕ ቱሕ ደኾን ኣይብልን። ንስኺ እንተ ፈቲኺ ወድኺ ኣይጸልእንን እዩ'ሞ ካብኡ ኸኣ ኣዝዩ እሳታዊ ፍቕርኺ ኣብ ኣደራሽ ሰብነተይ ሻሕ ሻሕ ዝበለ ይኹን። ወድኺ'ውን እንተ ፈትዩኒ ብኃይሊ ይኹን ብሽመት ብተንኮል ብልሳን ብሥራይ ብዘመናዊነት ውን ይኹን ዝኸእለኒ ዝቃወመኒ የሎን። ነቢይ ኢሳይያስ ከም ዝበለ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ምሳና እንተ ኾይኑ ዝቃወመና የሎን። ኣቐዲመ ከም ዝተዛረብክዎ ሕጂ ውን ደጊመ እዛረብ ኣሎኹ። ከምዚ እናበልኩ እምበኣር ኪሩብዝኃዞ ዝፋን ዘርብሓንን ዝጠቐመንን የሎን። ሰማያት ውን ዘርብሑንን ዝጠቐሙንን የሎን። ንስኺ ግን ካብ ሞት ባርነት ኣድኂንክኒ። ከመይ ናይ ኣብ በኵረ ወዱ ካባኺ ሥጋ ብምልባሱ እዩ። ሕጂኸ ናብ መን ክጽሊ እየ። ናብ መንስ ክግልድ እየ፣ ናብ መንከ ክምህለል እየ፣ ንኵሎም ደቂ ሰባት ናይ ጸሎቶም መውዕኢ መውረዲ መሳልል ናብ ዝኾንኪ ብጃካ ካባኺ ኃሊፉ። ጸሎተይ ብኣኺ ናብ መንበር ሥላሴ ትዕረግ።

ብኣየር ውን እንተ ገነ ኣብ ጠበን ነዊን ሰማይ ብእሳታዊ ደመና ዝተጸምበረ ናይ ብርሃን መጋረጃ ዝዕንቅፉ ዝኽእልክዋ ኣይሃሉ። ንዓለም ከም ጽንሓሕ ከምእንቋቍሖ ብዝኾነ ልዑል እግዚኣብሔር ኣብ ዙርያ ዝፋኑ ብዝቖሙ ካህናተ ሰማይ ኣብ ውሽጢ ጽንሓሕ ማዕጠንቶም ንኃጢኣተይ ከተቓጽል ዝተጸምበረት ትኹን። ንቕስሊ ኃጢኣተይ ውን ዘቖምርር ናይ ፈውሲ ምሕረት ምንጪ ይቀዳሓለይ ስለ ልመናይ ውን ካብ ልሳነይ ዝወፅት ሓንቲ ቃል ንድሌተይ እተርብሕን እትጠቅምን ብምብኳር እትተርፍ ኣይትኹን። ኣብ ቅድሚ ልዑል እግዚኣብሔር ናይ ኵሉ ፍጥረት ጸሎት ዝሰምዕ ድማ ዝቐንዐት ትኹን። ልመናይ ውን ብዘይ ዋጋ ኣይትትረፍ። ዝተመነየቶ ውን ከይረኸበት ጥራይ ኢዳ ኣይትመለስ። ናትኪ ኃይለ ቃል ብናተይ ልሳን ንእግዚኣብሔር ፀባዖት ይጸውዓዮ። ኣብ ልበይ ዘሎ ኵሉ ድሌት ንምፍጻም ናይ ልመናይ ውን ዋጋ ንምሃብ ኵሉ ዝኽእል ንኵሉ ዘጸናንዕ መንፈስ ይውረድ። እምበኣር ንየናይ ኣፍ ደገ እየ ዝኹሕኹሕ ካብ ኣፍ ደገ ቤትኪ ኃሊፈ። እዚ ኸኣ ምእመናን ዝጽልዩሉ ናይ ስምኪ መንበረ እዩ። ናብ ቤትኪ'ውን ኣብ ዝኣተኹሉ ጊዜ ናብ ወድኺ እእዊ ኣሎኹ ከምዚ እናበልኩ። ኦ ጐይታ ናይ ስምካ መንበረ ናብ ዝኾነት ቤት ምእታወይ ንሕይወት ንድኅነት ንሰላም ንደስታ ንጸጋ ንክብረ ንሞገስ ንፍቕሪ ሰብ ብናሁ ንምኳን ግበር።

## ምዕራፍ፡ 4።

ኦ ጐይታይ ናይ ምሕረትካ ኣፍ ደገ ክፈተለይ። ምንምኳ ስለ ኃጢኣተይ ዝተዓፅወ እንተኾነ ኦ ጐይታይ ናይ መዓትካ ኣፍ ደገ ዕፀወለይ። ምንም እኳ ስለ በደለይ ዝተኸፍተ እንተኾነ ንስኻ ከምዚ ኢልካ ኢኻ'ሞ ዝደለየ ኵሉ ይረክብ፡ ዝኳሕኵሐ'ውን ይኸፈተሉ። ጐይታይ ይቕረታኻ እደሊ ኣሎኹ። ርኸብ ኣይትሰኣን በለኒ። ኦ ጐይታይ ናይ ምሕረትካ ኣፍ ደገ ኳሕኳሕኹ ንኸኣቱ ክፈተለይ። (ማቴ. 7፡8) ምንም ንምሕረትካ እንተ ቈጣዕኹዋ እንተ በሳጨኹዋ ውን መሓሪት ዓይንኻ ግልጽ ትበለኒ። ይቕረታ ዝተመልኣት የማንካ ውን ትደግፈኒ። ናይ መዓትካ ጽዋዕ ኣብ ልዕለይ ኣይተፍሰስ። ንጥፍኣት ውን ዝተዳለወ በትሪ ኣብ ልዕለይ ኣይተልዕል። ብሓቅኻ ገሥጸኒ። ናይ መዓትካ በትሪ ካብ ጨንፈር ምሕረትካ ተቖሪጸ እያ'ሞ ብይቕረታኻ ውን ተኸራኸረኒ ደኣ እምበር። (መዝ. 141፡95) ጐይታይ ብዝኀኒ ኃጢኣተይ ኣይትጸባጸብ፡ ዝተጸሓፈ ውን ፈሓቆ ደምስሶ። ዘይተጸሓፈ ድማ ኣይትዘክሮ። ካብ ጽቡቕ ግብሪ ግን ንእሽተይ እንተ ሠርሐ ናይ ኣድሪ ፍረ ውን ዝኣክል ይኹን ወይ ናይ ሞቝሎ

ብልጭልጭታ ወይ ናይ ሓዊ ንግር ቍልዒ ዝኣክል
ብምሕረትካ ኣብዝኆ። ዝተጻሕፈ'ውን ኣይትደምስሶ
ዘይተጻሕፈ'ውን ብዘይ ጠፍእን ብዘይ ድምሰስን ኣብ
መጽሓፍ ቅዱሳን ጸሓፎ። ንዝተደለበት ናይ ዕዳ
በደለይ ደብዳቢ ኣብ ማዕሙቕ ባሕሪ ምሕረትካ
ደርብዮ ወርውሮ። ጕይታይ ናይ ይቕረታኻ
ማዕበል የጥሕላ። መጸዋዕታ ስማ ውን ንዘለዓለም
ከይነብር ንጽሕፈታ ሕፀባ ሰርዛ። ጐይታይ ርኅሩኅ
መፍቀሪ ሰብ ንዝኾነ ናይ ባሕርይ ኣቦኻ ይቕረ
በሃሊ ንመንፈስ ቅዱስ ናይ ባሕርይ ሕይወትካ ንኣኻ
ክብሪ ምስጋና ይግባእ። ንዘለዓለም ዓለም።

ናይ ተድላ ደስታ ወኃዚት ብዝኾነት ብጸሎታ
ንዝኣምኑ ጸጋ ክብሪ ኃይሊ ሞገስ ይግብኣም። ጓል
ድኻታት ከኣ ንኪሩባዊ ሠረገላ መሲላ ንዝፆረትካ
ንኣኣ ጸጋ ክብሪ ኃይሊ ይግባእ። ሕጂ ውን እምበኣር
ንቅድስት ድንግል ነመስግና ነድንቃ። ከምዚ
እናበልና። ብኹሉ ጊዜ ኦ ንጽሕት ብኹሉ ሰዓት
ነውሪ ኣበር መቕብ ዘይብልኪ ብምፅናስኪ ይኹን
ብምውላድኪ ውን ይኹን ዝረሰሕክሉ ዝረኸስክሉ
ሰዓት ጊዜ የሎን። ብወሊድ ማኅተመ ድንግልናኣ
ዘይተለወጠ ኣደ ድንግልናኣ'ውን ብሥርዓቱ
ተሓልዩ ዝነበረ ሕፃና ንምዕባይ ጸባ ብድንግልና
እተውኀዝ ዝነበረት ድንግል። ከይዘርእዋ እተፍሪ
ንጽሕት ግራት ንሳ ድማ ንቍርባን ዝጸበቐ



ዝተፈትወ ሰርናይ ዝተወሃበ ከየስተይዋ ዝለምለመት
ናይ ወይኒ ሓረግ ንበልዓም መስተ ክኾውን ናይ
በረኸት ፍረ ካብኣ ዝተረኽበ። ኵላ ምድሪ ብምልኣ
ክትደርቕ ከላ ንሳ ንበይና ብዛዕዛዕታ ዝናም ጠሊላ
ለምሊማ ተረኺባ እያ እሞ ናይ ጌዴዎን ፀምሪ
ግምጃ ብድንግል ትምሰል። (መሳ. 6:37-38) ኵለን
ኣንስቲ ካብቲ ጠሊ ዘይተተንከያ ክኾና ከለዋ
ካብ ሕቍፊ ኣብ ሰማያዊ ዝወረደ ናይ በረኸት
ጠሊ ድንግል ከም ዝተቐበለት። ካልኣት ኣንስቲ
ግን ጠሊ ንምቕባል ድልዋት ስለ ዘይኮና እዩ።
ብዛዕዛታ ዝናም ኵላ ምድሪ ብምልኣ ለምለም
ክትኸውን ከላ እታ ፀምሪ ግምጃ ድማ ደረቕ ኮይና
ተረኽበት። (መሳ.6:37-38) ኵለን ኣንስቲ ብተለምዶ
ብዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ከፀንሳ ከለዋ ንድንግል
ናይ ኣንስቲ ልማድ ናይ ወዲ ተበዓታይ ዘርኢ
ኣይረኸባን'ሞ ድንግል ከኣ ብሥርዓት ምስ ኣንስቲ
ኣይኃበረትን። ምፅናሳ ፍሉይ ኮነ። ምውላዳ ድማ
ፍሉይ እዩ። ከም ሥርዓት ሓረስቶት ኣብ ዓውዲ
ዘይተኸይደ እንጀራ ተሰኪማ እያ'ሞ ናይ ወርቂ
ጎሞር ብወርቂ ተመሰለት። (ዘፀ.16:32-33) ናይ
ኣሮን በትሪ ከይተኸልዋ ለምሊማ ማይ ከይስተይዋ
ዓንቢባ ተረኺባ እያ'ሞ ብድንግል ትምሰል። (ዘኍ.
17:8) ነዚኣ ድንግል እንሆ ነቢይ ዳዊት ምእንታኣ
ኣመልኪቱ ዝተዛረበላ ከምዚ ክብል። ንጉሥ ሥን

Scanned with CamScanner

ጽባቕ መልክዕኪ ፈትዩ እዩ'ሞ ንሱ ጐይታኺ እዩ'ሞ ስምዒ ጓለይ እዝንኺውን ጽን ኣብሊ ሕዝብኸን ቤት ኣቦኽን ረስዒ። (መዝ. 45:11) ነዚኣ ድንግል እንሆ ኣብ ቅድሚ ምእንታኣ ዝጨደረላ ከምዚ ክብል ነብዩ ኢሳይያስ ምእንታኣ ዝጨደረላ ከምዚ ክብል ነብዩ ኢሳይያስ ... 

## ምዕራፍ፡ 5።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃለት ዝተኃረት ድንግል ማርያም እዚኣ እያ። ነቢያት ዝሓሰብዋ ሓዋርያት ዘድነቕዋ ማኅበር ደናግል ሰማዕታት ነኣኣ ይግዝኡ። ኦ ድንግል ብልሳን ኵሎም ምእመናን መጸውዒ ስምኪ ክንደይ ይጥዕም። ኦ ድንግል ናይ ዝና ዕቤትኪ ምስጋና ክንደይ ይጽብቕ። ኦ ንጽሕት ርግብ ካብ ፀሓይ ብርሃን ካብ ወርሒ ካብ ከዋኽብቲ ኣዝዩ ዝጽብቕ ናይ መልክዕኺ ሥነ ጽባቐ ከመይ ዝጸበቐን ዝተፈትወን እዩ። ናይ ምስጋናኺ ማኅሌት ከሳብ ክንደይ ዝኣክል ይፍቶ። ንዝሰምዮ ጥዑምን ልዙቡን እዩ። መሰንቆ ንእዝኒ



ከም ዝጥዕምን ከም ዝሰማማዕን ናይ መርዓት ጌጽ ንዓይኒ መዓር ንኣፍ ጨና ንኣፍንጫ ናይ ወይኒ ዘለላ ንጕረሮ ሚስ ንልቢ ዝጠዓመን ዝተሰማመዐን ከም ዝኾነ ውዳሴኺ ውን ከምኡ ዝጠዓመን ዝተሰማመዐን እዩ። ኦ ድንግል ምዝራብ ክብርኽን ዕበየትክን ብጣዕሚ ዝጠዓመን ዝተፈትወን እዩ። ናይ ዕንባባኣ መልክዕ ዘይቅምስል ዘይደርቕ ኦ ንጽሕት ተኽሊ ዘይትቕምስል ናይ ሕይወት ዕንጨይቲ ፍረ ሰዊታ ዘይረግፍ። ዘይትሰበር ናይ ክህነት በትሪ ናይ ቅዱስ ምሥጢር ኣገልገልቲ ክህናት ዝምርኰስዎን ዝጽግዕዎን ወትሩ ድልውቲ ዝኾነት ናይ ምእመናን ሕንጻ ዘይትናወጽ ናይ ሃይማኖት መሠረት። ብልዓ ነቐዝ ዘየበላሽዎ ሌባ ዘይቀርባ ማዕበል ዘይገፍዖ መርከብ ናይ ውሽጣ ሓንባሲ ጀላቢ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ንሱ ውን ብቅዱስ ወንጌሉ ብመርሒነት ሓንበስቲ (ጀለብቲ) ሐዋርያት ንኹሉ ዓለም ካብ ማዕበል ኃጢኣት ዘሳግር እዩ። ናይ መርከብ ዓንዲ ግን ልዕሊ ኵሉ ዝኾነ ኣብ እዩ። ናይ ባሕሪ ጸጥታ መልሕቅ ናይ ድንግልና መርከብ ከይሰበር ዝምግባ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኃይሊ እዩ። ናይ ሥጋዊ ፍቓድ መርዓት ዘይኮንኪ ናይ መንፈሳዊ መርዓት ኦ ርግብ ብምምራጽ ማኅተም ዘጌጽክን ዝተሸለምክን ኢኺ። ናይ ሓሶት እብኒ ብዝኾነ

ብጉላፈ ወርቂ ሽልማት ጌጽ እይከነን። ሥጋዊ ፍቓዱ ውን ብዘምጽእ ብዙኅ ዝዋጋኡ ዕንቊ እይከነን። ናይ ንጽሕና ቀሚስ እትለብስ ናይ ብርሃን መጕናጸፊያ እትጕናጸፍ ንግሥት ማንተማ ክይተኸፋተ ካብ ውሽጣ ናይ ሕይወት ማይ ዝተቓድሓላ ዝተዓፅወት እዘቅተ ክብር። ብሓዲስ ሥርዓት ዝኾነ ማዕፆኣ ከይተኸፍተ ፍሬኣ ዝተለቅመ ዝተዓፅወት ናይ ተኸሊ ቦታ ገንጺሉ ከንብባ ዝኸኣል ዘየልቦ። ዝተኃትመት መጽሓፍ ኣብ ልዕሊ ሓሊቓ ሓሊቓ ንዝኸውን ኣብ ልዕሊ ነገሥታት ንዝነግሥ መቐመጢ እትኾኒ ኪሩባዊት ሠረገላ። ናይ መለኮት እትራኖስ ነበልባል እሳት ዝተሰከመት ሥጋዊት ዝፋን ዳግሚት ሰማይ ሓቀኛ ፀሓይ ዝወለደት ንሱ ውን ንጸልማት ቀንጢጡ ዘርሓቐን ዝወገደን ናይ ቅዱሳን ብርሃን እዩ። ዝናማት ዘየብቍልዎ እየራት ዘየዕበይዎ ሰማያዊ እንጀራ ዘረከበት እ ቤተ ልሔማዊት መሶብ ነበልባል እሳት ዝተሰከመት እ ዕፀ ጳጦስ ዕንጸይቲ ከይነደደ ሓዊ ከይጠፍኦ። (ዘፀ. 3:2፡16:22) ናይዚ ምሳሌ ትርጉሙ ድማ ሚጠት ውሳጤ ብዘይብሉ ካባኺ ዝለበሰ ናይ ወልድ ትስብእት ምሳሌ እዩ። ናይ ትንቢት ምንጪ ናይ ምስጋና ወኃዚት ናይ ደስታን ናይ ኃሚትን መቅድሒት። ንነቢያት ጌጽም ንሓዋርያት ኣኽሊሎም ንደናግልን መነከሳትን



ሓበኖም ንስግዕታት እዲኦም ንመላእኽቲ ኃብቶም ብሱራፌል እትዕጠን ናይ ቅዱስ ምሥጢር ጽንሓሕ ንኪሩቤል መዓዛ ዕጣኖም ዘይድቅሱን ዘታኸሱን ናይ ሰማይ ትጉሃን መላእኽቲ ኵሎም ዘመስግንዋ በብነገዶም ንኸብረ ወዳ ንዝና ዕቤቱ ንኁይትነቱ ይግዝኡ። መላእኽቲ ብሥርዓቶም ናይ መላእኽቲ ሽማምንቲ ብህላዌኦም ኣጋዕዝት ብዕቤቶም ይግዝኡ። ሥልጣናት ብኽብረቶም መናብርት ብልዕልናኦም ይግዝኡ። (ዳን. 7:14) ኃያላን ብወገኖም ሊቃናት ብሽመቶም ሱራፌል ብምስጋኦም ኪሩቤል ብቅዳሴኦም ይግዝኡ። ናብ ዝፋኑ ዝቐረቡን ዝተጸግዑን ድማ ካብኡ ዝወፅእ ናይ ሓዊ ኃይሊ ከይቃጽሎም ብኣኽናፎም ገጾም ይኸድኑ። (ኢሳ. 6:2 ሕዝ. 1:23) ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋን ከቢቦም ዝቖሙ ሱራፌኤል ውን ይጭድሩ ከምዚ እናበሉ። ቅዱስ ቅዱስ እግዚአብሔር ጐይታ ሠራዊት ቅዱስ ክቡር ምስጉን ፍሉይ ኢኻ ምስጋናኻ ድማ ንዅሉ ምድሪ መልአ። (ኢሳ. 3:6) ከየቋረጹ ብምስጋና ይጭድሩ። ምስጋና ብዝተመልአ'ውን ብናይ ሰላም ቃል ብዘይ'ዚ ሓደ ንሓደ ካልኣይ'ውን ኑቲ ኻልእ ይምልሰሉ። ብህላዌኦም ዝኸብሩ ቅዳሴ ዝተመልኡ ፬ቱ እንስሳ ገጾም ኣርባዕተ እዩ። ክንፎም'ውን ሽድሽተ እዩ። ካብ ሓዊ ዝተሠርሐ ዝፋን ተሰኪሞም ቅድሚ ዓለም ንዝነበረ ደኃር'ውን

Scanned with CamScanner

ዓለም ኣንጊፉ ንዘሎብር ይሰግዱ። (ራእ. 4:8) እዞም ሹማምቲ ድማ ናይ ወርቂ ማዕጠንቲ ዝሓዙ ናይ ብርሃን ልብሲ ዝለበሱ እዮም። ኣኽሊሎም ከም ግዕዳ በረድ እዩ። ንሳቶም ኸኣ ኣብ ቅድሚ በጊዑ ከምዚ እናበሉ ይሰግዱ (ራእ. 4:8-11) ኦ ጕይታ ምስጋና ክብርን ክእለትን ምእንቲ ክትቕበል ንኣኻ ይግባእ እዩ። (ራእ. 4:11) ዕጣን ዝመልአ ናይ ወርቂ ጽንሐሕ ጎይም ንመለኮትነቱ ገጸ በረኸት የቐርቡ። እዚ ድማ ናይ ንጹሓን ጸሎት መዓዛ እዩ። ኦ እግዝእትየ ብኣኺ ጸሎተይ ትዕረግ። ምስ ናይ ዚኦም ዕጣን ማዕጠንቲ ትወሃሃድ። ኣብ ቅድሚ ቅዱስ እስራኤል ዝተፈትወት ንሱ ውን ዝቕበላ ትኹን። ኣብ እምባ ሉባር መሥዋዕቲ ኖኅ ከም ዘሻተተ ብጸሎትኪ ድማ መዓዛ ጸሎተይ ወድኺ ብምቕባል ከም ዘሻትታ ዝጠዓመት ትኹን። (ዘፍ. 8:21) ኣብርሃም ኣብ ልዕሊ እምባ ዝሠውዖ መሥዋዕቲ ከም ዝተቐበለ ጸሎተይ ድማ ይቀበል። ይስሓቅ ኣብ ዓላ መሓላ ያዕቆብ ኣብ ናይ ሚዶን ኣውራጃ ዝኾነት ሎዛ ዝሠውዕዎ መሥዋዕቲ ከም ዝተቐበለ ጸሎተይ ድማ ይቀበል። (ዘፍ. 13:22)

## ምዕራፍ፡ 6።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋሬኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ናይ ምሕረት



ነቅዕ ፈልፋሊ ንዝኾነ ወድኺ ኃጢኣተይ ከይዝክር ከይሓስብ ለምኒዮ። ብዥሉ ኃጢኣት ከማይ በዓል ወልፊ (ሠሠን) ርኹስ ኣባሲ በደለኛ የሎን። ከም ወድኺ ውን ርጎፉን ኣፍቃሪ ሰብ ይቕረ በሃሊ ካብ መዓት ዝረሓቐ ምሕረቱ ዝበዝሐ ሓቐኛ የሎን። (መዝ. 86:15) ኦ ድንግል ቀርኒ መድኃኒት መሥዋዕት ሙሴ ኣብ ምድረ በዳ መሥዋዕት ኣሮን ኣብ ምስክር ድንኳን (ደብተራ ስምዕ) ዝተፈትወ ከም ዝኾነ ጸሎተይ ኣብ ቅድሚ ወድኺ ዝተፈትወ ይኹን።

## ምዕራፍ፡ 7።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋሬኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ናይ ኵሎም ደቂ ሰባት ጸሎት መመላለሲት ናይ ኵሎም ደቂ ኣዳም ምህልላ መቐበሊት ንጽሕት ናይ ወርቂ መሳልል ናይ ኣካል ሠለስትነት ናብ ዘለዋ ላዕላዊት ጸሎተይ ኣዕርጊ። በዚ ድማ ንኃጢኣተይ ዘርሕቕ ንዕዳይ ዝኸፍል ዝጸበቐን ዝተፈትወን እግዚኣብሔር ውን ብረድኤት ዝቕበሎ ይኹን። ኦ ድንግል ናብ መንግሥተ ሰማያት እትእቱ ናይ መድኃኒት ኣፍ ደገ ናብ መርዓ ፍቁር ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ዝእቱ ግበርኒ። ኦ ድንግል በትረ ሃይማኖት ናይ ኵሎም ዓሌታት ክርስቲያን መጸግዒት

Scanned with CamScanner

ብኃጢኣት ተስናኺለ ኣብ ልዕሊ መሪር ኃዘን ከይ ወድቕ ደግፍኒ። እ ድንግል ናይ ማይ ሕይወት መቅድሒት ናይ ክብሪ ዒላ ካብ ርኽሰት ሥጋይ ንጹሕ ግበርኒ። ንሱ ድማ ናይ ምዝርና ርኽሰት እዩ። እ ድንግል ነባቢት ጉት ካብ ኵሉ ሽታ መዓዛ ዝጠዓመን ዝተፈትወን ናይ በረኸት ዕንባባ ንዝኾነ ኣማኑኤል ዘረክብክና ብሽታ መዓዛኺ ኣምዕዝኒ። ብመዓዛ ንጽሕናኺ'ውን ናይ ኃጢኣተይ ክፉእ ሽታ ኣርሕቕለይ። እ ንግሥት ብወርቂ ዘፌር ቀሚስ ዝተጐናጸፍክን ዝተሰለምክን በብ ጊዜኡን በብ ሰዓቱን ናይ ንጽሕና ልብሲ ናይ ቅድስና መጐናጸፊ ከም ዝለብስ ግበርኒ። (መዝ. 46:14) ዓመፀኛታትን በደለኛታትን ዝኾኑ ኣሕዛብ ሓርበኛታት ብኹናት ዘይድፈሩ ኃያላን ሠራዊት ክድይብዋን ክደፍርዋን ዘይትክኣል ናይ ሃይማኖት መጸግዒት እምባ እ ድንግል ካብ ብስውርን ፍሉጥን ግሉጽን ዝለዓል ጸላኢ ኣድኅንኒ። ካብ ጽልኢ ክርክር ዓመፀኛታትን በደለኛታትን ሰባት ሰውርኒ። ካብ ልሳን ኣሉ በሃልቲ ጠለምቲ ብጽላልኪ ብረድኤት ክንፍኺ ከደንኒ። ናይ ሲኦል ኣጋንንት ዘይኀይልዋ ሠራዊት ቤልሆር'ውን ዘይጥፍእዋ ብዘይክፈል ሠለስትነት ቅዱስ ሃይማኖት ኣብ ልዕሊ መሠረት ወርቂ ዝተመሥረተት ዘይትፈርስ ናይ ሕይወት መድኃኒት ግድጊዳ እ ድንግል ንዘልዓለም ሓቀኛ



ዝተዳለወልኪ እ መሶበ ምግቢ ዝኾነውን መና ወርቅ ናይ ወድኺ መሥዋዕቲ ጽርሰፎራን ቍርባን ናይ መንፈስ ቅዱስ መዓዛ ከም ዝቕበል ግበርኒ። እ ዝተወሃሃደ ናይ ምሥጢሩ ወይኒ እትስከም ፍቱር ወድኺ ድንግል ናይ ወርቂ ጽዋዕ ካብ ደም ብምስታየይ ክቕደስ ብምቕባለይ ንጹሕ ክኸውን ንምቕባል ዝተዳሎኹ ግበርኒ። እ ድንግል ኣደ ንጉሥ ንግሥት እግዝእትየ ኣደ እግዚኣብሔር ክብርት ኣደ ኣምላኽ ንጽሕት ኣደ ንጹሕ ባሕርይ ሰማይ ናይ ፀሓይ ርኽበት ቤተ መንግሥት ኣደ መሢሕ ታቦት ኣደ ሕጊ። ድንኳን ኣደ ነባቢ በጊዕ ናይ ወይኒ ሓረግ ናይ ሕይወት ፍረ ርኽበት ፀምሪ ግምጃ ናይ ፀምሪ ጠሊ መውረዲ መሠውዒ ኣደ ሰማያዊ ቍርባን ኣደ ባሕረኛታት መርከብ ኣደ ካህናት መቅደስ ሰፊሕ መጋረጃ ናይ መለኮታዊ ምሥጢር መቕመጢ። ቀንዴል ኣደ ብርሃን ንጽሕት ጣዕዋ ኣደ ፃዕዳ ላም ልዕልት ኣደ ልዑል ኣብ ኣርያም ዝነብር ብርኽቲ ኣደ እኾት ውድስት ኣደ ምስጉን ምዕዝቲ ኣደ መዓዛ ናይ ወርቂ ሣፁን ናይ ዕንቊ ባሕርይ ርኽበት ጎመር ኣደ መና ኢየሩሳሌም ናይ ትንቢት ሃገር ሓበና ኣደ ሓዋርያት ምሥራቕ ናይ ሰማያዊ ኮኾብ ርኽበት። ድንግል ክየቋረጽኩ ንኽመስግነኪ ናይ ኪሩቤል ኣፍ ናይ ሱራፌል ልሳን እንተ ዝቕበል

ንምፍጻም ኣይከኣልን። በዚ ውን ምስጋናኺ ከም ነቢይ ሕዝቅኤል ልዑል ምሥጢር ንምዝራብ ከም ዮሓንስ ናይ ፍልጠት ንዝተሰወረ ምሥጢር ከም ውዳሴኺ. መጽሓፍቲ እንተ ዝበልፅ በዚ ውን ውዳሴኺ. ንምፍጻም ኣይከኣልን። ናይ ሰሎሞን ጥበብ እንተ ዝወስድ ናይ ልበይ ተኽሊ እንተ ዝሰፍሕ ከሳብ ባሕሪ'ውን እንተ ዝዝርጋሕ ናይ ቃለይ ጨንፈር ክሳብ ቀላይ እንተ ዝበጽሕ ውዳሴኺ ንምፍጻም ኣይከኣልን። ብኢድ ዑራኤል መልኣኽ መጋቢ. ብርሃናት ዝኾነ ኣእምሮ ዝገልጽ ናይ እሳት ጽዋዕ ሱቱኤል ዝተባህለ እዝራ ከም ዝሰትዮ ናይ መጽሓፍቲ ነገር ዝዛረብ ናይ ምስጋና ጽዋዕ እንተ ዝሰቲ በዚ ውን ቅዳሴኺ. ንምፍጻም ኣይከኣልን እ ድንግል ኵሉ ሰብነተይ ልሳን ዝተመልአ እንተ ዝኾውን ብቍጽሪ ኣዕፅምተይ ፍልጠት እንተ ዝወሃበኒ ኵሉ ፀጉሪ ርእሰይ ምዝራብ እንተ ዝወሃበ በዚ ውን ውዳሴኺ. ንምፍጻፍ ኣይከእልን። ሰማይ ብሰፊሑ ብራና እንተ ዝኾውን ባሕሪ ውን ቀለም እንተ ዝኾውን ምስጋና ዝተመልአ ክብርኽን ዝና ዕቤትክን ንምጽሓፍ በዚ ውን ምስጋናኺ. ንምፍጻፍ ኣይከእልን። ማኅበር ነቢያትን ሓዋርያትን ክፍጽምዎ ዘይተኻእሎም ምስጋናኺ. ኣነ ድኻ ንምፍጻም ከመይ ጌረ እኽእል። ማኅበር ጻድቃንን ሰማዕታትን ክፍጽምዎ ዘይከኣሉ ውዳሴኺ. ኣነ



ኀጥእ ንምፍጻም ከመይ ጌረ እኽእል። ማኅበር ደናግልን መነኮሳትን ንምፍጻሙ ዘይከኣሉ ቅዳሴኺ. ኣነ ምስኪን ንምፍጻም ከመይ ጌረ እኽእል። ሕጂ ግን ናይ ኃጢኣተይ ብዝሒ ካብ ልክዕ ንላዕሊ. ከይኑ እዩ'ሞ ብልመናኺ. ኣፉኹሰለይ።

ምስራፍ፡ 8።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጸውዕኺ. እ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ንጸሎት ኢደይ ናብ ወድኺ. ክዝርግሕ ክሎኹ ምእንታይ ንምጽላይ ቅድሳት ኣእዳውክን ንጹሓት ኣፃብዕትኽን ናብ ወድኺ. ዘርግሒ። ምሳይ ድማ ደው በሊ። ኣብኣ ንዘሎ ትምኒት ድሌታ ውን ንምርካብ ልበይ ከም እትተግህ ከምኡ ድማ ንስኺ. ድሌተይ ንምሃብ ዝኸበደ ጭንቀተይውን ንምፍኳስ ዝተጋህኺ. ዝነቓሕኪ ኩኒ። ካብ ኵሉ ኣዝየ ኣነ ድኻ ክነሰይ ካብ ኵሉ ኣዝየ ጻድቕ ከም ዝኾንኩ ሓሲበ ብናትኪ ጸጋ እሕበን ኣሎኹ። ካብ ኵሉ ኣዝየ ኃጥእ ክነሰይ ካብ ኵሉ ኣዝየ ጻድቕ ከም ዝኾንኩ ሓሲበ ብንጽሕናኺ. እሕበን ኣሎኹ። ብናትኪ ጽድቅን ጽቡቕ ሥራሕን እምበር ብናተይ ጽቡቕ ሥራሕን ሠናይ ተግባርን ናይ ምጽዳቕ ተስፋ የብለይን። ብኣኺ. እምበር ብናይ ርእሰይ ድኻም ናይ ምድኃን ተስፋ የብለይን ኃጢኣተይ ንምንጋር ንምንታይ ኣኃፍር ኣሎኹ።

ዘይምንስሓይስ (ዘይምንዛዘይ) ንምንታይ እዩ። ጸላኢተይ እናኸሰሱኒ ኃጢኣተይ እናመስከሩለይ ከለዉ። እምበኣር ኃጢኣተይ እነግር ኣሎኹ። ንዝተሰወረ ዝርኢ ኣፍ ንዝተዛረቦ ልቡና ንዝመኸሮ መርሚሩ ዝፈልጥ ልዑል እግዚኣብሔር ኣብ ቅድሚ ኣዕይንቱ ዝተገልጸ ኩሉ ኣነ ንምንታይ እኀብእ ኣሎኹ። ኣነ ንኃጢኣተይ እንተ ኃባእክዎ ክኸሰኒ ይጭድር ኣሎ። በደለይ ንምእማን ኣነ እምብኣር ንምንታይ ስቕ እብል ኣሎኹ። ዝሠራሕክዎ ክፉእ ሥራሐይ የኀጥእኒ። ኣነ ከም ዘይሠርሕ ንምንታይ እኸውን። ኣነ ንርእሰይ ናይ ርእሰይ ዘለፋ ተማጻጽ ኣንብብ እምበኣር ንዘለፈኒ ምስክር ኣይደልን። ንምንታይ ንዘይኀብኣለይ እኃብእ ኣሎኹ። ስለዚ እምበኣር እብል ኣሎኹ። ስለ ኃጢኣተይ ናብ ልዑል እግዚኣብሔር እምዕቈብ ኣሎኹ። (መዝ. 32:4) ደጊመ ከምዚ በልኩ። ኃጢኣተይ ካብ ፀጉሪ ርእሰይ ስለ ዝበዝኀ ከም ከቢድ ፆር ከበደኒ። ካብ ሕመቐይ ዝተላዕለ ቍስለይ መጒሉ፡ ብግዕሚ ውን በድበደ ሸተተ። (መዝ. 38:4-5) ዳግም'ውን ከምዚ በልኩ። ስፍሪ ቍጺሪ ዘይብሉ ክፉእ ነገር ስለ ዝረኸበኒ ኃጢኣተይ ረኺባትኒ ንዝኃዙኒ ድማ ምርኣይ ስኣንኩ። (መዝ. 40:12)



## ምዕራፍ፡ 9።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ኣነ ብናትኪ ጸሎት ኣሚነ ኣሎኹ እሞ ምእንታይ ጸሊዪ ለምንለይ።

ይቕረታ ወድኺ ንምርካብ ውን ኣቃዕርር ኣሎኹ ንኽብርኺ'ውን እሰግድ ኣሎኹ። ንዝናኺ'ውን እግዛእ ኣሎኹ። ንኣኺ ኣገልጋሊ ዝኾውን ውን ናይ ባርነተይ ዳብዳቤ ኣብ ሰሌዳ ልበይ ተጻሒፉ ኣሎ። ጽሕፈቱ ድማ ከምዚ ዝብል እዩ። ኣምላኽ ንዝወለደት ድንግል ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተባህለት ዝተጋርየት ንእድ ክብርት ንዝኾነት ማርያም ባርያ ኣገልጋሊኣ ወዳ ፍቁራ ኢየሱስ ክርስቶስ ብደሙ ዝተበጀዎ ዕገሌ እዩ። እዚኣ ደብዳቤ ድማ ብናይ ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ደም ቀለምነት ልበይ ሰሌዳ ኮይኑ ተጻሒፋ ትንበር። ጽሕፈታ ድማ ንሓዋሩ ኣይፈሓቕ። ብማይ ወይ ብእሳት ወይ ብስቓይ ወይ ብመከራ ወይ ብሞት ወይ ብሕይወት ኣይትደምሰስ። ንሓዋሩ ተጻሒፋ ትንበር። ንዝተሰወረ ዝፈልጥ መንፈስ ቅዱስ የንብባ። ብዘይ ምፍልላይ ብኣናባባር ዝኃበሩ ሓደ ከይበለጸ ሓደውን ከይንኣስ ሓደ ከይቀደመ ሓደ ከይደኃረ ብኣገዛዝኣ ብህልውና ብመልክዕ ሓደ ብዝኾነ ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ተኃቲማ እያ'ሞ ዘጥፍኣ ውን የለን። ኵነታቶም ኣይፍለጥን

Scanned with CamScanner

እዚ ካብዚ እዩ ካልኣይ ውን ካብዚ ውሽጢ'ዚ እዩ ሣልሳይ ውን ክምዚ ዝበለ እዩ ኣይብሃሉን። በዚይ ምፍልላይ ክነብሩ ክለዉ ንቐዳምነቶም ጥንት ንድኃሪዎቶም ፍጻሜ የብሉን። ንዘለዓለም ብሓቂ ብዘይ ሓሶት ዝሰምያ ይበል ኣሜን ብሓቂ ይኹን።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃሪኺ እ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ንስኺ ድማ ሰብን መላእኽትን ኣብ ዝተኣከቡሉ ጊዜ ናይ ምሕረት ኣሥራት ጊርኺ ውሰድኒ። መባርቕት ውን ብዝጨነቐ ጊዜ ዝበደሉ ውን ናይ ዕዳ በደሎም ደብዳቤ ብዝግለጽ ጊዜ ዝተማራሰሑ ክነውሮም ከሎ ብተድላ ብደስታ ምሳኺ ከም ዝነብርን ከም ዝማላለስን ግበርኒ። ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃሪኺ እ እግዝእትየ ድንግል ማርያም በዚይ ዋጋ ናይ ምሕረት ምፅዋት ካባኺ እልምን እሎኹ። ወዲ ካብ ኣቦኡ ጽቡቕ ውህበት ክምዝልምን ጓልውን ካብ ኣዲኣ ጽቡቕ ነገር ከም እትልምን ወዲ ባርያ ካብ ጐይትኡ ጓል ባርያ ካብ እመቤታ ከም ዝልምኑ ከምኡ ውን ካብ ጽቡቕ ሥራሕ ካብ ሠናይ ተግባር ትሩፋት ባዶ ብምዃነይ ብናትኪ ርኅራኄ ንዘርክብ ጽቡቕ ዋጋ ንምርካብ ነብሰይ ትትኣማመን እያ። እ ዝፋን መለኮት በጀካ ምስጋና ጐይታ ካልእ ምንም ዘይኣትዋ ንጽሕት ኣደራሽ። ንሱ ግን ብልጉምታ



ዝኣተወ ብዕዕውታ ውን ዝወፀ። ናይ ግምጃት ኣዝማድ ንኣቶም ድማ ናይ መለኮት ኣስማት ሥላሴ ማኅበር ዝኾነ ናይ ቅዱሳን ንፍሳት ሰብሰብት እንቲ ዘረመትራ (ማቴ.13፡47-48) ካብ ፈትለ ሃይ ዝተሠርሐት ብሕዛብ ወርቂ ዘጌጸት ዝተኸበ ዘልኪ ሕዛብ ንዓይኒ ደስ ዘብል ንጽሕት ናይ ተድላ ደስታ መጋረጃ ናይ ፀሃዮት ልዑል እግዚኣብሔር ናይ ባሕርይ ወዱ ዝተሰከመት ናይ እሚናዳብ መሪካባ። እ ድንግል ንኹሉ ዓለም ዝመልእ ንእኡ ዝሖረኪ ሆት ኣብ ዝተመልአ ዘመን ሠረገላ ካብ ዝወገን ካብ ኀልፈት ዓለም ጥፍኣት ከም ዘድኅነን ማዕበርኒ። እ ናይ ኵሉ ዓለም ሓርነት ደብዳቤ ዝተጸሓፈልኪ እ ናይ ሕይወት መድኃኒት በሊዓ ኣብ ግንዲ ወርቂ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ስመይ ጸሓፍለይ። ናይ ሕግን ሥርዓትን ምንጪ (ንቕዕ) ናይ ዝኾነ ማኅበር ነቢያት ድንኳኖም ኣብ ዝተተኸለሉ። ናይ ኢሕዛብ ብርሃን ናይ ዕውራን መራሒቲ ናይ ዝኾነ ሓዋርያት ዝተተኸለሉ ትስነኣት ክብረዘ ንዘለበሰ እምላኽ ናይ መከራኡ ተኻፈልቲ ዝኾኑ ከም በጊዕ ብኼፍ ዝተሓረዱ ከም ወርቂ ብሓዊ ዝተፈተኑ ማኅበር ሰማዕታት ድንኳኖም ኣብ ዝተተኸለሉ። ንንጉሥ ነገሥት ግእ በረኸት ናይ መንፈስ ቅዱስ ድሉብ ማዕከን ዝተ[illegible] በዚይ ምቍራጽ ብኸምኡንግን በዚይ ርኅሩኅ [illegible]

Scanned with CamScanner

ብንጽሕና ሀላዊእም ናብ ሥርዓት መላእኽቲ ዝቐየሩ ማንበር ደናግልን መነኮሳትን ድንኪኖም ኣብ ዝተተኸለሉ እ ንጽሕት ጠረጴዛ ናይ ሓዲስ ሥርዓት መሥዋዕቲ መዓዛ መሥመሪት ዝኾንኪ ናተይ ርኽክተይን ምምራተይን ብንጽሕናኺ ኣጽርይለይ። ጽሕፈቶም ናይ እግዚኣብሔር ልዑል ጽሕፈት ሥራሖም'ውን ናይ እግዚኣብሔር ልዑል ዝኾነ ናይ መሓላ ጽላት ብወርቂ ዝተለበጠት ታቦት ኣብ ውሽጣ ዘለዋ ቅድስተ ቅዱሳን ዝተባህለት። እ ናይ ሕይወት ናይ መድኃኒት ካልኣይ ክፍሊ። ንኅድገት ኃጢኣተይ በጃ ብዙኃት ውን ክኸውን ንርእሱ ዝጸበቐ ዝተፈትወ መሥዋዕቲ ጽቡቕ መዓዛ ገይሩ ዘቕረበ ሊቀ ካህናት ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዝእትዎ ውሽጢ መጋረጃ ጽርሓ ኣርያም ስመይ ድማ ጸሓፍለይ።

<u>ምዕራፍ፡ ፲፩።</u>

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ኣነ ብጸሎትኪ እንተ ኣሚነ መን የፍርሓኒ። ብናይ መን ግርማ ፈሪሔኺ እድንግፅ ኣሎኹ። እምበኣር ዝኽእለኒ የብለይን። ሰማይ መዲድ ኮይኑ ምድሪ ውን መጥሓን ኮይና ንኣይ ንምጥሓን እንተ ዝራኸቡ ዝገብሩኒ የብሎምን ምድሪ ውን ኣብ ትሕቲኣ ንዘሎ ቀላይ ኵሉ እንተ



ተንትዕ ቀደም ውን ብጊዜ ኖኅ ከም እተገብረ ናይ ጥፍኣት ማይ ንምውራድ ሰማይ እንተ ዝኸፈት ብጸሎትኪ ኣሚነ ከሎኹ'ሞ ዝገድእኒ ዝገብሩኒ የብሎምን። (ዘፍ. 7፡1) ብዘመን ሎጥ ውን ኣብ ልዕሊ ሰዶምን ገሞራን ከም ዝዘነመ እሳትን ዲንን እንተ ዘነመ ብልመናኺ ኣሚነ ከሎኹ'ሞ ዝገብረኒ የብሉን ኖኅ ውን ብዕንጨይቲ መርከብ ካብ ማይ ኣይጠፍኤን ከም ዝድኃነ ከምኡ ውን ኣነ ብትድስናኺ መርከብ ከድኅነን እየ። (ዘፍ. 7፡13) ሎጥ ውን ብኢድ ቅዱሳን መላእኽቲ ካብ ዝወረደ እሳትን ዲንን ከም ዝደኃነ ኣነ ድማ ብቅዱሳት ኣእዳውኪ ዘይድህሰስ ሓዊ ዝሓቐፉ ኣብ ልዕሊ ዓለም ካብ ዝመጽእን ካብ ዝወርድን መቕዘፍቲ ክድኅን እየ። (ዘፍ. 19-29) ረኣብ ዘማ ውን ብምምእማና ፈትሊ ቀይሕ ሃሪ ኣብ መስኮት ቤታ ኣሢራ (ምልክት ጌራ) ሸውዓተ ናይ ከነዓን ነገሥታት ካብ ዘጥፍኡ ሓርበኛታት እስራኤል ከምዝደኃነት ኣነ ድማ ከምኡ ብጸሎትኪ ብምእማን ካብ ዝመጽኣኒ ካብ ናይ ጸላኢ ጽልኢ ክርክር ንኽምልጥ ናይ ፍቁር ወድኺ ቀይሕ ደሙ ምልክት ገይረ ክድኅን እየ። (ኢያ. 6፡25) ኦ ቅድስት ድንግል ምስጋናኺ ንልበይ መሰንቆ እዩ። ናይ ውዳሴኺ ማኅሌት ውን ንኣፈይ እንዚራ እዩ። መልክዕ ገጽኪ ውን ኣብ ቅድሚ ዓዕይንተይ ዝተሰኣለ እዩ። ናይ ስምኪ ጸውዒት ካብ ምስማዕ

ዝተለዓለ ኣሰዕምተይ ይንቀሳቐሱ ንምስጋናኺ
ውን እሰይ ይብሉ። ድምጺ (ሆርመት) መዚቃ
ንልቢ ደራፊ ከምዘሐጉሶ ንልቢ ዘማሪ ውን
ድምጺ መሰንቆ ከምዘለዓዕሎ ናይ ስምኪ ጻውዒት
ከምኡ ንልበይ የሐጉሶ። ፍቅርኺ ኣብ ልበይ
ኃደረ። ከምማይ ኣብ ኣምዑተይ ከምቅብኢ ኣብ
ኣሰዕምተይ ኣተወ። ናይ ውዳሴኺ ማኅሌት ውን
ጌጽ ስልማት ኮነኒ። ኣብ ልዕሊ ወርቂ ከም ዝሰኹዐ
ዕንቊ ብሃገ ፈትሊውን ከም ዝተደራረበ ጥልፊ
ከዳን ኣብ ልዕሊ ርእሲ ንግሥታት ከም ዘንፀባርቕ
ዘውዲ ከም ሽልማት መርዓዊ ከምጌጽ መርዓት
ንኽብሪ ንምብራህ ጌጽ ኮነኒ። ኦ ድንግል ኣደ ብዘይ
ርኽሰት መርዓት ነውሪ ኣበር ኢንታ ዘይብላ ናይ
ከብካብ ቤት ብንጽሕና ምፅናስኪ ካብ ኵሉ ፍጥረት
ፍሉይ እዩ። ምውላድኪ ውን በዘይ ርኽሰት እዩ።
ሰብነትኪ ብዘይ ልወጥ ድንጋሌ ማኅተም ኅቱም
ከሎ እዩ። ኃይሊ ንፋስ ከልዕለኪ ወኃይዝ ከደፍኡኺ
ከገፍዑኺ ዘይክእሉ ንዘለዓለም ጸኒዕኺ እትነብሪ
ኣደራሽ ናይ ዘመን ሀኮት ንፍስ ኣውሎ ተንሚኡ
ኣሎ'ሞ ካብ ምግፋዕ ካብ ምውዳቕ ኣድኅንኒ።
ኣምሮ ካብ ዝተሠርሐ ደርከኖ ምስ ዝበሃል ግምጃ
ብፈትሊ ወርቂ ዝተኣንመት ዝተኸፈተ ያክንትውን
ካብ ዝበሃል ዕንቊ ካብ ልብሲ ፒሶስ ጸደሬ ካብ
ዝበሃል ድርብ ልብሲ ዝተሠርሐት ናይ ዓቢይ



ሊቀ ካህናት ኣሮን ልብሲ። (ዘፀ. 39:1) ኣብ ውሽጣ
ውን ናይ ዘይቲ ዕንጨይቲ ዝበሃለ ናይ ዓሠርተ
ክልተ ነገደ እስራኤል ምሳሌ ዓሠርተ ክልተ ዕንቍ
ዝተሰኽዓ ናይ ዓሠርተ ክልተ ዕንቍታት ድማ
ሓቀኛ ትርጉሞም ብዓሠርተ ክልተ ሐዋርያት
ናይ መለኮት ደቀ መዛሙርት ይትርጎም። ዳግም
ከም ፍረ ሮማን ዝበለ ናይ ወርቂ ሸዋሕዋሕ ዘለዋ
ልብሲ ጸጸዴጤን ሸዋሕዋሓ ክኣ ናይ መርዓት
ጌጽ ዘፈርፈር ዝተበሃሉ ቅዱሳን ሰማዕታት በዘይ
ምጥፍኣ ዘበርሁ ፋናታት እዮም። (ዘፀ. 39-20)

## ምዕራፍ፡ 12።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ
ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ናይ ንጽሕና
ቀሚስ ከም ዝኾናጸፍ ናይ ሃይማኖት ጥብኣት ከም
ዝለብስ ናይ ምምራጽ ድርብ ከዳን ከምዝኸደን
ናይ ሕይወት ናይ መድኃኒት ኣኽሊል ከም
ዝደፍእ ግዚእና በትረ መስቀል ወድኺ ብምኃዝ
ኣብ ልዕሊ ኵሉ ኃይሊ ጸላኢ ግርማ ሞገስ
ሃብኒ። ንዚቃወመኒ ጸላኢ ውን ብቅንዋት ፍቁር
ወድኺ ክመጊእ ሰይፊ መለኮት ውን ኣዕጥቕኒ።
መኳንንት ጽልመት መላእክተ ጽልመት ንኣይ
ንምቅዋም ንምክርኻር ከይክእሉ ብየማን ብጸጋም
ብናይ ጽድቂ [illegible] ከልልኒ። ኦ ድንግል ሓበን

ንጽሓን ደናግል ኣደ ኃያላን ሰማዕታት መርዓት ንጹሓን ደናግል ኣደ ኃያላን ብሓንስ ንእድ ክብርት ካብ ኵሎም ምእመናን ብሓንስ ንእድ ክብርት ንዘተዋረዱ ልዕል እተብል ብዕብት ንዘተጋርዩ ድሲታእም ምስራፍም ንመረታውያን ፍጥረታት ምስ ስማያውያን መላእኽቲ ሓደ እትገብሮም ብርኽቲ ብዅሎም ቅዱሳን ዘተጋሬት እያ። ብዅሎም ግሩማን ማኅበር ሰዩማን ዘተመስገንት እያ። ማኅበር ትጉሃን መላእኽቲ ኵልኹም ንው ናባይ። ኣስማትኩም ዘተጽውዐ መላእክተ ገጽ ዝኾበርኩም ናይ ምስጋና መላእኽቲ ዘተኃሬኹም ናይ ቅዳሴ መላእኽቲ ናባይ ንው። ናይ ኃይሊ መላእኽቲ ጽኑዓት ናይ ተልኽ መላእኽቲ ኣዘዝቲ ናይ ተራድኦ መላእኽቲ ሰዓርቲ ናይ ድኅነት መላእኽቲ ተለኣኽቲ መንፈሳውያን መላእኽቲ ረቂቃን ናይ ምሕረት ይቕረ በሃልቲ ናይ ዑቃቤ መላእኽቲ በዓል ሕድሪ ናባይ ንው። እሳታውያን መላእኽቲ ዘፍርሁ ግሩማን ናይ ነጐድጓድ መላእኽቲ መደንግፃን ናይ ፀዳል መላእኽቲ ብሩሃን ናይ ደመናት መላእኽቲ ረዋድያን ናይ ንፋስ መላእኽቲ ኃያላን ናባይ ንው። ኣብ ልዕሊ ፀሓይን ወርኅን ከዋኽብትን ዘተሸምኩም መላእኽቲ ባሕርን ቀላይን ኵሉ ማይን ፈለግን ንምሕላው ዘተሸምኩም መላእኽቲ ፍረ ዕፀዋትን ናይ ምድረ በዳ ዕንጨይትን ኣትክልትን ኣዝርእትን ንምሕላው ዘተሸምኩም መላእኽቲ



ናባይ ንው። ንኹሎም ዝበሩ ዝነፍሩ ኣዕዋፍ ኣብ ውሽጢ ማይን ልዕሊ ምድርን ዝንቀሳቐሱ ኵሎም ንምሕላው ዘተሸምኩም መላእኽቲ ናይ ቈላ ናይ ሃሩር መላእኽቲ ናይ ቍርን ኣሳሕይታን መላእኽቲ ናይ በረድን ግመን መላእኽቲ ናባይ ንው። ናይ ንፋስን ሀቦቡላ ኣውሎን መላእኽቲ መናብርት ሥልጣናት ኣጋእዝት ኃይላት መኳንንት ሊቃናት ብህልውና ዝኾበርኩም ኣርባብ ናባይ ንው። ሰይፊ ዝመዘዝኹም ናይ ሚካኤል ሠራዊት ንጸላእቲ ጕይታ እትቃወሙ ናይ ገብርኤል ሠራዊት ብኃይሊ ዘተዓጠቕም እሳታዊ ሰይፊ ኣጽኒዕኹም ዝኃዝኩም ናባይ ንው። ናይ ሓዊ ኣኽሊል ወርቂ ዝደፋእኹም ዘይስንፍ ዋልታ ዝኃዝኩም ናይ ሩፋኤል ሠራዊት ዋልታ ዝገተርኩም ሰየፍቲ ናይ ዑራኤል ሠራዊት ናይ ብርሃን መላእኽቲ ንልቢ ብዘሸብር ብዘህድም ድምፂ ነጋሪት ምስጋና እተሰምዑ ናባይ ንው። ናይ ሰዳክኤል ሠራዊት ናይ መብረቕ ልብሲ ዝለበስኩም ናይ ሓዊ ኵናት ዝኃዝኩም ንኵናት ዘተዳለኹም ሠራዊት ዘየቋርጽ ምስጋና ዘተመላእኹም ናይ ኣናንኤል ሠራዊት በብ ጊዜኡን በብ ሰዓቱን ናይ ቅዱሳን ጸሎት ንምዕራግ ናባይ ንው።* ዓይኒ ዘተመልኡ ኪሩቤል ንነፍስ ወከፍ ኣርብዓተ ገጽ ኣለዎ። ናይ ነፍሲ ወከፎም ክንፊ ሽድሰተ እዩ። ካልኦት ድማ ሸሸሞተ ክንፊ ዘለዎም እዮም።

ሠረገላእምን ኣክናፎምን ድማ ዓይኒ ዝተመልአ
እዩ (ሕዝ. 1፥6-18) ሱራፌል ውን ቅዱሳ ዝተመልኡ
እዮም። ክንፎም ድማ ሽድሽተ እዩ። ካብኦም ከአ
ዝኸበሩን ዝተጋርዩን ዕሥራን አርባዕተ ዝተሸሙ
ኣለዉ። ንመለኮት ዝና ዕቤት ንጕይትንቱ ገጸ
በረኸት ዝኸውን ናይ ቅዱሳን ጸሎት ዝዕርጉ
እዮም። ካብ ኪሩቤል ውን ብህላዊኦም ዝኸብሩ
ናይ ልዑል እግዚኣብሔር ሠረገላታት ናብ
ጐይታ ሠራዊት ዝቐርቡ ኣለዉ። ንሳቶም ድማ
፬ቱ እንስሳ እዮም። ንሓደ እንስሳ ኣርባዕተ ገጽ
ኣለዎ። ናይ ሓደ እንስሳ ገጽ ሰብ ናይ ካልኣይ
ገጽ ኣንበሳ ናይ ሣልሳይ ገጽ ላም ናይ ራብዓይ
ገጽ ንስር እዩ። ሕዝቅኤል ነብይ ከምዝበለ። (ሕዝ.
1፥10-11) ካብ ርእሶም ክሳብ ሕቝኦም ኣርባዕተ
እዮም። ካብ ሕቝኦም ክሳብ እግሮም ሓደ እዮም።
ንሓንቲ ሰዓት እኳ ምስጋና'ውን ኣየቋርጹን።
እምበኣር ማኅበር መላእኽቲ ኵልኹም ናባይ
ንኽትመጹ እዛረብ ኣሎኹ። ኣምላኽ ንዝወለደት
ብእብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃለት ዝተኃሬት
ዝተደነቐት ድንግል ማርያም ብጊዜ ምስጋና
ድንግልናኣ ምሳኹም ኃቢረ ንኽመስግን እዩ።
እንተኾነ ግን ኃኣኹም ንምጽዋዕ ዝደፍር ብኣደ
ጐይታኹም ዝተኃሬት ድንግል ስማ ብምጽዋዕ
እዩ እምበር ብናተይ ሕያውነት ኣይኮነን። ናይ



ንግሥትኹም ልዕልና ዘክሩ እምበር ናተይ ኅሥረት
ኣይትዘክሩ። ናይ እግዝእትኹም ክብራን ዝናኣን
ዘክሩ እምበር ናተይ ድኽነት ኣይትዘክሩ። ናይ
ኣደ ኣምላኽኩም ንጽሕናኣ ዝክሩ እምበር ናተይ
ኃጢኣት ኣይትዘክሩ። ኦ መላእክተ ሰማይ ትጉሃን
እነ ኃጥእ በደለኛ ንምእመናን ናይ ጸሎቶም
መዳይ ዝኾነት ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተባህለት
ዝተኃሬት ድንግል ማርያም ብዝኸበረ ስማ
ብዝጸሌኹዎ ጊዜ ንስኻትኩም ድማ ምሳይ ጸልዩ።
ድሌት ልበይ ተመልኪትኩም ንኽትጽልዩለይ
እማልደኩም ኣሎኹ። ንዝና ክብረታ ድማ
አድንቕ ኣሎኹ። ብንጹሕ ልቢ ብሰፊሕ ኅሊና
ስለ ኅድገት ኃጢኣተይ ለምኑለይ እምበር ካባኹም
ወላ ሓደ እኳ ስለ ኃጢኣተይ ሸለል ብማለት ካብ
ልመናይ ገጽ ዝመልስ ኣይኹን። ብግሁድ ይኹን
ብሰውር ኣብ ልዕለይ ዝተለዓለ ተቓዋሚ ጸላኢ
እንተኣልዩ ነበልባላዊ ሰይፍኹም ምዘዙ። እሳታዊ
ኵናትኩም ወርውሩ። ናይ መብረቕ ቀስትኹም
ኣጻውዱ ናይ ነጐድጓድ ፍላፃ ምልሑ። ከቃወመኒ
ንዝደሊውን ውግኡዎ። ብናይ ሓዊ መብረቕ ፈረስ
ክበብዎ። ምድሪ ብዘናውጽ ናይ መብረቕ ሠረገላ
ተኸተልዎ። ካብ ፍርሓት ቊጥዓኹም ዝተለዓለ
ስፍሓት ሰማይ ትጽበበ። ካብ ናይ ኣእዳውኩም
ምረት ክብደት ዝተለዓለ ናይ ምድሪ ስፍሓት

Scanned with CamScanner

ትጭንቆ። ካብ ግርማ ገጽኩም ዝተለዓለ ተፀራሪ ጸላኢ ይህደም። ትዕብተኛ ዕቡይ ይውደቕ። ኣፍ ልቡ ገቲሩ ማንትእ ዝብል ዝፍኾኑን ብናይ ርእሱ መዓርግን ክብርን ዝዕበ ይሰበር ይሳባበር። ሕንዚ ተመን ይዘርዘር ይድከም። (ይልሳሕ) መጸወድያኡ ይበተን። ሰብ ንሰብ ዘጸልእ ዓባስ ይኹን። ኣፍ ዓመፀኛ ይለጎም። መምለኺ ጠንቋሊ ይነቐል። ኣስማተኛ መሠርይ ይጥፋእ። ብሰብ ውን ዝእመን ርጉም ይኹን ክም ዝተጸሓፈ። ብቅዱስ እስራኤል ግን ዝሕበን ብኣምላኽ ይዕቆብ'ውን ዝኣምን ብጸሎት ንጽሕት ኣዴኡ ውን ዝጽጋዕ ብድኅን ይኅደር ብድኅን'ውን ይወዓል ንዘለዓለም ኣሜን።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ እ እግዝእትየ ድንግል በ፪ኤ ማርያም ወላዲተ ኣምላክ በረኸት ጴጥሮስን ጳውሎስን ዝተሰየፉ በረኸት እንድርያስን ፊልጶስን በርተሎሜዎስን ዝተኣሠሩ በረኸት ማቴዎስን ያዕቆብ ወዲ እልፍዮስን ዘተቐብዑ ኣብ ልዕለይ ክዓስል ለምንለይ። በረኸት ያዕቆብን ዮሓንስን ቶማስን መምህራን በረኸት ይሁዳ ስምዖንን ናትናኤልን ርኅሩኃት በረኸት ማትያስን በርተ ሎሜዎስን ማርቆስን ሉቃስን ወንጌላውያን በረኸት ያዕቆብ ኢጺስ ቆጸሰ ኣብ ምድሪ ጽዮን ዝተሾመ በረኸት ሰብዓን ክልተን ኣርድእት ክርስቶሳውያን ለዋሃት በረኸት ኃሙሽተ



ሚእቲ ብጹት ኣሥር ክርስቶስ ዝተኸተሉ ኣብ ልዕለይ ክዓስል ለምንለይ። ናትኪ በረኸት ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን በረኸት ኣብ ልዕሊ ኣገልጋሊኺ ብኹሉ መዋዕል ሕይወተይ ንዘለዓለም ይኹን ይንበር ኣሜን።

## ኣርጋኖን፡ ዘሰንበት

ብስም እግዚኣብሔር ኣብ መርዓት ክትከኒዮ ዝኃረየኪ። ብስም እግዚኣብሔር ወልድ ካባኺ ሰብ ክኸውን ዝፈቀደ። ብስም እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ታቦት ዝገበረኪ እልምነኪ። ኦ እግዝእትየ ቅድስት ድንግል ማርያም ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተብሃልኪ ንቍሩብ ፍረ ከናፍረይ ኣብዝሒ። ብወድኺ መዓት ዘቝርር ኃጢኣት ዝኃድግ ድማ ካዕበት ኣማኢት ክኸውን ኣብዝሕዮ። ንዘለዓለም ኣሜን።

### ምዕራፍ፡ 1።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተብሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም መላእኽቲ ንዝፈጠረ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ንዝነብር ወላዲቱ ለምንለይ። ካብ ዘጥሕል ማዕበል ባሕሪ ካብ ዝኸበደ ጥፍኣት ኀልፈት ዓለም ብጸሎትኪ ኣድኅንኒ። ኦ ድንግል ወላዲተ ኣምላክ ኣብ ልዕለይ ንዘኃደረ ክፉእ ሽታ ኃጢኣት ኣርሕቕዮ። ብመዓዛ ጸሎትኪ ውን ከም ጥዑም ሽታ ዕጣን ኪሩቤል ከም ጽንሓሕ ሱራፌል ጸሎተይ ድማ ዝጠዓመን ዝተፈትወን እግዚኣብሔር ዝቕበሎ ይኹን። ምስጋና ዝተመላእኺ ኦ ድንግል ቀበዝበዝ ዘብል ኣእምሮ ዘጥፍእ መስተ ዘቢብ ወይኒ ከም ዝሰትየ ልበይ ፍልጠት ስኢኑ እዩ'ሞ



ከይወድቕ ካብ መስናኽል ኣድኅንኒ ደግፍኒ። ሕጉን ትእዛዙን ንምሕላው እናሓሰብኩ ምሉእ ለይቲ እደክም ኣሎኹ። ቍሩብ ጸኒሑ ውን ኀሊና ዝለዋውጥ ሓሳብ ይመጽእኒ ሰብነተይ ብናቱ ገመድ ተታኒዛ እያ'ሞ ናይዚ ዓለም ምእሠሪ ካባይ ቍረጺዮ። ንእኡ ካብ ምግዛእ ድማ ነፃ ግበርኒ። ጸጋ ክብርን ዝተመላእኺ ኦ ድንግል ኣነ ከይግፋዕን ንኻልእ ከይገፍዕን ኣድኅንኒ። ቅድስና ዝተመላእኺ ኦ ድንግል ከይብደልን ንኻልእ ከይብድልን ኣድኅንኒ። ካብ ደም ምፍሳስ ኣድኅንኒ። ኣነውን ናይ ካልእ ደም ካብ ምፍሳስ ሰውርኒ። ኦ ድንግል ናይ ተድላ ወኃዚት ካብ ምጥባር ኣድኅንኒ። ካብ ጠባሪ ድማ ሰውርኒ። ኦ ድንግል ናይ ምስጋና ወኃዚት ካብ ኣሸሙር ካብ ጸርፊ ኣድኅንኒ። ካብ ዝሽምጥጥ ዝጸርፍ ድማ ሰውርኒ። ኦ ድንግል ናይ ጸጋን ክብርን ወኃዚት ሰብ ንሰብ ካብ ምብኣስ ኣድኅንኒ። ሰብ ንሰብ ካብ ዘጻልእ ሓሳዊ ድማ ሰውርኒ። ኦ ናይ ሕይወት ናይ መድኃኒት ፈልፋሊት ካብ ቂምን ቅንኣትን ኣድኅንኒ ካብ ምንቀኛን ቀናእን ድማ ኣድኅንኒ። ኦ ድንግል ናይ ፈውሲ መቅድሒት ናይ በረኸት ፈልፋሊት ካብ ጽልእን ክትዕን ኣድኅንኒ። ካብ ዘጻልእን ዘካትዕን ኣድኅንኒ። እሳት ዝለበሱ ኪሩቤልን ሱራፌልን ብኽንፊ መብረቕ ዝጋርዱኺ ናይ ንጉሠ ነገሥት

ካብ ፍላፃ ምንደረ ዝኾነ እ ናይ ብርሃን ድንኪን ካብ ፍላፃ ምንደረ ዝኾነኪ እ ናይ ብርሃን ድንኪን ብዋልታ ሕይወት መድኃኒት ኢጋንንት ንክድኅን ብዋልታ ሕይወት መድኃኒት ኢጋንንት ንክድኅን ካብ ነገር ልሳን ሰብ ምስ ሰብ ምጽሳእ ክልልኒ። ካብ ነገር ልሳን ሰብ ምስ ሰብ ምጽሳእ ብመጋረጃ ወድኺ ይቕረ ዝተመልአት ንኸድኅን ብመጋረጃ ወድኺ ይቕረ በሃሊ ዝኾነ ክደንኒ። ሓቡራ ቅጽራ ዘይፈርስ መሠረታ ዘይናወጽ ንዘልዓለም ጸኒዓ እትነብር እ ኣደራሽ ናይ ምእመናን መንበረ ናብ ዝኾነ ቤት ወድኺ ኣቲኻ ንምንባር ዕድል ክፍለይ ንነት መንግሥተ ሰማያት ግበርለይ። ዕንባባ ድንግልናን ፍረ በረኸትን ብቕድስና ዘፍሬኺ እ ዓፀደ ወይን ፍረ ንስሓ ንኽፍረ ንጹሕ መሥዋዕት ውን ገጸ በረኸት ገይረ ንወድኺ ከም ዘቕርብ ግበርኒ። ሠናይ ተግባር ንምሥራሕ ውን ለዋህ ልቡና ትሑት ሰብእና ሃብኒ። ካብ ምድሪ ክሳብ ሰማይ እትበጽሕ እ ናይ ወርቂ መሳልል ናይ መለኮት ሓድነት ስለ ሠለስነት ናብ ዘለዎ ናይ ምሕረት ፈልፋሊ ዝቅድሖ ንጸሎተይ ኣዕርጊ። ዕድለይ ክፍለይ ይቕረ ምባል ግበርለይ። እንተኾነ ግን ብናትኪ በረኸት ብምስዓር እዩ እምበር ብፍርዲ ኣይኹን። ናይ ልዑል እግዚኣብሔር በኹሪ ወዲ ናይ ጕይትነቱ መሣርሒ ናይ ብርሃን መጋረጃ እ ድንግል ካብ እከይቲ ዕለት ካብ ናይ ጥፍኣት ሰዓት ብመዓልቲ ካብ ዝውርወር ኲናት ብጸልማት ለይቲ ካብ ዝማላለስ ነገር ሰውርኒ። ንፋስ ኣውሎ ክለዓል



ክሎ ንምእመናን እተሳግር እ ናይ መድኃኒት ድልድል ናይ ድንነት መርከብ ንመርከብ ሰብነተይ ከየንዋውጻ ካብ ማዕበል ኃጢኣት ኣሳግረኒ። እ ንጽሕት ድንግል ንንጹሓን ደናግል ሓበኖም ካብ ርኽሰት ኃጢኣትን ካብ ርስሓት ምንዝርናን ንጹሕ ግበርኒ። እ ቅድስት ድንግል ንኵሎም ቅዱሳን ሓበኖም ብንጹሕ ደም ወድኺ ንጹሕ ግበርኒ። ካብ ናይ ባሕርይ ጕኒ ወድኺ ብዝፈስስ ዝተነሳሕኩ ግበርኒ። እ ፍሥሕት ድንግል ንኵሎም ምእመናን ደስታ ሓበኖም ንዘለዓለም በዘይ ውዳእ ደስታ ወድኺ ደስ ኣብልኒ። እ ድንግል በዘይ ርኽሰት ቤተ ክብካብ ናይ መንፈስ ቅዱስ መርዓት ናይ መለኮት ዝፋን ንልበይ ካብ ዘርክስ ንነፍስይ ካብ ዘንድድ ሥጋዊ ፍቓድ ንጹሕ ግበርኒ። ከም ባሕሪ ካብ ዝዓመቑ ርኹስ ስሓቕ ጸወታ ካብ ክፉእ ወልፊ ሲስነት ማዕበል እተሳግር እ ድንግል ናይ ወርቂ መሳልል ካብ ናይ በደል ዕዳ ታኼላ ኣሳግርኒ። እ ድንግል ኖኅ ካብ ታኼላ ኣይኅ ዝደኃነላ መርከብ ብኃጢኣት ከማይ ዝረኸሰ ሰብ የሎን'ሞ ኣብ ልዕሊ ኵሎም ደቂ ሰባት ካብ እትመጽእ ታኼላ መቕዘፍቲ ኣውዕእኒ። (ዘፍ. 7:23) ኵሉ ጽድቀይ ከም ጨርቂ መርገም እዩ። ርኽሰተይ ከኣ ከም ደም ሕርሲ ዕጽፌ ድርብ ከም ዝኾነ ዝወለደት ሰበይቲ ርኽስቲ ኮይና ከም እትቕኒ ከም ናይ

ሸውዓተ መዓልቲ ርኽሰት ዝበለ እዩ። ካብዚ ክንጽሓኒ ዝኽእል ንመን ክጽውዕ እየ። ቍስለይስ ንምፍዋስ ናብ መን ክእዊ እየ፡ ናይ ኃጥኣን ዕዳ በደሎም መንጽሒት ንቍስላት ናይ ቍስሎም ፈውሲ ካብ ዝኾንኪ ካባኺ እትርፎ ኃሊፈ ብጀካ ወድኺ ካልዕ በዓል መድኃኒት ኣይደልን። ብጀካ ሓገዝ ጸሎትኪ ንኃጢኣተይ ዘስተሥርየለይ ካልእ ኣይድልን። ኦ ንጽሕት ካብ ርኽሰተይን ካብ ኵሉ ዕዳ በደለይ ንጹሕ ግበርኒ። ካብ ቍስሊ ሥጋ ቍስሊ ነፍስ ድማ ፈውስኒ። ንድዊ ሕማም መድኃኒት ይደልዩሉ፣ ንቍስሊውን ዘቐምርር ጽቡቕ ፈውሲ ዘተቓመመ ይደልዩሉ፣ ቍስሊ ኃጢኣት ግን በዘይ ፍቓድ ወድኺ ኣይቕምርርን።

## ምስራፍ፡ 2።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ናይ ደናግል ሓበን ናይ ኵሎም ቅዱሳን'ውን ኣኽሊል ኀሬቶም ንእበሳይ ከም ፃዕዳ ሃሪ ግምጃ ንጹሕ ግበርዮ። ንዕዳ በደለይ ውን ከም በረድ ፃዕዳ ግበርዮ። ጸሎተይ ውን ናብ ቅድሚ ወድኺ ትብጽሖ። ብእዝኒ ፍቱር ወድኺ ዝተሰምዐት ንሱ ውን ዝቕበላ ንኽትኸውን ኣብ ቅድሜኺ እምህለል ኣሎኹ። ካብ ወድኺ ውን ንኃጢኣተይ ሥርየት እደሊ ኣሎኹ። በብ



ሰዓቱ በብ ጊዜኡ ምምጻእ ፍረ ማኅፀንኪ ይቕረታ ብሃረርታ እጽበዮ። ወድኺ ድማ ከም በደለይ እንተ ዝቕየመኒ ከም ግብረይ እንተ ዝፈድየኒ ንሓንቲ ሰዓት እኳ ብደኃን ሕያው ኮይነ ደው ኢለ ኣይምነበርኩን። እንተ ኾነ ግን ናይ ጸሎትኪ ረድኤት ናይ ወድኺ ይቕረታኡ በብ ዕለቱን በብ ዘመኑን ይከላኸለለይ። ስለዚ ምድሪ እንተ ተናወጸት ኣኽራናት ገቦታት'ውን ኣብ ልዕሊ ምድሪ እንተ ተገላባበጡ ኣይፈርህን። ብግርማ ሓርበኛ ሰብ ንኹናት ኣጽዋር ዝተዓጥቐ ኣይድንግፅን። ብእምላኽ ዳንኤል ብፍሉይ ክእለት ንኣናብስት ዝፀዓደ ኣሚነ ኣሎኹ'ሞ ግርማ ኣንበሳ ብኃይሊ ዝንቁውን ኣይፈርህን። (ዳን. 6-20) ብእምላኽ ኣናንያ ኣዛርያ ሚሳኤል ንእሳት ነበልባል ናብ ማይ ዝሑል ዝቐየረ ኣሚነ ኣሎኹ'ሞ ብግርማ ነበልባል ሓዊ ኣይፈርህን። (ዳን፡3፡27) ብጸሎትኪ ውን ተጸጊዔ ኣሎኹ'ሞ ኣብ ማእኸል ዘይፈርስ ቀጽሪ ኣድማስ ከም ዝነብሩ ደቂ ሃገር ንስኺ ምእንታይ ይቕረ እተብሊ ኢኺ። ንናተይ ቍስልን ኀሥረትን ናይ ይቕረታ ርኽበት ኢኺ። ስምኪ ክጽውዕ ከሎኹ ብልቡ ከም ዘይጭክነለይ ፈሊጠ ኣሚነ ናብ ወድኺ ኢደይ እዝርግሕ ኣሎኹ። ስምኪ ብምጽዋዕ ምሕረት ክልምኖ ከሎኹ ውን ኣይድንጉየንን እዩ። ካብ መዓት ዝረሓቀ ሓቀኛ

Scanned with CamScanner

ናይ ባሕርይ እምነኺ እዩ'ሞ ንይቕረታኡ ውን ይፈልጦ እየ።

## ምዕራፍ ፫።

ብስብራደስት ማርያም ዘተበሃልኪ ዘተጋነሪኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ናይ በረኸት ጽዋዕ ናይ ሕይወት መቕድሒት ካብ ዘይድርቕ ፈልፋሊ ይቕረታ ዝወጽእ ማይ ሕይወት ቅድሕለይ። ብዝኺ ኃጢአተይ ቍጽሪ ዘይብሉ ዕዳ በደለይ ውን ብዘይ መጠን ኮነ። ካብኡ ድማ ምሕረት ወድኺ ይበዝሕ። ከም ዝተጻሕፈ ንትእዛዝካ ይቕረታ ልክዕ መጠን ስፍሪ የብሉን ተባሂሉ እዩ። ኦ ቅድስት ድንግል ጸጋን ክብርን ዝተመላእኺ ብረድኤት ጸሎትኪ ክእምን ክሎኹ ድርዓ ዓወት ከም ዝለብስ ሰይፈ መለኮት ውን ከምዝዓጥቕ እፈልጥ እየ። ንንሕድሕዶም ይረዳድኡ ይደጋገፉ ናተይ ሃይማኖት ናትኪ ጸሎት ናይ ልዑል እግዚአብሔር ድንነት ዳግም ውን ናተይ ምእማን ናትኪ ልመና ናይ ልዑል እግዚአብሔር ይቕረታ ንንሕድሕዶም ይረዳድኡ። እነ ብእኺ ኣሚን ክሎኹ። ድሌተይ ንምርካብ ተስፋ ንስኺ ምእንታይ ተረኺብኪ ንልመናኺ'ውን እግዚአብሔር ሸለል ከይበለን ከይነቐፈን ድሌተይ ምሃቡ ንንሕድሕዶም ይደጋገፉ እነ ብስምኪ እልምን ኣሎኹ። ንስኺ



ውን ምእንታይ ተማልዲ ኣሎኺ። ወድኺ ውን ስለ ልመናኺ ንስኺ ልመናይ ይህበኒ። እነ ንፍቕርኺ እንተዘይተገዝእ ንስኺ ነኣይ ንምድሓን ኣይትተማህለን። ወድኺ ድማ ነኣይ ይቕረ ንምባል ኣይተማህለን። እነ ብስምኪ ኩሉ ድሌተይ ንምርካብ እምነ ኣሎኹ። ንስኺ ንኣይ ኣማላዲተይ ኢኺ። ወድኺ ከኣ ድሌተይ ዝህበኒ እዩ። እነ ዝጸማእኹ እየ። ንስኺ ናይ ወርቂ መቕድሒት ኢኺ። ወድኺ ድማ ናይ ማይ ሕይወት ዒላ (ኣዘቅት) እዩ። ናይ መለኮት ዕንቊ ንምግዛእ እነ ነጋዳይ እየ። ንስኺ ናይ ሕይወት መርከብ ኢኺ። ወድኺ ድማ ናይ ኩሉ ሠናይ ነገር መዝገብ ኣብ ውሽጡ ዘለዎ ናይ ረብሓ ቦታ እዩ። እነ ጸድፊ ተሳጊረ ናብ ሥፍራ ብርሃን ንምብጻሕ ዝተሃወኽኹ እየ። ንስኺ ናይ መድኃኒት ድልድል ኢኺ። ወድኺ ከኣ ንዝተገፍዑ መጸግዒ ናይ ተድላ ደስታ ቦታ እዩ። እነ ሃብቲ መንፈስ ቅዱስ ዝደሊ ድኻ እየ። ንስኺ ናይ ኩሉ ክብሪ መዝገብ ኢኺ። ወድኺ ከኣ ንበዓል ሞገስ ንኽብሪ ንኽሞግስ ናይ ሽልማት ጌጽ እዩ። እነ እልምን ኣሎኹ፡ ንስኺ ጸሎተይ ተዕርግለይ፡ ወድኺ ድማ ኃጢአተይ የስተሥርየለይ። ድሌት ልበይ ይህበኒ። እነ ቍሱል እየ። ንስኺ ናይ መድኃኒት ሙዳይ ብልቃጥ ኢኺ። ወድኺ ድማ በዓል መድኃኒት እዩ። እነ ቍስለ ኃጢአተይ

ዝሸተተ ናይ ቅዱሳን መዓዛ ድማ የድልየኒ። ንስኺ ዝጠዓመን ዝተፈትወን ናይ ሽታ መዓዛ ብርሰ ኢኺ። ወድኺ ከኣ ካብ ኵሉ ጨና ኣገዩ ዝጠዓመን ዝተፈትወን ቅብዐ መለኮት እዩ። ኣነ ዝዓረቕኩ ናይ ብርሃን ልብሲ ዝደሊ እየ። ንስኺ ናይ ማእለማ ንብረት ኢኺ። ወድኺ ድማ ዘይበሊ ዘይኣርግ ናይ ሃይማኖት ልብሲ እዩ። ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃሬኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ኵሉ ጊዜ ብዓይኒ ልበይ እርኤኪ፡ ብሓሳበይ ውን ኣብ ኵሉ ቦታ እረኽበኪ፡ ብጊዜ ድቃሰይ ነኣይ ንምሕላው ዝነቃሕኪ ኢኺ። ካብ ድቃሰይ ውን ክነቅሕ ከሎኹ ነኣይ ንምትንግእ ዝተዳሎኺ ኢኺ።

ክቕመጥ ከሎኹ ነኣይ ንምምካር ትመጽኢ። ደው ብዝብለሉ ጊዜ ብየማናይ ደው ትብሊ። ብዝዛረበሉ ጊዜ ውን ልሳነይ ንምጥዓም ተከናውንለይ። ስቕ ብዝብለሉ ጊዜ ውን ሞገስ ኢኺ። ኃሤት ውን ኣብ ዝገበርኩሉ ጊዜ ተድላ ደስታ ኢኺ። ክኃዝን ክሰቍርቍር ከሎኹ ናይ ኃዘነይ መጸናንዒተይ ኢኺ። ብዝበኽየሉ ጊዜ ናይ ብኽያተይ ምዕገሲ ኢኺ። ብዝዝምረሉ ጊዜ ንኢደይ ከም መሰንቆ ንእዓብዕተይ ከም በገና (ዕንዚራ) ኢኺ። ክጠሚ ከሎኹ መጋቢተይ ኢኺ። ክጸምእ ከሎኹ ንኣይ ንምርዋየይ ማይ



ሕይወት ዝመላእኺ ኢኺ። ሰንከልከል ብዝበልኩሉ ጊዜ ነኣይ ንምድጋፍ ኢድኪ ትርጊሒ። ምስ ወደቕኩ ድማ ኢድኪ ዘርግሕኺ ተልዕልኒ። ተባሕትዎ ብዝኃዝኩ ጊዜ ውን ንኣይ ንምብጻሕ ኣይተቋርጽን። ብማእከል ማኅበር ናባይ ትመጺ። ብጊዜ ድኻመይ ካብ ድኻመይ ተበራትዕኒ ብጊዜ ሕማመይ ንሥጋየይ ካብ ሞት ተድኅንየ። ብጊዜ ሽግረይ ካብ ሽግረይ ተድኅንኒ። ብጊዜ ጭንቀተይ ጭንቀተይ ተርሕቅለይ። ብዝቈሰልኩ ጊዜ ቍስለይ ተቐምርርለይ። ብጊዜ ርኽሰተይ ንጽሕ ትገብርኒ። ክብድል ከሎኹ ኃጢኣተይ ተፋኹስለይ። ብጊዜ ድኽነተይ ንድኽነተይ ጸጋ ሃብተይ ኢኺ።

## ምዕራፍ፡ 4።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃሬኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ነኣኺ ዘይዝክረሉ ጊዜ የሎን። ብዓይኒ ልበይ ዘይርእየኺ ጊዜ የሎን። ፍቕርኺ ኣብ ዘይተመልከትኩኺ ጊዜ የሎን። ድማ ፍቕረይ ኣብ ልበይ ከም እተጻሕፈ ከምኡ ድማ ፍቕረይ ኣብ ልብኺ ይጸሓፍ። ብኣኺ ዝበዝሐ ዕጽፊ ድርብ መንፈስ መለኮት ናይ ምኅደሪ ይኹን። ኦ ድንግል ምኅደሪ መለኮት ናይ ድንግልናኺ ቅዱስ ታቦት ንዝተመስገነ ናይ ድንግልናኺ ነገር እንታይ ከዛረብ እየ። እንታይ ከዘንቱ እየ። ኦ ድንግል ዳግሚት ናይ ኣርያም እኅት ዝኾንኪ

ሰማይ ስለ ቅድስናኺ ኃይሊ እንታይ ክብል እየ፡ እንታይ ክዛረብ እየ። ክብርኽን ዝናኽን ካብ ምሕሳብ ዝተለዓለ ልበይ ላሕሊሑ እዩ'ሞ ናይ ድንግልናኺ ምስጋና ካብ ምዝራብ ዝተላዕለ ልሳነይ ደኺመ። ፍቕርኽን ክብርኽን ንምዝራብ እሺ ሕራይ ይብል። ልሳነይ ግን ይደክም። ናይ ሥጋይ ባሕርያት ድኹም ግብሩ ውን ሰነፍ እዩ'ሞ ውዳሴኺ ንምዝራብ ነፍሰይ ብኹቱር ትሌት (ጸሕቅ) ትተግህ ሥጋይ ግን ይደክም **ኦ ድንግል** ንኹሎም መስተጋድላን ኣኽሊሎም ንመሃይምናን ናይ ሃይማኖቶም ቀፀላ ንቅዱሳን ሽልማቶም **ንነቢያት** ጓሎም **ንሐዋርያት** ኣዲኦም ንሰማዕታት ሓበኖም ንመነከሳት ደናግል ጌጾም። ናይ ኵሉ ዓለም ክብሪ **ኦ ድንግል** ንኽብርኽን ንዝናኽን ከመይ ዝበለ ምስጋና ከመይ ዝበለኽ ኣገልግሎት ይግባእ። ከመይ ዝበለ ውዳሴ ከመይ ዝበለኽ ልዕልና ይግባእ። **ኦ ድንግል ነባቢት** ገነት ምንደሪ ዳግማይ ኣደም ምስ ገብርኤል ከም **ገብርኤል** የመስግነኪ ኣሎኹ ከምዚ እናበልኩ። ኦ ጸጋ ክብርን ዝተመላእኺ ደስ ይብልኪ ደስታ ይግብኣኪ። ካብ **ልዑል እግዚኣብሔር** ሞገስ ረኺብኪ ኢኺ'ሞ ኣብ ኣደራሽ ድንኳን ውን እትነብሪ ኦ ታቦተ ሕግ ደስ ይበልኪ። **ኦ ናይ ማይ ሕይወት** መቅድሒት ኦ ፈለገ ክብር (ኣዘቅት) ደስ ይበልኪ። **ኦ ንግሥት**



ብየማን ንጉሥ እትቕመጢ ደስ ይበልኪ **ኦ መርዓት** ብወርቂ ልብሲ ዝተሸለምኪ ዘጌጽኪ ደስ ይበልኪ። ኦ ኣደ በዘይ ዘርኢ በዘይ ሩካቤ ዝወለድኪ ደስታ ይግብኣኪ። ኦ ኣደራሽ ምኅደሪ ዓቢይ ንጉሥ ደስ ይበልኪ። **ኦ መድኃኒት** መርከብ ብህቦብላ ሥላሴ ጀላቢት ንፍስ ኣውሎ ዘይትህወኽ ብናይ **ሥላሴ** ጀላቢነት ንምእመናን እተሳግር መርከብ ደስታ ይግብኣኪ። **ኦ ሓረገ ወይን** ፍረ በረኸት እተፍሪ ኣብ ውሽጣ ውን ፍረ ምስጋና ዝተረኸባ ደስ ይበልኪ። **ኣንቲ ናይ መለኮት** ዕንቈ ባሕርይ ማዑን ናይ መዓዛ ሃይማኖት ሙዳይ ደስታ ይግብኣኪ። **ኦ ደብተራ** ናይ ሊቀ ካህናት ምኅደሪ ደስ ይበልኪ። **ኦ ብርሃን** ናይ ቀርነ **መድኃኒት** ካብ ቤት ይሁዳ ዝተረኸብኪ ናይ **ቀርነ መድኃኒት** ካብ ቤት ሌዊ ዝበቖልኪ መንግሥት ጨና መዓዛ ካብ ቤት ሌዊ ዝበቖልኪ ቀርነ ክህነት ኣብ እስራኤል ውን ቀርነ መድኃኒት ደስ ይበልኪ። **ኦ ንጽሕት** ሰፊሕ መጋረጃ ብደም ምሥጢር ኣምላካዊ ዝተነጸግኪ ብፈትሊ ወርቂ ዝተዘርጋሕኺ ደስታ ይግብኣኪ። ጕንኣ ብወርቂ ሓመልሚል (ሓምላይ) ኣክናፍ ውን ብብሩር ዝተሠርሐ **ኦ ርግብ** ደስ ይበልኪ። **ናይ ቅዱሳን** ምግቢ ዝኾነ ናይ ቍርባን እንጀራ ውን ዝተቐመጣ **ኦ መሶበ ወርቅ** ደስ ይበልኪ። ናይ ምሥጢር ወይኒ እትሰከም ኦ ፅዋዕ ወርቅ ደስ ይበልኪ። **ናይ** **ልዑል እግዚኣብሔር** ንዋየ ቅድሳት ዝተሰከምኪ ኦ

መሠውዒ ደስታ ይግብኣኪ። ኣብ ቅድሚ ልዑል እግዚኣብሔር ዝተፈትወ ጥዑም መዓዛ ዝተሰከምኪ ናይ ወርቂ ማዕዲ ደስ ይበልኪ። ናይ መለኮት ፍሕሚ ዝተሰከምኪ ኦ ማዕጠንተ ወርቅ ደስታ ይግብኣኪ። ሓቀኛ ፀሓይ ዘረከብኪ ኦ ሰማይ ደስ ይበልኪ። ንኹሉ ዝፀውር ክርስቶስ ኣብ ከርሥኺ ዝተሰከምኪ ኦ ሠረገላ ኣሚናዳብ ደስ ይበልኪ። ንእግዚኣብሔር ዝጸበቐ ዝተፈትወ ናይ ምሥጢር ሥርዓት ዝሥርዓላ ኦ ናይ ወርቂ ጠረጴዛ ደስ ይበልኪ። ናይ ምሕረት ዝናም ዝተሰከምኪ ኦ ደመና ቀሊል ደስ ይበልኪ። ንኹሉ ነፍስ ንዝተወሃሃዶ ፍጥረት ምግቢ ዝኾውን ናይ መሥዋዕቲ ስርናይ እተፍርዪ ኦ ንጽሕት ገራህት ደስ ይበልኪ። ማይ ሕይወት እተፈልፍል ኦ ኣዘቅተ ክብር ደስ ይበልኪ። ዘፍርህ ናይ ሓዊ ነበልባል ውን ዝተሰከምኪ ኦ ዕፀ ጳጦስ ናይ ደመናት ዝናም ዘየስተይዋ ኦ ናይ ኢሳይያስ ጽምእቲ ምድሪ ደስ ይበልኪ። ኦ ንጽሕት ጣዕዋ ነውሪ ኣበር ዘይብልኪ ጸባን መዓርን እተውኀዝ ሃገረ እግዚኣብሔር ዝኾነት ኦ ዳግሚት ኢየሩሳሌም ደስ ይበልኪ። ብኣፍ እስራኤል ያዕቆብ ዝተባህለ ናይ ሰማይ ደገ ቤቴል ዝተባህለት ኦ ሃገረ ነቢያት ቤተ ልሔም ኦ ናይ ልዑል ኣምላኽ ናይ ሥጋዌኡ ቦታ መስገዲ መጸለዪ ኦ መስተሥርዪ ኃጢኣት ደስታ ይግብኣኪ።



ምዕራፍ፡ 5።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ብዘይ ብኣኺ ከመይ ዝበለ ፈውሲ ከመይ ዝበለስ ይቕረታ ተገብረ። ንስኺ ከይተወለድኪኺ ከመይ ዝበለ ረድኤት ተገብረ። ኣቤል ብኢድ ቃኤል ብግፍዒ ሞተ። ደሙ ንማንም ኣይጠቐመን። ደም ፍሬ ከርሥኺ ግን ንኣዳምን ንደቁን ኣድኀኖም። (ዘፍ. 4:8) ካብ ኣዳም መበል ሻውዓይ ንዝኾነ ሄኖክ እግዚኣብሔር ኣይገለጸን። ቅድሚ ምማቱ ተሰወረ። እግዚኣብሔር ስለ ዝሰወሮ ኣይተረኸበን'ውን። እንተኾነ ግን ብጽድቁ ንርእሱ ደኀነ እምበር ናቱ ሕያውነትን ጽድቅን ንኻልኦት ኣይጠቐሞምን። (ዘፍ. 5:24) ናይ ድንግልናኺ ተኸሊ ግን ብሕያውነቱ ንሞት ብሥጋ ጠዓመ። ንምውታት ከኣ (ብሥጋ) ብመለኮቱ ኣድኀኖም። ኖኅ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሞገስ ረኸበ። ምስ ስበይቱን ደቁን ካብ ማይ ኣይኅ ደኀነ። ንኻልኦት ግን ካብ ማይ ኣይኅ ኣየድኀነን። (ዘፍ. 7:23) ወድኺ ግን ብመስቀሉ ሕዝብን ኣሕዛብን ኣድኀነ። ኣብርሃም ብእግዚኣብሔር እሙን ኮይኑ ተረኸበ። ናይ ምድርን ሰማይን ኪዳን ድማ ተሠረዓሉ። ኣቦ ብዙኃት ሕዝብ ተባህለ። ንሱ ንእግዚኣብሔር ዝተኃረ ሕዝቢ ስለ ዝኾነ ኣብኡን ኣብ ደቁን ኣብ

ማዕኸል ካልኦት ኣሕዛብን መፍለዪ ምልክት ግዝረት ተዋህበ እዚ ኵሉ ክብረ ተቐቢሉ ከሎ እንኳን ንካልእ ንርእሱ እኳ ካብ ሲኦል ክድኅን ኣይከኣለን። ናይ ባሕርዩ ወድኺ ግን ብሞቱ ብዙኃት ኣድኃነ። (ዘፍ. 15:6 ም. 21-4) ንጹሕ ይስሓቅ ፈታዊ እግዚኣብሔር ተባህለ። ኣቦኡ'ውን ንእግዚኣብሔር መሥዋዕቲ ኣቕረቦ። ኣብ ክንድኡ በጃ ከኣ ንጹሕ ጥቦት በጊዕ ኣውረደሉ። ይስሓቅ ብደም በጊዕ ድኅነ እምበር ንኻልእ ኣየድኃነን (ዘፍ. 22:10-13) ወድኺ ግን ከም ዝተፈትወ በጊዕ ኮይኑ ደሙ ብምፍሳስ ንምሉእ ዓለም ኣድኃነ። እስራኤል ያዕቆብ ዝተባህለ ንምሉእ ዓለም ንኣሥራት ጕይታ ተወሃበ። ኅሬ ብምባል ውን ካብ ማእኸል ኣሕዛብ ተፈልየ። ብስም ኣምላኹ ድማ ተጸውዐ። (ዘፍ. 32:28) ካብ ምድሪ ክሳብ ሰማይ እትበጽሕ ናይ ወርቂ መሳልል እግዚኣብሔር ተቐሚጡዋ መላእኽቲ እግዚኣብሔር ናብታ መሳልል ክድይቡን ክወርዱን ረኣየ። (ዘፍ. 28:12) ያዕቆብ ይርኣያ ደኣ እምበር ናብታ መሳልል ንምድያብ ኣይተኻእሎን። ንስኺ ግን ካብ ምድሪ ክዳብ ሰማይ መደየቢ ኰንክልና። ኣብ ጽርሓ ኣርያም ንምንባር ድማ ብኣኺ ናብ እግዚኣብሔር ዝቐረብና ኰንና። ሙሴ ካብ ኵሎም ደቂ እስራኤል ኣዝዩ ልዑል በለ። ምስ እግዚኣብሔር ገጽ ንገጽ



ተረኣአየ። ኣፍ ንኣፍውን ተዛረበ። ብማእኸል ዓምደ ደመና ውን ኃለፈ። ናብ ማእከል ዓምደ እሳትውን ኣተወ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ድማ ደው በለ ብርሃኑ ረኣየ። ርእሱ ንምድኃን ሕገዚ ካብ ሞት ንምድኃን ኣይተኻእሎን። (ዘፀ. 13:1/ 21: 22/24:18) ምእንታኺን ስለ ወድኺን ሙሴ ዝተዛረቦ ግን ረድኤትን መድኃኒናን ብኣኺ ተገብረ። ነገድ እስራኤል ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጀራ በልዑ። ማይ ውን ካብ ከውሒ ሰተዩ። ደመና እግዚኣብሔር ውን ከበቦም። ሓዊ ዝተወሃሃደ ዓምደ ብርሃን ድማ መርሓም። (ዘፀ. 13:21-22:16-35) ንሳቶም ድማ ንርእሶም ካብ ሞት ኣየድኃኑን። ካብኣቶም ውን ብዙኃት ኣብ ምድሪ በዳ ወደቑ። ወድኺ ግን ብዙኃት ካብ ሕገዘቡ ናብኡ ማረኸ። ናይ ዘለዓለም ሕይወት ከኣ ዓደሎም ዓቢይ ሊቀ ካህናት ኣሮን ኣገልጋሊ እግዚኣብሔር ንኣምላኹ ውህበት ተወሃበ። ግደ ፈጣሪኡ ከኣ ኰነ። ካብ ኣኅዋቱ ሌዋውያን ኣዝዩ ክቡሩ ፍሉይ እዩ። ንደብተራ ኦሪት ተዳለወ። ብቅዱሳት ኣልባስ ተሸለመ ብዕንቍ ዝተሠርሐ ናይ ወርቂ ልብሲ ኣጊጹ። ናይ ወርቂ ኣኽሊል ደፍአ (ዘፀ. 28:34-35) ኣብ ዘፈር ልብሱ ናይ ወርቂ ሻሕሻሕ ዘፈር ኣለዎ። ኣሳጉማ እግሩ'ውን ብርሑቕ ይሰማዕ፡ ኣብ ማእኸል ቡሩሃት ከዋኽብቲ ኰኺብ ጽባሕ ደሚቑ ከም ዝርኣ ደቂ

ሌዋዊውን ብሸልማቶም ክረአዩ ክለዉ ኣብ ማእገሎም ይረአ። (ዘፀ. 28:35) ኣቕዲሙ ውን ስለ ነፍሱ ይሥዋዕ ደኃር ግን ምእንቲ ሕዝቡ ይሥዋዕ። ክነብር ሞት ሥልጣን ስለ ዘይሃቦ። ናብ ሕዝቡ ድማ ኣብ እምባ ሆር ተጸምበረ (ዘሌ.16:6) ወድኺ ግን ብፈቓዱ ርእሱ ኣብ ልዕሊ ዕፀ መስቀል ሠውዐ። ብዝፈሰሰ ደሙ ከኣ ምእመናን ኣድኃነ። ካብ ኣቦታት ጌዛ ዝነበረት ደብተራ ኦሪት ብወርቂ ዝተለበጠ ታቦት ኣብ ውሽጣ ዘለዋ ናይ ሕጊ ትእዛዝ ጽላት ድማ ተቐመጣ። ኣብ ልዕሊ ጽላት ከኣ ምስ ስእሊ ኪሩብ ናይ ወርቂ ጕልላት ኣሎ። ናይ እግዚኣብሔር መብጽሒ እዩ። ኣብ ውሽጣ'ውን መና ዝለዋ መሶብ ወርቅ ዝለምለመት ናይ ክህነት በትሪ ውን ካብ ከውሒ ኰሬብ ንጹሕ ማይ ዝቕድሓ ናይ ወርቂ ሳርማ ናይ ወርቂ ማዕዲ ብወገን ኢላም ብቕድሚኣ ብወርቂ ማዕጠንቲ ናይ እግዚኣብሔር መሠውዒ ድማ ብወገን ማዕዲ። ሽውዓተ መባርህቲ ሽውዓተ ጨናፍር (ኣዕሁቕ) ዘለዋ ናይ ወርቂ ቀንዴል እታ ድንኳን ድማ ናይ እግዚኣብሔር ምስጋና ተመልእት ብዓምደ እሳት ብርሃን ተሸለመት። ኣብ ውሽጣ ንዝነብሩ ግን ኣየድኃኑቶምን። ናይ ሕጊ ታቦት ከኣ ኣይነበራን። መሶብ ወርቅ ኣይጠቐመትን። መና ውን ንዝበልዑ ካብ ሞት ኣየድኃኑቶምን። ካብ ከውሒ ኰሬብ ማይ



ንዝሰትዩ በትሪ ክህነት ንዝምርኮስዋ ጽቡቕ መንዛ ማዕዲ ንዘቕረቡ። ማዕጠንቲ ንመሠውዒ ክህናት ንዝሠውዑ ቀንዴል ንዘቕረቡላ ናይ ደብተራ ኦሪት ንዋየ ቅድሳት ኣምሳል መርገፍ እዩ። ናትኪ አርኣያ ድማ እዩ። መድኃኒትና ግን ንስኸን ወድኸን ኢኹም። እያሱ ወዲ ነዌ መንፈስ እግዚኣብሔር ተመልአ። ሙሴ ኢዱ ኣብ ልዕሊኡ ስለ ዘንበረ ከኣ ናይ እግዚኣብሔር ረዲኤትን ኃይልን ኣብ ልዕሊኡ ኃደረ። ንፀሓይ ብወገን ገባዖን ደው ኣበለ፡ ንወርሒ ውን ኣብ ቈላ ኤላም። (ዘኍ. 34:9) ፍሉጣት(ስሙያት) ንዝኾኑ ነገሥታት ኣዋረ። ንኃያላት ሓርበኛታት ኣጥፍአ። ንናይ ደቂ ኢናቅ ምድሪ ውን ንእስራኤል መቐለ። ናይ መንግሥት ሰማያት ምምቃል ግን ንእኡ ኮነ ንኸልእት ኣይተኻእሎምን። (እያ. 12:7) ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ግን ናይ ኣቦኡ መንግሥቲ ንወገኑ መቐለ። ሳሙኤል ዓቢይ ነቢይ ሙተክኢ ኤሊ ሊቀ ካህናት ንእስራኤል ተንሥአ። ኣብ ደብተራ ስምዕ ናይ ቀርኒ ቅብዐ ንነገሥታት ዝቐብዕ ኮነ። ንምድራውያን ነገሥታት ክቕብዕ ሥልጣን ተወሃቦ። መንግሥተ ሰማያት ንምቕባዕ ግን ኣይተዋህቦን። (1ኛ ሳሙ. 10፡1፡15፡1፡30) ወድኺ ግን ንምእመናን ብቕብዓ መለኮቱ ቀብዖም። ንመንግሥተ ሰማያትውን ድልዋት ገበሮም። ካብ

ንእስነቱ ጀሚሩ ናይ ኣምላኹ ምስጋና ዝዝምር ዳዊት ወዲ እሴይ ገና ንእሽተይ ከሎ ካብ ኣንዋቱ ንልፊ ንሱ ንቕብዓት መንግስቲ ተመርፀ። የማኑ ከአ ጸላኢ ዘጥቅዕ ኮነ። (1ይ ሳሙ. 16:13) ሡር ቅልጽም ኣእዳዉ ከምቀስት ሓጺን ጸንዐ። ኣፃብዕቱውን ኲናት ዝተማሃራ ኮና። ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንዝተዓበየ ጐልያድ ድማ ብእምኒ ወንጭፍ ደርበዮ። ርእሱ ውን ብገዛእ ሰይፉ ቆረጾ። (1ይ ሳሙ. 17:51) ስለዚ ደረፍቲ ከምዚ እናበላ ተቐበላኦ። ሳኦል ሽሕ ቀተለ፡ ዳዊት ግን እልፊ ቀተለ። ንጓል ሳኦል ሜልኮል ሕፀ ካብ ዓሌት ኢሎፍሊ ሚእቲ ቈላፍ (ሰለባ) ኣእተወ። (ሳሙ. 18: 7) ብስም ፈጣሪኡ ዝተኣመነ እዩ'ሞ ከናፍሩ ድማ ናይ እግዚኣብሔር ምስጋና ተመልኣ። ካብ ልሳኑ ውን ናይ ምስጋና ውሕጅ ወኃዘ፡ ኣብ ሰማይን ምድርን ዘለዉ ፍጥረታትውን ብናቱ ቃል የመስግኑ ንሱ ውን ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ ሞተ፡ ንነፍሱ ድማ ካብ ሞት ኣየድኃናን። ካብ ዘርኢ ዳዊት ዝመጸ ወድኺ ግን ካብ ኣቤል ጀሚሩ ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ዝተኣከቡ ነፍሳት ካብ ሲኦል ኣድኃነ። (ማረኸ) ሰሎሞን ኣብ ዓሠርተ ክልተ ዓመቱ ኣብ እስራኤል ነገሠ። ከም ሕፃ ባሕሪ ኣብ ሰማይ ተዘርጊሑ ከምዝረአ ግመ ጥበቡ ሰፊሐ ምስ ነገሥታት ኣሕዛብውን ገጸ በረኸት ምቅብባል ንርእሱ ገበረ።



ካብ ሕዝቡም ውን ገጸ በረኸት ተቐበለ። ብዘመኑ ውን ብዝኂ ወርቂ ከም እምኒ ዝጸበቐ ልብሲ ከም ቈጽሊ ኮነ። (1ይ ነገ. 2:12) (2ይ ዜና. 1:15) ቤተ እግዚኣብሔር ብዘይተወቐረ እምኒ ሐነጸ። ብወርቂ ሴት ፋፋሂውን ለበጦ። ንጉሥ ጢሮስ ኪራም ብኣውሕን ዘግባን ውን ሓገዞ። ነገሥታት ሳባ ውን ብዕንጨይቲ ዕሑዲ ሓገዝዎ። (2ይ ዜና.3:5:7)(1ይ ነገ.9: 12) ግድጊዳ ስየ (ሆሣዕና) ብዕንጨይቲ ቅንጨብ ብኢዱ ኣሥርሐ። ኣብ ቅድስተ ቅዱሳን ኪሩቤል ኣስኣለ። ኣብ ፍርቂ እታ መቅደስ ከኣ ናይ ሓጺን ኣዕኑድ ኣቐመ። ስሞም ድማ በለዝ ያቂም ኢሉ ጸውዖም። ናይታ መቅደስ ሥራሕ (ሕንጻ) ንዓይኒ ዘሕጕስ ንልቢ ዘደንቕ ገበረ ብዓሠርተ ክልተ ናይ ወርቂ ኣናብስት ዝተሠርሐ ስኒ ሓርማዝ ኣትራኖስ ገበረሉ። ነቲ ሰሌዳ ንጹሕ ወርቂ ቀብዖ። ንመጻግዒ ዝኸውን ድማ ኣርባዕተ ናይ ወርቂ ላም ገበረ። ብኣርባዕተ ማዕዝን መንበር ኣቐመጦ። እቶን ኣሓ በብኽልተ ይረኣኣያ። ግርማ መንግሥቱ ከኣ ዘደንቕ ኮነ። ሕዝቢ ውን ንዑ ንምስማዕ ካብ ወሰን ምድሪ ይመጽኡ። ንሱ ግን ብደቂ ኣሕዛብ ነገሥታት ዘመወ። ብፍቕሪ ኣንስቲ ውን ንፈጣሪኡ በደለ። ደድኅሪ ኣምላኽም ዘብዘብ ኣበልዎ። (1ይ ነገ.11:3-4) ወድኺ ግን ንኣመንዝራታት ናብ ንጽሕና መለሰን። ናይ ሃይማኖት ናይ ድንግልና ልብሲ

ምእንቲ ሕልቲ ሰብ ዘምልኽ ማእት ኣልበስን። ካብ ዘማርታኣ ካብ ዘምልኽ ማእት ኣልበስን። ካብ ዘማርታእ ካብ ልዑል እግዚኣብሔር ናብ ናይ ባሕርይ ኣቦኡ ዝኸነ ልዑል እግዚኣብሔር ናብ ናይ ባሕርይ ኣቦኡ ዝኾነ ንእምላኹ ቀናኢ መለስን። ቴስብያዊ ኤልያስ ንእምላኹ ቀናኢ መለስን። ሠለስተ ዓመትን ሠለስተ ወርኅን ዝናም ኸነ። ሠለስተ ዓመትን ሠለስተ ወርኅን ዝናም ከይዘንም ሰማይ ለጉመ። ንሱ ብሕያውነቱ ብእሳት ሠረገላ ተቐሚጡ ብሐረ ሕያዋን ተሳገረ። ንኻልኦ ግን ምስኡ ክሳግር ኣይተኻእሎን። (1ይ ነገ. 17:1:11) ወድኺ ግን ንእመናን ካብ ሞት ናብ ሕይወት ካብ ድንቁርና ናብ ፍልጠት ኣሳገሮም። ኤልሳዕ ናይ ኤልያስ መምህሩ መንፈስ ቅዱስ ዕዕፊ ድርብ ተቐበለ። ብመጠምጠምያኡ ከኣ ንባሕሪ ዮርዳኖስ ወቒዑ መቐሎ። ንመጽረቢ ሓፂን ውን ኣብ ልዕሊ ማይ ጸብለል ኣበሎ። ብዙኅ ተኣምራትውን ገበረ። (2ይ ነገ. 2:15) ምውታት ኣተንሥኦ፡ ብማይ ግዮን ውን ንንዕማን ካብ ለምፁ ኣንጽሖ። ናይታ ሃገር ዝመኸና ኣንስቲ ውን ከም ዝወልዳ ኑቲ ዘምክን ምረት ማይ ብጨው ኣመቀረ፡ ርኽሰት ንምንጻሕ ናይ ነፍስ ምረት ንምምቃር ግን ኣይተኻእሎን። (2ይ ነገ. 2:20:21) ወድኺ ግን ንናይ ሥጋ ለምፃማት ኣንጽሖም። ንዝበደልዎ ውን ናይ ነፍሶም ምረት ብመለኮቱ፡ ጭውነት ኣመቀረ፡ ንማይ ኣመቀረ ናብ ወይኒ ቀየረ። (ማቴ. 8:3) (ዮሓ. 2:8:9) ኢሳይያስ ካብ ኩሉ ነቢያት እስራኤል ነገሩ ኣዝዩ ዝበለጸ ኮነ። ናይ ነቢያት ይሁዳ ሓለቓ ውን ኮነ። ሓሳቡ ውን



ክሳብ ዕምቈት ቀላይ ኮነ። ክሳብ ሰማይ ውን ልዕል በለ። ሬቱት ምሥጢር ድማ ተመልከተ። ናይ እምላኽ ውን ካብ ድንግል ሰብ ከይኑ ኣቐዲሙ ቅድሚ ኃሙሽተ ማእቲ ዘመን ከም ዝርኢ ኮሉ ርእዩ ጨደረ። ከምዚ ክብል እንሆ ድንግል ክትፀንስ ወዲ ክትወልድ እያ ስሙ ውን ኣማኑኤል ኢሉ ክትሰምዮ እያ። እምበኣር ብመንፈስ ትንቢት ሬእየ እምበር ብዓይኒ ሥጋ ኣርኣየን። (ኢሳ 7:14) እንተ ኾነ ግን ቃል ካባኺ ብምውላዱ ናይ ኩሉ ዓለም ሕይወት ኮነ። ወዲ ኬልቅዩ ካህን ኤርምያስ ነገሩ ዝጸበቐ ናይ ወልድ ዋህድ ምምጻእ ዝሓሰበ ስለ ኢየሩሳሌም በኸየ። ብኢድ ንጉሥ ባቢሎን ናቡከደነፆር ደቃ ምስ ተማረኹ ነብሱን ሕዝቡን ካብ ምርኮ ከድኅን ኣይተኻእሎን። (ሰቆ. ኤር.1፡16-17) ወድኺ ግን ናይ ጽዮን ምርኮ መለሰ። ናይ ሲኦል ምርኮ ውን ፈተሸ። ሙሴ ከም ዝበለ እስራኤል ዝተደነቐካ ኢኻ ከማኻ ናይ እግዚኣብሔር ሕዝቢ መን እዩ። ብሰይፊ መቐረጺኻ ኾነ። እዚ ናይ ትንቢት ተስፋ ብዘይ ወድኺ ኣይተፈጸመን። ከመይ ናይ እስራኤል ተስፋ ናብኡ ስለ ዝዕረፈ። ሱቱኤል ዝተባህለ ዕዝራ ደቂ እስራኤል ምስ ተማረኹ ሃገረ ጽዮን ምስ ወደቐት ኣብ ሠላሳ ዓመት ንጽዮን ክበኽየላ ጀመረ። ኦሪት ውን ስለ ዝጠፍኣት መረር ብኸያት ክበኪ ከሎ ሌዋውያን

ውን ስለ ዝተማረኹ ነዘኒ ከሎ ከም እግረ ፀሓይ. ገጸ ከንበባርቅ ተረኣዮቶ። (ዕዝ.10:1) ካብ ምምልላስ ቃላ ዝተለዓለ እምቢታት ተነዋወጹ፥ ንዝኸበባ ናይ. ምሲጋና ብርሃን ምስ ረአየ ዕዝራ ብኣእ ተጸናንዐ። ኦ ድንግል ዕዝራ ጽላሎትኪ ረአየ። ናይ መልከዕኺ. ብርሃን ግን ኣይረኣየን። ፀዳል ረአየ ፀሓይ. ኣይረኣየን። መብርሃቲ ረአየ ናይ ፋና ፀዳል ኣረኣየን። ሓቀኛ ናይ ጽድቂ ብርሃን ብኣኺ ኮነ። ንጸልማት ቀንጢጡ ዘርሓቐ ናይ ቅዱሳን ፀሓይ. ካባኺ ተረኽበ። ዮናስ ወዲ ማቴ ብዛዕባ ጥፍኣት እታ ሃገር ንሰብ ነነዌ ከምሀር ምስ ተኣዘዘ ካብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ከብለለ ጠፍአ። ናብ ሃገረ ተርሴስ ንክኸይድ ድማ ብባሕሪ ምስ ዝገሸ ኣብ መርከብ ተሳፈረ። (ዮና. 1:3) እግዚኣብሔር ድማ ዘፍርሀ ማዕበል ኣተንሢኡ ናብ ባሕሪ ደርበዮ። እግዚኣብሔር ዓቢይ ነባሪ ዓሣ ንዮናስ ከም ዝውሕጦ ኣዘዘ። ዮናስ ድማ ኣብ ከብዲ ነባሪ ዓሣ ሠለተ መዓልቲ ሠለተ ለይቲ ኃደረ። ነባሪ ዓሣ ከኣ ናብ ወሰን ባሕሪ ኣውራጀ ነነዌ ደርበዮ። ዮናስ ድማ ንሰብ ነነዌ መሃሮም በቲ ዝተመሃሩዎ ካብ ምድራዊ መቓዘፍቲ ደኃኑ። ካብ ሰማያዊ መቓዘፍቲ ግን ኣይደኃኑን። (ዮና. 3:4) ወድኺ ግን ሠለስተ መዓልቲ ሠለስተ ለይቲ ኣብ ከርሠ መቓብር ኃደረ። ንዝተማረኹ ከኣ ናፅነት ሰበኸሎም



ካብ ኢድ ሲኦል ድማ ኣድኃኖም። ካብ ሞት ውን በጃ ኾኖም። (ማቴ.12:40) ወዲ ሓዳ ዘካርያስ ዓቢይ ካህን ዝኾነ ናይ በራክዩ ብወርኃ የካቲት ሸውዓተ መባርሀቲ ዘለዋ ናይ ወርቂ ቀንዴል ብኾሎንትነኣ ብየማና ብጸጋማ ናይ ዘይቲ ጨናፍር (ኣዕፁቅ) ዘለዋ ረአየ። ብመንፈስ ምርኣይ ድማ ናይታ መርዓት ናይ ሥርሓ ምርኢት ረአየ። (ዘካ. 4:2:3) ብግህዶ ደኣ ኣይኮነን እምበር ምሳሌ ስለ ዝረአየ ተደነቐ። ዘካርያስ ድማ ዝረኣዮ ናይ ብርሃን ቀንዴል ንነቢይ ጥራይ እምበር ንኻልእ ኣየብረሀን። ኣብ ልዕሌኺ ዝኃደረ ናይ መለኮት ብርሃን ግን ካብ ሰብ ጸልማት ቀንጢጡ ኣርሒቑ ኣብ ምሉእ ዓለም ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ኣብርሀ። ሕዝቅኤል ወዲ ቡዝ ኣብ ሃገረ ባቢሎን ንቤት እስራኤል ጉብኛ ተባህለ። ኣብ ፋባ ኮሬብ ንጕይታ ሠራዊት እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ ሠረገላ ኪሩቤል ረአዮ። ሥርዓት መላእኽቲ ውን ረአየ። (ሕዝ. 1:16) ናይ ትጉሃን ምሥጢር ኣስተውዓለ፡ ናይ ብጾቶም ዘይቋረጽ ምስጋናኦም ውን ሰምዐ፡ ናይ ሠረገላኦም መንኰርኰር ብኣርባዕተ ወገን ዝኾነ ገጾም ሸድሽተ ዝኾነ ክንፎም ዘይቀኣጸር ናይ ዓይኖም ብዝሒ ከም ዝረአየ ተዛረበ። (ሕዝ.1:5-6) ነዚ እናፈርሀ እናቀጥቀጠ ረአየ። ካብኣቶም ሓደ እኳ ክድህስሶ ክቐርቦ ኣይተኸኣሎን። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ

Scanned with CamScanner

ንምጥዮች ኣይቀረበምን። ንሰኺ ግን ብሀልውና ንምጥዮች ኣይቀረበምን። ንስኺ ግን ብሀልውና ንዝኸበሩ ብእርኣዮ ንዝተኃፍሩ ኪሩቤል ዘርዕድ ንዝኸበሩ ብእርኣዮ ንዝተኃፍሩ ኪሩቤል ዘርዕድ ንእኡ ኣብ ማኅፀንኪ ተሰኪምክዮ። ሱራፌል ውን ንእኡ ኣብ ዝፋኑ ኩቾርቦ ዘይደፈሩ ብግናዕ ኢድኪ ሓቝፍክዮ፡ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ዝቕመጥ ንእኡ ብዝባንኪ ሓዚልክዮ። ዕንባቆም ወዲ ዳኪር ውን ድምጺ ምውራድ ወዲኺ ሰምዐ። ከመይ ገበለ ቦታ ይኸእሎ ብምባል ብልቡ ፈርሀ። ብዘደንቕ ትሕትና ሥራሑ ዝረኣዮ ድማ ብጨርቂ ተጠቕሊሉ ኣብ ደምበ ምድርባዩ እዩ። ዕንባቆም ወዲ ዳኪር ውን ኣብ ማእኸል ክልተ እንስሳ ርኢዎ ተገረመ። ዘመኑ ምእቕራቡ ፈለጠ፡ ጊዜ ውን ምብጽሑ ኣስተውዓለ። (ዕን. 3:2) ከምዚ ገበለ መንፈስ ዝተመልአ ነቢይ ብሓሳቡ ድማ ፈረሀ፡ ብመንፈሱ ውን ተገረመ። ንስኺ ግን ንኹሉ ዓለም ዝመልአ ወሲንክዮ። ብልማዕር ዝተባህለ ዳንኤል ብንጽሕና ዓበየ። ብመንፈስ ጐበዘ፡ ብፍልጠት ውን ልዕል በለ። ዝተሰወረ ትርጉም ሕልሚ ድማ ፈለጠ። ኣብ ጊድጊዳ ንጉሥ ብዝተሰወረት ኢድ ዝተጻሕፈ ጽሕፈት ብዘይ ምልክት ኣንበበ። ማኒ ቴቁል ፋሬስ ኢሉ እዩ ነቲ ንንጉሥ ዝተርጐመሉ። (ዳኒ. 2:16) ማኔ ንመንግሥትኻ እግዚኣብሔር ሰፈራ፡ ቴቁል ብሚዛን መዚንዋ ጐዲላ ተረኺበት። ፋሬስ ካባኻ ተላዒላ ንኻልእ ተዋሂበት ኢሉ ተርጐመሉ። (ዳን. 5:25-26። 27:28) ዘመኑ ዘይቀንጸር ድማ ኣብ ዝፋኑ ተቐሚጡ ረኣዮ፡ ፀጉሪ ርእሱ ውን ከም በረድ ፃዕዳ ነበረ፡ ናይ እሳት ውሒጅ ኣብ ቅድሚኡ ይውሕዝ ነበረ። ኣእላፍ መላእኽቲ ውን ከቢቦምዎ ይቆሙ። (ዳን. 6:13) ነቢይ ነዚ ምስ ረኣየ ምዕጋዙ ሰኣነ። ንስኪ ግን ዘመኑ ፍጻሜ ዘይብሉ ጥራይ ኣይኮንክን ዝረኤኺ፡ እኳ ድኣ በማኅፀንኪ ወሲንክዮ። ብግናዕ ኢድኪ ሓቝፍክዮ፡ ብዝባንኪ ሓዚልክዮ፡ በጡብኪ ኣዕቢኺዮ። ደቂ ንጉሥ ይሁዳ ኣናንያ ኣዛርያ ሚሳኤል ንጉሥ ባቢሎን ናቡከደነፆር ዓቢይ ጣዖት ምስ ኣቖመ ኣብ መፈጸምታ ናይቲ ጣዖት ሥራሕ በዓል ገበረ። ኣዋጅ ውን ኣወጀ ከምዚ ክብል። (ዳን.3:4) ድምጺ ነጋሪት ምስ ተሰምዐ ናይ መለኸትን እምብልታን በገናን ናይ ጥሩምባ ናይ ድምጺ ደረፍቲ ሰሚዑ ንጣዖት ዘይሰገደ እንተኣልዩ ቤቱ ይፈተሽ። ገዘቡ ይወረስ፡ ኣብ ልዕሊኡ ሞት ይፈረድ። (ዳን. 3:5) እቶም ደቂ ንጉሥ ይሁዳ ድማ ነዚ ሰሚዖም ንትእዛዝ ንጉሥ እምቢ በሉ ከምዚ እናበሉ እ ንጉሥ ንኣምላኽ ኣይነምልኾን ንዝሠራሕካዮ ጣዖት ውን ኣይንሰግድን (ዳን. 3:12) ንጉሥ ድማ ተቘጠዐ። ትርኢት ገጹ'ውን ተለወጠ። ንሰብ ባቢሎን ብዲን ብጩው ባሩድ ብስምዒ ብዝኃዝዎ ኣብ ጉሁር ሓዊ እቶን ደርብዩዎም ኢሉ ኣዘዘ። (ዳን. 3:15) ካብኡ ከኣ ደርበዮዎም።



Scanned with CamScanner

በቲ ሓዊ ግን ኣይነደዱን። ኣይተንከሮምን'ውን። ካብ ፀጉሪ ርእሶም ሓንቲ እኳ ኣይጐደለትን። ብምስጋና ኵሉ ፍጥረት ንኰይታ ምስጋና ኣብ ማእኸል ሓዊ ኮይኖም ኣመስገንዎ። (ዳን. 3:27) ብሕያውነቶም ካብ ሓዊ ንርእሶም ደኃኑ እምበር ንኻልእ ግን ኣየድኃኑን። ክርስቶስ ክሳብ ዝመጽእ ንጣዖት ኣየጥፍኡን። ወድኺ ግን ምስ መጸ ንዅሉ ጣዖታት ኣጥፍአ። ኢሳይያስ ከም ዝበለ ቤል ወደቐ፡ ዳጎን ተቐጥቀጠ። ኣብ ሲኦል ንዝነበሩ ኣውፅኦም። እዞም ደቅን ካልኦት ነቢያትን ድማ ብመዝሙር ከም ዝተነግረ ከምዚ ክብል (ኢሳ. 46:1) እግዚኣብሔር ናይ ጽዮን ምርኮ ምስ መለሰ ሽዑ ኣፍና ደስታ መልአ፡ ልሳንና ውን ኃሤት ገበረ። (መዝ. 126:1:2) ከምዚ ውን በለ፡ ምርኮ ማረኻ፡ ናብ ኣርያም ወፃኻ፡ ጸጋኻ ድማ ንደቂ ሰባት ሃብካ። (መዝ. 68:18) ካብ ደቂ ነገሥታት ይሁዳ ዘሩባቤል መበቈል ዓሌት ዳዊት ቡሩኽ ጨንፈር (ኣፅቅ) ኣብ ቤት ንጉሥ ዳርዮስ ምስ ዝነብሩ ብጥበብን ብምሳሌን ተኸራኸረ። ኣብ ቅድሚ ንጉሥውን ፍርዲ ኣውፅኡ ብምሳሊ ዝሰዓረ ናይ ወርቂ ልሻን ኣብ ክሳዱ ክኣሥር፡ ናይ ወርቂ ዘውዲ ውን ኣብ ርእሱ ክደፍእ፡ ንጉሥ ኣብ ዝቕመጦ ሠረገላ ክቕመጥ፡ ንጉሥ ብዝሰትየሉ ናይ ወርቂ ፅዋዕ ክሰቲ፡ ኣብ ናይ ወርቂ ዓራት ክድቅስ፡ ወዲ ንጉሥ ክበሃል እዩ። ነዞም ምሳሌታት ንጉሥ



ዳርዮስ ኣብ ዝኸቐሓሉ ጊዜ ተዛረቡ። ንጉሥ ድማ ፍርዱ ንዘሩባቤል መለሰ። ዘሩባቤል ድማ እንታይ ክገብረልካ ካባይስ ከመይ ዝበለ ሃብቲ ትደሊ በሎ። ዘሩባቤል ድማ ንንጉሥ መለሰ፡ ከምዚ ክብል። ናይ እግዚኣብሔር ሃገር ኢየሩሳሌም እንተ ትሓንጻ ምፈተኹ፡ ምሩኻት ዓሌት እስራኤል ውን ንሃገሮም ይመለሱ። ንጉሥ ድማ ነገሩ ተቐቢሉ ከም ዝደልዮ ገበረሉ። ዝተመነዮ ውን ረኸበ። ናቡከደነፆርን ሓለቓ ኣዘዝቲ ናቡዛርዳን ዘፍረስዎ ቤት እግዚኣብሔር ሠርሐ። (ሓነጸ) ናይታ ቤት ኣምላኽ ሕንጻ ድማ ብኣርባዓን ሽድሽተን ዓመት ተፈጸመ። እንተኾነ ግን ልዑል ኣምላኽ ወዲ ሰብ ኣብ ዝሠርሖ ቤት ዝኃድር ኣይኮነን። ከመይ ከምዚ ኢሉ እዩ። ሰማይ ዝፋነይ እዩ። ምድሪ ውን መርገጺ እግረይ እያ። እምበኣር ንምኅደሪየይ እትሠሩሑለይ ከመይ ዝበለ ቤት እዩ። ናይ ምዕረፊ ስፍራይስ እንታይ እዩ።

## ምዕራፍ፡ 6።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ እ ድንግል ማርያም እግዝእትየ ናይ እግዚኣብሔር መኅደሪ ግን ንስኺ ኢኺ። ኣብ ምድሪ ዝተሓነጽኪ ኣብ ሰማይ ዝተቘጸርኪ ካብ ምሥራቕ ክሳብ ምዕራብ ካብ ሰሜን ክሳብ ደቡብ ዝተዘርጋኺ ካብ ባሕሪ ክሳብ ባሕሪ ካብ ወሰን ምድሪ ክሳብ ወሰን ምድሪ

ዘሰፋሕኺ። መን እዩ ካብ ኣቦታት ዝገዝኦቶም ኣብ ዘይነበረትሉ ካብ ኣዳም ጀሚሩ ክሳብ ሙሴ ሕጊ ንእግዚኣብሔር ዘገልጉሉ ካብ ሙሴ'ውን ክሳብ ዘመን ጸራጊ ዮሓንስ ብሕጊ ኦሪት ዝተገዝኡ። ካብ ትሕቲ ኣርዑት ኦሪት ውን ዝተገዝኡ። ኣብ ሲኦል ነፍሱ ንምድኃን ዝኸኣለ ክርስቶስ ክሳብ ዝመጽእ። ወድኺ ግን ብናታቶም ኣርኣያ ምስ መጸ ዘይጠፍእ ንኸገብሮ ጠፋኢ ሥጋ ለበሰ። ንኹሉ መጽሓፍ ድማ ብሓዒን ማዕፆ ኃጢኣት ሸጕሩ ኃደጎ። ከመይ ናይ ሙሴ ኦሪት ከምዚ ስለ እትብል። በዚ መጽሓፍ ዝተጻሕፈ ኵሉ ዘይ ሥራሕን ዘይ ፍጻምን ዝተረግመ ይኹን። ስለዚ ነገር'ዚ ከኣ ኵሎም ነቢያት ኣብ ደገ ሲኦል ተዓፅዉ። ቃል ኦሪት ድማ ማዕፆ ኮኖቶም። (ዘዳ.27:26) ወድኺ ግን ነዚ ማዕፆ ክሰብርን ብመሸጐር ኦሪት ንዝተሸጐረ ኣፍ ደገ ክኸፍትን መጸ። ብዘይ ምኽንያት ዘርኢ ውን ካባኺ ሰብ ኮነ። ማኅተመ ድንግልናኺ ውን ከይተ ለወጠ ተወልደ። ናብ መርገም ኦሪት ውን ኣተወ ናይ ኦሪት መርገም ንክስዕር ኣብ ልዕሊ ዕንጨይቲ ተሰቕለ። ከምዚ ስለ እትብል። ኣብ ዕንጨይቲ ዝተሰቕለ ርጉም ይኹን። (ዘዳ. 21: 23) ስለዚ ድማ መርገም ኦሪት ተሰዓረ። ናይ ኃጢኣት ምእሠሪ ውን ተፈትሐ። ዳዊት ከም ዝበለ ምእሠሪኦም ካባና ክንቈርጾ ኢና። (መዝ.2:3) ማዕፆ



ሲኦል ድማ ሰበረ። መሸጐሪኡ ውን ቀጥቀጠ። ናይ ሓዒን ማዕፆ ስለ ዝሰበረ ናይ ሓዒን መሸጐር'ውን ስለ ዝቐጥቀጠ ናይ እግዚኣብሔር ምሕረት ንገሩ። ንደቂ ሰባት። (መዝ. 107:15:6) ካብ ጽድቁውን ነቢያት ውን ንኹሉ ፍጥረት መድኃኒት ክኸውን ዝኸእል የሎን። ዳዊት ከም ዝበለ ኣዕይንተይ ናብ ኣኽራን ኣቕናዕኹ፡ ረድኤተይ ካበይ ይምጻእ። ዳዊት ከምዚ ምባሉ ካብኣቶም ካብ ሲኦል ዘድኅነኒ እንተሎ ኢሉ ካብ ነቢያት ሓገዝ ምድላዩ እዩ። (መዝ. 121:1) በጀካ ወልደ እግዚኣብሔር ዘድኅኖ ከም ዘየልቦ ምስ ፈለጠ ብትንቢት ጨደረ ከምዚ ክብል። ረድኤተይስ ሰማይን ምድርን ካብ ዝፈጠረ እግዚኣብሔር እዩ በለ (መዝ. 121:2) ክርስቶስ ካብ ደቂ ዓሌቱ ብሥጋ ከም ዝውለድ ምስ ፈለጠ ድማ ብስምዕታ ተዛረበ። ከምዚ እናበለ ንእግዚኣብሔር ወትሩ እርእዮ። ከመይ ኵሉ ጊዜ ኣብ ቅድመይ ስለ ዝኾነ፡ ከይሸበር ብየማነይ ስለ ዝኾነ፡ ስለዚ ውን ልበይ ደስ ይብላ። ኣፈይ ውን ኃሤት ገበረ (መልእ) ብተስፋኡ ድማ ሥጋይ ኃደረ ንነፍሰይ ኣብ ሲኦል ኣይኃድጋን እዩ'ሞ ንጻድቃን ውን ጥፍኣት ክርኢ ኣኅሊፉ ኣይህቦን። (መዝ.16:8:11) ደቂ እግዚኣብሔር ማኅበር ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እምበአር ነዛ ንጽሕት መርዓት ንዘወለዱልና ኢዮቄምን ሓናን ንዚይትንቀፍ ድንግል እስራኤል ነድንቆም።

Scanned with CamScanner

ዝተባረኸት ፍሬ ዘፍሬየት ዕለተ ሩካቤኦም ንጽሕት ከመይ ዝበለት ኢያ። ካብ ዓሌት ይሁዳ ዝኾንኪ ንጽሕት ርግብ ንምዕናስኪ ብናይ እግዚአብሔር ፍቓድ ዝተራኸበላ ዕለት ከመይ ቅድስት እያ። ናይ ንጉሥ ኣደራሽ ዝኾነት ናታ መሠረት ዝተመሥረተላ ዕለት ከመይ ደስ ዝበለት እያ። ንዑ ብሕየው እግዚአብሔር ደስ ይበለና። ካብ ባርያኡ ወግን ዳዊት ቀርኒ መድኃኒትና ንዘተሥኣልና ኣምላኽ ያዕቆብ እልልታ ነቕርብ። ብመንፈስ ትንቢት ተሰፋ ከምዝሃቦ። ከምዚ ከብል። በዚ ድማ ንዳዊት ቀርኒ ከብቍል እየ። ንመሢሕ ውን መብራህቲ ከዳሉ እየ። (ሉቃ. 1:69) ዳግም ውን ኣብ መዝሙር ዳዊት ከምዚ በለ። እግዚአብሔር ንዳዊት ብሓቂ መሓለ። ኣይጠዓስን ውን፡ ከመይ ኣብ ዝፋንካ ካብ ፍረ ከርሥኻ ከቐምጥ እየ ስለ ዝበለ። (መዝ. 132: 11) ኢሳይያስ ከምዚ በለ ካብ ሡር ዕሤይ በትሪ ክትወፅእ እያ። ካብ ጉንዱ'ውን ዕንባባ ይወፅእ፡ ኣብ ልዕሊዓ ከኣ መንፈስ እግዚኣብሔር ይዕርፈላ። (ኢሳ. 11:1-2) እዚ ትንቢት'ዚ ድማ ብጽዮን ዝተዘርበ ብኢየሩሳሌም ዝተሰብከ ብልሳን ነቢያት ዝተሰምዐ ብኢድ ሌዋውያን ብቋንቋ ዕብራይስጥ ዝተጻሕፈ ንኽፍጸም ናይ ክህነት በትሪ በቈለትልና። ናይ መንግሥትን ኃይልን ናይ ሕይወትን መድኃኒትን ናይ ሃይማኖት ናይ ንጽሕና ናይ ቅድስና በትሪ



ናይ ኃይለ መዊዕ በትሪ በቍላትልና። ምስ ነቢይ ዳዊት ድማ ነመስግን ከምዚ ኢልና። ኵልኹም ኣሕዛብ ብኣእዳውኩም ኣጣዕቅዑ። ብቓል ሓጐስ ንእግዚኣብሔር እልል በሉ። ንስሙ ውን ኣመስግኑ። ንጕይትኑ፡ ውን ምስጋና ኣቕርቡ። (መዝ. 47:1:66: 1) ንጉሥ እስራኤል ኣብ ዓል እስራኤል ኀደረ። ኣምላኽ ዳዊት ካብ ዓል ዳዊት ሥጋ ለበሰ። ጕይታ ዕብራውያን ብዓል ዕብራውያን ማኅፀን ተወሰነ። ንእብርሃም' ውን ቋንቋ ዕብራይስጥ ዝመሃረ ካብ ቅድምውን ዘይሰምዖ ቋንቋ ንኽዛረብ ኣፉን እዝኑን ዝኸፈተ ካብ ዕብራዊት ድንግል ተወለደ። ብጾባ ድንግል ዓበየ። በብንእሽተይ ዓበየ። ናይ ሕፃናት ሥርዓት ውን ከየጕደለ ኣፉ ዝፈትሓሉ ዘመን ክሳብ ዝፍጸም በብቍሩብ ብቋንቋ ዕብራይስጥ ይዛረብ ነበረ። (ሉቃ. 2:40 ዕብ. 2:17) ብቋንቋ ዕብራይስጥ ብኣፃብዕቲ ዝተጻሕፉ ኣሠርተ ቃላት ኣብ ሰሌዳ እምኒ ጽሒፉ ንሙሴ ዝሃበ ኖኀያት(ሀሁ) ፊደል ዕብራይስጥ ክመሃር ኣብ ትሕቲ እግሪ መምህር ተቐመጠ። (ዘፀ. 31:18) ኣውራጃ ባቢሎን ኣብ ዝኾነት ሰናዖርውን ናይ ኵሉ ፍጥረት ቋንቋታት ዝበተነ ንሱ ንኹሉ ቋንቋ ኣሕዛብ ከምዘይፈልጥ ኣዲኡ ብዝተወለደትሉ ቋንቋ ዕብራይስጥ እዛረብ ነበረ። (ዘፍ. 11:7-9) እዝኒ ንእኡ ካብ ምስማዕ ዝተላዕለ ምልምላማ እዚ ነገር'ዚ ዕዑብ ድንቂ እዩ። ነዚ ኣንክሮ ይግባእ። ልቢ ውን

Scanned with CamScanner

መርሚሩ ዘይረኸቦ እዚ ምኽሪ'ዚ ዕሙብ ድንቂ እዩ። ካብ ትርኢቱ ዝተላዕለ ውን ዓይኒ ዘይትጸግቦ ሥጋዊ ኣምላኽ ብጣዕሚ መስተንክር እዩ። ነዚ ኣንክሮ ይግባእ። ነቢይ ዳዊት ከምዝበለ ካብ ኵሉ ወዲ ሰብ መልክዑ (ሥን ላህዩ) ይጽብቕ። (መዝ. 45:2) መላእኽቲ ንምርኣዩ ዝምነይዎ ሱራፌል ንምርኣይ ዝሃርፍዎ ንሱ መልክዑ ይጽብቕ ተባሂሉ ዝተነገረሉ እስራኤል ዘይረኸቦ እንታይ እዩ። ኅሬስ ዝሰኣኖ ከመይ እዩ። ናይ ምድርን ሰማይን ኪዳን ተሠርዓሉ። ንሱ ድማ ንበይኑ ናይ ነገድ ሓበን ኮነ። ደብረ ሲና እምባ መገሻኡ ኢያ ኢየሩሳሌም ናቱ ርስቲ ጉልቲ ኢያ። ባሕረ ኤርትራ ድማ መተኃላለፊ እግሩ ክትኽውን ናብ ሠለስተ ተኸፍለት (ዘፀ. 13:18) ማይ ተኪዚ'ውን ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ተኸፊሉ ሃደመ። ፍቓድ ኣምላኽ ንእኡ ከሳግር ብዓምደ ደመና ንኸመርሖ ብመዓልቲ ይመላለስ። ዓምደ ብርሃን ከኣ ለይቲ የብርሃሉ። ንምግቡ ድማ ናይ ሰማይ መና ይወርደሉ። (ዘፀ. 13:22 16:15) መልኣከ ገጽ ውን ብቕድሚኡ ይመላለስ። ጽኑዓት ኃይሊ መላእኽቲ ንዙርያ ድንኳኑ ይኸብዎ። ነቢያት ናቱ እዮም። ሓዋርያት'ውን ናቱ እዮም። ታቦተ ሕግ ናቱ እያ። መዝሙር ማኅሌት ውን ካብኡ እዩ። ኦሪት ናቱ እያ። ወንጌል ውን ካብኡ እያ። ከም ዝተጽሓፈ።



ሕጊ ካብ ጽዮን ስለ ዝወፅእ ቃል እግዚኣብሔር ድማ ካብ ኢየሩሳሌም እዩ። ሕጊ ካብ ጽዮን ይወፅእ ዝተባህለ ናይ ኦሪት መወሰኸታ ብዝኾነ ኣብ ውሽጢ ብወርቂ ዝተለበጠ ታቦት ዝሕልዎ ናይ ማሕላ ጽላት ሕጊ እዩ። ቃል እግዚኣብሔር ካብ ኢየሩሳሌም ዝተባህለ ንጹሕ ናይ እግዚኣብሔር ቃል ካብ ቅድስት ድንግል ማርያም ምውላዱ እዩ። ከመይ ካብ ዓሌት ሰብ ኢየሩሳሌም ጓል ዕብራውያን ስለ ዝኾነት ተጸሒፉ እዩ ከምዚ ክብል። ጓል ኢየሩሳሌም ደስ ይበልኪ። ጓል ጽዮን ውን ኃሤት ግበሪ። ጓል ጽዮን ምባሉ ናይ እስራኤል ኣምላኽ ምኅደሪ ንጽዮን ኣደ ገይሩ ናይ ሓዲስ ሕጊ ካብ ብሉይ ስለ ዝተረኸበ ናይ ሓዋርያት ቤተ ሰብ ቤተ ክርስቲያን ውን ኢሉ ይጽውዓ። (ዘካ. 9:9) ኦ ኢየሩሳሌም ኃሤት ግበሪ ብምባል ድማ ንቅድስት ድንግል ይጽውዓ። ከመይ ካብ ዓሌት ይሁዳ ጓል ኢየሩሳሌም ስለ ዝኾነት። ስለዚ ንእስራኤል ብውህብቶ እግዚኣብሔር ዝተሸለመ ስለ ዝኾነ ነመስግኖ። ሞገስ ካብ ቅድስት ድንግል ተቐበለ። ኣብ ልዕሊ ርእሲ ቅዱሳን ነቢያት እተንፀባርቕ ኣኽሊል ወርቂ ንሳ እያ። ጌጻ ድማ ብዕንቍ ፈርጽ ዝተሠርሐ እዩ። ኣብ ልዕሊ ርእሲ ኅሩያን ሓዋርያት እተብርህ ኣኽሊል ብርሃን ንሳ እያ። ኣብ ልዕሊ ርእሲ ቅዱሳን ሰማዕታት ንጸላእቲ ወዳ ዝጋደሉ እተብርህ ኣኽሊል ዓወት ንሳ እያ።

ብርስሓት ኃጢኣት ልብሲ ክህነቶም ዘኖርስሉ ንኣገልግሎት ውን ዝተሸሙ እተንፀባርቕ ዋጋኣ ዘኽበረ ኣኽሊል ዕንቍ ንሳ እያ። ኣብ ልዕሊ ርእሲ ደናግል ብሥርዓት መላእኽቲ ስብነቶም ብንጽሕና ዝሓለው ዘብለጭልጭ ኣኽሊል ንጽሕና ንሳ እያ። ኣብ ልዕሊ ርእሲ መነኮሳት ሰማያዊ መርዓ ፈትዮም ናይዚ ዓለም መርዓ ዝነዓቑ ከም ፀሓይ እተብርህ ኣኽሊል ንጽሕና ንሳ እያ። ናይዚ ዓለም ርኽሰት ዘይረኸባ ናይ መርዓ ኣኽሊል ንሳ እያ። ናይ ኃሣረ መከራ ዘይከነት ናይ ክብሪ ኣክሊል ንሳ እያ። ንዝተረግሙ ዘይትግባእ ኣኽሊል በረኸት ንሳ እያ። ብስም ወዳ ናይ ዓለም መድኃኒት ዝኾነ ዘይተጠቐሙ እተብጽሕዎም ናይ ምእመናን ጌጽ ዝኮነት ኣኽሊል ጽድቂ ንሳ እያ። ናይ መለኮት ዕንቍ ሣዑን ንድኻታትውን ሃብተ ጸጋ ብልጽግና ዝኾነት ናይ ወርቂ ሙዳይ ንሳ እያ። ብዕብራይስጥ ማሪያም ዝተበሃልኪ ዝተኃሬኺ እ እግዝእትየ ማርያም ንመሰንቆ ልበይ ፍቕርኺ ኣለዓዓሎ። ናይ ትንቢት መንፈስ ንኽብደይ ሓወኸ። ሰብነተይውን ካብ ምስጋናኺ ምዕጋሥ ሰኣነት። ጎሊናይ ውን ንልሳነይ ኣከናወነቶ ኣሰናድኣቶ። ምስጋና ንዝመልእ ክብርኺ ድማ ክዛረብ ግድን በለቶ። ብኽናፍረይ ውን ናይ መንፈስ ቅዱስ ትንፋስ ተሸምዐ። ነቢያት እስራኤል ናይ ትንቢት መሰንቆ



ብልዙብ ዜማ እናሃረሙ ይጭድሩ። ቅንየት ምስጋና ወድኺ ንማኅሌት ናብኡ ይስሕበኒ። ምእንታኺ'ውን ዝጭድሩ ናይ ትንቢት ድምፂ ህርመት መሰንቆ የስተኻኽለለይ ዝዛረቦ ድምፂ ነጋሪት ንሱ ድማ ናይ መለኮት ወንጌል ንሱ'ውን ናይ ሰብ ቃል ምዃት ናይ ባሕርይ ወድኺ ከኣ ካባኺ ምውላዱ ይነግረኒ። ጳውሎስ ኣዋጅ ነጋሪ ከም ዝተወልደ ይሰብከለይ ከምዚ ክብል። ካብ ሰበይቲ ተወልደ። ብኣሪት ዝነበሩ'ውን ንኽድኅኖም (ንኽብጀዎም) ንኽብገዝኦም ብኣርባዕተ ዓይነት ሥራሕ ሠርሐ። ዳግም ውን ጕይታ ምውላዱ ካብ ዘርኢ ዳዊት ምኻኑ ተዛረበ፡ ከምዚ ክብል። ኣብ መልእኽቲ ሮሜ ጳውሎስ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣገልጋሊ ሓዋርያ ዝተባህለ ወንጌል ውን ንክምህር ዝተፈልየ ስለ ዝተወልዶ ወዱ ብሥጋ ካብ ዘርኢ ዳዊት ስለ ዝመጸ ኣቐዲሙ ብነቢያት ተስፋ ዝሃበ። (ሮሜ 1፡ 1፡12፡3)

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃሬኺ እ እግዝእትየ ማርያም ወላዲተ እምላክ ንእግዚኣብሔር ብዝለመንኩዎ ኵሉ ነገር ዋጋ ዘይብለይ ተስፋ ዝቘረጽኩ ከይከውን ለምንለይ። ብውዑይ ፍቕሪ ከምዝጸዋዕኩኺ ንስኺ ድማ ብውዑይ ሓሳብ ስለ ሓሳብ ልበይ ለምንለይ። ሓሳብ ልበይ ውን ኣቕንዕለይ ኣሥምርለይ። በረኸት ዮሓንስ መጥምቅን

እስጢፋኖስ ቀዳሜ ሰማዕትን በረኸት ቴርቶስ
እንጌቤናዊን መርቆሬዎስ ሰማዕትን ኣብ
ክዓስል ለምንለይ። በረኸት ፋፊለደስን ልዕለይ
በረኸት ቴዎድሮስ ምሥራቃዊን ፊቅጦርን
ቴዎድሮስን በናድሌዎስን ገላውዴዎስን ሶበስትያኖስን
መንግሥት በረኸት ኖብን ኣበከረዙንን ዮስጦስን ደቂ
በረኸት ጊዮርጊስ ልዳዊን ጊዮርጊስ ሓዲስን ኣበስኪሮንን
ሰማዕትነቶም ኣብ ልዕለይ ክዓስል ለምንለይ። በረኸት
በረኸት ለውንድዮስን በርኪሮስን ኣባዲርን። በረኸት
ቴዎፍሎስን ሚናስን በረኸት ሰማዕትነቶም
ኵሎም ሰማዕታት ብኵናት ዝተቐትሉ ናይ
ብሰይፊ ገሊኦም ብዳርባ እምኒ ገሊኦም ብመሃረምቲ
በትሪ ገሊኦም ብፍላፃ ተወጊኦም ገሊኦም ብመጋዝ
ዝተኈነኑ ብውሕጅ ብነበልባል ሓዊ ብዝተፈላለየ
ሥቓይ ስለ ተሰፋ ሕማም ወድኺ ሰማዕትነት
ዝተቐበሉ በረኸቶም ኣብ ልዕለይ ክዓስል ለምንለይ።
ኦ እግዝእትየ ማርያም በረኸትኪ በረኸት ፍቁር
ወድኺ በረኸት ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን
ብኹሉ መዋዕል ሕይወተይ ኣብ ልዕለይ ኣብ ልዕሊ
ኣገልጋሊኺ ይኹን ይንበር። ምስ ኵሎም ኣገልገልቲ
ነቢያትን ሓዋርያትን ብጊዜ ክብካብ ወድኺ ናይ
ሰማይን ምድርን ሠራዊት ብሓደ ቃል ኃቢሮም ኣብ
ዘመስግኑሉ ጊዜ ምስኣቶም ድማ ቍጸርኒ ጸምብርኒ
ንዘለዓለም ኣሜን።



## አርጋኖን፡ ዘዓርብ።

ብስም እግዚኣብሔር ኣብ ብቐድስናን
ብንጽሕናን ናትኪ ሥጋ ዝኣነመ። ብስም
እግዚኣብሔር ወልድ ኣደ ክትኮኒዮ ዝኃረየኪ።
ብስም እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሌኺ
ጽላሎቱ ዘጽለለ። ኦ እግዝእትየ ዝኸሪ ስምኪ
መድምም ዝኾነ እልምነኪ እማልድኪ ኣሎኹ።
ካብ ፈልፋሊ ሣህልኺ ውን ኣርውይኒ ኣጥልልኒ።
ዳግም ወድኺ ንዝበልየ ዓለም ኣብ ዝሕድስሉ
ንዝደቀሰ ብዘንቅሓሉ ጊዜ ብየማኑ ክቐውም ዓድለኒ
ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃሬኪ
ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ምስ ኵሎም ማኅበር
ነቢያት ካብ ልሳኖም ዝወፀ ናይ ምስጋናኺ ኃይለ
ቃል ብልቢ ዘስተውዕሎ ክትገብርኒ ናባይ ንዒ።
ኦ ድንግል ቃል ካባኺ ሰብ ምዃኑ ሥጋ
ውን ምልባሱ ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ዝመሃሩ።
ብዕርፊ መስቀል ወድኺውን ምስ ዝሓረሱ ናይ
ቃሉ ትምህርቲ ኣብ ኵሉ ምድሪ ምስ ዝዘሩ
ሓዋርያት ናባይ ንዒ። ኦ ድንግል ብሥጋኦም ናይ
ወድኺ መከራ ምስ ዝተሰከሙ ናይ ሰማዕትነቶም
ደም ዝተቐብዑ ሰማዕታት ንሳቶም ክልተ ኣፍ
ዘለዎ ሰይፊ ንዝተዓጥቁ ሠራዊት ንጉሥ ዝሰዓሩ
እዮም ምስኣቶም ማኅበር ድማ ብረድኤት ናባይ
ንዒ። ኦ ድንግል ብምንዝርና ርስሓት ልብሶም

Scanned with CamScanner

ምስ ፀጋ ርስሑ ምኅደረ መንፈስ ውን ምስ ዝኾኑ ማኅበር ንጹሓን ድናግል ናባይ ንዒ። ኦ ድንግል ምእንቲ መንግሥተ ሰማያት ነፍሶም ሀጽዋን ምስ ዝገበሩ ማኅበር ፍጹማን መነኮሳት ናባይ ንዒ። ብስብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም በብእዋኑን በብሰዓቱን ምስጋናን ቅዳሴን ምስ ዘየቋርጹ ምስ ማኅበር ትጉሃን መላእኽቲ ናባይ ንዒ። ኦ ድንግል ምስ ማኅበር ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ምስ ኵሎም ምዕመናን ናባይ ንዒ። ኦ ድንግል ምስ ኵሎም ማኅበር ቅዱሳን ናባይ ክትመጺ እፈቱ። ዝያዳ እኳ ምስ ማኅሌታዊ ዳዊት ኣቦኺ እንተ ትመጺ ምፈተኹ። ከመይ ብውዑይ ፍቕሪ ምእንታኺ ስለ ዝጭድር ከምዚ እናበለ። ንእግዚኣብሔር ኣብ ጽዮን ዝኃድር ምስጋና ኣቕርቡ ሥራሑ'ውን ንኣሕዛብ ንገርዎም። ዳግም'ውን ዳዊት ከምዚ በለ። ልዑል ምኅደሪኡ ቀደሰ። ከይትናወጽ ከኣ እግዚኣብሔር ኣብ ማዕከላ እዩ። (መዝ.9:11።46:4:2) ዳግም ውን ዳዊት ከምዚ በለ። ንጽዮን ከበብዋ። ብዙርያኣ ድማ ተመላለሱ። ኣብ ቤታ ውን ተዛረቡ ዓበይቲ ኣባይታ ንዝመጽእ ንኸትንግሩ ሕሰቡ (መዝ. 48:12:13) ብቅድስት ድንግል ክንዲ ምንታይ ዝኣክል ከቢድ ዖር ሥርዓት ተሠርዐ። ኣብ ልዕሊ ቅድስት እሪት ቅዱስ ወንጌል። ኣብ



ልዕሊ ቅዱሳን ነቢያት ሓዋርያት። ኣብ ሊዕሊ ብሉይ ኪዳን ሓዲስ ኪዳን። ኣብ ልዕሊ ንእስራኤል ዝተዋሃበ ናይ ፍርዲ መጽሓፍ ናይ ደቂ መዝሙር ክርስቶስ መጽሓፈ ቀኖና። ስለዚ ድማ ከምዚ በለ። ፆራ ክትካፈሉ ኢኹም። ንዝመጽእ ትውልድ ንኸትነግሩ በዓል ጊዜ ድማ ስለ ውሉድ ጥምቀት ብሥጋ ስለ ዘይምከሑ ደቂ እግዚኣብሔር ክኾኑ ሥልጣን ስለ ዝሃቦም ካብ እግዚኣብሔር ተወልዱ እምበር ካብ ፍቓድ ሰብ ካብ ሥጋዊ ካብ ደማዊ ስለ ዘይኮኑ ይዛረቡ። (ዮሐ. 1:12:13) ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ እግግዝእትየ ድንግል ማርያም ንኣምላኽ ብሥጋ ዝወለድኪ ካብ ንእስነተይ ጀሚርኪ ኦ ተስፋይ መድኃኒተይ እምባይ ጸግዐይ ኃይለይ ብልቃጥ ጨና መድኃኒተይ ኣኽሊል ሓበነይ ክብረተይ ዝናይ ዕቤተይ ብሥርዓት ክርስቲያን ሓልውኒ። ወድኺ ብምስጋና ኣቦኡ ብኸበብ ትስብእቱ ብመንፈስ ቅዱስ ክመጽእ ከሎ ክርስቲያን ኮይነ ክርከብ ብሃይማኖት ክርስቲያን ኣጽንዕኒ። ክርስቲያን ክበሃል ብክርስቲያንነት ክነብር ክርስቲያን ግበርኒ። ኃጢኣተይ ኣብ ልዕሊ ሥጋይ ጨናፍራ ከይነውኑ ካብ ሥራ መሓውለይ። ኣብ ልዕለይ ውን እኸኽ ኣሚከላ ከይበቍል ካብ ልበይ ጉንዲ ሥጋዊ ፍቓድ ቍረጺ። ንነፍሰይ እተጨንቓ ናብ

ጥፍኣት ኣተብጽሐ ፍቓድ ጣዕሚ'ዛ ዓለም ካብ ልበይ ኣጥፍለይ። ከይጕዳእ ውን ኣይትግደፍኒ።

## ምዕራፍ፡ 2።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኽ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም መንፈስ ቤልሆር ከይገዝኣኒ ኣይትግደፍኒ። ኣብ ትሕቲ ኣርዑቱ ከይጽመድ'ውን ርድእኒ። ከመይ ዘባእስ ዘስሕት መንፈስ ንሱ ስለ ዝኾነ። ንግዚኡ ንኃጢኣት ዝጸበቐ ዝተፈትወ ኣምሲሉ የርኢ። ሥጋዊ ፍቓድ ውን ንልቢ የከናውን። ንመሪር የመቅር። ንጸልማት ብርሃን ይገብር። ደኃር ግን ንኃጢኣት በተግባር ምስ ፈጸምዋ ንሱ ኣቐዲሙ ይኸሰስ። ብዝሠርሕዎ ድማ ኣብ ቅድሚ ልዑል እግዚኣብሔር የጻልእም። ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ክኸሰኒ እዩ ኢለ ነዚ ኣምሰሉ መበኣሲ እፈርሆ። ናይዚ መስሓቲ መንፈስ ፍቓድ ከይሠርሕ ኣድኅንኒ። ኣቐዲሙ ኃጢኣት ከየሥርሓኒ ከኣ ኣድኅንኒ። ኣብ ቅድሚ ልዑል ከየባእሰኒ ኃጢኣተይ ኣስተሥሪለይ። ሥጋኺ ዝለበሰ ወልድ ኣብ የማን ኣቦኡ ተቐሚጡ ዝበኣሰለይ ዝከራኸረለይ ስለ ዘሎ እንተ ባእሰኒ ድማ ኣብ ሰማይ ዝነብር ተስፋ ኣሎኒ። እንተ'ኾነ ግን ፍቕርኺ ኣብ ልበይ ዘሥረፀ ቅዱስ እግዚኣብሔር ክብሪ ምስጋና ይኹኖ። ስሙ ድማ ዝተመስገነ



ዝተባረኸ ይኹን። (ማር.16:19 ሉቃ. 1:68 መዝ.41:13) ወይኒ ምስ ማይ ምስ ተሓዋወሰ ሓደ ካብ ሓደ ድማ ክትፈላልዮ ከም ዘይከኣል ከምኡ ድማ ፍቕርኺ ምስ ልበይ ልበይ ምስ ፍቕርኺ ተዋሃሃደ። ናይ ኃጢኣተይ ቍስሊ ናይ ነፍሰይ ምጕሲ ብዘይናትኪ ጸሎት ከምዘይድኅን ልዑል እግዚኣብሔር ይፈልጥ እዩ እሞ ኃጢኣተይ ካብ ናይ ኵሉ ዓለም ኃጢኣት ከም ዝበልጽ ተረድአ ንጽሕናኺ'ውን ካብ ናይ ኵሎም ቅዱሳን ንጽሕና ከምዝበልጽ ከምዝበዝኅ ፈለጠ። ስለዚ ድማ ፍቕርኺ ኣብ ልዕሊ ልበይ ኃደረ ሠረፀ። ብርቱዕ ቍስሊ በዘይ ብርቱዕ ዕፁብ ድንቂ መድኃኒት ከምዘይጽግን ስለ ዝፈልጥ እዩ። ርቀት ጥበብ እግዚኣብሔር ከንደይ ይረቅቕ ከንደይ ይዓሙቕ ነዚ ኣንክሮ ይግባእ። ሕያውነቱን ይቕረታኡንሲ መን ይዛረብ፡ ኣብ ቅድሚ ብኃጢኣት ዝቑሰሉ መድኃኒት ኣዳለወ። ተቐቢያም ብእኡ ንኽድኅኑ እዩ። ኣብ ቅድሚ ብኃጢኣት ዝቑሰሉ ናይ ሕይወት ናይ መድኃኒት ጨና ኣዳለወ። ብእኡ መዓዛ ካብ ጨናዊ ሽታ ንኽድኅኑ እዩ። ናይ ሕይወት ዓይኒ ማይ ሓበረ። ናብኣ ከይዶም ካብኣ ብዝፈልፈለ ናይ ንጽሕና ማይ ተሓጺቦም ንክድኅኑ እዩ። ናይ ምድሪ ኃጥኣን ኵልኹም ናብ ቅድስት ድንግል ብናታ ጸጋ ጻድቃን ንኽትኮኑ ንዑ። ልብስኹም ዝረስሐ ኵልኹም ናብዛ ቅድስት

ፈልፋሊት ንዑ። ናይ ይቕረታ ማይ ናብ እትፈስሰ ልብስኹም'ውን ንሰማያዊ መርዓ ድልዋት ክትኮኑ ብደም ወዳ ሕፀቡ። ድውያን ሥጋ ኵልኹም ናብ ድንግል ንዑ ብኃይሊ ጸሎታ ክትፍወሱ። ናይ ኣእምሮ ድካታት ኵልኹም ንዑ፡ ናይ ፍልጠት ፈልፋሊ ካብኣ ክትቀድሑ። ዝጠዓመን ዝተፈትወን ናይ ጥበብ ምኽሪ ውን ክትረኽቡ። ኦ ድንግል ናተይ ምዝርና እነግር ኣሎኹ። ናትኪ ንጽሕና ናይ ወድኺ ርኅራኄ እዘንቱ ኣሎኹ። ናተይ ስሕተት ናትኪ ኣማላድነት ናይ ወድኺ ትዕግሥቲ እነግር ኣሎኹ። ኦ ድንግል ናተይ ስንፍና ናትኪ ምኽሪ ናይ ወድኺ'ውን ይቕረታ እነግር ኣሎኹ። ኦ ድንግል ከም ስርናይ ክሓሕየኒ ሰይጣን ኣብ ልዕለይ ይምነ (ይደሊ) ኣሎ። ይቕረታ ንዝገብረለይ ወድኺ ለምኒዮ። ከመይ ኣብ ልዕለይ ከየሰልጥኖ። ጸሎተይ ድማ ኣብ ቅድሚ ዝከራኽረኒ ብኢድ ሓርበኛ ከም ፍላፃ ብኃይሊ ከም ዝወግእ ኩናት ናይ ጕኒ ኣዕፅምቲ'ውን ከምዝሰብርን ከም ዘቝስልን ይኹን። ዳግም'ውን ከምሲፍ ዝቘርጽ ከም መጋዝ ዝሰንጥቕ ይኹን። ጸላእየይ ከኣ ነዚ ርእዩ ይህደም። ምሳይ ዝከራኸር ኣድማኡ ተንኰሉ ይጥፋእ። መርዙ ይበተን (መንገኑ) ይዘርዝር ብርትዐ ኃይሉ ውን ድኹም ይኹን። (ይልመስ) ዝጸናናዓሉ ተስፋ ድማ ኣይርከብ ምእመናን ኣብ ጽላላ ዝዕሩፍላ



ዓባይ ናይ ዘይቲ፡ ኦም ኦ ድንግል ናይ ትንቢት ዝናም እትሰቲ፡ ናይ ሰማይ ደመና ብርሃን ዝጋርደኪ ኣብ ቤት መቅደስ ዝዓቤኺ ኣቐዲሙ ውን ልዑል እግዚኣብሔር ዝተኸለኪ ካብ ወገን እስራኤል ዝኾንኪ ኦ ብርኽቲ፡ ፍረ። ቡሩኽ ፍረ ንሱ ድማ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካባኺ ዝተረኽበ ብቕብዑ ውን ንዝኸርፍሑ ዘለስልስ ካብኡ ናይ መለኮት ቅብዓት ዝፈሰስ ንሱ ካባኺ ዝተረኽበ ኦ ድንግል ንስኺ ድማ ናይ ኃጢኣተይ ምኽርፋሕ ብናይ ወድኺ መለኮታዊ ቅብዓት ኣለስልስለይ። ብናቱ ላህይ (ወዝ) ኀብሪ መልክዐይ ክምለስ።

## ምዕራፍ፡ 3።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃሬኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ብዘይ ዘርኢ ብዘይሩካቤ ኣካላዊ ቃል ዝወለድኪ ንህቢ ካብ መዓር ጕዶ ካብ ውሽጢ ሰንፈፍ (ስፈ) ከም ዝውለድ ናይ ንህቢ ምውላድ ዕጪኡ ካብ ውሽጢ ሰንፈፍ ብዜማ ድምፂ ንህቢ እዩ'ሞ መዓር ድማ ካብ ሰንፈፍ ይቕዳሕ። ናይ ክርስቶስ ካባኺ ምውላድ ውን ከምኡ እዩ። መልኣኽ ቅዱስ ገብርኤል'ውን ከምዚ በለ። ጸጋን ክብርን ዝተመላእኺ ኦ ድንግል እግዚኣብሔር ካብ ሥጋኺ ሥጋ ካብ ነፍስኺ ነፍሲ ወሲዱ ሓደ ኣካል ሓደ ባሕርይ ኮይኑ

እዩ'ሞ ደስ ይበልኪ ደስታ ይግብኣኪ። (ሉቃ. 1:28) ካብ እግዚኣብሔር ሞገስ ረኺብኪ ኢኺ'ሞ ካብ ኵለን ኣንስቲ ውን ዝተባረኺ ኢኺ። እንሆ ድማ ወዲ ክትወልዲ ኢኺ። ስሙ ውን ኢየሱስ ክትሰምዮ ኢኺ። (ኢሳ. 7:14 ሉቃ. 1:31) ንስኺ ድማ ከምዚ ኢልኪዮ። ሰብኣይ ከይፈለጥኩ ከመይ ኢሉ ይኸነለይ። መልኣኽ ድማ ከምዚ በለኪ። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሌኺ ክመጽእ እዩ። ኃይሊ ልዑል ክጋርደኪ እዩ። ብልሳን ገብርኤል ድማ ናይ ኣብ ቃል ኣብ እዝንኺ ተሰምዐ። (ሉቃ. 1:35 ማር. 1:18-20) ስለዚ ድማ ቃል ብምስማዕ ፀኒስኪ ኢኺ'ሞ ብሰንፈፍ መዓር ተመሰልኪ። ስለ ክንፊ ንህቢ'ውን ናይ መንፈስ ቅዱስ ክንፊ ጋረዱኪ እዩ። ንህቢ'ውን ዕንባባ ኣኪቡ ስለ ዝሠርሖ መዓር ካብ ቅዱሳን ነቢያት ቃል ዕንበባ ናይ ዝተቀስመ ትንቢት ወለላ መዓር ኣብ ልዕሌኺ ፈሰሰ። ቃል ካባኺ ከም ንህቢ ምውላዱ ድማ ዳዊት መሲሉ ተዛረበ ከምዚ ክብል። ኣነ ሓሰኻ እየ ሰብ ኣይኮንኩን። ከም ናቱ ጌሩ ስለ ወልደ እግዚኣብሔር ክዛረብ ከሎ እዩ። (መዝ. 22:6) ኣብ ቅድሚ ዝቘረጽዎ ዘይተዛረበ ነባቢ በጊዕ ብጊዜ ሕማሙ'ውን ኣብ ቅድሚ ዝወግእዎ ኣፉ ዘይከፈተ ዝወለድክልና ኦ ድንግል ኣነ ክይጕዳእ ኣብ ቅድሚ ወድኺ'ውን ዝተናዕቅኩ ከይከውን። ንሰይጣን ዝተወሃብኩ ናይ ኢጋንንቲ ግዙእ ከይከውን



ናይ ቤልሆር'ውን መናፍስቲ ከይሳለቑለይ ወድኺ ብደሙ ክገዝኣኒ ለምንለይ። (ኢሳ. 53:7-8) ናተይ ምውዳቕ ዝፈትዉ (ዝምነዩ) ንርእሶም ኵሎም ይውደቑ ይተሓንኩሉ። ንሥረተይ ዝፈትዉ (ዝምነዩ) ንሳቶም ይነወሩ። ንኣይ ንባርያኺ ማን ልዕል ኣብልኒ። ንሳቶም ድማ ይኅፈሩ ይነወሩ። ንርእሶም ሽግር ንዕቀት ይምጽኣዮም። ንኣይ ክብረ ብልጽግና ይኹን ንኣታቶም ኅፍረት ምድዋን ገጽ ንኣይ ልዕልና ሞገስ ካብ እግዚኣብሔር ንኣታቶም ጥሜት ሕማም እኹሊ ምስኣን ንኣይ ጽጋብ ፍቕሪ ተድላ ደስታ ይኹን። ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ናይ እግዚኣብሔር ናይ መቅደሱ እምባ ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ከም ሓዊ ነበልባል ክነድድ ኣብ ልዕሊኣ ክበርህ ዝተረኣየ ደብሩ ይገዘከር። ብርሃን ውን ከም መጋረጃ ይኸባ። (ዘፀ. 19:18) ሙሴ ይዛረብ እግዚኣብሔር ውን ይምልሰሉ ኣምላኽ እስራኤል ናይ ምስጋና ብርሃን ኣብ ልዕሊኣ ዝተረኣየላ ድንኳን እግዚኣብሔር ምስ ሰብ ዝኃደረላ ንስኺ ኢኺ። (ዘፀ. 19:19) ያዕቆብ ናይ እግዚኣብሔር ሠራዊት ዝኃደሩላ ርእዩ ካብኡ ሓውልቲ ዘቖመላ ዘይቲ ዘፍሰሰላ ሎዛ ንስኺ ኢኺ። (ዘፍ. 32:1-2) እግዚኣብሔር ነቦታትና ተስፋ ዝገበረኪ ምድሪ ርስቲ ዝተመሰገንኪ ዝተፈተኺ

Scanned with CamScanner

መጸጊዒኣ ደምበ ዝኾኑ ካብ ኣኽራናታ ውን ደምበ ዘዳለወላ ንስኺ ኢኺ። (ዘኁ. 13:23) ደቂ እስራኤል ካብ ውሽጣ ፍረ ዝቖረጹላ ናይ ቈላ ሓረግ ወይኒ ብመሰላ ዝተሰከሙላ ንስኺ ኢኺ። እዚ ድማ ናይ ድንግልናኺ ፍረ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። (ዘኁ. 13: 23) ናይ እግዚኣብሔር ኣእጋር ዝቖምላ ናይ ኮሬብ ቦታ ንስኺ ኢኺ። ኣብኡ ድማ ከውሒ እምኒ ኣሎ። ዝጠዓመ ማይ ዓሠርተ ክልተ ፈልፋሊ ዓይኒ ዝውኅዘሉ ሕዝብ'ውን ብጊዜ ጽምኦም ዝሰትይዎ ክኸዱ ከለዉ ምስኣቶም ዝጕዓዝ እምኒ ግን ክርስቶስ እዩ። (ዘፀ. 17:6) ንኢሎፍሊ ዝወረደት ናይ ኣምላኽ እስራኤል ታቦት ኣብኡ ድማ ንዳጎን ዝደርቤቶ ጣዖት ንዘምልኹ'ውን ዝቐዘፈት ምስ ወጸት ድማ ካብ ሰብ ዛጠን ካሕሳኣ ዝተቐበለት ታቦት ኣምላኽ እስራኤል ንስኺ ኢኺ። ምስ ካሕሳኣ ድማ ኣብ ልዕሊ ጣዕዋ ዘለወን ኣሓ ጽዒኖም ሰደድዋ ንታቦት እግዚኣብሔር ምስሊ ወርቂ ኣናጹን ምስሊ ወርቂ ሕበጦምን ኣብ ሣፁን ገይሮም ኣብ ልዕሊ ሠረገላ ጸዓንዎ። (ሳሙ. 1:6:10:11) ሰሎሞን ዝሠርሓ ቤት መቅደስ ብጕልላት ዘጌጻ ቤቱን ዕንጨይቱን መድረኹን ናሕሱን ብወርቂ ለበጦ። ኣብ ውሽጣ ድማ ስእሊ ኪሩብ ኣስኣለ። ቁመቱ ዕሥራ እመት እዩ። ክንፉ ዓሠርተ ኃሙሽተ እመት እዩ። ብሓደ ክንፉ ናሕሲ ይትንክፍ ነበረ። ካልኣይ ክንፉ



ድማ ናብ ላዕሊ ዝተዘርገሐ ነበረ። ከምኡ ድማ ክልኣይ በዝን በትን እዩ። ክንፍታት ኣብ ልዕሊ ቅድስተ ቅዱሳን ይራኸብ ነበረ። (1ይ ነገ. 6:20:30) ንክህናትን ንመንግሥትን ዝተሠርሐት ብጆካ ክህናትን ንጉሥን ማንም ዘይቅብዓ ማንም ብኢዱ ዘየቃመማ ዕፍረት ጨና መዓዛ ንስኺ ኢኺ። ነዚ ድማ ማንም ከይቅብዓላ እግዚኣብሔር ከልኪሉ እዩ ከምዚ ክብል። ከምዚ ዝበለ ጨና ዝተቐብዐ እንተኣልዩ ብሞት ይፈረድ። (ዘፀ. 30:31።32:33) ዕፍረት ጨና መዓዛ ንስኺ ኢኺ። ሥጋኺ ውን ዝተቐብዐ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ። ክርስቶስ ማለት ቅቡዕ ማለት እዩ፡ ቄርሎስ ከም ዝተርጐሞ። (ዳን. 9:24) ቅብዓት ምስክር ድንኳን ማንም ከይቅብዮ እግዚኣብሔር ከምዝኸልከለ ብጆካ ንጉሥን ሊቀ ካህናትን ማንም ከይረኽቦ ከምኡ ድማ ብንቱም ድንግልና ምውላድ ብጆካ ብቃል ኣብ ዝተኸልከለ እዩ። ከመይ ንጹሕ ክህነት ፍጹም መንግሥቲ ናቱ ጥራይ ስለ ዝኾነ። ናይ ትንቢት መንፈስ ዝተመላእኺ ካብ ቤት ሳኦል ዝረሓቕኪ ኣብ ቤት ዳዊት ዝዕረፍኪ ናይ ሳሙኤል ብልቃጥ ጨና ንስኺ ኢኺ። ኣካላዊ ቃል ካብ ናቱ ዘርኢ ሰብ ስለ ዝኾነ። (1ይ ሳሙ፡16:13) ርኽሰት ዘይብልኪ ንግሥት እ መርዓት ዕዳ በደል ውን ዘይብልኪ ንግሥት ንኣኺ ኣማልድ ኣሎኹ። ብዕቤትኪ ድማ እምነፀን

ኣሎኹ። ኅል ዓሠርተ ክልተ ዓመት ንእሽተይ ሕፃን እንከለኺ ሰማይን ምድርን ዘይውስንዎ ብዝወሰኖ ከርሥኺ እምኅፀን ኣሎኹ። ንኵሉ ዓለም ዝመልአ ንሱ ውን ትሽዓተ ወርኅን ኃሙሽተ መዓልትን ብዝተሰከመ ማኅፀንኪ እምኅፀን ኣሎኹ። ብወሊድ ውን ብዘይ ተለወጠ ናይ ድንግልናኺ ኃይሊ ሥጋ ንዝለበሰ ኵሉ ፍጥረት ዝዕቢ ንእኡ ብዝዕበየ ጸባ ጡብኪ እምኅፀን ኣሎኹ። ንፈረስ ዘልዘበ ናይ ሕይወት እሳት ሠረገላኡ ድማ ነበልባለ እሳት ገበረ። ንእኡ ብዝሓቀፉ ኣብራኪ ዘይድህሰስ ብዘይ ጕጠት ብዝደሃሰሳ ቅዱሳት ኣእዳውኪ እምኅፀን ኣሎኹ። ካብ ገጽ ሄሮድስ ንጉሥ ገሊላ ምስ ፍቁር ወድኺ ክትሃድሚ ከሎኺ ብጕዕዞ መንገዲ ብዝደኸሙ ኣእጋርኪ ኣብ ገጽ ኣዳም መንፈስ ሕይወት ዝኅደረ ንእኡ ብዝሰዓሙ ከናፍርኪ እምኅፀን ኣሎኹ። (ዘፍ. 2:7) ንወድኺ ወሲዶም ከይቀትልዎ ካብ ሠራዊት ሄሮድስ ፈሪኺ ስለ ወድኺ መሪር ብኽያት ብዝበኸያ ኣዕይንትኺ ኣደይ ኣደይ እናበለ ብናይ ሕፃን ልሳን ከጻውተኪ ከሎ ጥዑም ቃሉ ብዝሰምዓ ኣእዛንኪ እምኅፀን ኣሎኹ። ናይ ንጹሕ ድንግልናኺ ዕንባብ ዝኾነ ናይ ኣብ ናይ ባሕርይ ወዱ ናይ ልብሱ ሽታ ናይ ኣፍ መዓዛ ብዘሻትተ ኣፍንጫኺ ካብ ኵሉ ጨና ውን ዝበለጸ መዓዛ ሰውነቱ ብዘሻተተ ካብ ጽጌረዳ



ድማ ብዝቈሐ ገጽኪ እምኅፀን ኣሎኹ። ከም ብርሃ ብዝጸረየ መልክዕኺ ብርሃን ከም ዝመልአ ፀሓይ ብዘብርህ ዝጸበቐ ዝጠዓመ ዝተፈትወ ጨና ዝፈሰሶ ገጽኪ ብልሂ ዝሠርሖ ዘንጊ ወርቂ ብዝመስል ክሳደልኪ እምኅፀን ኣሎኹ። (መኃ. 7:5) ከፍከፍ ብዝበለ ፀጕርኺ ጽልሙ ከም ሃሪ ማዕተብ ዝመስል ናይ ኪሩቤል ክንፊ ውን ዝጋርዶ ከም ሉል ከም በረድ ብዝነጽሕ ስንኺ ብልሃመት ጸባ ዝተሓፅበ ዝመስል ከም ሆሳዕና ከም ዘግባ ሊባኖስ ብዝመስል ቊመትኪ እምኅፀን ኣሎኹ። ብልብሲ ቅድስናኺ ብቀሚስ ድንግልናኺ ናይ ወይኒ ሓረግ ዝተኣንሞ ብወርቂ ዝተጠልፈ ብዳዊት ዓሌት ኣቦኺ ናይ እስራኤል ደናግል ከምዚ ስለ ዝለብሳ ኣቦታትኪ ብዘልበሱኺ ልብሲ እምኅፀን ኣሎኹ። ካብ ኵሉ ጨና ብዝበልጽ ናይ ልብስኪ ጨና። ካብ ዕንባባ ምድረ በዳ ኣዝዩ ዕፁብ ድንቂ ጨና ብዝምዕዝ ትንፋስ ኣፍኪ። ካብ ወለላ መዓር ውን ብዝጥዕም ኣፍኪ። ንኵሉ ዓለም ጠቓምን ኣርባሕን ዝኾነ ጨና ዝተባረኸ ጨና። ነኣኺ ፍሪ ብዝፈረዩ ኣብራኸ ኣቦኺ ኢያቄምን ማኅፀን ኣዴኺ ሓናን እምኅፀን ኣሎኹ። ጽላል እግዚኣብሔር ዝኸደነኪ፡ ብኸንፊ ናይ ወዱ መኅደሪ ክትኾኒ ብዘጽንዓኪ፡ መኅደሪ ወልድ ክትኾኒ መንፈስ ቅዱስ ዝኸለለኪ፡ ከይተመላለሰ ቃል ብዘንጽሓኪ፡ ከይተለወጠ

ካባኺ ብምውላዱ እምነፀን ኣሎኹ። (ሉቃ. 1:35)
ናይ ድንግልናኺ ምእሠረ ከይ ተበትከ ካባኺ
ብምውላዱ ኣብ ደምበ ብምድርባዩ ብጨርቂ
ብምጥቕላሉ ኣብ ጐንኺ ንእኡ ብምስካምኪ ኣብ
ዝባንኪ ብምሕዛልኪ ከሳብ ጕብዝና ኣካል ሰብኣይ
ዝበጽሕ በብንእሽተይ ብምዕባዩ እምነፀን ኣሎኹ።
ብኢድ ዮሓንስ ወዲ ዘካርያስ ብምጥማቑ ፍትው
ወደይ እዚ ኢሉ ብዝመስከረሉ ኣብ ብኣምሳል
ፃዕዳ ርግቢ ወሪዱ ኣብ ርእሱ ብዝዕረፈ መንፈስ
ቅዱስ እምነፀን ኣሎኹ። (ማቴ. 3:16-17 ኢሳ. 42:1)
ወይኖም ተወዲኢዎም ነበረ'ሞ ወይኒ የብሎምን
ምስ በልኪዮ ንማይ ናብ ወይኒ ብምልዋጡ ካብኡ
ብዝወፀ ኃይሊ ኣጋንንት ዘረሓቀሉ ዝተፈላለየ
ድዌ ዘለዎም ድውያን ብዝፈወሰሉ እምነፀን
ኣሎኹ። ከምኡ ድማ ኣነ ብኃጠኣት ድዌ ስለ
ዝተጨነቕኩ ሕይወት ካብኡ እደሊ ኣሎኹ። (ማቴ.
4:24) (ዮሓ. 2:3-8) ለምጺ ንዘለዎ ክትድኅን ፍቓደይ
እዩ ንጻሕ ኢሉ ብዘንጽሖ ብናቱ ኃይሉ እምነፀን
ኣሎኹ። ኣነ ድማ ካብኡ ካብ ርስሓት ነፍሰይን
ሥጋይን ከንጽሓኒ እደሊ ኣሎኹ። ንመፃጉዕ ኣብ
መጠመቂ ቤተ ሳይዳ ምስ ረኸቦ ብቲ ዘደኃነሉ
ኃይሊ እምነፀን ኣሎኹ። ኣነ ውን ከምኡ ጽቡቕ
ግብሪ ንምሥራሕ ንዝደኸመ ንዘለመሰ ልበይ
ከቕንዓለይ እደሊ ኣሎኹ። (ማቴ. 8:3 ዮሓ. 5:15)



ዓይኒ ዕውራን ብዘብረሀ ኃይሉ እምነፀን ኣሎኹ።
ኣነ ድማ ሓቀኛ ናይ ጽድቂ ብርሃን ንኸርእ
ብኃጢኣት ንዝጸልመተ ዓይኒ ልበይ ክብርሃለይ
እደሊ ኣሎኹ። (ማቴ. 9:27-30) ቤዛ ብዙኃን ብኢድ
ኃጥኣን ከም ሰረቂ ብምትኃዙ ከም ሌባ ውን
ኢዱን እግሩን ብምእሣሩ እምነፀን ኣሎኹ።
ነኣይ ካብ ማእሠርቲ ኃጢኣት ክፈትሓኒ ካብኡ
ፍቓድ እደሊ ኣሎኹ። (ማቴ. 26:2) ብሊቀ ካህናት
ከም ባርያ ብምጽፍዑ ብኢድ ጭፍራኡ ውን ኣብ
ቅድሚ ጲላጦስ ብምግራፉ እምነፀን ኣሎኹ። ኣነ
ድማ ካብኡ ዝደልዮ በዝን በትን ካብ መቕዘፍቲ
ንምድኃን እዩ። (ዮሓ. 18:22) ብቅንዋት ኢዱን
እግሩን እምነፀን ኣሎኹ። ንኣይ ድማ ንኢደይ
ካብ ሰርቂ ንእጋረይ ካብ ሰንከልከል ክድኅነኒ እደሊ
ኣሎኹ። ኣብ ልዕሊ መስቀል ርእሱ ኣድንን ኣቢሉ
ናባኸን ናብ ዮሓንስን ብምምልካቱ ንዮሓንስ ወልደ
ነጐድጓድ ሓደራ ብምባሉ፡ ከምዚ እናበለ። ኣንታ
ንሳ ኣዴኻ እያ፡ ኣንቲ ንሱ ወድኺ እዩ። ኣነ ድማ
ብናትኪ ሓደራ ክህበኒ ካብኡ እደሊ ኣሎኹ ከምዚ
ብምባል። ወድኺ ብደሙ ዝተበጀወሉ ባርያ እዩ።
ንኣይ ድማ ከምኡ ካብ ናይ ባሕሪይ ኣዴኻ ሔዋን
ዝተረኸበት ኣዴኻ እመቤት እያ ክብለኒ እደሊ።
(ዮሓ.19:26:30) ከርቤ ዝተሓወሶ መጺጽ ምስ ሓሞት
ብዝሰተየ ኣፉ እምነፀን ኣሎኹ። ንኣይ ድማ ጥበብ

Scanned with CamScanner

ዘሣረብ ፍልጠት ዝገልጽ ንጽሕና ቅድስና ዝምህር ናይ ኃሣት ናይ ሓሞት ጽዋዕ ክስትዮኒ ካብኡ እደሊ (መዝ 69:21፣ ማቴ 27:48፣ ዮሓ 19:28) ነፍሱ ኣሎኹ። ነፍሱ ናይ ጻድቃን ነፍሲ ካብ ሥጋኡ ብምፍላይ፣ ሓራ ንምውጻእ ናብ ሲኦል ብምውራዱ እምነዐን ኣሎኹ። ንኣይ ድማ ካብ ኣርዑት ኃጢኣት ነፃ ክገብረኒ ካብኡ እደሊ ኣሎኹ። (ዮሓ 19:30) ብድርብ ዓለባ ተጠቕሊሉ ኣብ ውሽጢ መቓብር ኣትዩ ሠለስተ መዓልቲ ሠለስተ ለይቲ ክይ ተቐሳቀሰ ብዘተቐመጠ ሥጋኡ እምነዐን ኣሎኹ። ኣነ ድማ ንምውጻእ ካብ ዘይክኣል ማዕዖኡ ዝተሸገረ ጉድጓድ ሲኦል ክድኅነኒ እደሊ ኣሎኹ። (ማቴ. 27: 59:60) ንኹሉ ዓለም ብዘድኅን ትንሣኤኡ እምነዐን ኣሎኹ። ኣነ ድማ ካብ ውድቀት ክተንሥኣኒ ካብ ምንቅጥቃጥ ለማስ ካብ ምጂን ክድኅነኒ እደሊ ኣሎኹ። ትጉሃን መላእክተ ሰማይ እናመስገንዎ ናብ ሰማይ ብምዕራጉ ብየማን ኣቦኡ ብእግዚኣብሔር ኣብ ብምቕማጡ፣ እምነዐን ኣሎኹ። ንኣይ ድማ ብየማን ክቑመኒ ቅዱሳን'ውን ኣብ ዝኣትውዎ ሰፍራ ሰማያዊ ርስቲ ክረስትየኒ ካብኡ እደሊ ኣሎኹ። (ማር.16:19) ዘይግብኣኒ ብምዃነይ ድማ ካብ መርዓ ፍቁር ወድኺ ዝተፈሌኹ ከይከውን ብኣኺ እምነዐን ኣሎኹ ኣብ በዓል መርዓ ወድኺ ውን ንምእታው ዝተዳለኹ ግበርኒ። ነዚ ምምናየይ ድማ ብናትኪ



ጸሎት ናይ ወድኺ ምሕረት ተሰፋ ብምግባረይ እዩ እምበር ብፍርዲ ይግብኣኒ ኢለ ኣይኮንኩን። ዝተወሃበኒ ልብሲ መርዓ ንሱ ድማ ናይ ጥምቀት ድርብ ዓለባ ንእኡ ስለ ዘርሳሕኩ ንኃጢኣተይ ኣልቅሰላ ኣኃዝንላ ኣሎኹ። ንፈጣሪይ ስለ ዘጎዘንኩ ንኃጢኣተይ ኣልቅሰላ ኣሎኹ። ብዙኅ ጊዜ ስለ ዝበደልኩ ብዙኅ ጊዜ ስለ ዝዘመኹ ምእንታይ ዝተሠርዐ ሕጊ ውን ስለ ዘጕደልኩ ምሕላው ትእዛዝ ውን ካባይ ስለ ዝጠፍአ ኣኃዝን ኣሎኹ። ኃሣረ መከራ ስለ ዘልበሰተኒ ደስ ዘብል ዘይኮነ ምድዋን ገጽ ከም ልብሲ ስለ ዝጐልበበተኒ ንኃጢኣተይ ኣልቅሰላ ኣሎኹ። ወይ ጉደይ ወይ ዕድለይ ኃዘን ኣሎኒ ሕጉን ትእዛዙን ስለ ዘይሓለኹ ደኃር ውን ንስሓ ስለ ዘይኣተኹ እኃዝን ኣሎኹ። ወይ ጉደይ ልብሲ መርዓ ስለ ዘይለበስኩ ናብ መርዓ መን ከእትወኒ እዩ ናይ ንጉሥ መከሊት ስለ ዘየረባሕኩዎ ወይ ጉደይ እቲ መከሊት ዕዕፊ ድርብ ስለ ዘይኮነ ጕይታይ ምስ ተጸባጸበኒ እንታይ ኢለ ክምልስ እየ። ናይ መብራህቲ ቅብዓ ስለ ዘየዳለኹ ወይ ጉደይ ኣፍ ደገ ቤት መርዓዊ ክይ ዕፀወኒ ኢለ ኣኃዝን እፈርህ ኣሎኹ።ኣብ ቤት መርዓ ከም ሥርዓት ሰባት ስለ ዘይተዳለኹ ክሳብ ዝመሲ ብብኸነት ስለ ዝጸናሕኹ ወይ ጉደይ። ካብ ንጉሆ ክሳብ ምሸት ንዘገልገሉ ጕይታይ ዓስቦም ክህቦም ክሎ ኣብ ቦታ

ወይኒ ጐይታይ ስለ ዘየገልገልኩ ኣየ ተዋረድኩ ኣየ ንፍረተይ። ካብ ኣቦይ ዝተዋህበኒ ገንዘብ ብሽተኘ መተኘ ስለ ዘባኸንክዎ ንኣይ ንዝተሸገርኩ ወይ ጉደይ ከም ጎሥር ወዲ ናብ ርሑቕ ሃገር ከይዱ ሓሰማ ካብ ዝምገብአ ሓሠር ደው ኢሉ ክምገብ ከም ዝፈተወ ኮንኩ። (ሉቃ.15፡14-16) ንኣይ ዝተወሃበኒ መልክዕ ገዲፈ ንኣይ ዘይኮነ ጽልሚ ዝተቀበልኩ ንኣይ ወይ ጉደይ። ርኽሰተይ ዝሓፅበሉ ንቅዓ ኣንብእ ንዘይብለይ ንጎድገት ዝኾውን ናይ ንስሓ ትግሃት ንዘይብለይ ንኣይ ወይ ጉደይ። እንተኾነ ግን ሥጋዊ ፍቓድ የሕምቃ እምበር ናይ እግዚኣብሔር ትእዛዝ ትፈቱ እያ።

## ምዕራፍ፡ 4።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ እ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ጽቡቕ ሥራሕ ንምሥራሕ ዘበራትዕ መንፈስ ቅድስና ክልእኸለይ ንወድኺ ለምንለይ። ንሱ ድማ ብኃይሊ መንፈስ ካብ ሠረገላ ኪሩቤል ይዝለል። ብርሃን ድንኂኑ'ውን ይገለጽ። መጋረጃ ነበልባሉ ይጠቕለል። ኣፍ ደገ ሰማይ ክፈቱ ካብ ጽርሓ ኣርያም ወሪዱ ኣብ ልዕለይ ይቀመጥ። ነፍሰይ ኣንጺሑ ሥጋይ ቀዲሱ ናቱ መኅደሪ ይግበረኒ። ልበይ'ውን ንእግዚኣብሔር ደስ ዘብሎ ነገር ንምሥራሕ ክሓስብ ክሎኹ እዚ ናይ



ጰራቅሊጦስ መንፈስ ጽድቅ ይማርኸኒ። ንመንፈስ ስሕተት ኣብ ልዕለይ ኣየሰልጥኖ። ንሓንቲ ሰዓት እኳ ኣብ ልዕለይ ከየዕርፍ ኣይኅደጎ። እዚ ንጽቡቕ ነገር ዘተባብዕ መንፈስ ቅድስና ግን ኣብ ልዕለይ ይወሃሃድ ንዘለዓለም ድማ ኣይፈለ። ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኪ እ እግዝእትየ ድንግል ማሪያም ንስኺ ድማ ስለ ኅድገት ኃጢኣተይ ዝተጋህኺ ኩኒ። ኣብ ልዕሊ ቍስሊ ኃጢኣተይ ውን ናይ ወድኺ መድኃኒት ግበርለይ። ካብ ጐኒ ወድኺ ብዝፈሰሰ ምንጻግ ማይ ውን ርኽሰተይ ሕፀቢ። ንዝመረተ ልቡናይ'ውን ወልውሊ። ማኅተመይ ድማ ናይ እምላኽ ምሥጢራዊ ደም ግበርለይ። ካብ ወድኺ ውን ዓሥራት ጌርኪ ውሰድኒ። ብኢድኪ ዝተጨበጥኩ ኣብ እግርኺ ዝወደቕኹ ክፍሊ ዕድለይ ክኸውን ብናይ ሰብ ጥበብ ናብ ዘይተሠርሐ ሰማያዊ ቤት መርዓ ንክኣቱ ድሉው ግበርኒ። ናተይ ክፍሊ ዕድለይ ድማ ዘንፀባርቕ ናይ ብርሃን ኣኽሊል ዕንበባ ዘጉላዕልዐ ሓረግ ዝተሰኣሎ ናይ ሃይማኖት መጐናጸፊ ግበርለይ። ኣብ ቤት መርዓኺ ተሸሊመ ክርኩብ ኣብ መርዓ ወድኺ ተሸሊመ ክርእ ኣብ ማእኸል ጉባኤ ቅዱሳን ውን ደስ ኢሉኒ ክነብር ዓስበይ ክኣ ካብኣቶም ዝነኣሰት ዝጐደለት ኣይትኹን ዓስበይ ናትኪ ዋጋ ምስጋናይ ናትኪ

ምስጋና እዩ እምበር ዓስቢ ብናተይ ሠናይ ግብረ (ትሩፋት) ኣይደልን። ምምስጋን ውን ብናተይ ሠናይ ግብረ ኣይደልን። ምጽዳቕ ብሃይማኖት ሠናይ ግብረ ፍጹም ክይሠርሑ ምጽዳቕ ብፍቓድ ወድኺ ስለ ዝኾነ። ኣነ ብዋጋ ጸሎትኪ ክቕበል እደሊ። ኣብ ልዕሊ ኃጢኣት ነፍሰይ ውን ናይ ጽድቕኺ ምስጋና ክስከም እደሊ። ዳዊት ኣብ መዝሙሩ ክምዝበለ ኃጢኣቶም ዝኃደገሎም ዕዳ በደሎም እግዚኣብሔር ዘይቆጸረሎም ዝተመስገኑ እዮም። ኃጢኣቱ ውን እግዚኣብሔር ዘይጸብጸበሉ ዘደንቕ እዩ። (መዝ. 32:1) እግዚኣብሔር ንሙሴ ክምዚ በሎ። ኣነ ናይ ሰብ ኃጢኣት ናይ ኣቦኡ ብወዱ ብደቂ ደቁ ክሳብ ሠለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ወለዶ ክመራመር እየ። ንኃጢኣተኛ ውን ንጹሕ ኣይክገብሮን እየ። ንዝመሓርክዎ ክምሕሮ እየ። ንዝፈተኽዎ'ውን ይቕረ ክብለሉ እየ። (ዘኍ. 14:18) ስለዚ ድማ ነቅዐ ጥበብ ዝኾነ ጳውሎስ ክምዚ ዝበለ እምበኣር ምሕረቱ ረኣዩ ምጭካኑ'ውን ተመልከቱ። ንዝፈተዎ ይምሕሮ ንዘይፈተዎ ድማ የጨንቆ። ኣነ ድማ ምእንቲ'ዚ ብጸሎትኪ ብምእማን ተስፋ እገብር። ብድንግልናኺ ውን ካብ ኃጢኣት ክድኅን እደሊ። እንተኾነ ግን ንስኺ ለምንለይ ክፍሊ ዕድለይ ይቕረ ምስ ዝበሎም ክኸውን እምበር ምስ ዘጨነቖም ክይከውን ኣማልድለይ። ነዚ'ውን ተስፋ



ገይረ ርኅሩኅ ይቕረ በሃሊ ናብ ዝኾነ ወድኺ ኣእዊ ክምዚ እናበልኩ። ይቕረታኻን ርኅራኄኻን ወትሩ ይረክባኒ ዳግም ክምዚ እብል። ስለ ርኅራኄኻን ስለ ፍርድኻን እግዛእ ንኣኻ'ውን ዝማሬ ኣቕርብ። (መዝ. ዳግም ክምዚ እብል። ጐይታይ ንዘለዓለም 40:11) ምሕረትካ ኣመስግን ጽድቅኻ ንውሉድ ወለዶ ብኣፈይ ክነግር እየ። (መዝ. 89:1) ዳግም'ውን ክምዚ እብል ኣሎኹ። ጐይታይ ንስኻ ርኅሩኅ ይቕረ በሃሊ ኢኻ'ሞ ይቕረታኻ'ውን ንኣኻ ንዝጽውዑ ብዙኅ እዩ። ዳግም ክምዚ እብል። ሠናይ ሥራሕካ ኣብ ቅድሚ ቅዱሳን ጽቡቕ እዩ'ሞ ብምሕረትካ እተኣማመን ኣሎኹ። (መዝ. 52:9) ናቶም ግን ብገድሎም እዩ። ናተይ ድማ ብጸሎት ኣዴኻ እዩ። ናቶም ብፃዕሮም እዩ። ናተይ ግን ብድኻም ኣዴኻ ብምጥማያ ብምጽማእ መከራ ስለዝረኸባ ምሳኻ ናብ ምድሪ ግብጺ ብዝተሰደደትሉ ጊዜ ስለዝበጽሓ ሽግር እዩ። ንሳቶም ብናቶም ትግሃት እዩ። ኣነ ግን ንኣኻ ብዝያረት ቅድስት ድንግል ብልመናኣን ብኣማላድነታን እዩ። ንሳቶም ብናቶም ንጽሕና እዩ፡ ኣነ ግን ብዕብራይስጥ ማሪሃም ብዝተባህለት ናይ ኃጢኣት ኣርዑት ዘይወደቓ ንጽሕቲ ጣዕዋ ዝተባህለት ድንግል ማርያም ብንጽሕናኣ ብቅድስናኣ እዩ። ያር ኃጢኣተይ ሚዛን ክብደቱ ካብ ሰማይን ምድርን ይብርትዕ። ካብኡ ድማ

Scanned with CamScanner

ሚዛን ምሕረትካ ይዛይድ። ጐይታይ ኃጢኣተይ ካብ ኮኾብ ሰማይ ካብ ሕፃ ባሕሪ ይብዝሕ፡ ካብኡ ድማ ምሕረትካ ይበዝሕ። ኦ ጐይታይ ኣብ ልዕለይ ንዝኃደረት ኃጢኣት ምሕረትካ ይስዓራ። ሣህልኻ'ውን ካብ ኣበሳይ ይበርትዕ። ዝናም ምሕረትካ'ውን ንደብዳቤ ዕዳ በደለይ ይደምስሶ። ኃይሊ ምድኃንካ ድማ ኣብ ልዕለይ ይገለጽ። ተኸሊ ቤት መቕደስካ ዝገበርካኒ ኦ ጐይታይ ናይ ደገ ተኸሊ ኣይትግበረኒ። ናይ ኃጢኣት ዘይኮነ ናይ ጽድቂ ተኸሊ ግበርኒ። ናይ ሓሶት ዘይኮነ ናይ ሓቂ ተኸሊ ግበርኒ። ናይ ጽልኢ ዘይኮነ ናይ ፍቕሪ ተኸሊ ግበርኒ። ናይ መርገም ዘይኮነ ናይ በረኸት ተኸሊ ግበርኒ። ናይ ኃሣረ መከራ ናይ ውርደት ዘይኮነ ናይ ክብሪ ተኸሊ ግበርኒ። ናይ ጥፍኣት ዘይኮነ ናይ ሕይወት ተኸሊ ግበርኒ። ናይ ሰይጣን ዘይኮነ ናትካ ተኸሊ ግበረኒ። ናይ ቅዱሳን ቅድስቲ ተኸሊ ብኣፍ ትንቢት ነቢያት ዛዕዛዕታ ዝልምልም ግበረኒ። ብደመና ኦሪት ናይ መጽሓፍቲ መጀመርታ ዝኾነት ዝተጋረድኩ ካብ ፈልፋሊ ቅዱስ ወንጌል ዝሰቲ ካብ ጐንኻ ዝፈልፈለ ደም ዝረወይኩ ግበረኒ። ብጸሎት ድንግል ኣዴኻ ናይ ሃይማኖት ዕንባባ ክዕንብብ ናይ ጽድቂ ፍረ ክፍሪ ካብ ቅዱሳን ሓዋርያትካ ውን ካብ ፍረ ቃላቶም ዝተላዓለ ክሳብ ንዘልዓለም ዝተባረኸ ዓፀደ



ወይን ክበሃል ናይ ጽድቂ ፍረ ከይፈሪ ንዝቃወም ናይ ኃጢኣት እሾኽ ንቐሎ። ኣሚከላኡ ጸሃያዩ ሙጉያኡ ምሓዎ። ጐይታይ ካባይ ድማ ኣርሕቆ። ሥርዓትካ ንዝፍጽሙ ናይ ዕንባቦኣም ፍጻሜ ከም ዘፍሪ ግበርኒ።

## ምዕራፍ፡ 5።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃሬኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ጌጸይ ሽልማተይ ክብረተይ ዝና ዕቤተይ ንሽግረይ ሃብቲ ብልጽግና ንድኻመይ ኃይለይ ኢኺ። ኦ ኣኽሊል ክብረይ ናይ ወገነይ ሓበን ብመጸወዲያ ፍቕርኺ ብፍቕሪ ገመድኪ ሰብነተይ ዝተተኃዘ እዩ። ብብርኪ ልበይ ንኣኺ እሰግድ። ብፍጹም ልበይ'ውን ናባኺ እጭድር ኣእዊ። ብጊዜ ሽግረይ'ውን ኣብ ቅድሜኺ እምህለል። ናብ ፍረ ከርሥኺ ይቕረታ ኣዕይንተይ የንቃዕርራ። ንኣኺ ንምምስጋን ልሳነይ ይህወኽ። ንውዳሴኺ'ውን ከናፍረይ ደስ ይብለን። ንማኅሌትኪ ድማ ናይ ቃለይ ኣማላለስ ዝጸብቐ ዝተፈትወ እዩ። ኣእዳወይ'ውን ብምውህሃድ የጣቅዓ። ኣእጋረይ'ውን ብድሌተን የሸብሽባ። ኵሎም ህዋሳተይ ንኣኺ ይግዝኡ። ፍቕርኺ ብውሽጢ ልበይ ስለ ዝበቈለ ሥሩ'ውን ክሳብ መገደይ ስለ ዝወፀ ጨንፈሩ ድማ ክሳብ ርእሰይ ነውኑ። ናይ ምስጋናኺ ዕንባባ'ውን

Scanned with CamScanner

ኣብ ውሽጢ ኣፈይ እዩ። ሕጂ'ውን ምእንታኺ ለምንለይ። ካብዚ ኵሉ ጥፍኣት ዓለም ካብ ኵሉ መከራ ካብ መሓለኻ ሰይጣን ንሠናይ ተግባር ዝቃወም ንክድኅን ኵሉ ጽዩፍ ነገር'ውን ካባይ ኣርሕቅዮ። ንሠናይ ተግባርን ትሩፋትን ንቲሕ ግበርኒ። ንጸሎት'ውን ኣትግህኒ። ጸላኢ ውን ስንፍናኡ ኣብ ልዕለይ ብዘውርደሉ ጊዜ ናይ ወዲኺ መለኮታዊ ፍቕሩ ያንቃሓኒ። ምሕረቱ ድማ ብዘይ ምቍራጽ ንኽመስግን ንምስጋናኡ ትጉህ ይግበረኒ። ንስኺ'ውን ስለ ኃጢኣተይ ሽለል ኣይትበልኒ። ቃል ልመና ከናፍረይ ተቐቢልኪ ወድኺ ድማ ጽቡቕ ኢሉ ከም ዝቕበሎ ግበሪ። ኦ እግዝእትየ ጸሎት ከናፍረይ ክቕበል ግድን በልዮ። ጸሎተይ'ውን ኣብ ልዕሊ ከውሒ ከም እተዘርኣት ዘርኢ ከይበቘለት ከይዓንበበት ከይፈረየት ዝተረፈት ኣይትኹን። ናብ እዝኒ ኃያል እግዚኣብሔር ኣትያ ድሌት ልበይ ምስኡ ፈጺማ ዝደልዮ ኂዛ ናባይ ትመለስ። ድሌተይ ብምርካበይ ድማ ደስ ተብለኒ።

<u>ምስራፍ፡ 6።</u>

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ብጀካ ጸሎትኪ ረዳኢ ክረድኣኒ ዝኽእል ከምዘይልቦ ፈለጥኩ። እንትርፎ ልመናኺ ዘድኅን ከምዘየልቦ ብጀካ በዅርኺ'ውን



ዝብጆወለይ ከም ዘየልቦ ፈለጥኩ። ኦ ድንግል ብጀካ ኣማላድነትኪ ክሕልወኒ ዝክእል ከምዘየልቦ ፈለጥኩ። ብጀካ ፍሬ ማኅፀንኪ ከርኅርኃለይ ዝኽእል ከምዘየልቦ ፈሊጠ ናባኺ ተጸጊዐኹ። ብወድኺ ድማ ኣእምን። ንእኡ'ውን ኣምልኽ። ብምሕረቱ ከኣ ተስፋ እገብር። ንሱ ንሕይወተይ እሙን እዩ'ሞ ብኽምዚ ከሎኹ እንተ በደልኩ ይቕረ ይብለለይ። እንተ ተሰናኺልኩ ውን ብእኡ እድገፍ። እንተ ወደቕኩ የተንሥኣኒ። ብጸልማት እንተ ኸድኩ እግዚኣብሔር የብርሃለይ። (መዝ. 27: 1) እግዚኣብሔር ረዳእየይ እዩ። ናይ ምስጋናይ ዘመን እዩ። ኦ ድንግል ናባኺ ተጸጊዔ ምሕረት ወድኺ ኣሚነ ከሎኹ ሓዊን ጽኑር ከም ዝወደየ ሓርበኛ እምኒ ከኣ ከይረኽቦ ኣብ ልዕሊ ርእሱ ናይ መድኃኒት ናይ ሕይወት ዋልታ ከም ዝመከተ እየ። ኦ ድንግል ብጊዜ ኵናት መመከቲ ዋልታይ ኢኺ። ብጊዜ ጽልኢ ክርክር ምሕብኢተይ ኣብ ማእኸል ጉባኤ ግርማ ሞገሰይ ኣብ ሃገር ጸላኢ ውን ናይ መድኃኒት እምባ ደጀን ኢኺ። ናይ መለኮት ዕንቍ ዝተሰከምኪ ናይ ወርቂ ማዑነይ ኢኺ ንሰማያዊ መርዓ ዝረብሕን ዝጠቕምን ናይ ክብር ገንዘብ ንምግዛእ ኣብ ኵሉ ደሴት መሳገሪተይ ኦ ድንግል ውዳሴኺ ንምንጋር ኣፈይ ክፈቲ። ኣብ ውሽጡ ድማ ናይ ፍቁር ወድኺ

ምሲጋና ምልኢዮ። ካብ ሸፋሽፍተይ ትገስ ካብ ኣዕንተይ ውን ዝኸበደ ድቃስ ንቐሉ ፍጥረት ሥጋ ዝለበሰ ነፍስ ንዝተዋሃሃዶ ከንቀሳቀስ ከም ዘይከኣል ዝገብር ኣርሕቅለይ። ናይዚ ዓለም ሆይሆይታ ኣርሕቅለይ። እንተ ደቀስኩ'ውን ድቃሰይ ልክዕ መጠን ዘለዎ ይኹን። ንምስጋናኺ ዘብኩረኒ ኣይኹን። ኣብ ድቃሰይ ድማ ሓልውኒ። ርኹሳን መናፍስቲ ከይዕብልሉኒ ብከፋእ ሕልሚ'ውን ከይጸብኡኒ ሓልውኒ። ድኅረ ምንቅሓይ ውን ናይዚ ዓለም ሥጋዊ ሓሳብ ንልበይ ጨሪሱ ከይወስዶ ሓልውኒ። ንጉብዝና ሰብ ከም ሓሰማ ዝተሃምበጸ ብዝገብር ዝሙት ምኽንያት ውን እንተ ኾነ። ብፍቕሪ ንዋይ ብተድላ ብደስታ'ውን እንተ ኾነ። ብዘስሕት ብልጽግና ንሱ ድማ እሾኽ ኃጢኣት ንቃል እግዚኣብሔር ዝሓንቕ ጨቢጡ ዝነዝ ካብ ፍረ ዘትርፍ ብእኡ ምኽንያት ውን እንተኾነ ከየታልለኒ ሓልውኒ። (ማቴ. 13:22)(1ጢሞ. 6:9) ናይ ወድኺ ናይ ባሕርይ ሕይወቱ መንፈስ ጽድቂ ጰራቅሊጦስ ግን ብሥጋይን ብነፍሰይን ዘብርህ ይኹን። ንሰይጣን'ውን ናባይ ዝኣትወሉ ምኽንይት ኣይሃቦ። ብኸናፍር ምስ ነገር ይኹን ብሓሜት ይኹን ብኣፍ ይኹን ብስሓቅ ስኒ ምስ ጸወታን ተድላ ሓጕስን ብምጥማት ዓይኒ ካብ ምዝማው ብእዝንኻ ነገር ዋዛ (ነገረ ዘርቅ)



ሓሶት ካብ ምስማዕ ይኹን። ብልቡና ካብ ዓመፅን ኣሽሙርን ብሓሳብ ካብ ቂምን ቅንኣትን ይኹን ብኢድካ ካብ ስርቂ ብእግርኻ ድም ንምፍሳስ ካብ ምጉያይ ይኹን ብኣፍንጫ ሽታ ኣንስት ካብ ምሽታት። ንሱ ድማ ልቢ ኣንቡዝ ዝግርኸ ብናይ ሰብነት ባሕርያት ውን ይኹን። ብሥጋዊ ፍቓድ ብሰብነት እሳት ካብ ዘቃጽል ምርምባጽ ምምናይ ይኹን እዚ ናይ ስሕተት መንፈስ ንኣይ ናብኡ ዝጥብረሉ ዘታልለሉ ምኽንያት ኣይርከብ። ናይ ወድኺ መንፈስ ግን ምኅደሪኡ ይግበረኒ። ናብ ውሽጠይ ይእቶ። ኣብ ልዕለይ ውን የዕርፍ። ንናኺ ምስጋና ድማ ዝተዳለዋ ከኾና ንከናፍረይ ይቀድሰን። ኦ ድንግል ንንጽሕናኺ ናተይ ርኽሰት ኣየርክሰን እዩ'ሞ ካብ ኃጥእ ሰብ ምስጋና ንምንታይ እዩ ኣይትበሊ። ናተይ ምንዝርና ንቕድስናኺ ኣየርክሰን እዩ። ኣየውቅሰን'ውን። ድንግልናኺ ድማ ስለ ምንዝርናይ ስለ ርኽሰተይ ንዘሎኒ ዕዳ በደል ዝኸፍለለይ ይኹን። ከመይ ድኹም ብጽኑዕ ከም ዝድኅን ኃጥእ ብጻሎትኪ ስለ ዝጸድቕ እዩ።

## ምዕራፍ፡ 8።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ንምስጋናኺ ኣፊይ ብዝኸፈትኩሉ ጊዜ ምስ ፍቁር ወድኺ ኢየሱስ

Scanned with CamScanner

ክርስቶስ ብረዲኤት ናባይ ንዒ። እነ ብዝለመንኩኺ ጊዜ ንስኺ ኣማልዲ፡ ወድኺ ድማ ኃጢኣተይ ያፋኹስለይ። እነ ብዝጸለኹም ጊዜ ንስኺ ንኣይ ንሥሬት ለምኒ፡ ወድኺ ድማ ይቕረ ይበለለይ። ንምልማን እነ ኢደይ ብዝዘርጋሕክሉ ጊዜ ንስኺ ናብ ወድኺ ለምኒ፡ ወድኺ'ውን ልመናይ ይቀበል። ኦ ድንግል ናይ ሱራፌል ናይ ዕጣኖም ጽንሓሕ። ናይ ኪሩቤል ናይ ምስጋናኦም መቅድሒት። ናይ ወርቂ መጥለቒት። ናይ ኵሎም ትጉሃን መላእክተ ሰማይ ናይ ቅዳሴኦም ፈልፋሊ ነቅዕ። ናይ ዘይድቅሱ ናይ ውዳሴኦም ፈልፋሊ ምንጪ። ኦ ድንግል ናይ ዘይበደሉ ናይ ድንግልናኦም ሓበን ናይ ዘይተማራስሑ ናይ ንጽሕናኦም ኣኽሊል ኦ ድንግል ንዝጋደሉ ናይ ትዕግሥቶም ዓስቢ፡ ኣርዑት መስቀል መድኃኒና ንዝተሰከሙ ናይ ቅድስናኦም ዓስቢ። ኦ ድንግል ነቢያት ብመስትያት መንፈስ ቅዱስ ዝራእዩኺ። ናይ ትንቢት ኃይሊ ናይ ልዑል እግዚኣብሔር ወንጌል ዝመሃሩ ሓዋርያት ዜና ምስጋና። ኦ ድንግል ኢድ እግዚኣብሔር ዝተኸለኪ እም ገነት በኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ዝዓንበበት ጽላል ኣብ ውን ናብ ፍረ ዘብጽሓ ኪሩቤል ብኸንፊ ዝጋርዱኺ፡ ኣብ ልዕሊ ታቦት ዝኾንኪ። ኦ ድንግል ኣማላዲት (ምስኣል) ጥበብ መንፈስ ብዝተመልአ ኢድ ባስልኤልን ኤልያብን



ዝተሠርሕኪ (ዘፀ. 31:2፡3-6) ጠሊ ዝተመላእኺ ጓል ዮኤሳ ዕዋዕ ጌዴዎን (ኣይግን) ከም እሳት ዝኾንኪ፡ ጓል ኤርዮ ናይ ምስጋና ጽዋዕ፡ ኦ ድንግል ብኢድ ወዲ ማኑሔ ውን ካብ ኣፍ ኣንበሳ ዝተቀዳሕኪ ወለላ መዓር ድንግል ኣብ ፀጉሪ ርእሱ'ውን ዝነበርኪ ኃይሊ (መሳ. 6:38፡14:8፡9) ኦ ድንግል ጓል ኣካዝ ወሰኽ ምንዋን ዕድሜኡ ንምልክት ውን ፀሓይ ክሳብ ዓሠርተ መዓርግ ዝተመለስኪ ዳግም ኅድገት ኃጢኣት ወዱ። ንሱ ድማ ወዱ ንጣዖት ብዝሠውዐ ጊዜ እዩ። (2ፍ ዜና 32:24፡ 2ፍ ነገ. 20:11 ኢሳ. 38:7-8) ኦ ድንግል ናይ ደቂ ቀዓት ናይ ክህነቶም ልብሲ፡ ንደቂ ቆሬ ውን ናይ ምስጋናኦም ንብረት፡ ድንግል ንሌዋውያን ናይ መንጸጊ ደም መሣርሒ ንብረት፡ ንዕብራውያን ዝመራሕኪ ሥርጐት ደመና። (ዘኁ. 4:15፡9:21፡19:18) ኦ ድንግል ናይ ትንቢት ተኸሊ፡ ናይ ኢየሩሳሌም ናይ ይሁዳ ተኸሊ፡ ቤተልሔማዊት ጓል ገሊላ ድንግለ እስራኤል። ኦ ድንግል ጓል ያዕቆብ ብሥጋ ናይ ኣሕዛብ ሃብቲ ሓበን። ኦ ድንግል ብትውልዲ ጓል ዳዊት፡ ብሃይማኖት ኣደ ኣሕዛብ፡ ድንግል ብኣምልኾቶም ንዝሕበኑ ወገናት ኣኽሊሎም፡ ብዓሌት ንዝምክሑ ወገናት ጓሎም። ኦ ድንግል ተኸሊ ቤት እስራኤል ተኸሊ ይሁዳ ካብ ጉንዲ ዳዊት ሓረግ ወይኒ ለምሊምኪ ዓንቢብኪ ዝተረኸብኪ፡ ንሕና ድማ ብዕንባባ

ድንግልናኺ ኣቕቲትና ካብ ፍረ ንጽሕናኺ በልዓና ድንግልናኺ ኣቕቲትና ካብ ፍረ ንጽሕናኺ በልዓና ተመገብና። ኣብ ጽላልኪ ውን ኣዕረፍና። ሕጂ እምበኣር ብኣኺ ከም እንድኅን ፈለጥና። ብፍቁር ወድኺ ብሥጋኡን ብደሙን ቁርባን ውን ከንድኅን ኢና። ኣብ እራት ከምዚ ዝበል ስለ ዝተጻሕፈ፡ ናይ መሥዋዕቱ ደም ዝተንከዮ ኵሉ ቅዱስ እዩ። ንሕና ድማ ብደም ወድኺ ተቐዲስና። ብበኸርኺ ውን ካብ ጕኑ ብዝፈሰሰ ንጹሓን ኮና። ኦ ድንግል ኢድኪ ኣብ ልዕሊ ርእሰይ ስቐሊ። የማንኪ'ውን ኣብ ልዕሊ ማእከል ርእሰይ ኣንብሪ። ቁርባነይ ድማ ኣብ ቅድሚኺ ኣብ ቅድሚ ኣማኑኤል ወድኺ ዝጸበቐ ዝተፈትወ ወድኺ ዝተቐበሎ ይኹን። ኣብ ቅድሚ ኣብ ናይ ባሕርይ ኣቦኡ፡ ብኣብ ባሕርይ ናይ ባሕርይ ሕይወቱ መንፈስ ቅዱስ ዝጸበቐ ዝተፈትወ፡ ኃጢኣተይ ዘፋኹስ፡ ዕዳ በደለይ'ውን ዝድምስስ፡ ንዝደኸሙ ዕረፍቲ፡ ዖር ንዝኸበዶም ኃይሊ ብርትዐ ይኹን። ኦ ድንግል ንነገሥታት ክብሪ ጕይትነት ህቡብነት፡ ንመሃይምናን ብርሃን፡ ኦ ኣዘቅተ ክብር ናይ በረኸት ምንጪ፡ ብሰማይ ብምድሪ ብበረኸት ከባርኽኪ ምእንታይ ናብ ወድኺ ኣማልዲ። ብበረኸት ነቢያትን ሓዋርያትን ብበረኸት ኵሎም ቅዱሳን ንክባርኽኒ ካብ ወድኺ በረኸት እደሊ ኣሎኹ። ያዕቆብ ንዮሴፍ ወዱ ከም ዝባረኾ ከምዚ ክብል። ብበረኸት ዝተዋሃሃዱ



እምባታት ኩርባታት ብናይ ልዑል እግዚኣብሔር መላእኽቱ፡ በረኸት፡ ብናይ ማኅፀን ኣደ በረኸት፡ ብናይ ኣቦኻን ጽንዕቲ ዝኾነት ኣዴኻን በረኸት። ኣነ ድማ ካብ ልሳን ወድኺ ፈጺመ በረኸት እደሊ ኣሎኹ። ከመይ ንሱ ዝባረኾ ክረግሞ ዝኽእል የሎን'ሞ ወዲ ቢኦር ባላቅ ከምዝበለ። ባላቅ ወዲ ሶፎ ካብ መስጴጦምያ ጸውዓኒ፡ ከምዚ ክኣ በለኒ። ንዓ ንዘርኢ ያዕቆብ ርገመለይ ንእስራኤል ጽረፎም በለኒ። እንታይ ክጸርፍ ኣምላኽ ዘይጸረፎ እንታይስ ክረግም እግዚኣብሔር ዘይረገሞ ኮኾብ ካብ ያዕቆብ ይውዕእ። (ዘኍ. 23፡7-8) ኣብ ርእሲ ኣካውሕ ከንብሮ እየ። ኣብ ኩርባታት ውን ከውዕሎ እየ። እንሆ ንበይኑ ዝኃድር ሕዝቢ እዩ። ምስ ኣሕዛብ ኣይቍጸርን። እግዚኣብሔር ኣምላኹ ድማ ምስኡ እዩ። (ዘኍ. 23፡9) እስራኤል ንእግዚኣብሔር ከም ዝተፈልየ፡ ንኵሉ ዓለም ንጉሥ ዓሥራት ከም ዝተለዓለ ከምኡ ድማ ንኣይ ንወድኺ ዝተፈልየኹ ግበርኒ። ንኣምልኾቱ ውን ዝተዓደልኩ ውህብቶ ክኸውን። ንስኺ'ውን ዓሥራት ጌርኪ ውሰድኒ። ንምስጋናኺ ከኣ ኣገፍጋሊ ክኸውን ባርያኺ'ውን ክበሃል። ኣገልግሎተይ ንኣኺ ብምሃብ ስመይ ከምዝ ጸሓፍኩ ከምኡ ድማ ዝሃብኩኺ ናይ ኣገልግሎተይ ደብዳቤ ጸሓፈ። ወድኺ ብደሙ ዝገዝኣኒ ከይጕዳእ ኣይትደርብይኒ። ንወድኺ'ውን

ከምዚ በሊዮ። ብወርቁ ዝንደጎ ጥሪቱ ከጸልእ ዝክእል የሎን'ዩ ንዚ ጎሥር ባርያ ብኸበር ደምካ ዝተዓደገ ነፍሰይ ስለ በደሉን ጎሥረቱን ኣይትንዓቆ። ዝገዝእኻዮ ስለ በደሉን ኃጢኣተኛ ባርያኻ እ ወደይ ብደምካ ዝገዝእኻዮ ኃጢኣተኛ ባርያኻ እምበኣር ከመይ ትንዕቆ። ኣይኮነንዶ ክትንዕቆ ፍዳ ዕዳ ኣይትግበረሉ ኣይተምጽኣሉ። ሕያዊት ነፍስ ዘላቶ ኵሉ ኣብ ቅድሜኻ ሓቀኛ ስለ ዘይኮነ ምስ ባርያኻ ውን ናብ ክትዕ ህልኸ ኣይትእቶ። እ ወደይ ቍጽሪ ኃጢኣቱ ኣይትሕሰብ። ከምበደሉ ኣይትቅጽዓዮ። ስለ ኃጢኣቱ ውን ኣይትቀየሞ። ብሰብነቱ እንተ በደለ ብገበረን ብሓልዮትን ውን እንተኾነ ስለ ፍዳ፡ ኣነ ጸሎትን ኣማላድነትን ክኸፍለሉ እየ። ይቕረታኻ ናይ ኣቦኻ ርኅራኄ ናይ መንፈስ ቅዱስ ምሕረት ብኹሉ ዘመኑ ንባርያኻ ይብጽሓዮን ይርድኣዮን ንዘለዓለም ኣሜን።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ እ እግዝእትየ ማርያም ወላዲተ ኣምላክ ንእግዚኣብሔር ብዝለመንኩዎ ኵሉ ነገር ዋጋ ዘይብለይ ተስፋ ዝቔረጽኩ ከይከውን ለምንለይ። ብውዑይ ፍቕሪ ከም ዝጸዋዕኩኺ ንስኺ ድማ ብውዑይ ሓሳብ ስለ ሓሳብ ልበይ ለምንለይ። ሓሳብ ልበይ'ውን ኣቕንዕለይ ኣሥምርለይ። በረኸት እንጦኒን መቃሪን ሲኖዳን ሂሮዳን በረኸት ጳንጠሌዎንን ኣርኼሌድስን ኣርኬላዎስን በረኸት ኣብሳዲን ኣላኒቆስን በረኸት



ኪራኮስን ቆዝሞስን ድምያኖስን በረኸት ኣንጥቱን ቴውዳዳ ኣዲኡን በረኸት ኢዎስጣቴዎስን ብእምነት ኣምላክ ውልዱን ኵሎም ማኅበር ጻድቃንን ሰማዕታትን ኣባ ጳኵሚስን ቴዎድሮስ ረድእን በረኸት ኣባ በርሱማን ኣባ ብስንዳን ኣባ ጳውሊን ኣባ ሲኖዳን ኣባ ኪሮስን ኣቡናፍርን ኣባ ኖብን በረኸት ማርቆስ ዘደብረ ቶርማቅን ዜና ማርቆስ ዘደብረ ብሥራትን በረኸት ጢሞቴዎስ ኵሎም ገዳማውያን በረኸት ኣቡነ ገብረ መንፈስ ቅዱስ ከነበ ገዳም በረኸት ዮሓንስ ኣፈወርቅ በረኸት ጴጥሮስን ኤጲፋንዮስን ኣትናቴዎስን በረኸት ቄርሎስን ሳዊሮስን ዲዮስቆሮስን ኵሎም ሊቃነ ጳጳሳትን ቀሳውስትን ዲያቆናትን ኣናግንስጢስን መዘምራንን በረኸት ኣባ ሳሙኤል ዘገዳመ ዋሊ በረኸት ኣባ ገሪማ ኣባ ሊቃኖስ በረኸት ኵሎም ማኅበር ክርስቲያን ኣብ ልዕለይ ከኃድር ክዓስል ለምንለይ። እ እግዝእትየ ማርያም በረኸትኪ በረኸት ኣቦኸን ኣዴኸን በረኸት ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣብ ልዕሊ ኣገልጋሊኺ ብኹሉ መዋዕለ ሕይወተይ ይንበር ይኹን። ምስ ኵሎም ኣገልግቲ ወድኺ ቅዱሳን መላእኽትን ልኡኻት ነቢያትን ሓዋርያትን መስተጋድላን ሰማዕታትን እሙናት ጻድቃንን ድማ ቍጸርኒ። ንዘለዓለም ኣሜን።

Scanned with CamScanner

## ኣርጋኖን ዘቀዳም።

ብስም እግዚኣብሔር ኣብ ናትኪ ንጽሕና ዘፍቀረ ብስም እግዚኣብሔር ወልድ ኣብ ከርሥኺ ዝኃደረ። ብስም እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ጽላሎትኪ ዝሠመረ። ኦ እግዝእትየ ማርያም ኣመስግነኪ ኵሉ ጊዜ ኣዘውቲረ። ኣብ ልዕለይ ክትገብሪ ዝግባእ ፍቕሪ ኣብ ልዕሊ ቅዱሳን ዝተገብረ። ዳግም ውን ብጊዜ ከብካብኪ ኣብ ቅድሚ ገጽኪ ተሳኢለ ብኣፍኪ ክውዕል ተዘኪረ ንዘለዓለም ኣሜን።

### ምዕራፍ፡ 1።

ኦ ድንግል ኃል ዳዊት ንኣኺ እግዛእ ንኣኺውን ኣብ ትሕቲ እግርኺ እሰግድ። ኣብ ቅድሜኺ እምህለል ኦ ናይ ይቕረታ ሕፃን ንመንግሥቲ ወድኺ እሰግድ። ኦ ናይ ምሕረት ሕፃን ናይ ኣርሞንኤም ጠሊ ኣብ ልዕሊ እምባታት ጽዮን ከም ዝወርድ ከምኡ ድማ ናይ ወድኺ ጠሊ ምሕረት ኣብ ልዕለይ ይውረድ። ካብ ሰብነተይ ከኣ ርኽሰት ኃጢኣተይ ይሕፀብ። (መዝ.133፡3) ኣዕፅምተይ የለምልም ኣደራሽ ሥጋይ ይቐድስ መዓዛ ሽታኺ'ውን ከም መዓዛ ክህነት ኣሮን ኣብ ልዕሊ ጭሕሙ ዝወረደ ክሳብ ዘፈር ክዳኑ ውን ዝበጽሐ ከምኡ ኣብ ልዕለይ ይዋሃሃድ (መዝ.133፡3)



ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ሰየፍቲ ጭፍራ ወድኺ ኣብ ልዕለይ ሹማዊዮም ትጉሃን ሠራዊቱ ውን ኣፍ ደገይ ይኽበቡ። ጻብእቲ ጸላኢ ተፃራሪ ክይስዕረኒ ብበሊሕ ኲናት ዝዋጋእ ብሠረገላኡ ዝምካሕ ብሰልፍታት ኣፍራስ ኣብ ጽኑዕ ዕርዲ ዝዓረደ ጸላኢ'ውን ክይስዕረኒ ናይ ኣኤናዎን ኃይሊ ቅልጽሞም ረዳኢ ይኹኑኒ። ንልቡሳነ ሥጋ ሓበን ነፍስ ንዝትዋሃሃደቶም ኣኽሊል ቤዛ ኵሉ ዓለም ዝኾንኪ ኦ ድንግል ንነፍሰይ ካብ ክፉእ ነገርን ናብ ገሃነም ካብ እትወሰድ ናይ ጥፍኣት ጐደናን ኣድኅንያ። ኦ ገራህት ድንግል ብዘይ መሓረስ ብዘይ ምዝራእ ስርናይ ዘፍሬኺ ዝናም ከይዘነመኪ ናይ ወይኒ ፍረ ዝተረኽበኪ ቃል ኦሪትን ነቢያትን ኣስትይኒ። ብናይ ሓዋርያት ቃል ወንጌል ወኃዚ ሓዲስን ብሉይን ከም ዘፍሪ ውን ግበርኒ። ኃይሊ መንፈስ ምስጋና ናይ ዝተመልኡን ዝተደነቑን ቅዱሳን ነቢያት ዋጋ ከም ዝቕበል ግበርኒ። ልቡና ዝገልጽ ፍልጠት ዘብዝሕ መንፈስ ኃይል ናይ ዝተመልኡ ብፁዓን ኅሩያን ሓዋርያት ውህበት (ዕሤት) ከም ዝቕበል ማለተይ ግን እዚ ውህበት'ዚ ብናትኪ ሕያውነትን ብንጽሕናኽን ይኹን ደኣ እምበር ብናተይ ገድሊ ሠናይ ግብሪ ዝኸውን ኣይኮነን። ኦ ድንግል ብሓገዝ ረድኤት

ጸሎትኪ'ውን እዚ ክረክብ እፈቱ። ኦ ድንግል ኣብ ልዕሊ ከውሒ ሃይማኖት ዝተሠረተት ዘይትፈርስ መሠረት ኃይሊ ንፋስ ማዕበል ውሕጅ ጸፍዒ ዝናም ዘየጥቅዓ ኦ ታቦት ሕፅርትን ቅጽርትን ንኣይ ካብ ናይ ጥፋኣት ውሕጅን ኣብ ልዕሊ ዓመፅትን በደልትን ካብ እትመጽእ ኃያል መቕዘፍትን ኣድኅንኒ። ኦ ድንግል ናይ መለኮት ኣደራሽ ኦ ንጽሕት ናይ ንጉሥ ሠራዊት ሰማይ ምኅደሪት በብዓይነቱ ፍሉይ ብዝኾነ ኅብሩ ብርሃን ብብርሃን ዘጌጸ ናይ ቅዱሳን ኣደራሽ ኣብ ውሽጡ ንኽኃድር መድብኒ። ኦ ድንግል ኣብ ልዕሊ ሕንጻ ቤት ዝተሓነጽኪ ደብሪ (ሰገነት) ናብ ኣርያም ልዕል ክብልን ኣብ ውሽጢ ኣደራሽ ምስጋና ወድኺ ዝተሰወረ ምሥጢር መርሚረ ንኽፈልጥን ናብ መድረኽ ሰማይ'ውን ልዕል ክምዝብልን ንላዕሊ ክም ዝምስጥን ግበርኒ። ኦ ድንግል ንዘለዓለም ዘይትናወጺ ዘይትፈርሲ እምባ ናባኺ ንዝተጸግዑ ካብ ኵሉ ጸብእቲ ጸላኢ ተቓራኒ መድኅኖም ኢኺ። ኦ ድንግል ናይ ትንቢት ኣዝመራ (ቀልሐ) ናይ ቤተ ክርስቲያን ናይ ተኸሊ ለሚን ዓፀድ ብጊዜ ቀውዒ በብወርኁ እተፍርዪ ዕንባባ ወይኒ ጥዑም መዓዛ ሃነን እትብ ፍሬእ ዙብ ዝበለ ናይ ፍረ ወይኒ'ውን መዓከን ዝኾንኪ ፍረ ጽድቂ ክፈሪ ናይ ወንጌል ተኸሊ ግበርኒ። መሰገዲት መማለዲት



መቕለሊት ኃጢኣት ዝኾንኪ ኦ ድንግል ና[illegible] ምሥጢር ታቦት ናብ ፍቁር ወድኺ ኢየሱ[illegible] ክርስቶስ ኃጢኣተይ ኣስተሥርይለይ። ኦ ድንግል ንዝተገፍዑ ምዕቍቢት ዕርዲ ንኑጋድያን ምኅደሪት ሓዑር ቀጽሪ ንስማዕታት መዋዕያን ኣኽሊሎም። ገድሎም ንዝፈጸሙ ብዑዓን ጻድቃን ዓስቦም ንኃጥኣን ዕረፍቶም ኀሊናኦም ንዝዓረቦም ኃይሎም ንነዳያን ሃብቶም ንንጹሓን ሓበኖም ብርኸስት ንዝረስሑ መንጽሒቶም ንኅዙናን መጸናንዒቶም ንዝተሓጐሱ ፍጻሜ ምልኣት ሓጐሶም። ንመዓስባን ረዳኢቶም ንደናግል ትዕግሥቶም ንፍጹማን መነከሳት ኣብ ውሽጢ ሰብነቶም እተብርህ ዕንቍ ኣብ ኅቦታት ኣብ በዓትታት ኣብ ጐዳጕዲ ምድሪ ንዝነብሩ ቅዱሳን ዓስቦም ንባሕታውያን ብኑዛዜ ርግብ እትበጽሖም መንፈሳዊት ዑፍ ምስ ገዳማውያን እትነብር። ብሃይማኖት ንዝጋደሉ ዋልታ ቀስቶም ንዝዝምሩ ናይ እግዚአብሔር ፀባዖት መሣርሒ ምስጋና መሰንቆ ንኣየራት ስሕበቶም ንሰማያት ብራኺኦም ንምድሪ መሠረታ ንቀላያት ዕምቈቶም ንፀሓይ ሚያዝያ ብርሃኑ። ንወርኂ ወጋሕታ መልከዓ ንከዋኽብቲ ኣርዮብ ብርሃን ፀዳሎም ንዕንባባታት ምድሪ በዳ ንዕንባባ ገነት ፀዳል መልከዖም ኣብ ውሽጦም ዝተዋሃሃድኪ መዓዛ ኦ ድንግል ንእፍንጫ ፈጊግ ዝኾነ ናይ

ኃጢኣተይ ክፉእ ሽታ ናብ ሰማይ ከይ በጽሕ ብመዓዛ ሃይማኖት ኣምዕዚ።

## ምዕራፍ፡ 2።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኸ፣ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ናባኺ እልምን ኣሎኹ። ኦ ሙዳይ ናይ ኣማላድነት ጽንሓሕ ንውሉደ ጥምቀት ምዕረጊት ዕጣኖም ንጸሎተይ ናይ ኵሉ ፍጥረት ሥጋ ዝለበሰ ጸሎት ሰማዒ ናብ ዝኾነ ልዑል እግዚአብሔር ኣብ ቅድሚ ዝፋኑ ኣብጽሒ። ጸሎተይ'ውን ብናትኪ ስም ከም ንጹሕ መዓዛ ዕጣን ነውሪ ነቐፌታ ዘይብሉ ከም ምዑዝ መሥዋዕቲ ዝተፈትወ ይኹን። እግዚአብሔር ዝፈትዎ ምኽሪ ከም ዝሓስብ ግበርኒ። ካብ ኵሉ ክፉእ መገዲ ዓመፅ ርሒቐ ኣሠር ጽድቂ ቅዱሳንን ጻድቃንን ከም ዝኽተል ምስ እዞም ብ ኣጣል ዝተመሰሉ ማኅበር ኃጥኣን ርጉማን ከይቍጸር ምስ እዞም ብ ኣባጊዕ ዝተመሰሉ ንጹሓን ጻድቃን ከምዝቝጸር ግበርኒ ንጽቡቕ ሥራሕ ከም ዝተግህ ተጊሀ ብምፍጻም ሞገስ ከም ዝረክብ ሠሪሐ ብምፍጻም ዘይበልን ዘይጠፍእን ኣኽሊል ከም ዝቕበል ብተጋድሎኣም ጽኑዓት ምስ ዝኾኑ ማኅበር ከም ዝኃብር ግበርኒ ኦ ንጽሕት ካብ ርኽሰት ሥጋን ነፍስን ንጹሕ ግበርኒ። ንዝረኸሰ ምንጻሕ



ወድኺ ይኽእል እዩ ዳዊት ብመዝሙር ከምዝበለ። ብሂሶጵ ንጸገኒ ሕፀበኒ ካብ በረድ ኣዝየ ክፅዕዱ እየ ካብ ቍስሊ ሥጋን ነፍስን'ውን ፈውስኒ። ኦ ኣደ በዓል መድኃኒት ንዝሓመመን ንዝቈሰለን ምፍዋስ ወድኺ ይኽእል እዩ። (መዝ. 51፡7) ጐይታይ ድውይ እየ'ሞ መሐረኒ። ኣዕፅምተይ'ውን ተሃዊኽን ኣለዋ'ሞ ፈውሰኒ። ዝገበርክዎ ኃጢኣት ክዝክር ከሎኹ ነፍሰይ ትድንግፅ ልበይ'ውን ተሃወኸት (ተሸበረት) ካብ ርእሰይ ክሳብ እግረይ ስኽፍክፍ ግፍፍ ይብለኒ። (መዝ. 6፡2፡3) ክትዋቓቓሰሉ ካብ ዘይክኣል ካብዚ ዘለፉ ካብዚ ባእሲ ክርክር ልሳንካ ብምጥዕዓም ይኹን ብዘረባ በዚ ከም ዘይድኅን ፈለጥኩ። ካብዚ ብምንታይ ክድኅን እየ። ንሱ እግዚአብሔር ይምርምረኒ'ሞ ኣብኡ ሓሶት ኣይጠቅምን። ኣብ ቅድሚኡ ውን ናይ ሓሶት ምስክር ደው ክብል ኣክእልን። እምበኣር ንነፍሰይ ከምዚ ክብላ ጀመርኩ። ኦ ነፍሰይ እዚ ነገርዚ ኣይርባሕኪ ኣይጠቕመኪ። ብመዓልቲ ፍርዲ ውን ናይ ሓሶት ምኽንያት ኣየድኅነክን እዩ። ሓቀኛ ዳኛ እዩ'ሞ ኣብ ቅድሚኡ ኸኣ ሓሶት ክትዛረብ ኣይከኣልን። ኦ ነፍሰይ ብመዓልቲ ፍርዲ ካብ ነገር ንምውፃእ ኣፍ ብምቕልጣፍ ብባእሲ ብኽትዕ ከም ዘይከውን ፍለጢ። ኦ ነፍሰይ ናይ ልዑል ፍርዲ ብመማለዲ ብጉቦ ከም ዘይከን ፍለጢ። ኦ ነፍሰይ

ኣብ ኣፍ ደገ መንግሥተ ሰማይ ምድራዊ ሃብቲ ኣይረብሕን እዩ'ሞ ዘይጠቅም ምዃኑ ፍለጢ። ኣብ ቅድሚኡ ኣድልዎ ክሳድካ ምልዓል ገተርተር ምባል የሎን። ንበዓል ጸጋ ውን ስለ ብዝሒ ሃብቱ ኣይኃፍሮን። እ ነፍሰይ ክቡር ዝዋግኡ ዕንቊ ኣብ ቅድሚኡ ዋጋ ከም ዘይብሉ ፍለጢ። ወላ ዘብርህ ናይ ህንደኬ ዕንቊ ይኹን። ዘንፀባርቕ ናይ ዓረብ ወርቂ ውን እንተኾነ ኣይጠቅምን እዩ እንትርፎ ናይ ለዋህ መንፈስ ጽቡቕ ግብሪ። እ ነፍሰይ መገባእያኡ ዘጨንቕ ጉባኤኡ ዝተኸበ ኃላፊኡ ሓቀኛ ሠራዊቱ ዘፍርሁ ከም ዝኾኑ ፍለጢ። እ ነፍሰይ ከም ማዕበል ባሕሪ ዝፈልሕ እሳት ንኃጥኣን ከም ዝተዳለወ ፍለጢ። ንምእታዉ ክፉት እዩ፡ ንምውፃእ ግን ብመሸገር ጸልማት ዝተሸገረ ስለ ዝኾነ ምውፃእ ኣይከኣልን። እ ነፍሰይ ብሓለንጊ ሓዊ ንኃጥኣን ምግራፍ ግቡእ ከም ዝኾነ ፍለጢ። ኵነኔኡ ድማ ዘፍርህ እዩ። ነበልባሉ ዘይጠፍእ ባልዑ ዘይድቅስ እዩ። እቶም ዘገርፉ ኣይደኽሙን ካብ ምግራፍ ኣየቋርጹን። እቶም ዘጨንቑ'ውን ኣይዕርፉን ኣይድቅሱን'ውን እ ነፍሰይ ጸሊም ዝተኸድኑ ናይ ገሃነም ሠራዊት መላእኽተ ጽልመት ገጾም ዘፍርህ ክጸንሑኺ እዮም። ካብኣቶም ድማ ገጽ ኣንበሳ ዝኾኑ ኣለዉ ካብኣቶም ገጾም ገጽ ተመን ዝኾኑ ኣብ ውሽጦም ኣለዉ ገጾም ገጽ



ዕንቍሩዐብ ዝኾኑ ኣለዉ ኣዕይንቶም ጉሁር ሓዊ እዩ። ኣስናኖም ባልባል ዝብል ካብ ውሽጢ ሓዊ ዘወፀ ስሕለት ቾንካር ሓዊን እዩ። እ ነፍሰይ ካብ ፍርዲ ልዑል ብኸትዕ መውፅኢ ምህደሚ ከም ዘይብልኪ ፍለጢ። ናይ ኵሉ ፍጥረት ገዛኢ ንዝኾነ ክተታልልዮ ኣይትኽእልን ኢኺ። ንሱ ኃጢኣት ከይገበርኪ ኣቐዲሙ ይፈልጥ እዩ። ክትብድሊ ከለኺ ውን መርሚሩ ይፈልጥ እዩ። ደብዳቢ ዕዳ በደልኪ ድማ ብፍቓዱ ተጻሒፉ እዩ። ግብርኺ በዓሉ ስለ ዝምስክረልኪ ስለኺ ውን ምስክር ኣየድልዮን እዩ። ደብዳቢ ዕዳ በደልኪ ከኣ ብዓልኺ ብኣፍኪ ከተንብብዮ ኢኺ ካብ ኵሉ ዝገበርክዮ ድማ ዝስውረኪ የሎን። እ ነፍሰይ እትድኅንሉ እነግረኪ ኣሎኹ። ካብዚ ኵሉ ግና ኣዚኺ ናብ ቅድስት ድንግል ኣእውዪ (ለምኒ) ከምዚ ድማ በሊ። እ ኣደ ብርሃን ኣብ ቅድሚ ወድኺ በዲለ እየ'ሞ ኃጢኣተይ ኣስተሥርይለይ። ብኃጢኣት ንዝቑሰለ ሥጋይ ፈውሲ። ናይ ሥጋ ደዌ ካብ ዝኾነ ኃጢኣት ንክድኅን ካብ ኵሉ ደዌ ኃጢኣት ውን ጥዑይ ንክኸውን ዝቑሰ ሰብነተይ ንምድህሳስ ኢድኪ ዘርግሒ። ስለዚ ድማ ንኣኺ ደሊኹ ካብ ሲኦል ንኣይ ክተድኅንኒ ከም እትኽእሊ ፈሊጠ ኣፍ ደገ ቤትኪ ኳሕኳሕኩ። እ መርዓት ናብ ቤትኪ ክኣቱ፡ ክፈትለይ ቤት ክብካብኪ ክርኢ ድንኳንኪ

ድማ ዘርኩ መሥዋዕት ውን ሠዋዕኹ። እንተኾነ ግን ናይ ምስጋና መሥዋዕቲ እሠዋዓልኪ ደኣ እምበር ካብ ስቡሓት መጓሰ እንስሳ መሥዋዕቲ ዝሥውዓልኪ ኣይኮነን። ካብ ፍረ ኣዝርእትን ኣታኽልት ውን ዝሥውዓልኪ ኣይኮነን። ንርኅራኄ ወድኺ ድማ ምስጋና ኣቕርብ ኣሎኹ ከምዚ ዝበለ መሥዋዕቲ ንእግዚአብሔር ዝጸበቐን ዝተወፈትወን እዩ'ሞ ካብ ከናፍረይ ንጹሕ ቍርባን ኣዕርግ ኣሎኹ። ዳዊት ከምዝበለ ንእግዚአብሔር ናይ ምስጋና መሥዋዕቲ ሠውዕ ጸሎትካ ውን ንልዑል ሃቦ። ብመዓልቲ መከራ ትጽውዓኒ ከድኅንካ እየ ከተመስግነኒ ድማ ኢኻ። (መዝ. 50:14:15)

## ምዕራፍ 3።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ካብ ጉድጓድ ኣናብስ ዝወፃእኺ መርዓት ካብ እምባታት ኣናብር ካብ ኣደራሽ ነገሥታት ዝወፃእኺ ቁመትኪ ቁመት ኦም ስየ እዩ። (መኃ. 4:8) ቁመትኪ ኦም ስየ እዩ ክሳድኪ ብሠራሕተኛ ከም ዝተሠርሐ ዘንጊ ወርቂ እዩ። ኣዕይንትኺ ከም ኮኾብ ጽባሕ ምዕጉርትኺ ካብ ገምገም ባሕሪ ኢያሪኮ ከም ዝተለቕመ ዕንባባ እዩ፡ ኣስናንኪ'ውን ብጸባ ዝተሓፅቡ ከም ዕንቍ ዘብርሁ እዮም። (መኃ. 4:2 6:7 5:8) ጣዕሚ ላዛ



ዘርባኺ ጥዑም ከም ዘለላ ወይኒ እዩ። መዓዛ ኣፍኪ'ውን ከም መዓዛ ኣፈው እዩ። መዓዛ ኣልባሳትኪ ጥዑም ሽቱ ከም እተዓጥነ እዩ። ኦ መርዓት ሰብነትኪ ዝጸበቐ ዝተፈትወ እዩ። ምንም ነውሪ ወላ ሓንቲ ኣበር የብልክን። (መኃ. 4:7) መልክዕኺ ጽቡቕ ውቑብ እዩ። የማናይን ጸጋማይን ኣጥባትኪ ፈልፈልቲ ክልተ ምንጭታት እየን። ካብአን ድማ ንኹሉ ፍጥረት ሥጋ ዝለበሰ መጋቢ ዝኾነ ክርስቶስ ንምዕባይ ድንግልናዊ ጸባ ይውኅዝ ነበረ። (መኃ. 4:5) ከምዚ ዝበለ ዜና ዝሰምዐ መን እዩ። ኣብ ቤተ ልሔም ውን ዕፁብ ድንቂ ዜና ተሰምዐ። ተራእዩ ዘይፈልጥ ተራእየ። ዕፁብ ድንቂ ነገር ኣብ ኤፍራታ ተገብረ። ዘይግለጽ ኅቡእ ምሥጢር ኣብ ገሊላ ዝተሰወረ ተገሃደ። ዘመኑ ዘይቍጸር በብንእሽተይ ዓበየ። ወዲ እግዚአብሔር ንርእሱ ሓዲሽ ልደት ገበረ። እሳት ኣብ ማኅፀን ሰበይቲ ተወሰነ። ኣብ ከርሥ ሕፃን ድንግል ብሩህ መብረቕ ተኸኣለ። (ዳን. 7:9-13) ድኅሪ ምውላዱ ድማ ማኅተመ ድንግልናኣ ኣይተለወጠን። ሠለስተ ኣፍ ደጌታት ንዘይከፈተ ጥበብ ወልደ ኣብ ኣድንቕ። ብዘይ ምልዋጥ ብኅቱም ድንግልና ምውላዱ ኣፍ ደገ መቃብር ከይ ተኸፍተ ዕፅው ከሎ ተንሢኡ ምፃኡ። ደቂ መዛሙርቱ ተኣኪቦምሙሉ ናብ ዝነበሩሉ ቤት ብዕፅዉ ኣተወ። ብዕፅዉ

ከይተኸፍተ ድማ ወፀ። ስለዚ ከኣ ስለ ሠለስተ
ደጌታት ልበይ ተደነቐት ስለ ክልተ ምኽንያት
ረኺብኩ። ንኣፍ ደገ መቃብር ዝመሳሰል ነገር
ኣሎ። (ዮሐ. 20:19:26) ብልጣሶር ዝተባህለ ዳንኤል
ናብ ጉድጓድ ኣናብስ ብዝደርበይዎ ጊዜ ብዓቢይ
ማዕፆ ዓፀውዎ። ዳንኤል ድማ ብጥሜት ከም
ዝተጨነቐ ልዑል እግዚኣብሔር ረኣየ'ሞ መልኣኹ
ናብ ነቢይ ዳንኤል ለኣኾ። (ዳን. 6:16:17) ብፀጉሪ
ርእሱ ኣልዒሉ ተሰኪሙ ዳንኤል ናብ ዘለዎ
ጉድጓድ ድማ ኣእተዎ። ዳንኤልን ዕንባቆምን
ውን እንጀራን ጥጡቖን በሊዖም ንእግዚኣብሔር
ኣመስገንዎ። ዕንባቆም ከኣ እቲ ኣፍ ደገ ብዕፅዉ
ወፀ። ስለ ኣፍ ደገ ቤት'ውን ዝመሳሰል ነገር ኣሎ።
ናይ እግዚኣብሔር መልኣኽ ካብ ሰማይ ወሪዱ
ንጴጥሮስ ካብ ቤት ማእሠርቲ ከም ዘውፅኦ ኣብ ግብረ
ሓዋርያት ተጻሒፉ እዩ። ንጴጥሮስ ምስ ኣውፅኦ
ድማ እቲ ኣፍ ደገ ተሸጉሩ ከሎ እቶም ሓለውቲ
ብዅሉ ወገን ይሕልዉ ነበሩ። (ግብ. ሓዋ. 12:6)
ነዞም ክልተ ደጌታት ንቅዱሳን ዝተገብረ ምኽንያት
ረኺብኩ። ስለ ማዕፆ ድንግልናኺ መጽንዓቲ ገይረ
ግን ምኽንያት ኣይረኸብኩን። ሰበይቲ ብድንግልና
ወሊዳ ክብሉ ኣይሰማዕኩን። ምስ ወለደት'ውን
ብድንግልና ዝነበረት ኣይረኣኹን። እዚ ነገርዚ ክሳብ
ክንደይ ይረቅቅ ክሳብ ክንደይ የዓሙቕ ነዚ ኣንክሮ



ኣድንቖት ይግባእ። ብናይ ሕያው እግዚኣብሔር
ጥበብ ዝተገብረ እዚ ምሥጢርዚ ዕፁብ ድንቂ እዩ።
ቅድሚ ዓለም ዝተወልደ ልደቱ ካብ ኣብ ጥራይ
እዩ። ብደኃረዋይ ዘመን'ውን ካብ ቅድስት ድንግል
ጥራይ እዩ። ናይ እግዚኣብሔር ሥራሕ ክንደይ
ይረቅቅ ክንደይ ይዓሙቕ ናይ እስራኤል ቅዱስ
ብጣዕሚ ጥበቡ ረቂቕ እዩ። ካብ ምሥራቅ ክሳብ
ምዕራብ ካብ ሰሜን ክሳብ ደቡብ ካብ ኣዜብ ክሳብ
መስዕ ካብ ወሰን ምድሪ ክሳብ ጫፍ ምድሪ ረኣየ
ኣብ ልዕሊ ምድሪ ንዝነብሩ ኵሎም ተመልከተ።
ከም ያዕቆብ ዝበለ ግን ኣይረኸበን ንእኡ ድማ
ኃረየ። ልቡ'ውን ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኣውደቐ።
ፍቕሩ ድማ ናብ ቤት ዳዊት ኮነ። ከም ዝተጻሕፈ
ክፍሊ ያዕቆብ ንዓሌት እግዚኣብሔር ኮነ። (ዘዳ. 32:9)
ዳግም'ውን ናብ ከተማ ያዕቆብ ጠመተ ካብ ነገድ
ሮቤል ጀሚሩ ክሳብ ነገድ ብንያም ተመልከተ።
ልቡ ድማ ናብ ልዕሊ ነገድ ይሁዳ ዓለበ ፍቓዱ
(ድሌቱ) ከኣ ናብ ቤት ዳዊት ኮነ። ንእምባታት
ጽዮን ዘፍቀረ መቅደሱ ኣብ ኣርያም ሓነጸ።
ንዘለዓለም ድማ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ሠረታ። ንዳዊት
ባርያኡ ውን ኃረዮ። ንቤት ዳዊት ርእዩ ተመልኪቱ
ከኣ ንቅድስት ድንግል ረኸበ መልክዓ ድማ ፈተወ።
(መዝ. 78:70) ሥነ ላህያ ኃረየ መዓዛኣ'ውን ፈተወ።
ካብ ኵሉ ዓሌት ኣዳም ኣገዚያ ዝጸበቐት ኮነት ደስ ከኣ

በሉዩ። ዳዊት ከም ዝበለ ስምዒ ጓለይ እዝንኺ'ውን ጽን ኣቢልኪ ኣድምዒ ንጉሥ ጽባቐ መልክዕኺ ፈትዩ እዩ'ሞ ሕዝብኺ ቤት ኣቦኺ ረስዒ። (መዝ. 45:10:11) ጐይታ ኵሉ ንመሬታውያን ከመስል ፈተወ እምበር ምስ ኪሩቤል ኣኅዋት ከኸውን ንሱራፌል ከመስል ንትጉሃን መላእከተ ሰማይ በጃ ከኸውን ንእሳታውያን ክሳተፎም ኣይፈተወን ጳውሎስ ከም ዝበለ ንዘርኢ ኣብርሃም ልዕል ኣበለ እምበር ንመላእኽቲ ኣይተቐበለን ንኣኅዋቱ ደኣ ከመስል ፈተወ።

## ምዕራፍ፡ 4።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተ ኃሬኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ክንዲ ምንታይ ዝኣክል ክብሪ ተዓደልኪ ኦ ጓል ያዕቆብ ክንዲ ምንታይ ዝኣክል ጸጋ ተዓደልኪ ኦ ጓል እስራኤል ክንዲ ምንታይ ዝኣክል ምስጋና ከበበኪ ኦ ጓል ይሁዳ ክንዲ ምንታይ ዝኣክል ግርማ ሞገስ ረኸብኪ። እንሆ ካብ ኪሩቤል ትበልጺ ካብ ሱራፌል ልዕል ትብሊ ካብ ኵሎም ትጉሃን መላእክተ ሰማይ ብመዓርግ ንስኺ ትበልጺ ናይ ድንግልናኺ ምስጋና ኵሉ ጊዜ ኣይውዳእን። ብኹሉ ዓለም ክትምስገኒ ኢኺ በብ ዘመኑ ክትውደሲ ኢኺ ኵሉ ጊዜ ንጽሕት ኢኺ ብኹሉ ሰዓት ነውሪ ርስሓት የብልክን ብኹሉ



ቦታ ቅድስት ኢኺ ብኹሉ ልሳን ብርኽቲ ኢኺ ካብ መልክዕኪ ዝጸብቐ የሎን ወገግታ ጽባሕ'ውን እንተ'ኾነ። ከም ቈመትኪ ውን ዝጸብቐ የሎን ስየ እንተ ኾነ ናይ ሊባኖስ ኦም ዘግባ ውን እንተ ኾነ። ከም ኣስናንኪ ዝነጽሕ ዝዕዕዱ የሎን ጸባ እንተ ኾነ ወይ በረድ እንተ ኾነ። ከም ፀዳል ዓይንኺ ውን ዘብርህ የሎን ኣብ ሰማይ ገጽ ንገጽ ዘብርህ ናይ ወርቂ ዘውዲ ውን እንተ ኾነ። ከም ኣፍንጫኺ ዕፁብ ዝምዕዝ የሎን። ከልበኔን እንተ ኾነ ሐንከሶን እንተ ኾነ ኣስጳዳቶስን ናርዱን እንተ ኾኑ ክቡር ዝዋግኡ ካልእ ሽቱ'ውን እንተ ኾነ ካብ መዓዛ ልብስኺ ዝበልጽ የሎን። ኵሉ ሰብነትኪ ዝጸበቐን ዝተፈትወን እዩ። ብኃይሊ መንፈስ ቅዱስ ዘተኸለለ እዩ። ኦ ርግብ ንጽሕት ደቃ ብኣኸናፋ እተሓቍፍ ክብርኽን ህቡብነትክን ንኽነግር ፍቕርኺ የንቅሓኒ። ወለላ መዓር ንምቅዳሕ ስለ ምንታይ እሰንፍ ዝጠዓመ ዝብላዕ እዩ። ጸባስ ንምቅዳሕ ስለ ምንታይ እሰንፍ ዝጸበቐን ዝተፈትወን ዝስተ እዩ። ናይ ትንቢት ዕንባባ ሽታ መዓዛኡ ዝጸበቐ እዩ'ሞ ንምሽታቱ ስለ ምንታይ እሰንፍ። ናይ ሃይማኖት መዓዛ ንእኡ ብምትንካይ ኣእዳወይ ምዑዝ ሽታ ይሸትታ እየን'ሞ ንምስትምቓር ንምታይ እሰንፍ። ናይ ቅድስት ድንግል ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተባህለት ወላዲተ ኣምላኽ ምስጋናኣ ንምንጋር

ንምታይ እሰንፍ። ምስጋናኣ ካብ ወለላ መዓር ይጥዕም እዩ'ሞ ካብ ጸባ'ውን ዝጸበቐን ዝተፈትወን ስለ ዝኾነ ካብ ኵሉ ዕንባባ ይጽብቕ ካብ ጥዑም ሽቱ ውን ይምዕዝ። ኦ ርግብ ፃዕዳ ምስጋናኺ እንግር ኣሎኹ ናብ ወድኺ ውን ኣእዊ ኣሎኹ ከምዚ እናበልኩ ምስጋናኻ ንኽመስግን ንኣፈይ ምስጋናኻ ምላእ። (መዝ. 71፡8) ኦ ድንግል ንጽሕት ንዝወለደትኪ ምስጋና ንኽነግር መንፈስ ወድኺ ተመሊኦ መሰንቆ ምስጋና ድንግልናኺ እወቅዕ ኣሎኹ። ኦ ግርምት ድንግል ዕቤትኪ ኣድንቕ ኣሎኹ።

## ምዕራፍ፡ 5።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃሬኺ ኦ ድንግል እግዝእትነ ማርያም ናይ ወርቂ ዘፈርፈር ዘለዎ ቀሚስ ዝተጐናጸፍኪ ኦ ንግሥት ነኣኺ እግዛእ። (መዝ. 45፡13) ስኒንን ሜዓን ሰሊሖትን ብውሽጣ ዝመልኣት ኦ ሙዳይ ከገልግለኪ እየ። ሓቀኛ ፀሓይ ዝወለድኪ ኦ ኣደ ኣምላኽ ኣማልኽቲ ከገልግለኪ እየ። ብማዕዋ ዝተመሰለት ኣብ እምባ ፋራን ንሳ ድማ ናይ ትንቢት ወኃሊት እያ። ናታ ምሳሌ ዝኾንኪ ኦ ድንግል ነኣኺ ከገልግል እየ። መላእኽቲ ብውሽጣ ዘገልግልዋ ናይ መለኮት ምንደሪት ኦ ጽርሓ ኣርያም ኣነ ውን ከገልግለኪ እየ። ኣብ ልዕሊ መሠረት ወርቂ ዝተሠረተት ብእምኒ



ሕንደኬ ዝተሓንጸት ብዕንቍ ሶፎርን ብእምኒ ኣጾሮግዮንን ዘጌጸት ደገታታ ብዓሠርተ ክልተ ኣዕናቍ ዝተረበ (ዝተሰኰዑ) ብኣፍ ደገኣ'ውን ዓሠርተ ክልተ ሓዋርያት ዝቖሙላ ኦ ሰማያዊት ኢየሩሳሌም ንኣኺ ከገልግለኪ እየ። ናይ ባቢሎን ኣውራጃ ኣብ ዝኾነ ሩባ ኮበር ሕዝቅኤል ዝረኣያ ኦ ሠረገላ ብርሃን ከገልግለኪ እየ። (ሕዝ. 1፡18) ንጉሥ የዝያን ብዝሞተ ዘመን ነቢይ ኢሳይያስ ዝረኣያ ኦ ነዋኅ መንበር ከገልግለኪ እየ። ኦ ናይ ምሕረት መቅድሒት ናይ ወርቂ መጥለቒት ከገልግለኪ እየ። ኦ ድንግል ጸጋን ክብርን ዝተመላእኺ ኦ ድንግል ምስጋና ዝተመላእኺ ከገልግለኪ እየ። (ኢሳ. 6፡1) ሃብትን ብልጽግናን ዝመላእኪ ኦ ድንግል ንኣኺ ከግዛእ እየ። ኣብ ትሕቲ እግርኺ ውን እሰግድ ኣሎኹ። ናይ ትሪ ልበይ (ቀፈት) ናባኺ ኣገቢለ ርእሰይ ነኣኺ ኣትሒተ ኣሎኹ። እቶውም ኃጢኣተይ ንምኽሳስ ኣብ ቅድሜኺ እቶውም ኣሎኹ። ደብዳቤ ዕዳ በደለይ'ውን ኣብ ቅድሜኺ ኣንብብ ኣሎኹ። ኣብ ቅድሚ ወድኺ ንርእሰይ እጸልእ ኣሎኹ። ናይ ኃጢኣተይ ሕንጸ ቁመቱ ናብ ኣርያም በጽሐ። ስፍሓት በደለይ ውን ክሳብ ወሰን ዓለም ኮነ። ኦ ድንግል ናይ ኃጢኣተይ ሓውር ቀጽሪ ከተፍርስለይ ብኣኺ እተኣማመን ኣሎኹ። ኦ ድንግል ደብዳቤ ዕዳ በደለይ ብኢድኪ ክትቐድለይ

ብኣኺ እተኣማመን ኣሎኺ። ኦ ድንግል ብማይ ንጽሕና ሰብነተይ ክትሓፅብኒ ብኣኺ እተኣማመን ኣሎኺ። ኦ ድንግል ብጊዜ ሽግረይን ጭንቀተይን ከይትኃድግኒ ብኣኺ እተኣማመን ኣሎኺ። ኦ ድንግል ንጸላኢ ኣኅሊፍኪ ከይትህብኒ ናብ ኢድ ጸላኢ ውን ከይተውድቕኒ ብኣኺ እተኣማመን ኣሎኺ። ኦ ድንግል ንዝድርብየኒ ከም እትድርቢዮ ንዝፃረረኒ ከም እትፃረሪዮ ኣኣምነኪ እየ። ኦ ድንግል ንዝኅየሊ ከተድክምዮ ንዝቃወመኒ ክትቃወምዮ ክኣቱን ክወፅእን ክትኸተልኒ ክቅመጥን ክትንሥእን ክትሕልውኒ ብኣኺ እተኣማመን ኣሎኺ። ብኣኺ ንዝኣመኑ ጽንዕቲ መጸግዒ እምባ ዋልታ ምዃንኪ ኣሚነ ናባኺ እጽጋዕ ኣሎኺ። ንነፍሰይ ውን ኣብ ቅድሚኺ ኣኃድጋ ኣሎኺ። ናባኺ እውከል ኣሎኺ። ነፍሰይ ናብ ኢድኪ ሓደራ ብምባል እህብ ኣሎኺ። ከናፍረይ ድማ ንምስጋኺ መሣርሒ እገብር ኣሎኺ። ተቓራኒ ጸላኢ ከይረኽበኒ ናይ ሰይጣን ሠረገላ ፈረሰኛታት ከይርከቡኒ ናባኺ ተጸጊዐኺ። ብኣኺ ውን ኣመንኩ። ካብ ከበባ ሠራዊት መስቴማ ካብ መፈንጠራ ርኹሳን መናፍስት ንክድኅን ናባኺ ተጸጊዐኺ። ናይ መላእክተ ጽልመት ፍላፃ ከይ ወግኣኒ ካብ ኵናት ዓመፅትን ፍሉይ ካብ ዝኾነ ሰይፍን ንክድኅን ናባኺ ተጸጊዐኺ። ካብ ናይ



መገዲ ጽድቂ ዝቃወሙ ሰባት መፈንጠራ ንክድኅን ውን ናባኺ ተጸጊዐኺ። ንኣኺ ኣመንኩ። ንኣይ ንኣገልጋሊኺ ኣድኅንኒ።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ እ እግዝእትየ ማርያም ወላዲተ ኣምላክ ንእግዚ.ኣብሔር ብዝለመንኩዎ ኵሉ ነገር ዋጋ ዘይብለይ ተስፋ ዝቘረጽኩ ከይከውን ለምንለይ። ብውዑይ ፍቕሪ ከም ዝጸዋዕኩኺ ንስኺ ድማ ብውዑይ ሓሳብ ስለ ሓሳብ ልበይ ለምንለይ። ሓሳብ ልበይ'ውን ኣቕንዕለይ ኣሥምርለይ። በረኸት በረኸት ሔዋንን ኣድናን ጤቅላን ዲናን በረኸት ሣራንን ርብቃን ዲቦራን በረኸት ዮዲትን ኣስቴርን ኣርሴማን ክዓስለኒ ለምንለይ። ኦ እግዝእትየ ማርያም ብበረኸት ሰሎሜን ኤልሳቤጥን ማርያም መግደላዊትን ዮሐናን ማርያን ማርታን ማርያም እንተ እፍረትን ንወድኺ ብገዘንዘበን ዝተለኣኻ ዘገልገልገላ ባርኽኒ። ኦ እግዝእትየ ማርያም ብበረኸት ብበረኸት ኣሶንያን ጺላግያን ጤቅላን ብበረኸት ኵለን ቅዱሳት ኣንስት ዘሥመርኦን ንሓዋርያት ዘገልገላን ባርኽኒ። ኦ እግዝእትየ ማርያም ብበረኸት ንግሥት ሶፍያን ሠለስተ ደቃ ጲስጢስን ኣላጲስን ኣጋጲስን እስክንድርያን ብጾታ ደናግልን ብበረኸት ባርኽኒ። ኦ እግዝእትየ ማርያም ብበረኸት ማጡስን ዕንባመሬናን ዮሊያናን ኦርኒን መሪናን

ኢየሉጣን ቴክላን ብበረኸት ኵሉን ደናግል ኣገልገልቲ ባርኸኒ። ኦ እግዝእትየ ማርያም በረኸት ኢዮጳራቅስያን ታውክልያን ማርያም ንግሥት ገርዜናዊትን ቅፍሮንያን በረኸት ኵሎን ቅዱሳት ኣንስትን ባርኸኒ። ኦ እግዝእትየ ማርያም በረኸትኪ ናይ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን በረኸትን ብኹሉ መዋዕለ ሕይወተይ ኣብ ልዕሊ ኣገልጋሊኺ ይኹን። ምስ ኣገልገልቲ ወድኺ ቅዱሳን መላእኽቲ ሰበኽቲ ነቢያት ፍንዋን ሓዋርያት መስተጋድላን ሰማዕታት ኅሩያን ጻድቃን ብጊዜ ከብካብ ወድኺ ናይ ሰማይን ምድርን ሠራዊት ብሓደ ቃል ኃቢሮም ኣብ ዘመስግኑሉ ጊዜ ምስኣቶም ድማ ቊጸርኒ ጸምብርኒ ንዘለዓለም ኣሜን።



## አርጋኖን ዘእሁድ ሰንበት

ብስም እግዚኣብሔር ኣብ ቀርኒ መንግሥትኺ ዘንወን። ብስም እግዚኣብሔር ወልድ ኣብ ከርሥኺ ዝተያረ። ብስም እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ትሽዓተ ወርኂ ገዶናታትኪ ዘቐንዐ። ኣቐርበልኪ ኣሎኹ ገጸ በረኸት ዝበዝሕን። ኦ ድንግል ቅድስት ኣብ ቅድሜኺ ኣዕዚዘ እጽሊ እእዊ። መዋዕል ሰላምን ፍቕርን ሃብኒ ምስ ናይ ይቕረታ ፍስሓ። ትጽውዓኒ ነፍሰይ ኣእዳዋ ዘርጊሓ። ጠሊ ምሕረት ወድኺ ኣብ ልዕለይ ክወርድ ንዘለዓለም ኣሜን።

### ምዕራፍ፡ ፩።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ኢደይ ናብ ወድኺ እዝርግሕ ኣሎኹ። ናብኡ'ውን እእዊ ኣሎኹ። ከምዚ እናበልኩ ካብ ኵሉ ሽግረይን መከራይን ንኽተድህነኒ ካብ መቅደስካ ካብ ጽርሓ አርያም ውረድ ብረድኤት'ውን ናባይ ነዓ ኦ ጐይታይ ካብ እተጨንቕ መቕዘፍቲ ትንሣኤ ካብ ዘይብሉ ምውዳቅ መጸናንዒ ካብ ዘይብሉ ኃዘን ንኽተድኅነኒ ካብ ምኅዱር (ውዱድ) ምኅደሪኻ ውረድ። (መዝ.144፡5) ኦ ጐይታይ ካብ ሰባሪ ኣንበሳ ካብ መንጣሊ (ነጣቒ) ተኵላ ንኽተድህነኒ ካብ ሰማይ ውረድ። ኦ ጐይታይ ኣባኻ ድኻም

መገዲ የሎን'ሞ ሰማይ መንበርካ እዩ። ምድሪ'ውን መርገጺ እግርኻ እያ። (ኢሳ. 66፡1) ኦ ጐይታይ ንኣይ ንምድኃን ውረድ ንጥፍኣት ግን ኣይኹን። ጐይታይ ንምሕረተይ ውረድ ንመቕዘፍቲ ግን ኣይኹን። ኦ ጐይታይ ንሥምረተይ ውረድ ንኅሥረት ግን ኣይኹን። ናትካ ናይ ሕይወትካ መንፈስ ቅዱስ ናይ ኣቦኻ መንፈስ ካብ ሰራቒ ከድኅነኒ ዝኽእል ንሱ እዩ'ሞ ብረድኤት ናባይ ይምጻእ። ናትካ መንፈስ ናይ ባሕርይ ኣቦኻ መንፈስ ምስ ኃያል ቅልጽም ኢዱ ከድኅን ዝኽእል ናባይ ይምጻእ። ካብ ተጻባኢ ክከላኸል ዝኽእል ናትካ መንፈስ ናይ ዝለኣኽካ ናይ ኣቦኻ መንፈስ ዝተሰወረ ሓሳብካን ሓሳብ ኣቦኻን ዝፈልጥ ናይ ኣቦኻ ሓሳብ ኀሊና ዝምርምር መንፈስ ናባይ ይምጻእ ንስኻ ዝሠመርካዮ ነቦኻ ደስ ዘብል ናይ ልቢ ተግባር ንኽሠርሓኒ ናባይ ይምጻእ። ናትካ ትእዛዝን ምሳኻ ትኸክል ናይ ዝኾነ ኣቦኻ ትእዛዝን ንኽሠርሓንን ክባራትዓንን ናትካ ምሥጢር ናይ ባሕርይ ኣቦኻ ምሥጢር ዝፈልጥ መንፈስ ናባይ ይምጻእ። ንኣብ በጀካ ንስኻን መንፈስ ቅዱስ ዝፈልጠ የሎን'ሞ ንመንፈስ ቅዱስውን በጀካ ንስኻን ኣቦኻን ዝፈልጠ የሎን። (ዮሓ. 6፡46) ንኣብ ካባኻን ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝተሰወረ ምኽሪ የብሉን። ንኣብ ስለ ዝወለደካ ካባኻን ካብ መንፈስ ቅዱስን



ዝተሰወረ ምኽሪ የብሉን። ንመንፈስ ቅዱስ'ውን ዝተሰወረ ምኽሪ የብሉን። ንኣብ ካባኻን ካብ ኣብን ዝተሰወረ ምኽሪ የብሉን። ንስኻ ውን ስለ ዝወለደካ ካባኻ ቅድምና የብሉን ንስኻ ውን ስለ ዝተወለድካ ድኅርና የብልካን። ወይ ካብኡ ስለ ዝተወለድካ ድኅረዋይ ኣይትኾውንን። መንፈስ ቅዱስ'ውን ልክዕ ከምኡ እዩ። (ዮሓ.1፡1 ጢሞ. 1፡6፡16) ኣብ ብኸመይ ከምዝወለደካ ዝፈልጥ የሎን። ንስኻ'ውን ብኸመይ ካብኡ ከም ዝተወለድካ ዝፈልጥ የሎን። ናትካ መንፈስን ናቱ መንፈስን ሓደ እዩ እምበር ንኣኻን ንእኡን በጀካ መንፈስ ቅዱስ ካልእ መንፈስ የሎን። (ዮሓ. 17፡10-24) ንደቂ መዛሙርትኻ ተስፋ ከም ዝሃብካዮም ካብ ኣብ ይወፅእ ካባይ ይትንሥእ መንፈስ ቅዱስ ምስ ኣብ የሎን ከይንብል ካብ ኣብ ይወፅእ ኢልካ፡ ምስ ወልድ መንፈስ ቅዱስ የሎን ከይንብል ኣብ ገጽ ክቡራን ደቂ መዛሙርትኻ ብእስትንፋስ መንፈስ ቅዱስ ብኸምዚ ንሥኡ ተቐበሉ ኢልካ ኣንጎዲርካዮ። (ዮሐ. 16፡15፡2፡22) መንፈስ ቅዱስ ብፍጹም ኣካሉ የሎን ከይንብል ድማ ንሐዋርያትካ ዳግማይ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ መንፈስ ጰራቅሊጦስ ክልእኽልኩም ኢልካዮም መንፈስ ቅዱስ ብፍጹም ኣካሉ ብኣብን ብወልድን ህልው ከምዝኾነ በዚ ፈለጥና ተረድኣና። (ዮሐ. 17፡7) ናይ ንበይኑ ሓደ መንፈስ ቅዱስ ኣካል ብፍጹም ኣካሉ ንበይኑ ሓደ ኣካል ከሎ ብኣብን ብወልድን ህልው ኮይኑ ይነብር

ደኣ እምበር ናብ ኣብን ናብ ወልድን ዝኸፈል ወይ ዝምቀል ኣይኮነን። ኣብ ነቢያት ኃዲሩ ትንቢት ዘዛረበ ንሱ እዩ። ኣብ ልዕሊ ሐዋርያት ዝወረደ ንሱ እዩ። ንሰማዕታት ዘጽንዐ ኣብ እሳት ኣብ ስሕለት ጨኪኖም ክኣትዉ ዝገበረ ንሱ እዩ። ንንጹሓን ደናግል ዘባራትዮም ንሱ እዩ። ሥጋዊ ደማዊ ድሌቶምን ፆሮምን ኣጥፊኦም ብሥጋኦም ናይ መላእኽቲ ትግሃት ገንዘቦም ንዘገበሩ ንኣያን መነኮሳት ዘጽንዖምን ትዕግሥቲ ዝሃቦምን ንሱ እዩ። ኣብ ኣድባራት ኣብ በዓትታት ኣብ ጐዳጉዲ ምድሪ ዑደት ንዝገብሩ ባሕታውያን መራሒ ዝኾኖም ንገዳማውያን'ውን ዘበጽሖም ስለ ፍቕረ ክርስቶስ ንዝተኣሥሩን ንዝተጨነቑን ዘረጋግኦም ንሱ እዩ። ብጊዜ ክትዕ ባእሲ ናይ ረድኤት መንፈስ እዩ። ብጊዜ ተጋድሎ ናይ ኃይሊ መንፈስ ብጊዜ ኵናት ናይ ዓወት መንፈስ ብጊዜ ድንግልና ናይ ንጽሕና መንፈስ እዩ። ብልሳን መሬታውያን ዝዛረብ ናይ ምስጋና መንፈስ እዩ። ንርኵሳን ዘንጽሕ ምስ ምእመናን ዝነብር በዓል ውህበት ሞገስ ናይ ጸጋን ክብርን መንፈስ እዩ። ፍልጠት ንዘይብሎም ፍልጠት ዝገልጽ መንፈስ እዩ። ናይ ኵሉ ትዕድልቲ ርኁራኄ ካብኡ እዩ ዝርከብ። ጽቡቕ ውህብቶን ኵሉ ፍጹም ዕድልን ዝርከቦ መንፈስ ውን እዩ። ናይ እግዚኣብሔር ዝኾነ ጽቡቕ ዕድል



ብዙኅ ውህበት ካብ ሓደ መንፈስ ቅዱስ እዩ እምበር ብዙኃት መናፍስት ዝቅዳሕ ኣይኮነን። ናይ ካብ ብዙኃት መናፍስት ዝቅዳሕ ... ካብ ሰይጣን ክፉኣት ዕድል ውህበት ዝርከብ ግን ካብ ሰይጣን ክፉኣት ዕድል ውህበት ዝርከብ ግን ካብ ክርሥ ኣዲኣ እዩ። ድንግል ከይትብድል ካብ ክርሥ ኣዲኣ ጀሚሩ ንዘለዓም ዝሓለዋ መንፈስ ቅዱስ ካብ ኣበሳ ዘንጽሓ ንወልድ ዋህድ ውን ምኅደሪት ክትኸውን ዝኃረያ ንሱ እዩ። ኣብ ፈተዋ ወልድ ካብኣ ሥጋ ለበሰ መንፈስ ቅዱስ ከለላ።

## ምዕራፍ፡ ፩።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ንዝተባህለት ንዝተኃረት ድንግል ማርያም ንዑ ነመስግና። ኵልኹም ማኅበር ክርስቲያን ንዑ ነድንቃ። ኵልኹም ማኅበር ምእመናን ኣምላኽ ንዝወለደትልና ድንግል ንዑ ነመስግና። ኣምሳል ብክርስቶስ ዝኾንኩም ማኅበር ደናግልን መነኮሳትን ንዑ ነዛ ነውሪ ኣበር ዘይብላ ንጽሕት መርዓት ክብራን ህበብነታን ንንገር። ኣብ ጉባኤ ነገሥታት ዝተገባእኹም ካብ ኵሎም ብህላዌ ዝኸበሩ ንዝበለጸት ንግሥት ክብርን ምስጋናን ከቢብዋ ዘሎ ክትርእዩ ንዑ ተመልከቱ። ክብሪ ሰማያት ልዕሊ ሰማያት ዘለዉ ልዑላን ሰማያውያን ማኅበር ኪሩቤልን ሱራፌልን መላእኽትን ኵሉ ክብርን መዓርግን ክንዲ ሓንቲ ፀጕሪ ርእሳ እኳ ኣይኣኽሉን። ዳግም ናይ ነገሥታ...

ክብሪ ጕይትነት ህቡብነት ናይ ኣሕዛብ ብልጽግና ብኹሉ ዓለም ብኹሉ ምድሪ ዝነብሩ ኵሎም ቅዱሳን ሰብ ሞገስ ክንዲ ሳእኒ እግራ ኣይኣኽሉን። ንቅድስት ድንግል ክንዲ ምንታይ ዝኣክል ጸጋ ክብሪ ተዓደለ። ዘየመስግና ፍጥረትስ ከመይ ዝበለ እዩ፡ ንክብረታስ ዘይዛረብ ከመይ ዝበለ ልሳን እዩ ቅዳሴኣ ዘይቅድስከ ከመይ ዝበለ ኣፍ እዩ ንኽብረታስ ዘይግዛእ ከመይ ዝበለ ሰብነት እዩ። ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ ድንግል እግዝእትነ ማርያም ኣብ ሰማይ ዝነብሩ ነገድ ኪሩቤልን ሱራፌልን ኣብ መድረኽ ሰማይ ዝነብሩ ዓሌት ሠራዊት መላእኽቲ ሓሰብኩ። ነቦታትና ኣዳምን ኣቤልን ሴትን ሄኖስን ንልዑል እግዚኣብሔር ዘገልገሉ ንሕዝቦም ቅኑዕ ፍትሒ ዘውዕኡ ሄኖክን ኖኅን ዝተዓደለ ጸጋ ክብሪ ሓሰብኩ። ናይ ኣብርሃም በዓል ሞገስ ናይ ይስሓቅ ዕርክነት ናይ ያዕቆብ ኅሬትን ወገን እግዚኣብሔር ምባሉን ሓሰብኩ። (ዘፍ. 5:22:6:9) (መዝ. 105:9:10) ናይ ሙሴን ኣሮንን ናይ ኢያሱን ክብሪ ሓሰብኩ። ናይ ባርቅን ዲቦራን ናይ ጌዴዎንን ዮፍታሔን ሶምሶንን ናኦድን ኤግሎምን ናይ ኵሎም መሳፍንት ዓወት ሓሰብኩ። ናይ ሳሙኤል መዓርገ ክህነት ውን ሓሰብኩ። ናይ ዳዊትን ሰሎሞንን ናይ ይሁዳን ናይ ነገሥታት እስራኤል ንግሥነትን ሃብትን ጕይትነትን ህቡብነትን ሓሰብኩ። ናይ ነቢያት ኅሬትን ቅድስናን ናይ



ሐዋርያት ጸጋ ክብርን ሓሰብኩ። ናይ ሰማዕታት ዋጋ ገድሎምን ናይ ደናግል መነኮሳት ዋጋ ትዕግሥቶምን ሓሰብኩ። ከማኺ ዝበለ ግን ኣይረኸብኩን። ኦ ቅድስት ድንግል ካብ ልዑል እግዚኣብሔር ዓቢይ ሞገስ ዝረኸበ ናይ እግዚኣብሔር ጸጋ ክብሪ ኣብ ልዕሊኡ ዝበዝኃሉ ከማኺ የሎን። ጸጋኡን ክብሩን ኣብ ልዕሌኺ ከም ዝበዝኅ ከምኡ ድማ ርኅራኄኡ ኣብ ልዕለይ ይብዛኅ። ናብ ወድኺ ብዝጸሌኽዎ ጊዜ ንስኺስ ምሳይ ኩኒ ደኣ እምበር ንበይነይ ዝዘናጋዕ ኣይኹን። ኣብ ቅድሚ መፍርሀ መኰንን ዘሎ ኣማላዲ ሰብ ብውዕ ግሩም እዩ'ሞ ብየማነይ ኮይንኪ ድማ ካብ ኣፈይ ንዝወፅእ ነገር ኣቅንዕለይ። ናይ ፍቕርኺ ፍላፃ ንልበይ ይውጋኣዮ ንዘለዓለም ኣይነቐል። ጸውዒት ስምኪ ካብ ሽኮርን ወለላ መዓርን ኣዝዩ ንኣፌይ ዝጠዓመ እዩ። ምስጋና ድንግልናኺ ንልሳነይ ደረቕ ኣልጫ ካብ ምኳን መመቀሪ ጨው ኮነኒ። ናይ ውዳሴኺ ነገር ኣብ ዝኸድኽዎ ሃገር መመስገኒ መሰንቆ በገና ኮነኒ። ብዛዕባ ህቡነትኪ ምዝራብ ውን መዘመሪ ሙዚቃ ኮነኒ።

## ምዕራፍ 3።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ሕጂ ውን ጸሎተይ ኣብ ቅድሜኺ እፍስስ ኣሎኹ። ስለ ኃጢኣተይ ከኣ

እበኒ ኣሎኹ። ናብ ወድኺ ኣእዊ ኣሎኹ። ከምዚ ድማ እብል ብሰማይን ኣብ ቅድሜኻን ጐይታይ በዲለካ እየ። ካብ ሕጂ ድማ ካብ ባሮትካ ከም ሓደ ቍጸረኒ እምበር ወድኻ ክበሃል ኣይግብኣንን። ምስ ንዑስ ክርስቲያን ብደገ ኮይነ እጽሊ እምበር ኣብ ውሽጢ መቅደስካ ኣትየ ምስ ምእመናን ክጽሊ ውን ኣይግብኣንን። ኣብ ልዕሊ ቅዱስ መሥውዒኻ ገጽ ንገጽ ናብ ዝቖሞሉ ክወርድ ክሎ መንፈስ ቅዱስ ጽላል ክናፍሩ ንኸትክየኒ ኣብ ጽላል ቤትኪ እቐውም ኣሎኹ እምበር ካብ መሥዋዕቲ ኣቤል ንዝበለጸ መንፈሳዊ ሕሩድ ንምርኣዩስ ኣኃፍር እየ። ፍሕመ መለኮት ድማ የፍርሃኒ እዩ። ንእኡ ንምቕባል ብቑዕ ስለ ዘይኮንኩ ንምብላዕ ውን ኣይደፍርን። ብሓዊ ጕጠት እምበር ሱራፌ ብድፍረት ክድህሰሶ ዘይክእል ፍሕመ መለኮት እፈርህ። ንነቢይ ዘፍርሀ ፍሕመ መለኮት ኣነ ውን እፈርሆ። ነቢይ ከም ገበለ ክንፈረይ ርኹስ እዩ'ሞ ኣብ ማእኸል ክንፈሮም ርኹስ ዝኾነ ኣሕዛብ ኣሎኹ። (ኢሳ. 6:5) ሱራፌ ውን ከምዚ በለ። እንሆ ክንፍርካ ተንከይኩኻ ካብ ኃጢኣትካ ድማ ክንጽሓካ እዩ (ኢሳ. 6:7) ኦ ድንግል ወድኺ ሕያዋይ ርኅሩኅ ይቕረ በሃሊ እዩ'ሞ ንዝበደለ ሕፃን ከምዝተቐበለ ንኣይ ውን ክቕበለኒ እደሊ። (ሉቃ.15:14-16) ዝጠመየት ከብዲ ንብልዓ ከምእትስስዕ ክርስቶስ ድማ ንምሕረት ይስስዕ።



ዝጸምአ ማይ ንምስታይ ከምዝህወኽ ክርስቶስ ድማ ይቕረታ ንምባል ይህወኽ። እዚ ማለተይ ግን ንውሉዱ ጥምቀት ብፍጹም ንስሓ ብውዑይ ፍቕሪ ኣምላኽ ንዝተመልሱ እዩ እምበር ንዘይተመልሱስ ይቕረታ የብሎምን። ኦ ድንግል ናይ ወድኺ ሥጋኡ ናብ ዝፍተተሉ ደሙ ናብ ዝቕዳሓሉ መንደሪ ኣብ ውሽጢ መገረጃኡ ክእትወኒ ብጐይታና እተኣማመን ኣሎኹ። ኦ ድንግል ናይ ምሥጢር ጠረጴዛ ናብ ዝተዳለወሉ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ናይ መለኮት ማዕዲ ዝኾነ ሰማያዊ እንጀራ ናብ ዝተሠርዓሉ ቦታ ከቐምጠኒ እተኣማመን ኣሎኹ። ናይ ምሥጢሩ ጽዋዕ ካብ ናይ መለኮት ትስብእት ጐኒ ዝፈልፈለ ኣምላካዊ ወይኒ ናብ ዝተመልአ ከቐምጠኒ ብጐይታና እተኣማመን ኣሎኹ። ኦ ድንግል ነፍስን ሥጋን ብኅብረት ዝፍውስ ቅዱስ ምሥጢር ንኸሳትፈኒ እተኣማመን ኣሎኹ። ኦ ድንግል መለኮታዊ ቍርባን ሥጋኡን ደሙን ንምቕባል ከብቅዓኒ ተስፋ እገብር። ብዝቕበለሉ ጊዜ ድማ ንነፍሰይን ንሥጋይን መድኃኒት ይኹን እምበር ንወቐሳ ንፍርዲ (ንኵነኔ) ኣይኹን ኦ ድንግል ክፍለይ ዝተቐደሰ ንኣኽላባት ኣይትሃቡ ዕንቍኹም'ውን ኣብ ቅድሚ ሓሰማታት ኣይተንብሩ ተባሂሉ ምስ እተነግረሎም ኣይኹን ሥጋይ ዝበልዐ ደመይ ዝሰትየ ሞት ኣይረኽቦን

Scanned with CamScanner

እንተ ሞተ ውን ክድኅን እዩ ንዘለዓም ውን ክነብር እዩ ተባሂሉ ምስ እተነግረሎም ክኸውን ደአ ተስፋ እገብር። (ማቴ. 7፡6) ኦ ድንግል ልብሲ መርዓ ማለት ናይ ቅዱሳን ጽድቂ ቀሚስ ንእኡ ብዘይ ምልባሰይ ካብ ጽቡቕ መርዓ ዝተፈለኹ ከይከውን ብተስፋ እጽበ። ኦ ድንግል ኣእላፍ መላእኽቲ ናብ ዝነብሩላ ብዘንፀባርቕ ብርሃን ዝተሸለመት ታቦት ዘዶር ኣብ ማእኸሎም ናብ ዝኾነት ደብተራ ብርሃን ንኽኣቱ ብተስፋ እጽበ ኣሎኹ። ኦ ድንግል መላእኽቲ ንምብጻሕ ናብ ዝምነይዋ ካብ ጽባቐኣ ዝተለዓለ ዓይኒ ርእያ ናብ ዘይትጸግባ ንምርኣያ ልቢ ናብ እትመስጥ ኢየሩሳሌም ሰማያዊት ናብኣ ንምኅዳር ብሃረርታ እጽበ ኣሎኹ።

## ምዕራፍ፡ 4።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተኃረኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ናብ ኢድ ኃጥኣን ካብ ምውዳቕ ኣድኅንኒ። ኣብ ኢድ ኣምላኽ ምውዳቕ እኳ ብጣዕሚ የፍርህ እዩ ይኹን እምበር ኣብ ኢድ ሰብ ካብ ምውዳቕ ናብ ኢድ እግዚኣብሔር ክወድቕ ይሕሸኒ። ቍጥዓኡ ብዙኅ ከም ዝኾነ ምሕረቱ ብዙኅ እዩ'ሞ ንሱ መሓሪ እዩ። ንቍጥዓኡ ናብ ትዕግሥቲ ምምላስ የብዝኅ ብመቕዘፍቱ ኸኣ ኣይቃጽልን። (መዝ. 78፡38)



ኦ ድንግል ብልቡ ዝሸፍጥ ዝጥብር ምሕረት እግዚኣብሔር ኣይርእን እዩ'ሞ ካብ ዓመፅ ካብ ሸፈጥ ጥበራ ኣድኅንኒ። ኦ ድንግል ልቡ ተሪር ዝኾነ ሰብ ንእግዚኣብሔር ይቃወሞ እዩ'ሞ ካብ ትዕቢት ልብኻ ካብ ምትራር ኣድኅንኒ። ኦ ድንግል ኣመንዝራ ደም ክልብን ደሙን ንሰይጣን ዝሡውዕ ይመስል እዩ'ሞ ካብ ኵሉ ርኽሰት ካብ ነውሪ ሥጋ ካብ ምንዝርና ኣድኅንኒ። ኦ ድንግል ካብ ቅትለት ነፍስ ደም ካብ ምፍሳስ ኣድኅንኒ። እግዚኣብሔር ከም ዝበለ ንሰብ ብኣምሳለይ ፈጢረዮ እየ'ሞ ደም ሰብ ዘፍሰሰ ስለቲ ዝፈሰሰ ደም ደሙ ይፍሰስ። (ዘፀ. 21፡14) ዳግም ክምዚ በለ ሓደ ሰብ ብናይ ቅትለት መሣርሒ ዝቐተለ ኵሉ ቀታሊ ሰብ እዩ'ሞ ስለ እቲ ዝሞተ ሰብ በጃ ይሙት። (ዘኍ. 35፡16) ኦ ድንግል ዳዊት ክምዝበለ ሓሶት ርእሲ ኵሉ ዓመፅ እያ እሞ ሓሳዊ ካብ ምኧን ሰብ ምስ ሰብ ካብ ምብኣስ ኣድኅንኒ። ኦ ድንግል ኣብ መጽሓፈ ነገሥት ከም ዝተጻሕፈ ሴስነት ወልፊ ዓቢይ ኃጢኣት እዩ'ሞ ኃጢኣት ካብ ምስሳን ኣድኅንኒ። (መዝ. 27፡12)(ዘፀ. 20፡16) ኦ ድንግል ካብ ዋዛ ፈዛዛ (ነገረ ዘርቅ) ካብ ኵሉ ከንቱ ነገር ምዝራብ ሰውርኒ። ኣብ ወንጌል ክምዚ ይብል ዋዛ ፈዛዛ ከንቱ ነገር ዝዛረብ ኃጥእ ተባሂሉ ክፍረዶ እዩ። እትጸድቕ ብቓልካ እትኵነን ብቓልካ ኢኻ። (ዘፀ. 20፡14) (ማቴ. 12፡37)

ኦ ድንግል ካብ ትምህርቲ ሓዋርያት ካብ ምውዓእን ምፍላስን ኣድኅንኒ። ወድኺ ከም ዝበለ ንኣኹም ዝሰምዐ ንኣይ ከም ዝሰምዐ እዩ ንኣኹም ዘይሰምዕ ንኣይ እቢ ከም ዝበለኒ እዩ ንዝለኣኸኒ ድማ እቢ በለ። (ማቴ. 10:40። 18:5 ሉቃ. 10:16) ጳውሎስ ድማ ከምዚ በለ ንስኹምስ መገድና ተኸተሉ ግናኸ ንሕና ካብ ዝመሃርናኩም ትምህርቲ ካልእ ነቲ ንሕና ዝመሃረኩም ዝዓረር እንተደኣ ሰቢኹልኩም ካብ ሰማይ ዝወረደ መልኣኽ ውን እንተ ኾነ ውጉዝ ይኹን። (ገላ. 1:8) ዳግም ውን ከምዚ በለ ንሕና ካብ ዝመሃርናኩም ካልእ ትምህርቲ እንተ ምሂርኩም ውጉዝ ይኹን። (ገላ.1:9)

## ምዕራፍ፡ 5።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ናይ ወድኺ ደመ ማኅተም ኂዞ ግሩም ክኸውን ብዝናር ሃይማኖት ሸልምኒ። ከመይ ባርያኡ ክበሃል ጭፍራኡ ውን ክኸውን። ብዋልታ እምነት መስቀሉ ክምክት ብኃይሊ መስቀሉ ውን ክሽለም። ኦ ድንግል ኣብ መንፈሳዊ ውግእ ዘሰንፍ ዓወት ዝጓንጸፍ ሓርበኛ ግበርኒ። ኣብ ቅድሚ ንጉሥ ውን ዝተመስገንኩ ክኸውን። መሣርያ ኂዙ ብጊዜ ኲናት ዝፈርሀ ብምፍራሁ ዝውቀስ ስለ ፍርሃቱ ዝዋረድ ኣይትግበርኒ። ኦ



ድንግል ዘይሰነፍ ግበርኒ እምበር ዝሰነፍ ኣይኹን ጻድቕ እምበር ኃጥእ ኣይኹን ብሁዕ ግበርኒ ጠባሪ ኣይኹን። ለዋህ ግበርኒ ጠዋይ ኣይኹን። ቅኑዕ ግበርኒ ተንኰለኛ ኣይኹን። ርኅሩኅ ግበርኒ ነፋግ ኣይኹን። ንኽብሪ ግበርኒ ንኃሣር ኣይኹን። ንመርዓ ግበርኒ ንብኽያት ኣይኹን። ንደስታ ግበርኒ ንኀዘን ኣይኹን። ልብሲ መርዓ ዝኸደን ግበርኒ ጨርቂ ዝዕጠቕ ኣይኹን። ብተጋድሎ ዋጋ ንዝወሰዱ እንተ ኣድኃንኪ ግን ዋጋእም ብድኻሞም ተቐቢሎም ወሲዶም እዮም'ሞ ስለ ናቶም ኣየደንቕን። ዘደንቕ ግን ናተይ ናይ ኃጥእ ካብ ኵሉ ክርስቲያን እገዞ በደለኛ ዝኾንኩ ጸሎትኪ ብምእማን ኣኽሊል ጽድቂ እንተ በጺሑኒ እዩ።

## ምዕራፍ፡ 6።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም እዚ ነገር'ዚ ብእምላኽ ዘደንቕ እዩ ብኹሉ ውን መንክር እዩ ከም ግን ኣይድንቕን። ብደቂ ሰባት ዝድንቕ እዩ፡ ብፍጡር ባሕሪ ብዝኾነ ምሕረቱ ግን ኣይድንቕን። ግሩም እዩ ብፈጣሪ ግን ኣይድንቕን። ኦ ድንግል ምእንታኺ ናተይ ምሕረት ብወድኺ ኣይድንቕን። ስለ ስምኪ ውን ንኣይ ይቕረ ምባል ብወድኺ ኣይድንቕን፡ ስለ ጸሎትኪ ናተይ ኃጢኣተይ ምፍኳስ

ብወድኺ ኣይድነቕን። ስለ ልመናኺ ውን ዕዳ በደለይ ምፍኻስ ብወድኺ ኣይድነቕን። በዚ ዓለም ካብ ጽልኢ ክርክር ካብ ሞት ክተድኅንኒ ቡኺ ዝመጽእ ደኃረዋይ ዓለም ውን ክም ማዕበል ባሕሪ ካብ ዝፈልሕ እሳት ክተድኅንኒ ብኣኺ እተኣማመን ኣሎኹ። ኦ ድንግል ካብ ስውር መከራ ብግሉጽ ካብ ዝመጽእ ጥፍኣት በዚ ዓለም ክም እተድኅንኒ እተኣማመን እየ። ቡኺ ዝመጽእ ደኃረዋይ ዓለም ውን ምሕርቃም ስንን መሪር ብኺያትን ካብ ዘለዎ ገሃነም እሳትን ካብ ኣጨናቒ መቕዘፍትን ክም እትስውርኒ ኣነ ውን ብናትኪ ኣማላድነትን ብናይ ወድኺ ምሕረትን እተኣማመን እየ። ብኣኺን ብወድኽን ጥራይ ኣኣምን ደኣ እምበር ብሰልፊ ፈረሰኛታትን ብሠረገላ መንኮራኹርን ዝተኣማመን ኣይኮንኩን ብናይ ጸሎትኪ ተራዳእነት ብናይ ወድኺ ኃይሊ ኣኣምን ደኣ እምበር ሰይፊ ብምስሓል ፍላፃ ብምትባዕ ኲናት ብምውርዋር ዋልታ ብምግታር ዝተኣማመን ኣይኮንኩን። ብመዝሙር ክም ዝተባህለ ብቀስተይ ዝተኣማመን ኣይኮንኩን፡ ኲናተይ ውን ኣየድኃነንን፡ በጀካ የማነይቲ ቅልጽምካን ብርሃን ገጽካን። ዳግም ውን ክምዚ በለ ንእግዚኣብሔር ብዝፈርሁ ምሕረቱ ብዝጽበዩ ደስ ይብሎ ደኣ እምበር ኃይሊ ፈረስ ኣይድልዮን ብኑልበት ሰብ'ውን ኣይሕጎስን።



ነፍሰይ ብእግዚኣብሔር ተኣማመነት ካብ ንጉሆ ክሳብ ምሸት እስራኤል ብእግዚኣብሔር ኣመነ። (መዝ. 131፡3፡147፡11፡12)

## ምዕራፍ 7።

ትውክልተይ ምልማዕን ምጥፋእን ምቕታልን ምድኃንን ብዘይክእሉ ኣማልኽቲ ካብ ኣምላኽም ፍሉያት ብዝኾኑ ጣዖታት ዘይገበረኒ ንእምላኺ ኣመስግኖ ኣሎኹ። ናይ ኣሕዛብ ኣማልኽቲ ናይ ወርቅን ብሩርን ብኢድ ሰብ ዝተሠርሑ እዮም። ኣፍ ኣለዎም ኣይዛረቡን እምበር። ዓይኒ ኣለዎም ኣርእዩን እዝኒ ኣለዎም ኣይሰምዑን ኣፍንጫ ኣለዎም ኣይሻትቱን ኢድ ኣለዎም ኣይድህስሱን እግሪ ኣለዎም ኣይከዱን ብጐረሮም ኣይዛረቡን ኣብ ኣፎም ትንፋስ የሎን ዝሠርሕዎምን ዝኣመንዎምን ክምኦም ይኾኑ። (መዝ. 115፡4፡8) ሰማይን ኣብ ውሽጢ ሰማዮ ሰማያትን ዘለዉ ዘምልኽ ርጉም እዩ። ኣብ ውሽጢ ምድሪ ዝነብሩ ኵሎም ባሕርን ሩባን ቀላይን ወኃይዝን ዘምልኽ ርጉም እዩ። (ዘሌ. 26፡1) እሳትን ንፋስን ብርሃንን ጸልማትን ካብኣቶም ዝተፈጥሩ ኵሎም ፀሓይን ወርኅን ከዋኽብቲ ሰማይን ደመናትን ኣብ ኣየር ዘለዉ ኵሎም በጀካ ንእግዚኣብሔር ጥራይ ካብ ምምላኽ ንዚኣቶም ዘምልኽ ዝሰግደሎም ዝተረግመ ርጉም

ይኹን። ኦ ድንግል ኣነ ግን ንወድኺ ብኣብ ናይ ባሕርይ ኣቦኣ ብመንፈስ ቅዱስ ብምምሳኺ ባሕርይ ሕይወት፡ ኣሚነ ደስ ይብለኒ። ንሥለስነቱ ናይ ሓንቲ ስግደት እናሰገድኩሉ ብእኡ እሕበን ከምዚ እናበልኩ። ኣምላኸይ እዩ ከመስግኖ እየ። ኣምላኽ ኣቦታተይ እዩ ከኽብሮ እየ። ኣገዩ ልዕል ከብሎ እየ። እግዚኣብሔር ጽልኢ ክርክር ይሰብር ስሙ ድማ እግዚኣብሔር እዩ። ከምዚ ድማ ኢብል (ዘፀ.15፡2-3) ከም ኣምላኸይ ዝበለ ዓቢይ ኣምላኽ መን እዩ። ነዚ ሰይፊ መለኮት ተቐቢለ ድማ ንሰይጣን ርእሱ ክቘርጾ እየ። ነዚ በትረ ሃይማኖት ተመርኲሰ ውን ንተመን (ዲያብሎስ) ርእሱ ክቕጥቅጦ እየ። ናይ ምስጋናኣ ጽዋዕ'ውን ካብ ጽርሓ ኣርያም ቀዲሐ ኣብ ቤትኪ ክፍስሶ እየ። ካብ ደገ ሞት ዘለዓለኒ ኣብ ደገ ንል ጽዮን ምስጋና እናኣቕረብኩ ብቓል ትንቢት ከምዚ ክብል እየ። ደጊመ ውን ከምዚ ኢብል ኣብ ጽዮን ንኣኺ ምስጋና ይግባእ ኣብ ኢየሩሳሌም ጸሎት ንኣኺ እዩ።

## ምዕራፍ፡ 8።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም ክንዲ ምንታይ ብልሳን ነቢያት ዝኣክል ምስጋና ንእግዚኣብሔር ተቀዲሑኪ ክንዲ ምንታይ ዝኣክል ቊርባን



ካብ ልሳን ኵሎም ምእመናንስ ክንዲ ተዓደለ ምንታይ ዝኣክል ጸሎት ብኣማላድነት ስምኪ ተለኣኸ። ኦ ድንግል ኣደ እግዚኣብሔር ፀባዖት ኣደ እግዚኣብሔር ኣዶናይ ኦ ድንግል ኣደ እግዚኣብሔር ኣምላኽ እስራኤል ንእግዚኣብሔር ብዘለመንኩዎ ኵሉ ነገር ዋጋ ዘይብለይ ተስፋ ዝቘረጽኩ ከይከውን ለምንለይ። ብውዑይ ፍቕሪ ከም ዝጸዋዕኩኺ ንስኺ ድማ ብውዑይ ሓሳብ ስለ ሓሳብ ልበይ ለምንለይ። በረኸት ኣዳምን ኣቤልን ሴትን ሄኖስን ኵሎም ኣበው ኣቦታትን ከዓስለኒ ለምንለይ። በረኸት ኅሩያን ሄኖክን ኖኅን ሴምን በረኸት ኣብርሃምን ይስሓቅን ያዕቆብን ናይ እግዚኣብሔር ኣእዋም ገነት ዝተበሃሉ በረኸት ዘርኦም ንኅሬት ዝበቅዑ ክዓርፈኒ ለምንለይ። በረኸት ሌዊን ይሁዳን ሠር ክህነትን መንግሥትን ዝኾኑ በረኸት ሙሴን ኣሮንን ኢያሱን ከቡራን መሳፍንትን በረኸት ሄኖክን ኤልያስን ዕዝራን ኵሎም ኣብ ብሔረ ሕያዋን ዘለዉን በረኸት ዳዊትን ሰሎሞንን ሚራክን ኢዮብን ኵሎም ጠቢባንን በረኸት ኢሳይያስን ኤርምያስን በረኸት ዳንኤልን ሕዝቅኤልን ኵሎም ነቢያትን ክዓርፈኒ ለምንለይ። በረኸት ጴጥሮስን ጳውሎስን ኵሎም ሓዋርያትን በረኸት ዮሓንስ መጥምቅን ወጌላዊ ዮሓንስ ኣቡቀለምሲስን ኵሎም ንጹሓን ደናግልን

በረኸት እስጢፋኖስን ጊዮርጊስን በረኸት ፋሲለደስን ዮስጦስን በረኸት ምሥራቃዊ ቴዎድሮስን ሊቀ ሠራዊት ቴዎድሮስን በረኸት ገላውዴዎስን ፊቅጦርን በረኸት ኣቢብን ኣበከረዙንን በረኸት መርቆሬዎስን ሚናስን በረኸት ኣባ ኖብን ቂርቆስ ሕፃንን በረኸት ሰማዕታት መዋዕያንን በረኸት ኢየሱስ ሞዓን እንጦኒን መቃሪን በረኸት ኣባ ሲኖዳን ኣባ በብኑዳን በረኸት ኣባ ጳውሊን ኣባ ፋውሊን ክዓርፈኒ ለምንለይ። በረኸት ኣባ ኪሮስን ኣባ ኪራኮስን ኣባ በርሱማን በረኸት ኣባ ብሶይን ኣባ ያሳይን በረኸት ኣባ ኣሞኒን ኣባ ኣርሳኒን በረኸት ኣባ ለትፁንን ኣቡናፍርን በረኸት መክሲሞስን ደማቴዎስን በረኸት መቃርስ እስክንድርያዊን ኣሮን ሶርያዊን ክዓርፈኒ ለምንለይ። በረኸት ኣባ በክሲሞስን ዮሓንስን በረኸት ኣባ ዳንኤልን ኣባ ኤዎስጣቴዎስን በረኸት ኣቡነ ተክለ ሃይማኖትን ኣቡነ ገብረ መንፈስ ቅዱስን ኣቡነ መድኃኒነ እግዚእን ኣቡነ ሳሙኤል ዘዋልድባን ኣባ ሳሙኤል ዘደብረ ሃሌ ሉያን በረኸት ኣባ ሳሙኤል ዘደብረ ቀልሞንን ገብረ ክርስቶስ ወዲ መርኬዛን ክዓርፈኒ ለምንለይ። በረኸት ኣባ ኣሌፍን ኣባ ጽሕማን ኣባ ኣፍጼን ኣባ ኣረጋዊን ኣባ ገሪማን ኣባ ጉባን ኣባ ይምዓታን ኣባ ሊቃኖስን ኣባ ጰንጠሌዎንን ኣባ መጣዕን ክዓስለኒ ለምንለይ። በረኸት ኵሎም



ቅዱሳን ኣብ በዓትታት ዘለዉ በረኸት ኣባ ዮሓኒን በረኸት ቅዱስ ዮሓንስን በረኸት ኣቡነ ሓራ ድንግልን በረኸት ዓሠርተ ኣርባዕተ ሺሕን ኣርባዕተ ሚእትን ሄሮድስ ዝቐተሎም ሕፃናትን በረኸት ዓሠርተ ትሸዓተ ሺሕን ሰማንያን ኣርባዕተን ደቂ ማኅበሩን ኣባ ጊዮርጊስን ክዓስለኒ ለምንለይ። በረኸት መርምህናምን ሚናስን ፴ ሓራ ሰማይን በረኸት ሰማዕታተ ናግራን በረኸት ሰማዕት መዋዕያን ክዓስለኒ ለምንለይ።

## ምዕራፍ፡ 9።

ብዕብራይስጥ ማሪሃም ዝተበሃልኪ ዝተጋረኺ ኦ ድንግል እግዝእትየ ማርያም በረኸት ዮሓንስ ኣፈወርቅን ቄርሎስን በረኸት ሳዊሮስን ኤጲፋንዮስን በረኸት ኣባ ባስልዮስን ጎርጎርዮስን በረኸት ኵሎም ሊቃነ ጳጳሳትን ኤጲስ ቆጶሳትን ቀሳውስትን ዲያቆናትን ርቱዓነ ሃይማኖት ኵሎም መምህራንን በረኸት ኵሎም ጻድቃንን ሰማዕታትን ደናግልን መነኮሳትን ኣእሩግን ሕፃናትን ክዓስለኒ ለምንለይ። በረኸት ሱራፌልን ኪሩቤልን በረኸት ሚካኤልን ገብርኤልን በረኸት ሩፋኤልን ዑራኤልን ሳቁኤልን ክዓስለኒ ለምንለይ። በረኸት ሱርያልን ፋኑኤልን በረኸት ራጉኤልን ኣፍኒንን በረኸት ኵሎም ትጉሃን ሰማይን በረኸት ፳፬ እንስሳን

Scanned with CamScanner

ጽዉፅቲ ካህናተ ሰማይን በረኸት ኵሎም ማኅበረ መላእክትን ክዓስለኒ ለምንለይ። በረኸት ሣራን ርብቃን በረኸት ሓናን ኤልሳቤጥን በረኸት ሶፍያን ኣርሴማን በርባራን በረኸት ኵለን ቅዱሳት ኣንስትን በረኸት ክልተ ሰንበታትን ቅድስት ቤተ ክርስቲያን በረኸት ሥጋኡን ደሙን ወድኺ በረኸት ኣብን በረኸት ወልድን መንፈስ ቅዱስን ናትኪ በረኸትን ኣብ ልዕሊ ኣገልጋሊኺ እገሌ__________ንዘለዓለም ይኹን ኣሜን።



## ናይ ኀሊና ጸሎት

ኦ እግዝእትየ ማርያም ወላዲተ ኣምላክ መዓልታዊ ሓለዋኺ ኣይፈለየኒ። ክጕዓዝ ከሎኺ ምሳይ ተጐዓዚ ኣብ ኵሉ ዝኃድረሉ ምኅደሪኺ ኣብኡ ይኹን ክዛረብ ከሎኺ ምሳይ ተዛረቢ። ኣብ ዝወፈርኩዎ ምሳይ ውፈሪ። መገደይ ኣቕንዕለይ ኣሥምርለይ። ብኸፉእ ንዝጠማመተኒ ጸላኢ ሓሳብ ልቡ ዘርዚርኪ በቲንኪ ኀሊናኡ ሰውሪ ልሳኑ እሠሪ። ናተይ ናይ ኣገልጋሊኺ ኃዘን ልበይ ብሓጐስ ለውጢ። ፍሥሓ ኣብሥርኒ። ሓለዋይ ኣኅይሊ ኣሜን። ኦ እግዝእትየ ማርያም ዝተፈላለየ መከራን ፈተናን ኣብ ልዕለይ ንምውራድ ዝተዳለወት ጕደሎ ዕለት ብረድኤት መጺእኺ ካባይ ኣርሕቅያ እምበር ሸለል ኣይትበልያ ስቕ ኢልኪ ኣይትመልከትያ። ኣብ ዝቕምኩሉ ቦታ ቆምኪ ካብ ንዋመ ሓኬት ኣንቅሕኒ። ቅብዓ መንፈስ ቅዱስ ቅብዕኒ። ብመለኮት ጨውነት ነገረይ ኣመቅሪ፡ ብኵሉ ተፈዊ ግበርኒ። ኦ ድንግል በረኸት ወድኺ ኣብ ልዕለይ ኣዝንሚ። ንዝፃረረኒ ንዝቃወመኒ ኃይሉ ኣድክሚ። ኣብ ልዕለይ ንዝዝንቢ ጸላኢ ዲያብሎስ ክንፉ ብናይ ወድኺ መለኮታዊ ኃይሊ ስበሪዮ ኣሜን። ኦ ድንግል ናይ ኵላትና ሓበን ሓላዊትና ኢኺ'ሞ ካብ መዓልቲ ወራሪ ካብ ለይቲ ሰባሪ ኣድኅንኒ። ናይ ሕይወት

መሳገሪ ድልድለይ ኢኺ'ሞ ካብ ኣሲቃቂ ሞት ኣድኅንኒ። ኦ ድንግል ተኣምራታዊ ኃይሊ ምግባር ዝከኣለኪ ናይ ዓለም ንግሥት ንስኺ ኢኺ'ሞ ካብ ጥፍኣት ንዝህንጠ ጸላኢ ናብ ጥፍኣት ኢኺ'ዋ ደርቢዮ። ተኸታቲሉ ሓልዩ ከጥቅዓኒ ንዝደሊ ጸላኢ ቀልጢፍኪ መጽኺ ኣዕግሥዮ ኣሜን። ኦ እግዝእትየ ማርያም ናተይ ናይ ኃጥእ ኣገልጋሊኺ ልመና ተቐቢልኪ ሰንከልከል ኢለ ከይወድቕ ደግፍኒ ጠለ ምሕረት ወድ'ኺ ኣብ ልዕለይ ነብንቢ። ኣብ መጽሓፍ ሕይወት ወድ'ኺ ንስመይ ጸሓፊ። ኣብ ኢድ ጸላእተይ ከይ ወድቕ ሓልውኒ ኣሜን። ኦ እግዝእትየ ማርያም ብቕድስናኺ ብንጽሕናኺ ነፍሰይን ሥጋይን ቀድሲ። ብኃይሊ ካብ ዝዳፍኡ ተንኰለኛታት ጸላእተይን ኣብ ዘይ ጊዜኡ ካብ ዝመጽእ ድንከታዊ ሞትን ሰውርኒ ኣሜን። ኦ እግዝእትየ ማርያም ናይ ኵሉ ዓለም ሓበን ኢኺ እሞ ንሥጋይ ከም ስምዒ ካብ ዘምክኸ ዋዕይ ሥጋዊ ድሌት ኣድኅንኒ። ንልበይ ዝርብሽ ናይ ዘመና ማዕበል ብኃይሊ ጸሎትኪ ፀጥ ኣብሊለይ። ብደም ካብ ዝሰኸረት ልሳን ዓመፀኛ ሰብ ሰውርኒ ኣሜን። ኦ ድንግል ኣብ ልዕለይ ሕማቕ ወረ ካብ ዘውርዩን ካብ ኵሉ ክፉእ ነገርን ብኸንፊ ሚካኤልን ገብርኤልን ከሊልኪ ሰውርኒ። ምስ ኵሉ ሰብኣዊ ፍጡር ፍቕሪ ሓድነት ሃብኒ። ከይሞትኩ ከሎኹ



ብመገዲ ንስሓ ምርሕኒ። ካብ ዝኸድክዎ ካብ ዝወገልክዎ ብሰላም ብሠናይ ናብ ቤተይ ምለስኒ ኣእትውኒ። ኣብዚ ዓለም ንዝጸልኣኒ ንዝቃወመኒ ካብ ልዕሊ ምድሪ መንቀሊስኪ ደርቢዮ። ንወድ'ኺ ኃጢኣተይ ይቕረ ክብለለይ ለምኒለይ ኣሜን። ኦ እግዝእትየ ማርያም ክብርኽን ዝናኽን ከቶ ክዛረብ ዝኽእል መን እዩ? ከመይ እግዚኣብሔር መላእኽቲ መሪጹኪ ስለ ዝኾነ ኦ ድንግል ማርያም ኪሩቤልን ሱራፌልን የመስግኑኺ ይረኽቡኺ። ሰማይን ምድርን ንዝፈጠረ ምኅደረ መለኮት ኮይኪ ኢኺ'ሞ ምስጋና ይግብኣኪ። ኦ እግዝእትየ ማርያም ካብ ኵሉ ፍጥረታት ኣዚኺ ዝኸበርኺ ኢኺ ብሰማይ ብምድሪ ኣብ ትሕቲ እግዚኣብሔር ከማኺ ዝኸበረ የሎን'ሞ ንኽብረኪ ንልዕለኪ። ኦ ድንግል ማርያም ምኅደረ መለኮት ብመዓልቲ ብለይቲ ንኣኺ ዘይዝከረሉ እዋን የሎን። ኦ ማኅደረ መለኮት ንዝተመስገነ ናይ ክብርኺ ነገር ምዝራብ ዝኽእል ከመይ ዝበለ ልሳን እዩ? ኦ ብርሃን ጽርሓ ኣርያም ስለ ቅድስናኺ ክሰምዕ ዝኽእል ከመይ ዝበለ እዝኒ እዩ? ኦ እግዝእትየ ማርያም ናይ ኵሉ ዓለም ሕዝቢ ንኽብርኽን ንልዕልናኽን ብኸመይ ዝበለ ምስጋና ከመስግን ይኽእል? እንተ ኾነ ግን ምስጋናኺ ዝና ልዕልናኺ ተዛሪብካ ኣይውዳእን። ስለ ዝኾነ ድማ ከም ናይ ቅዱስ ገብርኤል ሰላምታ

:

ብእግዚአብሔር ሞገስ ረኺብኪ ኢኺ'ሞ እ ድንግል ጸጋን ክብርን ዝተመላእኺ ደስ ይበልኪ እናበልና ንመስግነኪ። እ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ወላዲተ አምላክ ክብርኽን ዝናኽን ዓቢይ ከም ምዃኑ መጠን ብስብ ብመላእኽቲ ዝተፈተኺ ብሥላሴ ክብሪ ዝተጓናጸፍኪ ኢኺ'ሞ ብተንኩለን ብኸፍኣትን ምንቅንቕትን ንዝፃረረኒ ልቢ ሃቢዮ። እ ወላዲተ አምላክ ማርያም ንጉሆ ክትንሥእ ከሎኹ ንእግዚአብሔርን ንአኽን እግዝእትየ ብጸሎት ንኽመስግን ዘንቃቕሕ መንፈስ ኀሊና ኣንድረለይ። ፈታው ሥራሕን ፈታው ኃውን ግበርኒ። ዝሠራሕክዎ ባርኽለይ። ናይ ዕለት ምግቢ ናይ ዓመት ልብሲ ሃብኒ። ኃጢኣተይ ሕፀብለይ ካብ ሽግር ጸበባ ሰውርኒ። እ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ንጸሎት፡ ኢደይ ብዝዘርጋሕኩ ጊዜ ምእንታይ ንምጽላይ ቅዱሳት ኣእዳውኪ ንጹሓት ኣቕብዕትኺ ናብ ወድኺ ዘርግሕለይ። ንዝኸበደ ጭንቀተይን መከራይን ሽግረይን ንምፍዃስ ኣብ ጥቓይ ተረኺብኪ ኣረጋግእኒ። ከመይ እኑ ብናተይ ድኽምን ሠናይ ግብሪ (ትሩፋት) ዘጸናንዕ ኃይሊ ስለ ዘይብለይ። እ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ብኸቡር ቃል ኪዳንኪ ንኣይ ኃጢኣተኛ ካብ መከራ ሥጋ ካብ መከራ ነፍስ ሰውርኒ። ካብ ፍቁር ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ይቕረታን ምሕረትን ለምንለይ



ንዘለዓለም ኣሜን። እ ማርያም እመ ብርሃን ወላዲተ ኣምላክ በዚ ዓለም ሓቀኛ ዓርኪ ወገን ከም ዘይብለይ ትፈልጢ ኢኺ። ኣደይ ተስፋይ እምባ መጸግዒተይ መድኃኒተይ ክብረተይ ንስኺ ኢኺ'ሞ ጸጋኽን ሰላምታኽን ረድኤትኽን ኣብ ልዕለይ ከም ማይ ክረምቲ ኣዝንምለይ። ብፍልጠት ኮነ ብዘይ ፍልጠት ካብ ዝሠራሕክዎ ኀሱፍ ኃጢኣትን ካብ ንወለደይ ምብዳልን ካብ ንወገነይ ምግፋዕ ብኸቡር ቃል ኪዳንኪ ሕፀብኒ ንጹሕ ግበርኒ። ተዛሪበ ክእምን ብዘይ ክእለሉ ጊዜ ንስኺ ልሳን ኩንኒ። እ ድንግል ናይ ኣብርሃም እንግዶት ናይ ይስሓቕ መዓዛ ናይ ያዕቆብ መሳልል ኩሉ ዓለም ንኣይ ምድረ በዳ ኮይኑኒ። እንተ ወረድኩ እንተ ደየብኩ እንትርፎ ድኽምን ትዕዝብትን ከኸነለይ ኣይክኣለን'ዎ ካብ ወድኺ ብዝተወሃበኪ ክቡር ቃል ኪዳንኪ ጉድለተይ መሊእኺ ካብ ውርደት ኣድኅንኒ። ንቤተ ሰበይ ንወገነይ ንሃይማኖተይ ንሃገረይ ብምልኣ ጠቓሚ ገርኪ ቅረጽኒ። እ እግዝእትየ ድንግል ማርያም ጸጋ ረድኤትኪ ንዘለዓለም ኣይፈለየኒ ኣሜን።

## ናይ ምንዕንታ ጸሎት

ምክንያት ድኅነ እ ድንግል ማርያም ወድኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ምሕረት ካብ ዘይብሉ ጸላኢ ዘድኃንና ካባኺ ብዝወሰዶ ብዝለበሶ ሥጋ እዩ'ሞ ንስኺ ቅድስት ብፅዕት ኢኺ። ኦ እግዝእትየ ቅድስት ድንግል ማርያም ፈጣሪ ኢየሱስ ክርስቶስ ሥጋይ ዝበልዐ ደመይ ዝሰትየ ናይ ዘለዓለም ሕይወት አለዎ ኢሉ እምላኻዊ ትእዛዝ ዝሃበና ካባኺ ንጽሕት ኣደ ዝወሰዶ ቅዱስ ሥጋን ክቡር ደምን እዩ'ሞ ነዚ ዘይምርመር ናይ ኣምላኽ ጥበብ ኣንክሮ ይግባእ።

እ እግዝእትየ ቅድስት ድንግል ማርያም ብዕለተ ዓርብ ንኣና ንምድኃን ዝተቘርሰ ቅዱስ ሥጋ ዝፈሰሰ ክቡር ደም ካባኺ ዝተረኽበ እዩ እሞ ነዚ ኣንክሮ ይግባእ። ፍኖተ ሰማ እ ቅድስት ድንግል ማርያም ሓበነይን መድኃተይን ናይ ኣደነት በረኸትን ናይ ቃል ኪዳንኪ ግምጃን ኣልብስኒ። በትረ ኣሮን እ ቅድስት ድንግል ማርያ ንሥናይ ሓሳብ ልበይ ከፍጽመለይ ንፍቁር ወድኺ ኣማኑኤል ለምንለይ

ጽላተ ኪዳን እ ቅድስት ድንግል ማርያም ንኣባ ሕርያቆስ ኣብ ቅድሚ ዝንዕቱዎ ፍልጡት ገሊጽኪ ጸጋ ኣእምሮን ልቦናን ከም ዘልበስክዮም ንኣይ ንድኽም ወድኺ ድማ ኣብ ኣደባባይ ተኣምራትኪ



ዘጽኪ ካብ ውርደት ኣድኅንኒ። ንበላዒ ሰብእ ምክንያት ድኅነ ዝኾንኪ እ እግዝእትየ ብጊዜ ፍርዲ ዝድኅነሉ ጽቡቕ ግብሪ የብለይን'ሞ ጽላል ቃል ኪዳንኪ ኣብ ልዕሊ ምሕረት ሚዛን ዘርጊሕኪ ካብ ዘፍርሀ ናይ ሲኦል ነበልባል ኣድኅንኒ። ትዕምርተ ኪዳን ሰናን እ እግዝእትየ ብኣይ ምኽንያት ዝተሰናኸሉ ክርስቲያን ወገነይ ኵሎም ብብርሃን ፍቕርኺ መሪኺ ናብ ምስትውዓል ምለስለይ። ናትይ ዕዳ በደል ድማ ሰርዝለይ። ሠረገላ እሚናዳብ እ እግዝእትየ ብግዜ ንስሓ ሓጺብኪ ንሥጋ ወደሙ ኣብቅዕኒ። ምስ ኣተኻ ዘይውጽኣ ምስ ረኸብክዮ ዘይስእን (ዘይጠፍእ) ናይ ዘለዓለም ሕይወት ገነት መንግሥተ ሰማያት ከወርሰ ናይ ምኞት ኃጢኣት ኵሉ ካባይ ኣርሕቅለይ። ንእግዝእትነ መድኃኒትና ካብ መከራ ሥጋ ካብ መከራ ነፍስ ካብ ማኅፀነ ሓና ፈጢሩ ካብ ኣንስተ ዓለም መሪጹ ካብ ኵሉ ኣዕቢዩ ንኣኣ ናይ ኣደ እማኣዲት ዝሃበና እግዚኣብሔር ይኽበር ይመስገን። እ እመ ኣምላኽ ጸላኢ ብፍትወት ቃጸሉ ብዘበገሶ ዝመጽእ ሀዋኣተይ ከይሀውኸ ንስኺ ሓልውኒ። እ እማኣዲት ብኣርኣያኽን ብኣምሳልኪን ዝፈጠርክዮ ወድኺ ብትዕሥትኺ መሓረለይ ኢልኪ ምሕረትኪ ኣሥምርለይ። እ የዋሂት ርግብ እግዝእትየ በረኸትክን ረድኤትክን ኣይፈለየኒ።

ናይ ሜንቲ ኦ እማላዲት ከማኺ ናይ ሰብ ሜንቲ ዝርዳእ የሎን'ሞ ካብ ሜንትን ካብ ትዝ ልብን ክትስውርኒ እልምነኪ አሎኹ። መሰንቆሁ ለዳዊት ኦ እማላዲት ካብ ስቓይን ድኃፀን ካብ ኵሉ ዘፍርህ ነገር ሰውርኒ ኦ መሠረተ ሕይወት ድንግል ማርያም ሓርቢተኒ ዝገብሮ ጠፊኡኒ ተዓኒደ አሎኹ ስለዚ አደይ ኢኺ እሞ መጺእኺ እጆኻ በልኒ። እክሊሉ ለሰሎሞን ዝተበሃልኪ እደ እባ ጊዮርጊስ እግዝእትየ ካብ ከፍኣት ምስ ዝረሓቁ ንእግዚአብሔር ምስ ዝፈርሁ የውሃን ልብ አውዕልኒ አንድርኒ። ከም ቅዱስ ኤፍሬም ውን ከመስግነኪ ብብርሃን መስቀልኪ ባርኽኒ። ኦ ሙዳየ መና ናይ እመናዊ መና ክርስቶስ ምንደሪ ኢኺ እሞ አብ ውሽጠይ ዝንቀሳቐስ ሥጋዊ ናይ ኃጢአት እሳት አጥፊእኺ ብዘይ በደል ዝኸደሉ ናይ ቅዱሳን ንጹሕ መዓዛ መንፈስ አንድርለይ። ዕፀ ቢሎንዲስ ኦ እግዝእትየ ኪዳን ምሕረት ብኢድ ጸላእተይ ዝተዘርግሐ ተንኮበት ጠቕልልለይ። ዝተኩዓተለይ ሰውር ጉድጓድ ድፈንለይ። ኑቲ መፈንጠራ ክፋገር አብ ጉንይ ቁሚ። ኦ ርኅርኅተ ኅሊና መድኃኒተይ አደይ ካብ ኵሉ ፍጥረት ከማኺ ዝኸበረ ከማይ ድማ ዝተዋረደ የሎን። ንዝተዋረድኩ ልዕል ዘብል ወድኺ ብኵሉ ምንባረይ ምገሳ ክኸነኒ ለምንለይ። ፈዋሲተ ቍስሉ ለናህም ኦ ቅድስት ድንግል ሥጋ



ለበሰ እዩ'ሞ ብጊዜ ሕማመይ ጐንይ ደሃስሲ። ካብ ሰብ ንዝሰወርክዎ ቍስለይ ብመድኃኒትኪ መጺእኺ ቀልጢፍኪ ፈውስኒ። ኦ ቅድስት ድንግል ማርያም ናይዛ ዓለም መከራአን ሽግራን ብዙኅ እዩ'ሞ ንሽግር ብብልሃት ንቀጥጣ ብትዕግሥቲ ንዘይ ምፍላጥ ብፍልጠት ንጽልኢ ብፍቕሪ ንትዕቢት ብትሕትና ንኃጢአት ብንስሓ ዘይስንፈሉ ጥበብ ግለጽለይ። ኦ ወንዱ ርግብ ካብ ኃጢአት ካብ ሕማም ንጹሕ ግበርኒ። ንበላኒ ሰብአ ናይ ድንነት አዴኡ ዝኾንኪ ኦ ቅድስት ድንግል ማርያም ናይ ሕይወትን መድኃኒትን ዘመድ ዋሕስ ኩንኒ። ብፈትለ ምሕረትኪ ዝተጻረየ ይቕረታኺ ሽልምኒ። ኦ ፈጣሪ ልዑል እግዚአብሔር ነቢና ያዕቆብን ደቁን ከም ዝባረኻ ሃብተይን ንብረተይን ጥዕናይን ቤተ ሰበይ አዝማደይን ባርኽለይ ቀድስለይ። እመ ብዙኃን ኦ ቅድስት ድንግል ማርያም ጸሎትና ሥሙር ፍቕርና ጽኑዕ ጌርኪ ተቐበልና። ብዕፀ ጳጦስ ዝተመሰልኪ አደይ መድኃኒተይ ቅድስት ድንግል ማርያም ናትኪ ምስጋና ምግዚ ዝኾነ ቅዱሳን ደቅኺ ክነበርኹኒ ፍቓድኪ ይኹነለይ። ኦ እግዝእትየ ቅድስት ድንግል ማርያም ኪዳን ምሕረት ጽርሕ ንጽሕት ንጽሕቲ አደራሽ እግዚአብሔር ጸሎት ብዘጅምረሉ ጊዜ ሓሳበይ ተበታቲኑ ብዝኸንቱ ከይደክም ብምሀልላ ብትባኤ

ንጸንዑ ኣበው ቅዱሳን ዝተወሃበ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ወድኺ ንኽዕድለኒ ለምንለይ። ኦ ቅድስት ድንግል ማርያም ናይ ንጹሓት ደናግል ሓበን ኪዳን ምሕረት ኣደይ ነፍሰይን ሥጋይን ንጹሕ ጽሩይ ግበርለይ። ኦ ማንደረ መለኮት ቅድስት ድንግል ማርያም ኪዳን ምሕረት ኣደይ ካብ ልሳነይ ዝወፅእ ቃል ጠቓምን ቅኑዕን ግበርለይ። መሶበ ወርቅ ዘኤልያስ ዝተበሃልኪ መና ሕይወት ዝኃዝኪ ኦ ቅድስት ድንግል ማርያም ኣደይ ብጊዜ ጽልኢ ክትዕን ኣብ ኣደባባይ ብጸጋን ብሞገስን ምላይ ደውበሊ። ኣብ ጉባኤ ካብ ሰባት ውን ሰውርኒ። ናይ ኣዳም ተስፋ ናይ ጭንቂ ኣማላዲት እመ ብርሃን ኣደይ መድኃኒተይ ቅድስት ድንግል ማርያም ኪዳን ምሕረት ተስፋ ዘንበርክሉ ገዲፉኒ እዩ'ሞ ንስኺ ንዝቐንን ኣቕንዕኒ ንዝጐደለ መሊእኺ ንጨካን ኣራኅርኅኒ ንኣይ ከኣ ብዓይኒ ምስኡ ኣራኽብኒ። ናይ ኣብርሃም እንግዶት ኦ እግዝእትየ ቅድስት ድንግል ማርያም ካብ ሃገርም ካብ ኣዝማዶም ተሰዲዶም ኣብ ጭንቀት ኣብ መከራ ዘለዉ ስደተኛ ደቅኺ ኣደ ኵላትና ኢኺ እሞ በጃኺ ጭንቀቶም። ኣርሕቅሎም ብርኅራኄ ብርሃንኪ ንስኺ ይኹን ብዝበልኪዮ ብዝፈቐድኪዮ ሠናይ ቅኑዕ ጉደና ክጉዓዙ መሪሕኪ ኣብጽሕዮም። ብሰላም ድማ ናብ ዓዶምን ሃገሮምን ምለስዮም። ናይ ይስሓቅ



መዓዛ ኦ እግዝእትየ ቅድስት ድንግል ማርያም ብምኽንያት ኃጢኣተይ ንዝመጽኣኒ ክፉእ ሽታ ብኣደንት በረኸትኪ ናብ ጽቡቕ መዓዛ ለውጥለይ። ናይ ያዕቆብ መሳልል ኦ እግዝእትየ ቅድስት ድንግል ማርያም ብሥራሐይ ዘይከነ ብርኅራኄኺ ሰዋስው ጸሎተይ ዋጋ ክትረክብ ናብ ቅድሚ መንበር ወድኺ ኣዕርግለይ። ካብ ዝተመርጹ ዝተመረጽኪ ካብ ዝኸበሩ ዝኸበርኪ ኦ ቅድስት ድንግል ማርያም ኪዳን ምሕረት ብሕቖፍኺ ሸፊንኪ ከም ዘዕበይክኒ ሕጂ ውን ምስትውዓል ካብ ዘይብሎምን ዘይሓስቡን እንስሳታት ብሕይወተይ ቅንኣት ዓይኖም ደም ካብ ዝመልኦም ፍጡራን ብብርሃን ፀዳልኪ ክልልኒ። ምልዕተ ጸጋ ምልዕተ ክብር ኦ ቅድስት ድንግል ማርያም ምሉእ ዓለም ዝደኃነ ብኣኺ እዩ። ልሳነይ ነኣኺ ንምምስጋን ዓቅሚ ይንእስ እዩ'ሞ ብኽብሪ ክበሥረኪ ካብ እግዚኣብሔር ኣብ ከም ዝተለኣኸ ቅዱስ ገብርኤል ኦ ምልዕተ ጸጋ ደስ ይበልኪ እናበልኩ ኣመስግነኪ ኣሎኹ። ኣፍ ደገ ምስራቕ እመ ብርሃን ኦ ቅድስት ድንግል ማርያም ኣነ ድኹም ወድኺ ዝደልዮ ሰላም እዩ'ሞ ህኩተኛ ኣሉ በሃሊ መማረቲ ነገረኛ ከዳዕ ተጻራፊ ሓማዪ ፍርዲ ዘቕንን ነገር ዝጽሕትር ካብ ጥቓይ ካብ ቤተ ሰበይ ኣርሕቅለይ። ብብርሃን መንተልኪ ድማ ባሪከኒ ንሠናይ ነገር ኣርኣዩ

ግበረኒ። ኦ እግዝእትየ ቅድስት ድንግል ማርያም ኪዳን ምሕረት ብኹሉ ፍትው ዝተረጋግአ ሰብአውን መንፈስ ሕይወትን ኣብ ቅድሚ ኹሉም ሰባት ሞገስን ጸጋን ዓድልኒ። ቀጸላ መንግሥቲ ለጊዮርጊስ ኦ ማርያም ነፍሰይን ሥጋይን ንዘጨንቕ ንስኺ ተቐዋምለይ። ኣብ ቅድሚ ኩሉም ዝቃወሙኒ ከም ፈታዊኺ ቅዱስ ጊዮርጊስ ናይ ጽንዓት ቀጸላ ኣጕናጽፍኒ። ሓመረ ኖኅ ኪዳን ምሕረት ኦ እግዝእትየ ንልበይ ርጉራጌ ቅንዕናት መሊእኺ ንዘጠመዩ ጠዋሪ ንዝተሸገሩ ሓጋዚ ንዝዓረቑ ከዳኒ ክኾነውን ዓድልኒ። እፍማኒተ ረድኤት መድኃኒተይ ወላዲተ እምላኽ ኦ እግዝእትየ ቅድስት ድንግል ማርያም ሰላምኽን ጸጋኽን ረድኤትክን በረኸትክን ኣብ ልዒሊ ሥራሕይ ቤተ ሰበይ ሃይማኖተይ ሃገረይ ምልኢ። ሥርጉተ ሥጋ ወነፍስ ርጉርጉተ ኀሊና ኦ እግዝእትየ ቅድስት ድንግል ማርያም ረኺብካ ምስኣን ኣብ ኢድ ክፉኣት ሰባት ምውዳቕ ተሸይምካ ብውርደት ምስዓር ነጊድካ ምኽሳር ብፈተዊኻ ምኽሓድ ሓቂ ኀጊዝካ ብሓሶት ምስዓር እዝዩ መሪር እዩ'ሞ ካብዚ ኩሉ ኃይለ ቃል ኪዳንኪ የሓልወኒ። ብሰላም የንብረኒ። ዕምር ዘለዓለም ኦ ቅድስት ድንግል ማርያም ኪዳን ምሕረት እግዝእትየ ከምዘይስተውዕል እንስሳ ንኸብደም ጥራይ ካብ ዝሓስቡ ሰባት ሓልውኒ። ኦ እግዚአብሔር ጐይታ



ዘመናት ድኹም ባርያኻ ንሰሓ ንምእታው እንሆ ሎሚ ጽባሕ እናበልኩ ዝሃብካኒ ጊዜ እናሕለፍኩ እየ'ሞ ብናይ ኢዴኻ ኣማላድነት ንንስሓ ኣብቅዓኒ። ኦ ንጹሕ ባሕርይ መድኃኒ ዓለም ክርስቶስ ንጸሎትን ንምስጋናን ክተቐበል ኣጸናናዒ መንፈስ ቅዱስ ለኣኽለይ። መመስገኒ ንክኾነውን ድማ ዓድለኒ። ኦ እግዚአብሔር መንፈስ ቅዱስ ንቅዱሳን ሓዋርያት ኩሉ ምሥጢራት ዝገለጽካ መላእ ሕይወተይ ቤተይ ሥራሐይ ብጥበብ ከመርሕ ንኣኻ ደስ ዘብል ናይ ምስትውዓል ጸጋን ኣእምሮን ምልኣኒ። ኦ እምላኽ ሕያዋን ኣብርሃምን ይስሓቅን ያዕቆብን ልዑል እግዚአብሔር ብምኽንያት ዘመናት ካብ ዝመጽእ መቕዘፍቲ ጠንቂ ከድኅን ሰውረኒ። ኦ ኣልፋ ኦሜጋ ካብ ስሕተት ከም ዝመሃር ግበረኒ። ኦ እልመክኑን ዓይኒ ልቡናይ ኣብርሃለይ። ኦ ኤልሻዳይ ገጽ ሰብን ኢድን ርኢኻ ተሰቲቕካ ካብ ምንባር ኣድኅንካ ብንቡእን ብግሉጽን ኣብ ልዕሊ ዘድብዩ ጸላእተይ ኃይለ መዊእ ግርማ ሞገስ ዓድለኒ። ኦ ጐይታተይ ኢየሱስ ክርስቶስ ስለ ውዱስ ስምካ ኢልካ ካብ ነፍሰይን ሥጋይእይ ናይ ዲያብሎስ እሾኽ መንቀሲ ደርብየለይ። ኦ ፈጣሪይ ኣማኑኤል ኩሉ ይከኣለካ እዩ'ሞ ነቦይን ነደይን ኃጢኣቶም ይቕረ በለሎም። ኦ ኤልሻዳይ ብኣርኣያኻን ኣምሳልካን ንዝፈጠርካኒ

ወድኻ ብትዕግሥትኻ መሓረኒ። ረኃርኃለይ። ሲሳይ ዕፄያት ምድር ከይከውን ይቕረ በለለይ። እ ፈጣሪይ እድብየም ካብ ዝጸብኦ ጸላኢቲ እድኅነኒ። እ ጐይታይ ያህዌ ሕይወተይ ንምቕጻይ ካብ ዝደልዩን ካብ ዝተማዑ ኢድኅንኒ። እ እግዚእትየ ካብ መከራ ሥጋን መከራ ነፍስን እድኅንኒ።

ወስብሐት ለእግዚአብሔር ወለወላዲቱ ድንግል ወለመስቀሉ ክቡር አሜን።



## ውዳሴ እምላኽ ዘሰኑይ።

እ እምላኽየ ተሓቢኤ (ብንቡዕ) ዝሠራሕክዎ ኵሉ ኃጢኣት ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ። ልብን ኵላሊትን እትምርምር ንስኻ ኢኻ። ተኃቢኤ ዝሠራሕክዎ ናይ ግብረይ ክፍኣት እትፈልጥ ንስኻ ኢኻ። ክፉእ ግብረይ ርኢኻ ብላይ ንምፍራድ ዘይትህወኸን ምልኣት ሓጐሰይ ውን ዘይተጕድል ንስኻ ኢኻ። ብጊዜ ውድቀተይ ውን አካይዳይ ዘቀረድካ (ዘየጎፈርካ) ንስኻ ኢኻ። እ ገባሬ ሠናያት ይቕረ በሃሊ ንስኻሲ ኣይትህወኸን። ውርደተይ (ኀሥረተይ) ርኢኻ ተዓገሥካኒ። ንኽምለስ ድማ እናተጸበኻ ትዕግሥትኻ ኣብዚሕካለይ። እን ውን ካብ ድቃስይ ተበራቢረ(ንቒሐ) ይቕረታኻ ደልየ ናባኻ ገሥገሥኩ። ንስኻ ንዝግብኦ ሰብ ንስሓኡ ከም እትቕበሎ ፈሊጠ ብተስፋኻ ጸኒዔ ናባኻ ገሥገሥኩ። ንኣይ ድኻ ንዝተንንቐኩ ካብ ውድቀተይ ከተልዕለንን ኃጢኣተይ ሸለል ክትብለን ንስሓይ ክትቕበለን እልምነካ እሎኹ። ጸላኢ ካብ መዓርገይ ሰዒሩ ስለዝደርበየኒ ምእንቲ ከይምካሕ። ከይነፈግካን ከይሰሰዕኻን ብልግሲ እትህብ ፈታዊ (ደላዪ) ጽቡቕ እ ርኅሩኅ ጐይታናን ፈጣሪናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ብዘይሕሰ እሙን ቃልካ ብኽቡር ወንጌልካ "ለምኑ ክወሃበኩም እዩ ድለዩ ክትረኽቡ ኢኹም ማዕፆ ኳሕኵሑ



[illegible] ንኽትረክብ ለምን።
[illegible] እዩ።
[illegible] ጸሎት ትጸልዩ።
[illegible] ትገብር።
[illegible] ዝገብር [illegible] ይ[illegible]ብል።
ጸሎት ዝገብር ጸጋ ኣምላኽ ገንዘቡ ይኸውን።
ጸሎት ዝገብር ሃብተ ምሥጢራት ይግለጸሉ።
ጸሎት ዝገብር ክብሪ ኣምላኽ ንምርኣይ ይበቅዕ።
ጸሎት ዝገብር ወዲ ኣምላኽ ይብሃል።
ኩሉ ጊዜ ኣብ ባሕሪ ጸሎት ዝሕምብስ ሠናይ
ተግባር ናቱ ገንዘብ ይኸውን።
ወትሩ ምድላይ ተግባሩ ዝኾነ ናይ ጸሎት ኣገልጋሊ
ንእዱግን ክቡርን እዩ።